





# ቃለይ ካብ ዝሓልፍ ሰማይን ምድርን ተጠቕሊሉ ክሓልፍ ይቐልል

❖ ሃይማኖትን ዓሌትን ከይፈለየት ሰላምን ቅሳነትን ከምኡ ውን ምሕንጻጽ ዶብ ከተምጽእ እትኽእል እዛ ቤት ማእሰርት ቤተክርስትያን መድሓኒ ኣለም ምስ እትስራሕ ኢያ፡

❖ ክጽበዮም ኢለ እምበር ግዝይኣን መዓልታን ሓልያ ክትስራሕ ምኗና ክትፈልጢ ኣለኪ፡ ተጸብየ ክሰርሖ ከለኹ ግን ንሶም ከምዘይህልዉ ክፈልጡ ኣለዎም ይብል ኣግዚኣብሔር!!!

# ናብ ኩቡር ፕረሲድንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣

## መጀመርታ ዝዓዘዘን ዝኸበረን ሰላምታይ የቕርበልካ።

ኣመልካቲት ኣነ ሳባ እመሃጼን ተቐማጢት መርሓኖ ኣደ ሓሙሽተ ቆልዑ ዝኾንኩ ነዚ ዝስዕብ ምሕጽንታ የቕርብ፡
ክቡር ፕረሲደንት እዚ ዝጽሕፈልኩም ዘለኹ ዋላ'ኳ ንምእማኑ ኣጸጋሚ እንተኾነ። ካብ ቁልዕነተይ ጀሚሩ ኣብ ኤርትራ ክኸውን ዘለዎ ኣቐዲሙ ዝረኣየንን ዝንገረንን ግዝይኡ ምስ ኣኸለ ድማ ብጋህዲ ዝትግበርን። ዝነበረን ዘሎን ኢዩ፡ እዚ ድማ ካብ ቤተ ክህነት ኮነ ጭዋታት ዝምስክርሉ ሓቂ ኢዩ፡ እቲ ንኤርትራ ከም ሃገር ክትቀውም ዝገበረ ልዑል እግዚኣብሔር ናባኹም ልኢኹኒ። መልኣኽተይ ከብጸሓልኩም ብምባል ከኣ ንዓመታት ክረኽበኩም ጽዒረ። እንተኾነ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ጸረይ ከራግፍ ኣይከኣልኩን፡ ንመዘኻኸሪ ክኾነኩም ኣብ ዕለት 22/04/1992 ሕማም ሕርሲ ተታሒዘ ኣብ ዝነበርክሉ እዋን ንግሆ ሰዓት 7።30 ኣቢሉ ይኸውን ኣብ ኣፍደገ ቤት ጽሕፈትኩም መጺአ መልአኽቲ ኣለኒ ኢለኩም፡ ብወገንኩም ሕጂ ግዜ የብለይን ካብ ሰዓት 2።00 ክሳብ ሰዓት 4።00 ዘሎ ግዜ ብኣካል ወይ ብጽሑፍ ርኸብኒ ኢልኩምኒ ኔርኩም፡ ኣነ ብዝነበረኒ ጻዕሪ ሕርሲ ብወረቐት ጽሒፈ ክሰደልኩም ኢየ ብምባል ብመሰረት ቆጸራይ ብጽሑፍ ኣርእስቲ ጥራይ ብምግባር መልአኽተይ ሰደድኩ፡ ብድሕሪኡ ውን ብዙሕ ግዜ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዋላ ጽሑፈይ ውን ክበጽሓኩም ኣይከኣለን፡ ስለዚ ኣነ ብሰንኪ እዚ ሒዘዮ ዘለኹ ክትገልጸ ዘይከኣል ዓቢ ምስጢር ናባኹም ብዘይምብጻሐይ ኣብ ሽግርን ጭንቀትን ወዲቐ ይሳቐ ኣለኹ::ክቡር ፕረሲደንት ብተወሳኺ ብዘይካ ብኣካል ንዓኹም ጥራይ ንኻልእ ንማንም ሰብ ዋላ ንኣቡን(ጳጳስ) ክንገር ዘይከኣል መልአኽቲ ስለዘለኒ። ነዚ ልዕሊ ዓቕመይ ኮይኑኒ ዘሎ ዓቢ ጾር ከራግፍ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ካብቲ ዘለኩም ግዜ ንእሽቶይ ዕድል ክትህቡኒ ብትሕትና ይምሕጸን፡

እቲ ዝረኣኽዎን ዝተተግበረን ራኢ,ይ ነዊሕን ተኣምራታውን ኮይኑ። እሞ ከኣ ኣባይ ኣብ ዘይትረብሕን ኣገዳስነት ዘይብለይ መሃይምን ዝተገልጸ ብምኳኑ ኣዝዩ ኣደናቕን ንምእማኑ ውን

ዘሸገርን ኢዩ፡ እንተኾነ ነቲ ብገርሂ ልብን ብትሕትናን ክፈልጦን ክመምዮን ንዝደሊ ሰብ ግን ዘየማትእ ሓቂ ኢዩ።

ክቡር ፕረሲደንት ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ እቲ ካብ ህጻንነተይ ጀሚረ ብራኢይ ዝረኣኽዎን ብጋህዲ ክውን ዝኾነን። ሰብ ዝመስከረሉን ቀንዲ ፍጻሜታት እዚ ዝስዕብ ኢዩ፡

1. መጀመርታ ዕግርግር ኣብ ኣስመራ ከም ዝፍጸም።

2. ሓርነት ዝጠፍኣሉ።

3. መንግስቱ ዝሃደመላ ዕለት።4.ናጽነት ኤርትራ።

4. እንዳ ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስትያን ብዕጽውታ ዝነደደትሉ።

5. ማይ ውዑይ ብህቦብላን ንፋስን ዝተገልበጠትሉ።

6. ፕረሲደንት ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈውርቂ ኣብ እንዳ ኣቡነ እንድርያስ ዝተባረኽኩምሉ።

7. 8.ኵናት ወያነ ዝተጀመረሉ።

8. ብጾት ፕረሲደንት ዝጠለሙሉን።

9. ካልእን

እዚ እቲ ቀንዲ ዓበይቲ ራኢይታት ክኸውን ከሎ ካልኦት ንኣሽቱ ፍጻመታት ድሒረ ዝገልጾ ክህሉ ኢዩ፡ መጀመርታ ግን ነዘን ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ነጥብታት ክዘርዝር፡

## 1.መጀመርታ ዕግርግር ኣብ ኣስመራ ከም ዝፍጸም ኣቐዲመ ዝረኣኽዋ ራኢይ፡

ካብ ሓንቲ ሰበይቲ ሽዱሽተ ህጻናት ተር ኢሎም ይውለዱ። እቲ መበል ሻብዓይ መንገብገብ ዘለዎ ህጻን ጥሒስዎም ይወጽእ። “የእትውዎም ብመዓልቶም ክውለዱ ኢዮም። ኣነ ግን ብእግዚኣብሔር ተላኢኸ ኢየ ኣይትሰንብዳ” በለን፡ እቲ ህጻን ኣፍ ኣውጺኡ “ደፊእክን

ኣእትወኦም እሞ ንዓይ ግን ማይ ከይሓጸብክን ኣብዚ ዓራት ኣደቅሳኒ፡ ካብ'ዞም እንዳ በዓል እግዚኣብሔር ቤተ ክርስትያን ዘለዉ ካህናት ሰለስተ ጸውዓለይ" በለ፡ ክጽውዓ ምስ ከዳ ባዕሉ ብመንገብገብ ነፊሩ ከደ፡ ኣብቲ መስቀል ቤተክርስትያን ኮፍ ኢሉ ነቲ ህዝቢ "መዓት ኣንጠልጢሉ ኢዩ እዝግዮ በሉ ለይትን መዓልትን ንእግዚኣብሔር ለምኑ" ኢሉ ነገረ፡ ተመሊሱ ኣብታ ዝተወለደላ ገዛ ኣብታ ዓራት ደቀሰ። ነቶም ካህናት ከኣ "ንዑናይ ሓመድ ኣዳም ኣልብሱኒ" በሎም፡ በዓል እብዚኣብሔር 29 ዝረኣኽዎ ራኢይ 23 መዓልታት ጸኒሑ ከኣ እቲ ዕግርግር ብጋህዲ ኮነ፡

## 2. ሓርነት ዝጠፍእሉ ራኢይ።

ኣብ ውግእ ሓድሕድ ዓዲ ፈለስቲ ሃዲምና ኣብ ዝነበርናሉ እዋን እዚ ዝስዕብ ተራእየኒ። ብምዕራብ ሓርነት ንማይ ነፍሒ (ጣጥያ) ህዝባዊ ግንባር ከኣ ብምብራቕ ኣብ ሓደ ዓውዲ ይራኸቡ፡ እቶም ብወገን ምብራቕ ዝመጹ ህዝባዊ ግንባር ልብስን ረጋቢትን ይዓስላኹም። ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝኩም ነታ ዓውዲ ትመልእዋ። እቶም ሓርነት ከኣ ይሃድሙ፡ ሕልሚ ኢለ ከፍትሖ ምስ ኣደይ ይኸይድ እሞ ፍትሑለይ ዝበልክዎም ፈላሲ ሕልሚ ኣይኮነን ራኢይ ኢዩ በሉኒ፡ ንሶም ድማ ነዚ ነገር እዚ ምስ ፈለጡ። ኣብዚ ዓዲ ኮይና ዘረባ ከይተምሉቕ እሞ ከየጥፍእዋ ተጠንቀቓ ይብልዋ ነደይ፡ ከምቲ ዝረኣኽዎ ድማ ሓርነት ከይደንጎዩ ጠፍኡ፡

## 3. መንግስቱ ዝሃደመላ ራኢይ።

መንግስቱ ካብ መንበሩ ወሪዱ ዝሃደመሉ እዋን ቀዳም ናብ ሰንበት ዘውግሐ ለይቲ ከኣ ሕልሚ ሓለምኩ፡ እዚ ኩሉ ህዝቢ ክርስትያን ኣብ ቤተክርትያን እንዳ ማርያም ንእግዚኣብሔር ክልምኑ ተኣከቡ፡ ኣስላም ከኣ ብናይ ኣበኦም ሃይማኖት ጅብኦም ገልቢጦም ኣብ መስጊድ ተኣከቡ፡ እግዚኣብሔር ካብ እንዳ ማርያም ቤት ክርስትያን ማዕጾ ከፊቱ ወጸ፡ ኣንቱም ኣብዚ ዘለኹም ህዝቢ ኩላትኩም ንጹሃት ዲኹም። ጾምከ ጼምኩም ዲኹም በሎም፡ ኩላቶም ከኣ ኣስቅጥ ኣበሉ። በሉ ብግብርኹም ዘይኮነስ ወዲኣልኩም ኢየ ሰዓቡኒ በሎም፡ እቶም ህዝቢ ከኣ እንዳሰዓቡዎ ምስ ከዱ። ኣብታ ናይ ፎሮብያ መካበብያ እግዚኣብሔር ደው በለ እሞ "ባንዴራ ኢትዮጵያ ትጠቕለል" ኢሉ ኣዘዘ፡ ብሽዱሽተ መገዲ (ጽርግያ) እታ ናይ ኢትዮጵያ ባንዴራ ከም ኩዕሶ ተጠቕሊላ መጸት፡ ነታ ባንዴራ "ምርሒ" እንዳበለ ንማይጭሆት ገጹ ተበገሰ። ማይጭሆት ምስ በጽሐ ኣብ ዓቢ ጉድጓድ ገበል ኩሉ ነብሱ ከም ናይ ቅንፍዝ ኲናት ዝውርውር ጸጸኒሑ ድማ ካብ ኣፉ ካራ እንዳ ኣውጽአ ነቶም ወተሃደራት ናይ ኢትዮጵያ ሸኸለሎም፡ እታ ባንዴራ ከኣ ኣብ ሓንቲ ተጠቕለለት። "ኣብቲ ገበል ዘለዎ የእትውዋ" ኢሉ

ኣዘዘ፡ እቲ ገበል እንኮላይ ምስኣ ተቐብረ፡ እዚ ቀዳም ዝረኣኸዎ መንግስቱ ንሰሉሱ (ሰሉስ መዓልቲ) ሃደመ፡

## 4. ናይ ኤርትራ ናጽነት ራኢ ይ።

ናይቲ ቅድሚ ሕጂ ዝርእዮ ዝነበርኩ ሕልሚ ዝመስለኒ። እግዚኣብሔር ናብ 24 ግንቦት ዘውግሐ ለይቲ ብጋህዲ መጸኒ። ሳባ ተንስኢ ተምበርከኺ ኣነ ነቲ ትርእይዮ ከም ሕልሚ ዝሓለምክዮ ብጋህዲ ዝፍጽም ኣምላኽ ኢየ። ሕልሚ ከአ ኣይኮነን ራኢ ይ ኢዩ፡ ትርእይዮን ትሰምዕዮን ኢዩ ዝፍጸም ነይሩ፡ ሕጂ ከኣ እቲ ንግሆ ዝፍጸም ክትርእይዮ ኢኺ ነቲ ዝለኣኽኩኺ ከተብጽሒ ቃል ኪዳን እተውለይ በለኒ፡ ኣነ ከኣ ሕራይ በልክዎ፡ እግዚኣብሔር ከኣ ረኣይዮ በለኒ፡ እግዚኣብሔር ኣብ እንዳ ማርያም ቤተክርስትያን ብላይ ክዳን ተኸዲኑ ምስ ኪዳነ ምህረት ኮፍ ኢሉ ከሎ ኣብ ንእሽቶይ ቴንዳ ደቀሰ፡ ንሳ ከኣ ጸጉሪ ርእሳ እንዳ ፈተሐት ተዕልሎ ነበረት፡ ወተሃደራት ካብ ኣዲኡ ፈልዮም ናብ ካርሸሊ (ካልኣይ መደበር ፖሊስ) ኣእትዮም ኣሰርዎ፡ ንሳ ከኣ ደድሕሪኡ ስዒባ ብገዛእ ስልጣንካ ክትእሰር ነዚ ህዝብን ንዓኻን ሓዲኡ ፍረድ በለቶ፡ "እሱራት ተፈትሑ" ኢሉ ነቲ ተኣሲሩሉ ዝነበረ ገመድ በተኾ ነቲ ማዕጾ ውን ከፈቶ፡ "ጦር ዛሕዛሕ ኢልኩም ውጹ ተጋደልቲ እተዉ" ኢሉ ኣዘዘ፡ ድሕሪኡ ፕረሲደንት መሪሕክሞም ናብ ካርሸሊ ኣብቲ እግዚኣብሔር ዘለዎ ቦታ ትመጽኡ፡ እግዚኣብሔር ከኣ ባሪኹን መሪቑን "ካብ ኩሎም መንጢለ ንዓኻ ሂበካ ኣለኹ። እዚኣ ዝረኣየቶ ኩሉ ግበር ኢኻ" ይብለኩም እሞ ንስኹም ድማ ሕራይ በልክሞ፡ ንዓይ ከኣ ከምዚ በለኒ። ካብዚ ካርሸሊ ባዕለይ ኢየ ኣውጺአዮም ዘለኹ ሓደ ሰብ ከይእሰረላ ዓባይ ቤተ መቕደስ እንዳ መድሓኒኣለም ግበርዋ በልዮም ኢኺ በለኒ፡ (ብወገነይ ድሒረ ኣቦታተይ ሓቲተ ከም ዘረጋገጽክዎ ካርሸሊ ካልኣይ መደበር ፖሊስ ታቦት ናይ መድሓኒኣለም ቤተክርስትያን ኢያ ነይራ። ደሓር ግን ብመግዛእቲ ናብ ቤት ማእሰርቲ ክምዝተለወጠት ፈሊጠ፡) ኣነ ከኣ ሕራይ በልክዎ፡ ንግሆ ተንሲእኪ ከኣ ኣበስሪ ክፍጸም ኢዩ ንገሪ በለኒ፡ ንግሆ ሰዓት 6።00 ተንሲአ። ስድራቤተይን ኩሉ ጎረባብተይን ይቕረ በሉለይ በልኩ፡ እንታይ ኰንኪ። እንታይ ረኺብኪ። በሉኒ፡ ኣነ ከኣ ኣባይ ክርአ ዘይግበእ ርእየ በልክዎም፡ በሉ ጦር ክወጹ ተጋደልቲ ክኣትዉ እሱራት ድማ ክወጹ ኢዮም ኢለ ምስ ነገርክዎም እቲ ነገር ተፈጸመ፡

ጸኒሑ እዚ ትእዛዝ እዚ ንገርዮም በለኒ፡

1- ቃል ኪዳን ሓደ ምስ ሓንቲ

2- ቤት መቕደሰይ መራግጽ ኣይትግበርዎ

3- ንደቂ ኣንስትዮ ምኽንኻብ ከይትኽልክሉ

4- ኣብ ቤት ክርስትያን ሸቐጥ ከልክሉ፡

5- ቤተክርስትያን ከይዕጸ ካህናት መሃሩ

6- ኣብ ውህበተይ ከይትኣቱ

## 5. ናይ እንዳ ቅዱስ ገብርኤል ቤተክርስትያን ኣኽርያ ብዕጽውታ ምንዳዳ ራኢ.ይ።

እንዳ ቅዱስ ገብርኤል ቤተክርስትያን ዝነደደትሉ እዋን። ቅድሚ ምንዳዳ ሰለስተ መዓልቲ ክተርፎ ከሎ ረኣኽዎ፡ እግዚኣብሔር ነቶም ክፉእ ዝገብሩ ካህናት ኣብ እንዳ ማርያም ኣከቦም። ከበሮን ጸናጽልን እንዳ ሃረሙ ንሓዝሓዝ ገጾም ከዱ፡ ኣብ እግሪ ሓዝሓዝ ምስ በጽሑ። "ኣብዚ ኮፍ በሉ" በሎም፡ ንሱ ከኣ ኣብ ጎቦ ደየበ መጽሓፍ ቅዱስ ገንጺሉ ከኣ። ክፉእ ጌርኩም ቤተ ክርስትያን ክትኣትዉ ዘፍቀደልኩም መን ኢዩ። ኢሉ እንዳ ኣንበበሎም እንከሎ። ካብ ሰማይ ጸሊም መጋረጃ ወሪዱ ኣጎልበቦም እሞ እንታይ ተኸዲንኩም ኣለኹም በሎም። ጸሊም ከኣ በልዎ፡ በሉ ብኣኹም ልበይ ጸሊሙ ኢዩ ብሰንኩኹም ብቑጠዐ ናትኩም እዛ ቤተ ክርስትያን ብዕጽውታ ክትነድድ ኢያ በሎም፡ ድሕሪ ቅሩብ ግዜ ድማ እታ ቤተክርትስያን ብዕጽውታ ክትነድድ ከላ ዝረኣኽዋ ከኣ ብጋህዲ ነደደት፡ እዚ ቅድሚ ምኳኑ ድማ ንሓደ ፈላሲ ብኣካል ከይደ ሓቢረዮም ኔረ እንተኾነ ግን ንሶም ዝሃቡኒ መልሲ ኪዲ ሎምስ ከኣ ቤተክርስትያን እተንድዳ መጺእክን ብምባል ኣባጨውለይ፡ ደሓር ምስ ኮነ ግን ኣብ ቅድሚ ጳጳስ ኣሚኖም፡

## 6- ናይ ማይ ውዑይ ማይጨሎት ብህቦብላን ንፋስን ዝተገለበጠትሉ ራኢ.ይ።-

ናብ ማይ ውዑይ ምስ ደቀይን ሓፍተይን ጎረባብተይን ክንሕጸብ ምስ ከድና ሓደ ሽውዓተ ተሓጺብና ካልኣይ ሽውዓተ ክንውድእ ምስ ቀረብና። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሳባ ውጺ በለኒ፡ ንግሆ ተንሲእ ንዓናይ ክንወጽእ ኢና ምስ በልክወን። እንታይ ኰንኪ ኢኺ ትህወኺ ዘለኺ መዓልትና ዘይነእክል በላኒ፡ ኣነ ከኣ ውጺ ዝብል ድምጺ ሰሚዐ ኢየ። ካብቲ ዝበለኒ ኣይሓልፍን ኢየ በልክወን፡ ብምንታይ ጌርና ክንወጽእ ተመዝጊብካ ኢዩ ዝቕነ በላኒ፡ (ምኽንያቱ ኣብ ማይ ውዑይ ተሓጺብካ ቅድሚ ምውዳእካ ክትብገስ ክትሓስብ ከለኻ ኣቐዲምካ ክትምዝገብ ኣለካ) ንዓናይ ጥራይ እግዚኣብሔር ንዓና ትኸውን መኪና ከየዳለወልና ውጺ ክብለኒ ኣይክኣልን ኢዩ በልክወን፡ ብኡንብኡ ክዳውንተይን ኣስቤዛይን ደቀይን ሒዘ ተበገስኩ፡ ነቶም ምዝገባት ኢላ ዝመጸት መኪና ንዓይን ንደቀይን ነተን ምሳይ ዝነበራ። ካብ እግርኺ ኣይንተርፍን ዝበላን ምስቶም ተሓሲቦም ዝቐነዩ ምዝገባትን ተሰቒልና ካብቲ ማይ ውዑይ ወጻእና፡ ኣብ መሬት ጋሕቴላይ ምስ በጻሕና እግዚኣብሔር ኣብ ማይ ውዑይ ህቦብላን ንፋስን ማይን ምንቅጥቃጥን ኣውረደ፡ በቲ ትእዛዙ ሕራይ ኢለ ሳላ ዝወጻእኩ ምስ ደቀይን ምስተን ምሳይ ኣብ ኣውቶቡስ ዝነበራን ደሓንና፡ እቲ ዝኾነ ምስ ረኣናዮ ከኣ ድንቅን ተኣምራትን ኮነና፡

## 7. ፕረሲደንት ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ጎቦ እንዳ ኣቡነ እንድርያስ ክባረኽ ዝረኣኹሉ ራእይ።-

ሓደ መዓልቲ ኣብ ገዛይ ከለኹ። ነዊሕ ብሓደ ወገኑ ጸፊሕ ብማእከሉ ድማ መተሓላለፊ በዓቲ ዘለዎ ጎቦ ረኣኹ፡ በቲ ጸፊሕ ወገኑ እግዚኣብሔር መጸ ኣብታ መተሓላለፊት በዓቲ ሓንቲ ሰበይቲ ከናለ ሒዛ ኮፍ ትብል እሞ። ካብታ ከናለ ወርቂ ተንጥብ፡ ሓንቲ ፍዮሪ ሓንቲ ልቢ ሓንቲ ድማ ናይ ቃል ኪዳን ካትም ተውድቕ እሞ ከልዕለን ኢለ ኢደይ ሰዲደ ድንን እንተ በልኩ እግዚኣብሔር ግደፌ ይብለኒ፡ ከምኡ እንዳበለ ከሎ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትመጽኡ፡ ከምኡ ውን ቅድሚ ሕጂ ዝረኸብክዎም ክልተ ኣቡናት ገዛኺ መጺእና ክንቅበለኪ ኢና ዝበሉኒ ረኣኹ፡ እግዚኣብሔር ድማ ንዐኦም ምሳኹም ዘረባ የብለይን ምስ በሎም ተዳፋፊኦም ይሃድሙ፡ ንዓኹም ግን ካብተን ወርቂ እንዳ ኣልዓለ ነታ ፍዮሪ ትመስል **ሃገርካ ከጠዋዓልካ ኢየ እንዳበለ ናብ ኢድኩም የእትወልኩም፡** እዚኣ ዝበለትካ ልኢኽያ ዘለኹ ግበሮ እምበር <u>ቃል ክዳን ኣትየልካ</u> ኢየ እንዳበለ ድማ ነታ ካትም ኣብ ኢድኩም የእተወልኩም፡ ነታ ልቢ ኣልዒሉ ከኣ ሰንሰለት ኣብ ክሳድኩም እንዳኣእተወ <u>ካብ ልበይ ኢየ ዝፈተውካ ዝደለኹዎ ከኣ ክገብረልካ ኢየ</u> በለኩም፡ ቆልዓ ከሕጽብ ኢለ ብገርህይ እንዳ ኣቡነ እንድርያስ ምስ ከድኩ እዚኣ ደኣ እታ ኣብ ገዛይ ኮይነ ብለይቲ ዝረኣኽዋ ጎቦ እንዳያ ኢለ ሰንበድኩ፡ ቀሪበ ምስ ረኣኽዋ ድማ እቲ እግዚኣብሔር ዝመጸሉ። እቶም ኣቡናት ዝመጽእሉ። ፕረሲደንት ዝደየብኩምሉ ዓቐብ። እታ ሰበይቲ ኮፍ ዝበለትላ በዓትን ኣብኡ ጸንሓኒ፡ በቲ ድንቂ ተኣምራት ናይ እግዚኣብሔር ድማ ተገረምኩ፡

## 8. ኲናት ወያነ ዝተጀመረሉ ራእይ።-

እግዚኣብሔር ድማ ድሕሪ ሸውዓተ ዓመት። ምስማዕ ኣብዮሙኺ ድዮም በለኒ፡ ብጽሑፍ ንኹሎም ሂበዮም ኢየ በልክዎ፡ ደሓን ክቕበልዎ ኣይከኣሉን። ብስልጣኖም ጥራይ ኢዮም ዝኸዱ ዘለዉ በለኒ፡ "ንኢሳይያስ'ከ ሂብክዮ'ዶ፧" እወ ብዘመዱ ገይረ ሃብዮም ኢለያ ኣለኹ በልክዎ፡ "ደሓን በሊ ግደፍዮም እዚ ኲናት እዚ ከውርደሎም ኢየ በለኒ፡ ካልኣይ ግዚ ሰላም ክልምኑ ኢዮም፡ ዝገበርክሎም ስለዘይፈለጥዎ ክብልን ፔርሙስ ድስቲ ዕምባባ ዝመልአት ምሕራር ጀመረት፡ እዋእ! ድስቲ ድኣ መን ሰኽቲቱለይ፧ ዕምባባ ዝመልአ ሓሪሩ ኢለ ክትንስእ እንተ ደለኹ። ኮፍ በሊ እቲ ዝሓርር ህዝቢ ኢዩ በለኒ፡ ኣነ ካኣ ተንበርኪኸ ኣብ ብርኩ ኡይ ኢለ በኸኹ፡ እታ ሰላም ሓንቲ ኢያ'ዶ ኣይበልካንን ኢለ ከኣ ሓተትኩ፡ ንሱ ግና። <u>ዝበልክዎም ስለዘይገበሩ ኲናት ከውርደሎም ኢየ</u> በለኒ፡ እንተገበርዎ'ኸ በልክዎ። ኲናት የለን በለኒ፡ ኣነ ከኣ

የእትዉኒ ኢለ ኮለል በልኩ። ዘእትወንን ዝሰምዓንን ግን ኣይረኸብኩን በልክዎ፡ ከይደንጎየ ከኣ እቲ ዝበሎ ኲናት ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ 1998 ዓ/ም ወረደ፡

## 9. ምጥላም ብጾት ፕረሲደንት

ነዚ መንግስቲ ብብጾቱ ጥልመት ከምጸኣሉ ኢየ በለኒ፡ ከይመጸ ‘ከሎ ከኣ ክነግር መጻእኩ፡ ንእንዳ ሰቲት ብሕታዊት ጋዜጣ ሓበርኩ፡ ምስ ኣሮን ዝብሃል ኢዮም ኣራኺቦምኒ ይመስለኒ፡ ሽዑ ግን ኣይተቐበሉንን እንታይ ትብሊ ኣለኺ ኢሎም ድማ ከይእሰር ኣጠንቂቖም ኣድራሻይ ወሲዶም ኣፋነዉኒ፡ እቲ ዝበልክዎ ነገር ምስ ተፈጸመ ብኣድራሻይ ጸዊዖም ኣዘራረቡኒ፡ ኣብ ቅድመይ ንእንዳ ዜና ደዊሉ ሓበረ፡ እቲ ዝተቐበሎ ድማ ነታ ወረቐት ሒዝካያ ምጻእ በሎ፡ እግዚኣብሔር ከኣ **“ብዘይ ብኣይ ዝገብርዎ ነገር የለን። እቲ ዝደልይዎ ካባይ ኢዮም ዝረኽብዎ። እቲ ዝገበርኩሎም ከኣ ይፈልጥዎ ኢዮም ጥራይ ኪዲ ንገርዮም”** ኢሉ ድቃስ ከልኣኒ፡

## 10. ካልእ ራኢይታት።-

- ኣብ ውግእ ሕድሕድ ኣብ እንዳ ቅዱስ ሚካኤል ዓዲ ገብራይ ሓንቲ ሰበይቲ ርእሳ ተላጽያ ጥራይ እግራ “በጃኻ ዕረቐለይ” እንዳ በለት ነታ ቤተ ክርስትያን ክትዞራ ረኣኹ፡ መሪር ብኽያት ምስ ሰምዐ ነቲ ማዕጾ ከፊቱ ኣደ እተዊ። እንታይ ጌረኪ ኢየ ከምዚ ጌርኪ ተስተንትኒ በላ፡ “እቲ ኲናትሲ ዋላ ኣይተዝሕሎ ጥራይ ንሓድሕዶም ዕረቐለይ” ትብሎ፡ ሕራይ እተዊ ጥራይ በላ፡ ምስ ኣተወት ልብስን ዕጣንን ካብ ሰማይ ወሪዱ ክልቲኦም ተኸድኑ እሞ እቲ ማዕጾ ተዓጽወ፡ ንወጋሕትኡ ንግሆ መጎጎ እንዳ ኣጎድኩ ኣብ መጀመርታ ዝኻሰስኩዋ ጣይታይ ብጋህዲ ሎክሎክ ክዳን ተኸዲና። ረሳሕ ጅዲድ ገይራ መጸትኒ እሞ። ማርያም ትሃብኩም በለትኒ፡ ኣነ ድማ እታ ለይቲ ብሕልሚ ዝረኣኽዋ ሰበይቲ ጋህዲ ኮይኑ ኢለ ብምስንባድ። እታ ናይ ፈላማ ጣይታይ ብምልእታ ሃብክዋ፡ ነቲ ዝኾነ ነገር ክነግር ኢለ ድማ ናብተን ጎራባብቲ ጎየኹ፡ እታ ሰበይቲ ግን ከደት፡ **ንስኻትኩም ድማ ከምቲ ብጸሎታ ክትዕረቑ ዝለመነት ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ክልቴኹም ኣሕዋት ስሙር ግንባር ብምምስራት ተዓረቕኩም፡**
- መጀመርታ ነፋሪት ናይ ኢትዮጵያ ዝደብደበትሉ። ሓደ ዓቢ ጎፍጓፍ ኣራዊት “ንኤርትራ ከጥፍኣ ኢየ መጺአ” ይብል፡ ካህናት መርሓኖ ድማ ታቦት ሒዞም እዝግዮ ይብሉ፡ እግዚኣብሔር ከኣ ነቶም ካህናት “ቅበርዎ ጸሊም ብዕራይ ሕረድሉ ነቲ ጸሊም ብዕራይ ድማ ምስኡ ቅበርዎ ኣይትብልዕዎ” ይብሎም እሞ ብኡንብኡ ተበራበርኩ፡ ንጽባሒቱ ንግሆ ነቲ ሕልሚ ምስ ኣፍታሕክዎ ነፈርቲ ወያነ ድማ ንእለቱ መጸ፡ እግዚኣብሔር ኣሕሊፉ ስለዘይሃበና ግን ንሳተን ተሃረማ፡

- ካልእ ሓደ መዓልቲ ፕረሲደንት ካብ ጸዓዘጋ ተሳፊርኩም ምሳይ ትመጹ እሞ። ብጫ ጸሊም ሽራጥ ዘለዎ ጎልፎ ተኸዲንኩም ነበርኩም፡ ሓሚምኩም ስለዝነበርኩም ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ትወርዱ፡ ብመኪና ጌሮም ንገዛኹም ይወስድኹም እሞ ኣብ ዓራት ምስ ኣደቀስኹም ሰለስተ ኣንስቲ ኣብ ትርኣስኩም ኮይነን ጸሎት ይገብራልኩም፡ ደሓር ጸዓዱ ክወስድኹም ይመጹ እሞ እተን ኣንስቲ "እዚ ናትና ኢዩ ኣይንህበኩምን ኢና ባዕልና ኢና ነሕውዮ" ይብለኦም፡ ደሓር እቶም ጸዓዱ በታ ዝመጽእዋ ነፋሪት ይምለሱ፡ ሳልስቲ ከይጸናሕኩ ፕረሲደንት ሓሚሙ መጥባሕቲ ክገብር ናብ ወጻኢ ሃገር ከይዱ ይብሉኒ፡ ሓዊኹም ከም እትምለሱ ድማ ንሰባት ይሕብር ነበርኩ፡
- ሕማም ሕርሲ ዝተታሓዝክሉ ኣብ ዕለት 22/04/1992 እንዳተጸዓርኩ ከለኹ። እግዚኣብሔር ለይቲ መጺኡ "ሳባ" በለኒ፡ ኣቤት ከኣ በልክዎ፡ "መዓልትኺ ኣኺሉ ኢዩ" በለኒ፡ ኢሂ ጎይታይ በልክዎ፡ <u>ጸረይ ከየራገፍኪ ጸርኪ ከራግፈልኪ ኣይክእልን ኢየ</u> በለኒ፡ ጎይታይ ከምዚ ኢለ ክሳብ መዓስ ኢየ ሓዲኡ ግበረኒ በልክዎ፡ **በሊ ክልተ ኣቡናት ክገሹ ኣብ ኣፍደገ ክጸንሑኺ ኢዮም፡ ንቤት ጽሕፈት ፕረሲደንት ድማ ዋርድያ ሽፈነ ከእትወኪ ኢየ፡ ድሕሪኡ ነገርክዮም ምስ መጸእኪ ነስቢዳለ ከይትኸዲ ኣብ ገዛ ኢኺ ትሓርሲ** በለኒ፡ ከምቲ ዝበለኒ ድማ ዋርድያ ከይረኣዩኒ ብኣፍደገ ሰንጢቐ ኣብ ቤት ጽሕፈትኩም ኣትየ፡ ድሕሪኡ ንዓኹም ምስ ረኺብኩኹም። በዓል ታክሲ ገዲፉኒ ይኸይድ፡ ደሓር ኣነ መውጽኢ ይስእን እሞ ኣምቡላንስ ቀይሕ መስቀል ጸዊዖም ናብ ኣስቢዳለ ወሲዶምኒ፡ እንዳኸድኩ ከለኹ እቲ ኣብ ማህጸነይ ዝነበረ ዕሽል ቦታ ቀይሩ ናብ ሕቖይ ይጥወ፡ ሽዑ እቶም ሓካይም ብስንባደ እንታይ ተሰኪምኪ ኔርኪ ኢሎም ክሓቱኒ ጀመሩ፡ እዚ ድማ ኣቐዲሙ እግዚኣብሔር ኣብ ገዛኺ ኢኺ ትሓርሲ ናብ ኣስቢዳለ ከይትኸዲ ኢሉኒ ስለዝነበረ ናብ ሕክምና ምኻደይ እቲ ቆልዓ ናብ ሕቖይ ክጥወ ክኢሉ፡ እግዚኣብሔር ነቶም ሓካይም ቅንጥጥ ኣቢሉ ኣልገሶም፡ ኣነ ከኣ ካብ ኣስቢዳለ ወጺአ ናብ ኣደይ ጎየኹ። ነደይ ከኣ መሊቔ መጺአ በልክዋ፡ ሽዑኡ ብጉያ ታክሲ ተሰቒልና ንገዛና ኣምራሕና፡ በዓል ታክሲ እንታይ ጌርክን ኢኽን ክመልሰክን ኢየ በለና፡ ንሕና ከኣ እቲ ዝኾነ ሓበርናዮ፡ ሽዑ እቲ ታክሲስታ እሞ ሕጂ'ኸ እቲ ህጻን ኣብ ከብድኺ ክምለስ ድዩ። መዓስ'ከ ክትሓርሲ ኢኺ በለኒ፡ እወ ይምለስ ይኸውን። ጽባሕ ሰዓት ሓሙሽተ ግን ክሓርስ ኢየ በልክዎ፡ እስከ በሊ ክርእየኪ ክመጽእ ኢየ በለኒ፡ ደሓር ንጽባሒቱ ምስ መጸ ከኣ በታ ሰዓት ሓሪሰ ጸናሕክዎ፡
- ኣብ መበል ሓሙሽይቲ ቆልዓይ ከኣ ነብሶጸር ናይ ኣርባዕተ ወርሒ ምስ ኰንኩ ቀትሪ መጎነ እንዳ ኣጎድኩ ከለኹ ድምጺ እግዚኣብሔር ብጋህዲ መጺኒ፡ ሳባ ኪዲ ንገርዮም ከም ቀዳማይ መቕጻዕቲ ከይወርደኪ በለኒ፡ በል ጎይታይ መእተዊ ስኢነ ኢየ በየን ገይረ

ክነግሮም በልክዎ፡ ኣይፈልጥን ኢየ ኪዲ ይብለኪ ኣለኹ በለኒ፡ ንጉስ ኢኻ ባዕልኻ በሎም ከኣ በልክዎ፡ ከምኡ ኢልኪ በሊ ኮፍ በሊ ከኣ በለኒ፡ ኣነ ከኣ እንታይ ክገብር ኢየ ኢለ ንወርሒ ዝኣክል በኸኹ፡ ሬድዮ እንዳ ሰማዕኩ ከለኹ እስኪ ክፍተን ዋላ ዝሰምዐ እኳ ክነግረለይ ኢለ ናብ ድምጺ ሓፋሽ ፈነወ ረድዮ ይድውል፡ ኣጋጣሚ ሽዑ መዓልቲ ክፉት ዘተ ስለዝነበረ ኣድራሻይ ሂበ ናብ ኣቡንን ፕረሲደንትን መልእኽቲ ኣሎኒ ኢለ ይሕብራ፡ ደሓር እታ ጋዜጠኛ ኣብ እዝነይ ትዓጽወኒ፡ በቲ እዋን እቲ መደብ ትከታተል ዝነበረት ጓል ኣንስተይቲ ደዊላ ስለምንታይ መልኣኽቲ ኣሎኒ እንዳበለት ከላ ዘይትሰምዕያ ክትብላን ንዓኣ ውን ኣብ እዝና ክትዓጽዋን ሓደ ኮነ፡ ካብቲ ዝበለኒ ከይሓለፍኩ ከኣ ካብ መጋቢት 24 ክሳብ ሚያዝያ 19 ኣብ ጻዕሪ ኔረ፡ ኩሎም ሓካይምን ዶካትርን ሕጂ ክትሓርሲ ኢኺ እንዳበሉኒ ክሓርስ ግን ኣይከኣልኩን፡ ብዕለት 19 ሚያዝያ ግን ናባኹም ብመገዲ ጸሓፊትኩም ከምኡ ውን ብተመሳሳሊ መገዲ ንኣቡን እቲ ዝነበረኒ መልእኽቲ (ወረቐት) ምስ ኣእተኽዎ ካብ ኣፋስጋ ሰሙን ጸኒሐ ብዘይ ጻዕሪ ጓል ተገላገልኩ፡ ብድሕሪኡ ልዕሊ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ኣቡነ ያእቆብ ንኽዓርፉ ሰለስተ መዓልቲ ንኽተርፎም ቅዱስ ሚካኤል። ጋብር። ኪዳነ ምህረትን ካልኦትን መጺኦምኒ፡ እንታይ ትጽበዪ ኣለኺ ስኢነዮም ኢልኪ ተመኽንዪ! ኮለል ከይበልኪ ቀሲንኪ ደቂስኪ! እቲ ሕማም ሕርሲ ኣየስካሕከሓክን! በሊ ብደቅኺ ከም ንመጽኣኪ ፍለጢ በሉኒ፡ ኣነ ከኣ ኮለልሲ ኣየዕረፍኩን መእተዊ ደኣ ስኢነ እምበር  በልክዎም፡ ኪዲ ተበገሲ ሎምቅነ ናይ ኣቡናት ኣኼባ ኣለዎም በሉኒ፡ ኣነ ከኣ ብስንባደ ሕራይ በልኩ፡ ካብ ደቅኺ ከኣ ናብቶም ምስማዕ ዝኣበዩኺ ክንሓልፍ ኢና በሉኒ፡ ኣነ ከኣ ሕራይ ጥራይ ብደቀይን ብኦኣምን ኣይትምጽኡኒ እምበር ክኸይድ ኢየ በልክዎም፡ ሬድዮ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ኣቡን ዓሪፎም ምስ በለት። ኣነ ብስንባደ እታ ኣኼባ እዚኣ እምበኣር ኢያ በልኩ፡ ቆልዓይ ሓዚለ ምስ ሓንቲ ጎረቤተይ ተበገስኩ፡ ኣብቲ ቦታ ምስ በጻሕና እቶም ዋርድያ ንዓኣ ክኽልክልዋ ከለዉ ንዓይ ግን  ብዘይዕንቅፋት ስቕ ኢሎም የሕሊፎምኒ፡ ንኣቡነ ጨርሎስ ከኣ ረኺበ ኩሉ ነገርክዎም፡ እንተኾነ ግን ነጊረዮም ኢለ ቀሲነ ደቂሰ ከለኹ ስለዘይገበርዎ ሕጂ ውን “ኪዲ ውጺ” በሉኒ፡ ወጺአ ከኣ ንብጹእ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ብጽሑፍ ኣእተኹሎም፡ ብድሕሪኡ ከኣ ነጊረ ኢለ ቀሲነ እንዳበልኩ ከለኹ ኪዲ ንፕረሲደንት ኢሳይያስ ዝገበርኪ ጌርኪ ርኸብዮ፡ ናይቶም ኣቡናት ግን ፍሪኦም ክርእይዎን ክዓጽድዎን ኢዮም እንዳ በለ ክሳብ እዛ መዓልቲ እዚኣ ክድቅስ ኣይከኣልኩን፡

- እግዚኣብሔር ከኣ ንኢሳይያስ **መሬት ኣዚዘልካ ኢየ ሃገርካ ክትህነጽ ኢያ ቅሳነትን ሰላምን ሓቅን ግን እዛ ካልኣይ መደበር ፖሊስ (ካርሸሊ) ቤትክርስትያን መድሓኒኣለም**

ከይገበርካያ ኣይትረኽቦን ኢኻ በልዮ ይብለኒ፡ ብተወሳኺ ድማ ኲናት ባዕልኻ ከይትጅምር እታ ዝበልኩኻ ጥራይ ግበር ኣነ ስለዝሃብኩኻ ሃገራት ክዛዝማልካ ኣይክእላን ኢየን ባዕለይ ኢየ ክዛዝመልካ፡ ንሳቶም እንተ ጀመሩ ከኣ ከም ቀደመይ ምሳኻ ኣለኹ፡

- እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሕጂ ውን እንተኾነ ሳባ ኪዲ ንገሪ በለኒ፡ ኣስዒቡ እዚ ህዝቢ እንታይ ስለዝኮነ ኢዩ ሓሚሙ ዝመውት ዘሎ፧ እቲ ሕማምከ መን ዝሰደዶ ኢዩ፧ ኢሉ ሓተተኒ፡ "ንስኻ ጎይታይ" በልክዎ፡ "እቲ ዝበልክዎም ስለዘይገበርዎ ኢዮም። ብኹሉ ምኽንያት ኣብይዎም ዘሎ በለኒ፡ "ኪዲ ኢለኪ ደኺመ ኢየ መእተዊ ስኢነ ኢየ ስለዝበልክኒ እዘን ድርሁትኪ ትርእይየን ዘለኺ ክነቕጸ ኢየን" እንዳበለ ብለይቲ ክነቕጸ ኣርኣየኒ፡ "ድሓር ብቐትሪ'ኺ እንታይ ርኢኺ" በለኒ፡ "ጎይታይ ንግሆ ምስ ተሳእኩ ኩለን እተን ደርሁት ብዘለውኦ ነቒጸን። ዓቕለይ ጸበበኒ ዝገብሮ ከኣ ሰኣንኩ" በልክዎ፡ "እምበኣር እምቢ ዝበለ መዛዘሚኡ ከምኡ ምኽኑ ክትፈልጢ ኣለኪ" በለኒ፡

## እቶም ተኣምራት ሰሪሖም በብመዓልቶም ዝተወልዱ ቆልዑ እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ኢዮም፡

1. 19/04/1992 ናብ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ብታክሲ ጥሒሰ ዝኣተኹሉ ንግሆ። ኣብ ውሽጢ ዝጸንሑ ዓቢ ሰብኣይ "ኣብ ወጋሕታ ሕልሚ ሓሊመ፡ ነብሰጾር ጥሒሳ ናብ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ትኣቱ እሞ። ካብ እግዚኣብሔር ተላኢኸ ኢየ ኢላ ትመጽእ ኮይኑ ይስመዓኒ፡ ንኢሳይያስ ምስ ረኸበቶ ከኣ ንገዝኣ ተመሊሳ ወዲ ትወልድ፡ እቲ ወዲ ከኣ ሽፋን ምልክት ዘለዎ ምስ ዓበየ ከኣ በዓል ዓቢ ጸጋ ኮይኑ ይስመዓኒ በለና፡ ምስ ረኸቡኒ ድማ እምበኣር ንስኺ ኢኺ ሕጂ ሓሊመስ ሕጂ ሪኢዮ ኢሎም ሰምቢዶም፡ ከምቲ ዝበልዎ ከኣ ኩሉ ኰነ፡ እቲ ቆልዓ ተሸፊኑ ምልክት ዘለዎ ኮይኑ ተወልደ፡ ሽዑ ከኣ ሜሮን ኢለ ስም ኣውጻእኩሉ፡
2. ናይ ኣርባዕተ ወርሒ ይኸውን ኢለ ዝጥርጥሮ ነብሰጾር ምስ ኮንኩ መጎነ እንዳ ኣጎድኩ ከለኹ ድምጺ እግዚኣብሔር መጸኒ፡ ሳባ እንታይ ኰንኪ ድኣ ኮፍ ኢልኪ ኣለኺ ከም ቀደምኪ ዘይትኸድዮም በለኒ፡ ኣነ ከኣ ጎይታይ ትርእየኒ'ዶ ኣየለኻን ምስማዕ ኣብዮምኒ ኢዮም ዘለዉ። ንጉስ ኢኻ ባዕልኻ ርኸቦም ኣነ ደኺመ ኢየ በልክዎ፡ በሊ ደኺመ ኢየ ኢልኪ ኮፍ በሊ። ከምቲ ቀዳማይ ክትጸዓሪ ኢኺ በለኒ፡ እሞ ፍረደኒ እምበር ኣይወጽእን ኢየ በልክዎ፡ ከምዘይምሕረኒ ስለዝፈለጥኩ ግን እስከ ብሬድዮ ክፍትን ኢለ ተለፎን ንእንዳ ዜና ደወልኩ፡ እቲ ሕቶይ እኳ ምስዚ ኣቕሪብክዮ ዘለኺ ዝኸይድ ኣይኮነን ግን ኣድራሻይን ስመይን ሓዚ በልክዋ፡ ንሳ ከኣ ተዛረቢ በለትኒ ናብ ኣቡንን ፕረሲደንት ኢሳይያስን ዘእትወኒ ስኢነ ክብላን ዘረባይ ከይመላእኩ ኣብ እዝስነይ ክትዓጽወንን ሓደ

ኮነ፡ ካብቲ ዝፈራሕክዎ ጻዕሪ ከይሓለፍኩ ከላ 24 መጋቢት ጀሚሩ ብርቱዕ ንሓካይም ዘደናግር ሕማም ሕርሲ ወረደኒ፡ ንሰለስተ ሰሙን ምሉእ ከላ ተጻዓርኩ። ከም ኣፍ ዕንቊ ከላ ጸበበኒ፡ ሰብ ተጨኒቖ በሊ ከምዚ ኢልኪ ክሳብ መዓስ ኢኺ በለኒ፡ እሞ ከምቲ ኣመለይ ውሰዱኒ በልክዎም፡ ሰብኣይ ሓብተይ ከላ ዋርድያ ዝኽልክሉኺ እንተኾይኖምሲ ኣቡን መንደፈራ ኣለዉ እሞ ባዕለይ ክኸዶም ኢሉ ከደ፡ ምስ ነገሮም ድማ ንኣቡን ፓትርያርክ ክድውለሎም ኢየ። እንታይ ኮይኖም ምእታው ዝኽልክልዋ በልዎ፡ በሊ ንዕናይ ከእትውኺ ኢዮም ኢሉ ከላ ወሰደኒ፡ ኣብቲ እንዳ ዋርድያ ጓል ሓዎም ነዚ ምስ ሰምዐት ኣብ ኣፍደገ ተቀሪባ ጸኒሓ። ሕጂስ ከላ ብላዕሊ ከተደውሊ በሊ ንሶም መጺኦም የእትውኺ በለትኒ፡ ኣነ ከላ ነቲ ሒዘዮ ዘለኹ ጽሑፍ ኣብ ካንሸሎ ከይረኣየትኒ ስንድየዮ ከድኩ፡ ካብኡ ከይደ ከላ ናብ ፕረሲደንት ጽሑፍ ወረቐት ኣእተኹ፡ ድሕሪኡ ልዕሊ ወርሒ ዝኸውን ሓውየ ናብራ ገዛይ ገይረ፡ ካብ ኣፋስጋ ሰሙን ጸኒሐ ካብቲ ዝነበረኒ ጻዕሪ ከላ ብሰላም ጓል ሓረስኩ፡ ሜላት ኢለ ከላ ጸዋዕክዋ፡ ኣነ እኳ ጥዑም ስም ኢለ ኢየ ኣውጺአሎም ካህናት ግን መን ድኣ ሓበረኪ እዚ ኣስማቶም እቲ ዝበለጸ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኢዩ በሉኒ፡

1. ካብ ዕለት 7/11/2005 ጀሚረ ይጻዓር ነበርኩ፡ ንእግዚኣብሔር "እንታይ ትገብረኒ ምኽኣል ስኢነ ዓቕለይ ጸቢቡኒ" በልክዎ፡ ኣብ ዕለት 20/11/2005 ዘውግሐ ለይቲ ተምበርኪኸ እንዳ በኸኹ ከምዚ በልኩ፡ "ብጽሑፍ የእትየ ዝሰምዕ ወይ ተገዲሱ ዝህበለይ ኣይረኸብኩን። ተዛሪበ ዝነግረለይ እንተረኸብኩ ኢለ ሓበርኩ፡ ንስኺ ከመይ ጌርኪ ትፈልጢ ትብልዮ ኣይከውንን ኢዩ። እግዚኣብሔር ንፍጥሩ ኣይጭክንን ኢዩ" እንዳበሉ ዝንዕቀኒ እምበር ዝሰምዓንስ ኣይረኸብኩን፡ "በል ከምዚ ኢለ እንዳ ተጻዓርኩ ንዓይ ዘይትድንግጸለይ እንታይ ትፈርደኒ። ጻዕሪ ካብ ዓቕመይ ንላዕሊ ኮይኑ መሪሩኒ ኣሎ" በልክዎ፡ ንሱ ድማ "ሳባ እወ እፈልጥ እንተሰምዑ ኢለ ኢየ እምበር እንታይ'ዶ በዲልኪ ኢኺ ትቕጽዕሎም ዘለኺ። በሊ ካብ ርእስኺ ኣውርዲ ንካህናት ሃብዮም፡ ረኺብኩም ንፕረሲደንት ኣብ ኢዱ ብቕልጡፍ ሃብዎ በልዮም፡ ንሰለስተ ቤተክርስትያን። እንዳ ማርያም ኣስመራ። እንዳ ማርያም መርሓዊን እንዳ ገብርኤል ኣኽርያን ሃብዮም፡ ዕብየተይ ረሲያም ኢዮም ዘለው ንስኺ ኣዘክርዮም፡ ኣነ ናይ ንጉስ ነገስታት እግዚኣብሔር ኢየ ድንቅን ተኣምራትን ዝሰርሕ ሓያል ንጉስ ኢየ፡ ነቶም ዝንዕቁንን ብርእሶም ዝኸዱን ዘውርደሎም ዘለኹ። ብዓይንኹም ትርእይዎን ብእዝንኹም ትሰምዕዎን ምንቅጥቃጥን ንፋስን ህቦብላን ማይን ሕማምን ጥሜትን ውግእን ገይረ ዝቐጽዮም ኣነ ኣምላኽ ኢየ፡ ፍርሑ እምበር ኣይትሰንብዱ፡

“እቲ እትርእይዮ መን ይርእዮ እቲ እትሰምዕዮ መን ይሰምዖ ኣባኺ ኢየ ተገሊጸ እንተ ሰሚያምኺ ክድሕኑ ኢዮም፡ እንተዘይሰሚያሙኺ ባዕለይ ኣለኹዎም፡ ንካህናት ግን ሰብ ሒዝኩም ጠፊእኩም ኣለኹም” በልዮም፡ ቤተክርስትያነይ መድሓኒኣለም ይኹን በዓለ እግዚኣብሔር ከመይ ኢሉ ከም ዝሓድር ምንጋር ኣይትደልዩን ኢኹም፡ እቶም ብትሕተይ ዘለው ይኸብሩ ልዕሊ ኩሎም ምኽኒይ ኣይትረስዑ በልዮም”፡ እዚ ኩሉ ሕራይ ምስ በልኩ ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ብዕለት 24/11/2005 ዓ.ም ብዙሕ ከይተጸዓርኩ ኣብ ገዛይ ምዉት ህጻን ተገላገልኩ፡ ንዓደይ ተመሊሰ ናብራይ ገበርኩ፡ ፍቓዱ ሰለዝኾነ ክሓቁፍ ኣይከኣልኩን፡ ክቡራት ኣቦታተይ ካህናት ኣነ በቲ ዝተዋህበኒ ራኢይ ንቤት ክርስትያን ኣብጽሕሎም ዝበለኒ ሮቡዕ ቅዱስ ሚካኤል መዓልቲ ብዕለት 21/12/2005 ምሳኹም ውዒለ ሰንበት ኪዳነ ምህረት መዓልቲ ከዐርፍ ኢለ ኣብ ዝደቀኩሉ። ቀትሪ መዓልቲ እግዚኣብሔር “ሳባ በዚ ህጻን ጕሂኺ ዲኺ” በለኒ፡ ኣነ ከኣ እወ ክሓቑፍ ኢለ በቲ ዝሃብካኒ ጻዕሪ ክልተ ቅነ ፈቐዶ ኮለል ክብል ቀንየስ ቆልዓ ምስ ሰኣንኩ ክጉሂ ክኢለ በልክዎ፡ “በሊ ኣይትጕሃዪ። እቲ ህጻንሲ ኣይሞተን መደቀሲኡ ከኣ ንዓናይ ርኣይዮ” ክብለንን ትንፋሰይ ካብ ስጋይ ተፈልያ ንሰማይ ትዓርግ እሞ። እቲ ህጻን ኣብ ገነት መንግስተ ሰማይ ደቂሱ ጸንሓኒ፡ “በሊ ንዒ ኣብዚ ኢዩ መደቂሲኡ ኢሉ ኣርኣየኒ፡ ኅዶሎ እምነት እንዲኺ ምስ ተመለስኪ ምልክት ከርእየኪ ኢየ እሞ ኣይትሰንብዲ” በለኒ፡ ስጋይን ህይወተይ ምስ ሰኺዕኩ ድማ ብር በልኩ፡ በቲ ህጻን ሓመድ ዝለበሰሉ (ዝተቐበረሉ) ቦታ ቆልዑ ይጻወቱ ነበሩ፡ ክጻወቱ ጸኒሖም ምስ ከዱ ክጽውዖም ኢለ እንተወጻእኩ እቲ መግነዝ ናይቲ ቆልዓ ወጺኡ ካብቲ ሓመድ ዝለበሰሉ ርሒቑ ጸንሓኒ፡ ሰንቢደ ኣካላተይ ኣንቀጥቀጠ ኣብቲ ሓመድ ዝለበሰሉ ቅርብ ኢለ እንተረኣኹ ዋላ ሓንቲ ዘየለ ሰንቢደ በኸኹ፡ “ሳባ ኣይትሰንብዲ ክትኣምኒ ኢለ ኢየ ነጊረኪ” ዝብል ድምጺ ሰማዕኩ፡ ኣልዕልዮ ከኣ በለኒ፡ ኣልዒለ ከኣ ኣብ መሸማዕ ኣእትየ ኣብ እንዳ ሓሰር ጸቐጥክዎ፡ እዚ ኩሉ ርእየዮ መጺአ ከለኹ ግን ንሽዑ ምሸት ካብ ስንባደ ከቋርጽ ኣይከኣልኩን፡ ነቶም ቆልዑ ከኣ ጨርቂ ተሰንድዩ’ዶ ርኢኹም ኢኹም ኢለ ሓተትክዎም፡ ኣይረኣናን ምስ በሉኒ ወይለይ ከም ቀደመይ ንበይነይ ኢዩ ተገሊጹኒ ከኣ በልኩ፡ ንካህን ኣበ ነብሰይን ንሓላፊ ቤት ክርስትያንን ክርእይዎ ኢለ ክነግሮም ጸውዑለይ በልኩ፡ እቶም ኣባት ነብሰይ ንጽባሒቱ መጺኦምኒ ነጊረዮም፡ ሰብኣየይ ከኣ ሽዑ ኣምሲዩ ስለዝኣተወ ንግሆ ተንሲኡ እቲ ጉድጓድ ተፋሒሩ ጸንሖ ባዴላ ገይሩ ከኣ ድፍን ድፍን  ኣበሎ፡ ኣነ ከኣ ብኡ ዝሸፈነለይ መሲሉኒ ከይስንብድ ኢለ ኣይነገርክዎን ከምዛ ዘይፈለጥኩ ሰቕ በልኩ፡ እግዚኣብሔር እንደገና ከምዚ በለኒ፡ ”ሳባ እዞም ካህናት ነጊርክዮም። እንታይ ኮይኖም ድኣ ዘይግደሱልኪ። ምሳኺ የለውን፡ ካብዚ ዝዓቢ

ተኣምራት የለን እሞ እቶም ህዝቢ ገለ እንተ ሰምዑ ንሶም ውን እንተሓሹ ንህዝቢ ንገርዮም" በለኒ፡
እንደገና እግዚኣብሔር ከምዚ ኢሉ ሓተተኒ፡ "ቅድሚ ዓመት ዝኸውን ኣብ ዓዲ ጓዕዳድ ኣውቶቡስ ተሳፊርኪ እንዳ ኸድኪ እንታይ ኣጋጢሙኪ ነይሩ፧" "ካብ ሓደጋ ነፋሪት ንኣሰር ወጺእና" በልክዎ፡ "እታ ኣውቶቡስ ንስኺ ስለዝነበርክያ ኢያ ድሒና፡ እቶም ህዝቢ ውን ከድሕኑ ዝኽኣሉ ምእንታኺ ዝተጣበብኩሎም ኢዩ" በለኒ፡ ጸኒሑ ድማ ከምዚ ኢሉ ኣጠንቀቐኒ "ነቶም ቆይሞም ዓንገረር ክብሉ ዝሓድሩ ካህናት መኸፈልቲ ኣይትኸልእዎም ንሱ ኢዩ ጻምኦም፡ ካህናት ከኣ መስተ ኣይተብዝሑ ሕማቕ ኣርኣያ ከይትኾኑ፡ እቲ ህዝቢ ካባኹም ጽቡቕ ክመሃር ኣለዎ፡ ካህን ዝበለካ ግበር ካህን ዝገበሮ ግና ኣይትግበር እንተበልኩም'ስ መገዲ ረኺብኩም ቤተክርስትያን ሓዲርኩም ካብ ናተይ ወጻኢ ክትገብሩ መን ኣፍቀደልኩም፧ ስለምንታይ ናተይ እንክለኹም ኣርኣያ ናይ ሕማቕ መገዲ ትኾኑ፧ እቲ ህዝቢ ካባኹም ጽቡቕ ኣርኣያ ዘይምሃር እንታይ ኰንኩም ንዓይ ተግሁይኒ ኣለኹ፧ ብዛዕባ እታ ቤተክርስትያን እንዳ ቅዱስ ገብርኤል ግለጽሎምን ኣዘክርዮምን" ኢሉኒ፡ ነቶም ካህናት ድማ ከምዚ በሎም ክፉእ ጌርኩም መን እተዉ ቀድሱ ኢሉኩም ከም ደብተራን ጠንቆልትን ቡዳን ድላይኩም እንዳ ሰራሕኩም ህዝቢ እንዳ ወዳእኩም። ከምቲ ጸሊም መጋረጃ ካብ ሰማይ ወሪዱ ኣብ ርእስኹም ዝተኸደንኩሞ ልበይ ከኣ ከምኡ ጸሊሙ ከምዘሎ ፍለጥዎ። ኣንቱም ህዝቢ ናብኣቶም ትውሕዙ ዘለኹም ውን ወይልኹም በሎም፡

## ኣብ ዓመት 2006 ዝተራእየኒ ዓቢን መስተንክርን ፍጻመ

ኣብ ነብሰይን ውሻጠይን (ገዛይን) ዝረኸቦ ጸጋ ኣምላኽ ዘይውዳእ በረኸት ኢዩ ዘለኒ፡ ከመይ እንተበልኩም ኣብ ገዛይ ዝኣተወ ኩሉ ነገር ኣይውዳእን ኢዩ ንባዕለይ ኢዩ ዝገርመኒ፡ ሎሚ ዓመት ዓመተ 2005/2006 ስገም ድሒርና ስለ ዝዘራእናዮ ደቂቕን ሓርጭ ዘየውጽእን ኮነ፡ ኣነ ድማ "ኣንታ እግዚኣብሔር ነዘን ስገም መሓውስቲ ዝኸውን ሃበኒ" ኢለ ለመንክዎ፡ ንጽባሒቱ እንተራኣኹ እስርቲ መሸማዕ ስርናይ ረኺብኩ፡ ተገሪመ ድማ ንጎረባብተይ ነገርኩ፡ ብድሕሪኡ ውን ነተን ዝተረፋ ስገም መሓውስቲ ዝኸውን ስርናይ ሃበኒ ኢለ ለመንክዎ፡ እንደገና እስርቲ መሸማዕ ስርናይ ገደፈለይ፡ ወይለይ ዶሞዘይ እምበኣር ከፊልካኒ ኢለ ተመስገን ኣምላኸይ በልኩ፡ ብምሒር በረኸት ናይ እግዚኣብሔር ብምግራም ድማ ወይለይ ሰኣን ከምዚኣ ኢየ ደቀይ ፋፋ ከብልያም ዝሓገኹ በልኩ፡ ብተወሳኺ ኣብዚ ወርሒ መጋቢት 2006 ዘጋጠመኒ ፍሉይ ፍጻመ ነዞም

ኩሎም ደቀይ ክወልድ ከለኹ **ጽግያት ዝበሃል ኣይረኣየንን ነይሩ፡ ልክዕ ከም ወዲ ተባዕታይ ኢየ ነይረ፡** እዚ ንኹሎም ሓካይም ዘገረሞም ፍጻመ ኢዩ ነይሩ፡ ሕጂ ግን መልእኽተይ ምስ ወዳእኩ ከም ሰበይ ተሰሪዐ ጽግያት ክርኣየኒ ክኢሉ ኣሎ፡

# ኣነ መን ከይነ ልዕሊ ኣቡንን ንጉስን ክፈልጥን ክእዘዝን ኪለ

## ኣብ ገዛይ ዝረአን ዝፍጸምን ትምቢት፡ ሕልሚ ይኹን ራኢ.ይ ክዝርዝር።-

- ከም ጓል ኣንስተይቲ **ጽግያት** ኣይረኣየንን ኢዩ ነይሩ። ብዘይካ ክሓርስ እንተዘይኮይኑ ልክዕ ከም ወዲ ተባዕተይ ኢየ ነይረ፡ ሕጂ ግን ንካህናት ንግርዮም ጸርኪ ኣውርዲ ምስ ተባሃልኩ ከም ጓል ኣንስተይቲ ጨርቀይ ክሓጽብ ጀሚረ፡
- ብንእሽቶየይ ከለኹ ድምጺ እግዚኣብሔር ሰማዕኩ “ሳባ እዛ ቁጽሪ እዚኣ ብ26 ጀሚራ ብ27 ትውድእ ሎቶሪ ኣቕርጽያ ክትበጽሓኪ ኢያ በለኒ፡ ኣነ ግን ሕራይ ኢለ ብዘይምስመዐይ እታ ሎቶሪ ወዲቓ $70,000 በጺሓ። ብዘይ ምእዛዘይ ሓሊፋትኒ፡ ተጣዒሰ ካልኣይ ግዜ ግን ክረኽባ ኣይከኣልኩን፡
- ብሕልሚ። በዓለ እግዚኣብሔር መዓልቲ ክዳውንቲ ዝሓጽብ ኮይኑ ይስመዓኒ እሞ። እግዚኣብሔር ከኣ ንፋስን ደሮናን ገይሩ ነቲ ስልኪ በቲኹ ነቲ ክዳንውንቲ ናብ መሬት ኣውሪዱ የንገርግሮ፡ ከልዕሎ እንተመጻእኩ ከኣ ብጓሂ ምልዓል ይስእኖ ኮይኑ ይስመዓኒ፡ ብጋሀዲ ከኣ እዚ በዓል ሓሊፉ ኢዩ ኢለ ብምሸት ሕጽብ ኣቢለ ስልኪ መሊኣዮ ደቀስኩ ከምቲ ዝሓለምክዎ ስልኪ ተበቲኹ ክዳውንቲ ወዲቖ ኩሉ ተቐዳዲዱ ከም ክልቢ ዝበጃጀሎ ኮይኑ ኣንገርጊሩ ጸንሓኒ፡
- ህድሞ ኔሩና ምስ ኣሓደስናዮ ኣብ ሰሙኑ ንብረት ደልየ ማዕጾ ከፊተ እትው ክብል ከም ገበል ተመሲሉ ተቐልቀለኒ፡ ኣነ ከኣ ገበል መጺኡኒ ኢለ ክሃድምን ገመል ናይቲ ህድሞ ተሰይሩ ንታሕቲ እቲ ህድሞ ሮሞቕ ክብልን ሓደ ኰነ፡ **እግዚኣብሔር እንድሕር ከውጻኣካ ደልዩ ከምዚ ገይሩ ኢዩ ዝጣበብ፡**
- ኣብ ገዛይ ጸጋን በረኸትን ኢዩ ዘለኒ፡ ናይ ረድኤት እኽሊ ሰብ በሊዑ ወዲኡ ኣብ ሽመታ ምስ ኣተወ ጥራይሲ ንሓደ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ድሕሪ እቲ ህዝቢ በሊዐ፡ ክገርመኩም ካኣ ጣይታ ምስ ሰንከትኩ መጎነይ ጥራዩ ከይተርፍ ኢለ ደቀይ ይብልዕዎ ኣይብልዕዎ ፋፋ ክስንክተሉ ቀኒኹ፡ እቲ ንውሽጠይ ዝፈልጥ ኣምላኽ ግን ኣነ ብዘይፈልጦ ጠመተኒ እሞ

መሸማዕ መሊኡ እኽሊ ኮፍ ኣበለለይ፡ ብስንባደ መን ድኣ ኣምጺኡለይ ኢለ ንሰብኣየይን ደቀይን ሓተትኩ፡ ኣይፈለጥናን ምስ በሉኒ "ወይለይ ኣታ ኩሉ ትፈልጥ ኣምላኽ ዲኻ ሂብካኒ" ኢለ ተሓጎስኩ፡ ኣርየ ከኣ ኣጥሓንክዎ፡ በል ትህብ ኣምላኽ እንድሕር ኰንካስ ሕጂ ኣጸቢቐ ንኽኣምነካ ነዘን ንዘርኢ ኢለ ዘቐመጥክወን ጉሻ መሓውስቲ እኽሊ ክትህበኒ ኢኻ ምስኣን ገይረ ከጥሕነን ኢለ ብእምነት ከኣ ኣውጻእክወን፡ ኣብ ጸሓይ ኮይነ እንዳ ኣረኽወን ከለኹ ከኣ ንገዛይ እትው እንተበልኩ ከምታ መሸማዕ እኽሊ ከኣ እንደገና ኮፍ ኣቢሉለይ ጸንሐ፡ ሽዑ ብሓጎስ ጨደርኩ ንጎረባብተይ ጸዊዐ ንዕኑ ረኣይኦ በልክወን፡ ኣምላኽ ንኣማኒኡ ብዙሕን ገዚፍን ኢዩ ውህበቱ፡

- ድቃስ እትኽልኣና መሬት ናይ እንዳ ሓሞይ ነይራ፡ ክልተ ሓያላት ብበትሪ ኣይንኽእሎም ብሕጊ ኣይንኽእሎም ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ነይራ፡ ብኢደ ዋኒኖም ከኣ ድንሽን ኣድርን ዘሪኦም ተማቐልዋ፡ ኣነ ከኣ በታ መሬት ድቃስ ሰኣንኩ፡ እግዚኣብሔር "ሳባ እንታይ ኰንኪ ትበኽይን ትጭነቕን" በለኒ፡ "ጎይታይ ትርእየኒ'ዶ ኣየለኻን። በዛ መሬት ክድቅስ ኣይከኣልኩን" በልክዎ፡ "ኣጆኺ ተበገሲ ክትሰርሒያ ኢኺ" ከኣ በለኒ፡ ኣነ ከኣ ብእምነት ተበጊሰ ወፊራ ገይረ ኣብታ መሬት ንእሽቶይ ገዛ ሰራሕኩ፡ እግዚኣብሔር ከኣ ነቶም ሓያላት ኢና ዝብሉ ኣፍዘዞም፡ ከምዚ ዝገብር ኣምላኽ ከኣ ኢዩ ዘለኒ፡
- ኣብ ዓመተ 2006 እግዚኣብሔር "ሳባ ምሳኺ ከም ዘለኹ ትፈልጢ'ዶ" በለኒ፡ ኩሉ ኣብ ገዛኺ ዝፍጸም ብእምነት ናትኪ ዝሰራሕን ትፈልጥዮ ዲኺ በለኒ፡ ኣነ ከኣ ኣይፈልጦን ጎይታይ በልክዎ፡ "ከዘክረኪ ኢየ ወድኺ ሙሴ ኢልኪ ስም ዘውጻእክሉ ሕጂ ወዲ 12 ዓመት ኮይኑ ዘሎ ። ሓሚሙ ሞይቱ ኢዩ ኢልኪ ላዕልን ታሕትን በልኪ። ከም ሰብ ተመሲለ ውላድኪ ሓውዩ ኢዩ በልኩኺ ገዛ ምስ ኣተኺ እንታይ ርኢኺ፧ እወ ጎይታይ ሓውዩ ቋሕ ኢሉ ጸንሓኒ፡"
- "ኣድጊ ናይ ጎረቤትኪ ሓሚሙ ኣብ ኣፍ ገዛኺ ሰፋሕፋሕ ምስ በለ ሰንቢድኪ ኣንታ ኣምላኽ መሓሮ መገልገልየይ ኢዩ። ለሚነ እኺ ዘይስእኖ ኢልኪ ጸበል ኣምጺእኪ ኣስተኽዮ፡ ንሱ ከኣ ጸኒሑ ተንስአ፡ ሽዑ ቅነ ኩለን የእዱግ ሓሚመን ተረፍሪፈን ኢየን ነይረን፡ ጎሓፍ ናይ ደርሁን የዕጺምቲ ናይ ዓሳን በሊዒን ማይ ሰትየን ክንብል ክንብል ኢየን ዝብላ ነይረን፡ ንሱ ግን ብእምነትኪ ተንሲኡ፡"
- "ኣደኺ ኩሉ ግዜ ጥዕና የብላን ሓዋ ምስ ሞተ ግን ብፍሉይ ሓሚማ ሃለዋታ ኣጥፊኣ ብኣፈርክበ ተጸዊዕኩም። ሽዕኡ እንታይ ኢልኪ ለሚንክኒ፧ መልእኽትኻ ክሳብ ዝውድእ ነደይ መሓረለይ፡ ንሳ ጥራይ ኢያ ምሳይ ኮለል ትብል። እቲ መልእኽቲ ትፈልጦን ትቕበሎን። ብዘይከኣ ካልእ የብለይን መሓረለይ ኢልኪ ለሚንክኒ፡ ኣነ ከኣ ብዓይኒ ምሕረት ጠመትኩልኪ ዝበልክዮ ይኹነልኪ ምሒረልኪ ኣለኹ በልኩኺ፡"

- “ኣብ ገዛውትኹም ዝመጽአ ሰብኣይ ክትጻወቱን ከተዕሉን ምስ ረኣየኩም። ኣነስ ቀኒአ በዛ ፍቕርኹም በለ እሞ ኣስዒቡ ድማ እንታይ ድኣ ኢየን ብሪገአን ጥኑሳትን ሓራሳትን ቀኒአ ኣለኹ ኢሉ ተዛረበ፡ እዚ ፍቕርኹምን ምውላደንን ከምዘን ኣንስትኹም ገለ ቀኒአ እዛ ሰበይተይ እንተወለደት ገዛ እንዶ ምጹኒ” በለና ከምዛ ዋዛ፡ ንሕና ከኣ ኩላትና ኣብዚኣ ዘለና ክንመጽኣካ ኢና መዓልቲ ጥራይ ፍለየልና በልናዮ፡ መዓልቲ ፈሊና ኬድና ከኣ ከነዕልል ሓደርና፡ **እግዚኣብሔር ግን “እታ ምስቶም እኩባት ዝኸድክያ ብእምነትኪ ኢየ ውላዳ ሂበያ”** በለኒ፡ “ኣነ ደኣ ማይጨሎት ተሓጺባ ኢያ ውላድ ረኺባ እንደየ ዝብል፡ **”ማይጨሎት ድኣ ክንደይ ግዜ ዘይተሓጸበት ሽዑ ደኣ ውላድ ዘይትረክብ ብርህራሄ ናትኪ እንድያ ውላድ ዝረኸበት፡”**
- “ኣብ ገዛኺ ዝቕመጥ ወዲ ኔሩኪ ክዳውንቲ ክትሓርዩ ኢልኩም ንሹቕ ምስ ወጻእኩም እንታይ ኣጋጠመኩም፧ ኣብ እንዳ ምኑቹበ ምስ በጻሕና ወተሃደራት ሒዞም እንዳኾብኮቡ ናብ ካርሸሊ እንዳ ለመኖም ወሰድዎ፡ ኣብ ኣፍደገ ካርሸሊ ምስ በጻሕና ጻዕቂ ወተሃደራት ምስ ረኣኹ ሰንበድኩ፡ ኣንታ ኣምላኽ ኢለ ናብ ኣምላኽ ለመንኩ ነዐኦም ከኣ በጃኹም ምሓርዎ” ኢለ ለመክዎም፡ ኣብታ ሰዓት እቲኣ እግዚኣብሔር ምሳይ ስለዝነበረ። “ውሰድዮ በያናይ ኢኺ እሞ ከተሕልፍዮ” በሉኒ፡ እግዚኣብሔር ስለዝሓዝኩ ከኣ ንኹሎም ዓይኖም ሸፊኑ ኣሕለፎ፡ “ከምኡ ውን እቲ ንመርዕኡ ኢሉ ዝተዳለወ እኽለ ማይ። ስዋ ምስ ተጸምቈ ብሒቝ ምስ ተለውሰ እንታይ ደኣ ኮይኑ ንሓፍቱ ምኻን ኣብዩዋ ኣይገብረልካን ኢየ ዝበለቶ፧ ምሳይ ኣብዚኣ ኣይትውዕልን ኢኻ ምስ በለቶ ናባኺ ተጨኒቑ ዓቕሉ ኣጽቢቡ መጸኪ፡ ሳባ ክፋነወኪ ደልየ መጺአ ደኣምበር ኣነስ ሓደ ነገር ክሓስብ ኢየ ምስ በለኪ እንታይ ኰንካ መርዓዊ’ዶ ሕማቕ ይሓስብ ኢዩ በልክዮ፡ ንዓ ዘሓል እንታይ ኢዩ እቲ ጸገም፧ ሽግሩ ምስ ነገረኪ እዚ ደኣ እንታይ ጸገም ኣለዎ ባዕለይ ክገብሮ ኢየ በልክዮ ብእምነት፡ ከመይ ገይሩ ይከኣል ሓሙስ ኢያ ኮይና ዘላ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ በለኪ፡ ደሓን ካባይ ድለዮ መርዓ ኮይና ክትውዕል ኢያ ኢልኪ ለመንክዮ፡ ንመርሓኖ ዘዛርብ መርዓ ከኣ ኮነ፡ መን ኢዩ ክገብር ክኢሉ” በልኩኺ፡ <u>“እግዚኣብሔር ንስኻ ኣነ ውን ንዓኻ ኣሚነ ኢየ ጎይታይ መዓረይ በልክኒ፡”</u>
- “ትንቢት ዝተነበኽሉ ምስ በዓል ቃል ኪዳንኪ ከም ትበልዩ ብሕልሚ ርኢኽዮ ብጋህዲ ከኣ ኮነልኪ፡ ”ሕልሚ ሓለምኩ ካብ ኣስመራ ንመርሓኖ ዝወርድ ኮይኑ ይስመዓኒ እሞ ኣብ ኣፍደገ ካንሸሎ ቤት ክርስትያን እንዳ ለመንኩ ከለኹ። ሰበይቲ መጺኣ ክትፋትሐ ኢኺ ኢላ ጨደረት፡ ኣደይ ማርያም ከኣ ማዕጾ ክፍት ኣቢላ ኣልግሲ ኪዲ እንታይ ሓይሊ ኣለኪ ከተፋትሐ ክትብላን ሰብኣየይ ምሳይ ማዕረይ ክኸውንን ንክልቴና ከኣ ረጋቢት ክዓስላናን ሓደ ኮነ፡ ኪዱ ብሩኻት ኢኹም ብሓንሳብ ክትበልዩ ኢኹም ዝሓዝክዮ ክብርክተልኪ ኢዩ

ኣይትጸጅዊ ኣብዛ ዓዲ ኣቲኺ ክትነብሪ ኢኺ በለትኒ፡ ኣደይ ማርያም ኣሜን ኢለ ከኣ ከድኩ፡

- "እታ ከተጸልመኪ ዝሓሰበት ሰበይቲ ምስቶም ሰብ ከተባእሰኪ ምስ ሓሰበት ኣብ ነብሳ እንታይ ተኣምራት ርኢኺ፡፡" "ከምዚ ኢልኪ ምስ በለትኒ ኣነ ከኣ ሓሲኺ መሰኻኽር ኣለዋኺ ድየን፡፡ ኪዲ እሞ ገዛኺ ይመጸኪ ኣለኹ" ምስ በልክዋ ኣብ ኣፍደገ ገዝኣ ወዲቓ ገጻ ተደምሲሳ ኣብ ዓራት ተደርብያ ክትቅንዞ ጸኒሓትኒ፡ "ወይለይ መልሲ እባ ሂቡለይ" ኢለ ንገዛይ ተመለስኩ፡ እግዚኣብሔር መልሲ ከምትህበለይ እፈልጥ እንድየ፡
- "ከልቢ ነይራትኪ ዕስለ ኣኽላባት እንዳኣከበት ምስ ኣሸገረትኪ እንታይ ምሂዝክላ ኔርኪ፡፡ ስሚ ኣብ ስጋ ገይረ ክዳውንተይ ክሓጽብ ንዓኣን ክዳውንተይን ሒዘ ንሩባ ወረድኩ፡ እንዳ ሓጸብኩ ከለኹ ሕጂ'ዶ ክህባ ወይስ ደሓር እንዳበልኩ ክወላወል ጸሓይ ዓረበኒ፡ ክዳውንተይ ምስ ጠርነፍኩ ሕጅስ ሂበያ ክኸይድ ኢየ ኢለ ክህባ እታ ስጋ ካብ ኢደይ ከየውረድክዋ ከለኹ እታ ከልቢ ሓረሰት እሞ ኮራኹራን ነብሳን ሒዘያ ንገዛይ ኣተኹ፡" "በሊ ሳባ ትስረር ከልቢ ደኣ ትወልድ ድያ፡፡ ጥንሲ'ኸ ርኢኽላ'ዶ ኔርኪ፡፡ በለኒ፡ እንድዒ ጎይታይ ኩሉ ዋላ ከብዳ ኣየስተውዓልኩሉን" በልክዎ፡ "እግዚኣብሔር ከኣ ኣብ ሓጢኣት ከይትኣትዊ ኢለ ኢየ ተኣምራት ዝሰራሕኩ" በለኒ፡
- ኣብ ዓመተ 2006 ንጓለይ ገጻ ከይረኣየት ጓል ከምዘላትኒ ውን ከይፈለጠት ኣምላኽ ገሊጹላ ግዲ ኮይኑ። ጓል ኣላትኪ ጓል ሃብኒ በለትኒ፡ ጓል ከምዘላትኒ ድኣ ትፈልጢ ዲኺ በልክዋ፡ እኽልቲ ጓል ከምዘላትኪ ብእግዚኣብሔር ኢዩ ተገሊጹለይ በለትኒ፡ "ብእግዚኣብሔር ዝመጻእክስ ብናተይ ወገን ውሰድያ ግን ኣቦ ኣለዋ ነቦኣ ሕተቶ በልክዋ፡ ከምኡ እንዳተባሃልና ከለና። ከኣ ዕፎየ ስመርለይ ዝብል ፋል ሰማዕና። ሰሚዑልና ኢዩ ምጹ በልክዋ፡ ኣነ ከኣ ነቦኣ ሓቲተዮ ዘለኒ የብለይን ዘለኒ የብለይን። ኢሉ ኣጨነቐኒ፡ እግዚኣብሔር ከኣ ተገልጸለይ እሞ እዛ ዕምባባ ኣይትዕጸውያ ተቐበልዮም የብልናን ኢልኩም ኣይትምለስዎም ንስኺ ከምታ ልማድኪ ብእምነት ኣብ ውሻጠኺ ሃሰስ በሊ በለኒ፡ ሃሰስ እንተበልኩ ደሓር መታን ከይሓፍር ነቶም ኢጋይሽይ መቐበሊ ዝኾነኒ 900 ናቕፋ ከፍ ኣበለለይ፡ ገዛይ ዋላ ሓንቲ ዘይነበረትኒ ከይደ ሸማሚተ ኣስቤዛ ጌረ ኣጋይሸይ ተቐበልኩ፡ ከምዚ ተኣምራት ዝገብር እግዚኣብሔር ኢዩ ዘለኒ፡
- እግዚኣብሔር ከኣ "ወዲእኪ ኢኺ ምስ በለኒ እዚ ጽሑፍ ቃለይ ስለዝኾነ። ዝተፈጸመን ዝፍጸም ዘሎን ስለዝኾነ ክትዝርግሕዮ ኢኺ ኢሉኒ ነይሩ፡ ኣነ ግን ጎይታይ በቲ ዘሕለፍኩዎ ከርተት ይኣኽለኒ ኢለ ለሚነዮ ነይረ፡ እግዚኣብሔር ግን ስርሑ ድንቅን ተኣምራትን ስለዝኾነ ጸሃይነሽ ቀሺ በይን ንጓለይ ዝወሰደት ኣባይ ምስ ኣተወት ንመልእኽተይ ወሲኹን ደሪቡን ከኣ ብዕለት ሰለስተ (ባእታ ማርያም) ንጓለይ ሃብኒ ምስ

በለትኒ። በዓለ እግዚኣብሔር መዓልቲ ከኣ መልአኽተይ ምስ ወሰኹ ተሰኪምኪ ውጺ በላ፡ በሉ ህዝበይ ዝኾነ ነገር ከይትጠራጠሩ ከይትጠፍኡ፡ ኣነ ውጽእለይ ንገርለይ ኢለያ ክትነግረለይ ኣይትኽእልን ኢያ፡ ነቲ ሓቂ ዝኣመነ ኢዩ ዝድሕን ዘይኣመነ ክጠፍእ ምኳኑ ይነግር ኣሎ እሞ እዛ ካርሸሊ ቤተይ ኢያ ግደፉለይ ክብለና እንታይ ንበሎ፧ ብሰንካ ሃይሞኖትን ዓሌትን ከይፈለየ ንምሉእ ሃገርን ህዝብን ዝወርዶ ዘሎ ኢዩ፡ ንኹላትና እንዳኣብረየ ልኡኺትና ይሰደልና ኣሎ እሞ ህዝበይ ነየንይቲ ሃገር ኢዩ ከምዚ ናትና ክገብረላ ክኢሉ፧"

- ❖ በል እግዝኣብሔር ንዓይሲ እዚ ኩሉ ጌርካለይ ነዚ ህዝቢ ብዓይኒ ምሕረትካ ጠምቶ። እንታይ ይኸውን ከምዘሎ ትርእዮ ኣለኻ በልክዎ፡ ንሶምሲ ግደፍዮም እዚ ኩሉ ሓቂ እንተ ዘይኣመኑ እታ ቤት ክርስትያን ምህናጽ'ዶ ትሕሾም ዋላስ እዚ ዘሕልፍዎ ዘለው፡ እንተነገርክዮም ክኣምኑ ኣይክእሉን ኢዮም ኣብ ነብሶም ዝፍጸምን ብዓይኖም ዝርእይዎን ስለዝኾነ ግን ኣይትፍርሂ ኣይትጃጅዊ ጸሊኦም ኣይኮኑን ጎዶሎ እምነት ስለዝኾኑ ኢዮም ግደፍዮም ብኦኦም ኣይተልዕልለይ" ኢሉኒ ተቐጢዑ ገዲፉኒ ከደ፡
- ❖ ካብ ኣስመራ ናብ መርሓኖ ምስ ገዓዝና እታ ጽሩይ ማይ ዘለዋ ዒላ ማይ መሞና ካብ ገዛውትና ርሕቕቲ ስለዝኾነት። ከመይ ጌረ ማይ ወሪደ ደቀይ ከስቲ እየ ኢለ ተጨነቕኩ። እግዚኣብሔር ግን "ካብታ ጥቓኺ ዘላ ማይ ምንቺ ስተዪ" በለኒ፡ እዛ ማይ እዚኣ ሓሰኻ ዘለዋ ከምኡ ውን ሰባት ዝሕጸቡላ ረሳሕ እያ፡ እንተኾነ እግዚኣብሔር ዋላ ሓንቲ ኣይትገብረክን ኢያ ካብኣ ስተዩ ስለዝበለኒ። እነሃለኹ ንልዕሊ ሽዱሽተ ዓመተይ ምስ ደቀይ ካብኣ ሰተየ። ኣብ ጥዕናይ ኮነ ጥዕና ደቀይ ድማ ወላ ሓንቲ ጉድኣት ኣየስዓበትለይን፡
- ❖ በዓል ቃል ኪዳንኪ (መዋስብትኺ) በቲ መልእኽትኺ ዝኣክል ምስ በደለኪ መሪር ንብዓት ነባዕኪ፡ ሽዕኡ ከምዚ በልክኒ። "ጎይታይ ንዕኡ ዘጉሂ ንዓይ ዘይለግበኒ ካብ ሎሚ መዓልቲ ከይትሓልፍ። ምስ ወፈረ ንእለቱ ስራሕ ከይበጽሐ እንታይ ኣጋጠሞ፧ መኪና ነታ ብሽክለታ ሕምሽሽ ኣበለታ፡" ኣነ ከኣ ተመስገን ኣንታ መልሲ እትህብ ጎይታ በልኩኻ፡
- ❖ ቀትሪ ምድሪ ጠልጠል እንዳበለት ሕርቃንን ጓህን ዝመልአት ሓንቲ ዘይትፈልጥያ ሰብ መጺኣትኪ በለኒ እግዚኣብሔር። ኣነ ድማ እወ በልክዎ፡ እንታይ ደኣ በለትኪ በለኒ፡ "ኣነ መሬት ከም ኣፍ ዕንቂ ዝጸበበትኒ ሰብ እየ ሕጂ ከኣ ነቲ ትረኽብዮ ኣምላኽ ክትልምንለይ ኢለ እየ መጺኤ ሽግረይ ክዘርዝረልኪ በጃኺ ጽን ኢልኪ ስምዕኒ፡ ካብ ስድራይ ካብ ሱዳን ሃገራዊ ኣገልግሎት ክገብር ኢለ መጺአ። ኣገልጉለተይ ወዲአ ድማ ተማየስኩ። ብድሕሪኡ ናብ ስድራቤተይ መምለሲ ዝኾነኒ ገንዘብ ክእክብን ከምኡ ውን ንግዝይኡ ከብደይ ክዕንግል ስራሕ ይጅምር፡ እንተኾነ ግን ኣብ ዝኣተኽዎ ስራሕ የጋፍዑኒ፡ ሽው ኣነ ኣበይ

ዲኸ ትሰርሒ በልክዋ። ንሳ ድማ ኣብ  ቤት ብልዒ ይሰርሕ። ዝሰራሕክዎ ገንዘብ ኣበይ ከምዝውዕል ኣይፈልጦን እየ። ገንዘብ ምሓዝ ስኢነ ዘለቃሕክዎ ሰብ ድማ ክንዲ የቐንየለይ ኢሉ ዝመልሰለይ ተገልቢጡ የዋርደኒ፡ ናብ ኢሚግረሽን ጉዳይ መገደይ ክሳልጥ ኢለ እንተ ኸድኩ ወረቓቕተይ ይሰኣን። ኣብ ዝኣተኽዎ ገዛ ከይደንጎዩ ውጺ ይብሉኒ ዓቕለይ ጸቢቡኒ በጃኺ እንኪ ስመይ ንኣምላኽ ለምንለይ በለትኒ፡ ኣነ ደኣ እንታይ ጸሎት ይኽእል ኮይነ። ጥራይ እግዚኣብሔር ዝለኣኸኒ እየ ዘብጽሕ በልክዋ። ደሓን ኣይፍለጥን እዩ ኢላ ስማ ገዲፋትለይ ከይዳ፡ ጸኒሑ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ኣቢሉ ይኸውን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ሓንቲ ቁጽሪ 20 ኣውቶቡስ ተሰቒልና እንዳኸድና። ሳባ ኣነ ደኣ ንገዛኺ እንድየ ዝኸይድ ዘለኹ በለትኒ፡ እንታይ ክትገብሪ በልክዋ፡ ካብ ጸሎትኪ መልሲ ረኺበ ኩሉ ሰሊጡኒ ምስ ስድራይ ክራኸብ እግዚኣብሔር ወዲኡለይ ከመስግነኪ ኢለ ኢየ በለትኒ፡ ኣነ ድማ ተመስገን እንቋዕ ኣብዚ ኣብቀዓኪ ሕጂ ኪዲ ተመለሲ በልክዋ፡

- እቲ ባዕልኺ ናብ ንጉስን ጳጳስን ተዋፍርዮ ዝነበርኪ ጽሑፍ ጸሃይነሽ ናብ ህዝቢ ክትዝርግሖ እንከላ ንነዊሕ መዓልታት ተሸፊኑኪ ስለምንታይ ክትፈልጢ ዘይከኣልኪ በለኒ እግዚኣብሔር። ጸሃይነሽ ንጓለይ ጥልፊ ክንመርጸላ ምጺ ኢላትኒ እኳ እንተነበረት። ኣነ ግን ቅልጥፍ ኢለ ኣይከድክዋን ሓደ ኣፊቱ ንምህራም ጭራ ንግደት ክኸይድ ከለኹ ብኡ ገረ ክሓርየላ ኢለ ቅድሚኡስ ናብ ጸሃይነሽ ኣይተበገስኩን፡ ደሓር ግን ንገዝኣ ምስ ከድኩ ወዳ ጸኒሑኒ። ጸሃይነሽ'ከ ምስ በልክዎ ከምቲ ናትኪ ንመልእኽቲ ወጺኣ በለኒ። ሽዑኡ ኣነ ሰንበድኩ “እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ፧ ክንደይ መዓልቲ ጌሩ፧” ምስ በልክዎ። በዓል እግዚኣብሔር ዘውገሐ ለይቲ ወጺኣ በለኒ። ሕጂ'ሽ ኣበይ ኣላ በልክዎ እንዳ ቅዱስ ሚካኤል ኣላ በለኒ፡ ኣነ ኸኣ ናብኡ ከድኩ ኣብ ጎቦ ደይባ ንበይና እቲ ህዝቢ ድማ ኣብ ትሕቲኣ። መልእኽታ ክትነግር ጸኒሓትኒ፡ ርእይ ምስ ኣበልክዋ እንታይ እዋኑ ሕብራ ተደምሲሱ ኢለ ካብኣ ርሕቕ ኢለ ተጨነቕኩ፡ መልእኽታ ክሳብ ትውድእ ተጸበኹ፡ ሰዓት ሓሙሽተ ኮይኑ ገዝኣ ምስ ኣተወት እንታይ ደኣ ወረቐተይ ትዝርግሕዮ ከተእስርኒ። ኢለ ሰንበድኩ ንሳ ከኣ እንታይ እሞ ክገበር እቲ ንዓኺ ዝለኣኸ እግዚኣብሔር ኢዩ ልኢኹኒ፡ ተገዲደ ከኣ ካብዛ ማሙቕ ገዛይ ወጺአ። ኣይሰማዕክን ዲኺ ቀኒኺ በለትኒ፡
- ሓደ መዓልቲ እኩይ መጺኡ ንጸሃይነሽ ሓማተይ ወድኺ ከመይ ገይርኪ ከተመርዕውዮ ትሓስቢ ኣለኺ ኤድስ ኣለዎ በላ፡ ንሳ ድማ ተለፎን ደዊላ ከምዚ ኢሉኒ መን ምዃኑ ኣየለለኽዎን ግን ፈሪሀ ሕጅስ ጸሎት ግበሪ መልሲ እንተረኺብኪ በለትኒ፡ ኣነ ድማ ብዓቕመይ ጸሎት ገበርኩ ሽዑኡ እግዚኣብሔር ከምዚ በለኒ። ሳባ ሰብኣይ ጓልኪ ከሰተ ካብ ኤድስ ነጻ ኢዩ ኣይትጠራጠሪ፡ ግን ከይተመርመረ ቃል ኪዳን ስለ ዘየእስርዎ ይመርመር

ኢሉ። ቅድሚ ምምርማሩ ካብ ኤድስ ነጻ ምዃኑ እግዚኣብሔር ኣበሰረኒ፡ ኣነ ድማ ደዊለ ንጸሃይነሽ ኣበሰርክዋ፡

- በል ጎይታይ ባዕለኻ'ዶ ኣይኮንካን ኣምጺኣካለይ እንታይደኣ ትጽይቐለይ በልክዎ፡ "ሳባ ዝጽይቕ ኣምላኽ ኣይኮንኩን። ክጽይቐልኪ ኢለ ከኣ ኣይገብሮን እየ። ሓማት ጓልኪ ንመልእኽቲ ኢላ ወጺኣ ተኣሲራ ከላ ንስኺ ግን ነቲ ዕንባባ ሃሪፍኪ ተሸባሺብኪ ስቕ ኢልኪ ዕድመኺ ዓዲምኪ። መን ክቕበለኒ እዩ'ሸ ኣይትብልን ዲኺ፧ ኣነ ከኣ ኣይርደኣን ኢዩ ዘሎ ኢለ ንሰብኣይ ጓልኪ የእሰርክዎ። ኣብቲ መርዓ ከምዘይውዕል ገበርክዎ፡ ንስኺ ከኣ ዓቕልኺ ጸቢቡኪ ላዕልን ታሕትን በልኪ፡ በሊ ሳባ ላዕልን ታሕትን ኣይትበሊ ናትኪ መርዓ ብትእምርትን ተኣምራትን ከምኡ 'ውን ሓማት ጓልኪ መልእኽታ ክትውድእ ኢለ ኢየ እምበር እቲ መርዓስ ኣይተርፍን ኢዩ፡ ንስኺ። ሰብኣይ ጓልኪ። ሓማት ጓልክን ትውዕልዎ ክኸውን። ድርብን ዕጽፍን ዘደንቕን ኮይኑ ክሓልፍ ኢዩ፡"
- ሳባ ንስኺ 'ውን ክትእሰሪ። ክትዋረዲ ኢኺ ዘይሰምዐ ክሰምዕ ኢዩ፡ ብኣይ ዝሓልፍ ብዓለም ከይተዋረደን ከይተኸላበተን ስለዘይሓልፍ ነዚ ናተይ ኢልኪ ተቐበልዮ፡ በሊ እዛ ብፈረንጂ 4 ለካቲት 2007 ዓ/ም ብግእዝ ድማ ጥሪ 27, 1999 ዓ/ም ተሪፋ ትውዕል ዘላ መርዓ ጓልኪ። ኣብዒልክያ ወዓሊ በለኒ፡ ኣነ ኸኣ ብሓጎስ ተቐቢለ። "ሕራይ በል ጎይታይ። ኣጽንዓንን ኣኽእለንን" በልክዎ፡ውሽጠይ ከኣ ብሓጎስ መልአ። ግልብጨይ ተቐኒነ ጻዕዳ ክዳውንተይ ገይረ ዕልል እንዳበልኩ ከይፈለጡ ዝመጹ ኣጋይሸይ። ብስዋን እንጀራን ገይረ ተቐበልክዎም። ናይ ምሸት ምስ ኮነ ምስቲ ናተይ ዝተቐጽረ መርዓ ዕደመይ ክጽሕፍ ዞርኩ፡ ኩሉ ሰብ ሰንቢዱ ከሎ ኣነ ግን ሕጉስቲ ኰንኩ፡ ንጽበሓይቱ ሰኑይ እግዚኣብሔር መጺኡ። "ሳባ ተዳለዊ ኣብዚ ሳልስቲ ክኣስሩኺ ክመጹ እዮም። ኣብታ ቤተክርስትያን እንዳ መድሃኒኣለም እትስራሕ ካልኣይ መደበር ፖሊስ ክኣስሩኺ እዮም" በለኒ፡ ኣነ ከኣ ንሜሪ ጓለይ ብዛዕባ ንብረት ናይ ገዛ ሓልዊ ተጠንቀቒ። ኣነ ክእሰር እየ ምስ ሂወት ኰንክን ኣይትሕመቓ በልክዋ፡ሜሪ ጓለይ ድማ እሞ ከም እትእሰሪ ንሂወት ነጊርክያ ዲኺ በለትኒ። ኣነ ከኣ ኣይነገርክዋን ግን ንሳስ ኣይትጠልመክን ኢያ። ኣደ ክትኮነኪ ኢያ በልክዋ፡ ሕጂ ግን ነሕዋትኪ ሒዝክዮም ንጻዕዳ ክርስትያን እንዳ ዓለቦይ ኪዲ፡ ከይስንብዱ ንዐኦም ድማ ንዓኹም ክንርእየኩም ኢና መጺእና በልዮም፡ ደቀይ ምስ ኣፋነኹ ንጽባሒቱ ሮቡዕ ናይ ንግሆ ፖሊስ መጺኦም ወሰዱኒ፡ ካብቲ ዝበሎ ቃል እግዚኣብሔር ስለዘይትሓልፍ ከምቲ ዝበሎ ኮነ፡
- ኣቐዲሙ እግዚኣብሔር ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣትኺ ካብዞም ኣብ ገዛኺ እትርእዮም ዘለኺ ምልክት ክሰደልኪ ኢየ በለኒ፡ ኣነ ግና ኣብ ገዛይ እንታይ ይርኢ ከምዝነበርኩ ኣይፈለጥኩን፡ ምስ ተኣሰርኩ ግን ንህቢ ኣብ ውሽጢ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ጥቓ እግረይ

ዓለበ፡ ኣነ ሽዑ ትዝ ኢሉኒ ወይለይ እዚ ንህቢ እንድዩ ኣብ ገዛይ ክርእዮ ዝቐነኹ በልኩ። እንታይ ደኣ ከተበስረኒ መጺእካ ኢለ ነቲ ንህቢ ብኢደይ ሒዘ ሰዓምክዎ፡ ንሱ ምስ ከደ ሳባ ንዒ ኢሎም ዓሸራ ገበሩለይ፡ ቅንይ ኢሉ ድማ ናብ ጸሓይ ኣውጺኦምና ከለዉ ንህቢ ኣብ ጥቓ እግረይ መጽአ፡ ስዒመ ከም ቀደመይ ኣፋነኽዎ ንሱ ምስ ከደ ከኣ ጸዊዖም ናይ ኢድ ፌርማ ኣፈረሙኒ፡ እተን ምሳይ ዝነበራ እሱራት ንመርዓ ጓልኪ ክትወጺ ኢኺ ይብላኒ እሞ ኣነ ግን እቲ ንህቢ ከይመጸ ኣይወጽእን እየ ይብለን ነበርኩ፡ ጸኒሑ ንህቢ መጸኒ ናይ ምውጻእ ተስፋ ገበርኩ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ከኣ ወጻእኩ፡

❖ በሊ ሳባ ራኢይ’ኸ እንታይ ርኢኺ ቅድሚ ካብ እስርቤት ምውጻእኪ በለኒ እግዚኣብሔር፡ “እወ ኅይታይ ለይቲ ደቂሰ ከለኹ ሳባ ትብለኒ። ኣነ ድማ ኣቤት ኢለ ኮቦርታይ ቀሊዐ ክሰምዓካ እንዳበልኩ ሰማይ ከፊትካ። ክልተ ኮኾብ ኣብሪሆምልካ ክትመጽእ ምስ ረኣኹኻ ሰንበድኩ፡ መርዓ ጓለይ ከይወዓልኩ ድዩ ክወስደኒ መጺኡ ኢለ ፈራሕኩ ኮቦርታይ ከኣ ተሸፈንኩ፡ ብድምጽኻ ድማ እቲ ደቂሰዮ ዝነበርኩ ምድሪ ኣንቀጥቀጠ። ኣነ ከኣ ብፍርሂ ዝኣክል ኩሉ ነብሰይ ከም ማይ ዝሑቕ በለ፡ ሽዑ ንስኻ። እንታይ ደኣ ኰንኪ ትስንብዲ መልእኽቲ ከተመሓላልፊ ኢለ እየ መጺአ። [ኢሳይያስ ነቢይ](#) [ኢዩ፡](#) ነቢይ ስለዝኮነ ነቲ ትንቢት ካብ [መቦቆሉ ስለዝኾንኪ](#) ንስኺ ከተመሓላልፍሉ ገይረ፡ ንሓደ ነቢይ ትንቢት ዘመሓላልፍ ካብ ዘርኡ እየ ዝገብረሉ፡ [ንሱ ዋላ ኣይፍለጥ እምበር ንስኺ ዘርኡ ኢኺ፡](#)

❖ ኣብ ዓውደ ኲናት ውዒለ ሃገር ኣረኪበዮ ንስኺ ከኣ ሕጂ ኣይኮንክን ተሓሪኺ ተነቢኺ። ካብ ህጻንነትኪ ኢኺ፡ ኣብ ክፍሊ መርመራ ክሓቱኺ ከለዉ ከይፈራሕኪ ተዛረቢ። **ኣነ ኣለኹ ምሳኺ፡** ከምዚ ኢልካኒ ከለኻ ግን ሰብ ሰለ ዝኾንኩ ኣጉደልኩ። እንዳ ፈለጥኩ ተጋገኹ፡ ንሳኻ ድማ ካብታ ዝተጋገኹዋ ሰዓትን መዓልትን ኣሕመምካኒ ካብ ሰሉስ ክሳብ ሓሙስ ተሳቐኹ፡ ሓካይም መጺኦም ፈውሲ ሃቡኒ ግን ሕማም ስለዘይኮነ ክጠቕመኒ ኣይከኣለን፡ ናብ ዓርቢ ዘውግሐ ለይቲ። ተንበርኪኸ “በዲለ እየ ኅይታይ ይቕረ በለለይ” ኢለ ጸለኹ፡ ሽዑ ንሽዑ ድማ ጌጋይ ክእርም ደጋጊመ ነቶም ዋርድያ ንመርማሪየይ ጸውዑለይ በልኩዎም፡ መርማሪየይ ከኣ እንታይ ደኣ ልኡኽ ኣብዚሕኪ ደሓን ዲኺ በለኒ፡ ደሓን ኢየ ድሓን ከኣ ኣይኮንኩን ጌጋይ ክእርም ኢለ ኢየ በልክዎ። ከመይ ኢልኪ ጌጋኺ ፈሊጥኪ በለኒ፡ ኣነ ድማ እንዳፈለጥኩ ኢየ ተጋግየ ፈሪሐ በልክዎ፡ ጌጋይ ምስ ኣረምኩ ድማ ሽዑ ንሽዑ ሓወኹ፡

❖ ቀጺሉ ድማ ሕልሚ’ኸ እንታይ ሓሊምኪ ካብ እስርቤት ከይወጻእኪ በለኒ፡ “ኣነን ሓማት ጓለይ ጸሃይነሽ ንእሽተይ መገዲ ንኸይድ እሞ። ኣብ ገፊሕ ሩባ ንኣቱ ክንሸይን ኢልና ክልቴና ኮፍ ንብል፡ እቲ ደንደስ ናይቲ ሩባ ብፍረ በለስ ከም ሰበባ ተላጊቡ ተሸፊኑ። በቲ ኣነ ዝነበርክዎ ናይቲ ሩባ በዓቲ ድቢ ጸኒሑ። ኣፉ ሃህ ኣቢሉ ካብ እግረይ ክሳብ ክሳደይ

ወሓጠኒ፡ ኣነ ከኣ ነዘን ክልተ ኢደይ ንላዕሊ ኣውጺአ ኣእወኹ። ኣነ እንዳ ኣእወኹ ጸሃይነሽ ከኣ ኣብቲ ደንደስ ናይቲ ሩባ ኲይና ኣእወየት፡ ህዝቢ ተኣከበ ካብቲ ሽግር ዘናግፈኒ ግን ኣይረኸብኩን። እግዚኣብሔር ግን ገጽካ ከይተራእየ ብድምጽኻ ብኢደይ ስሒብካ መሰስ ኣቢልካ ኣውጺእካኒ ከይደንጎኹ ከኣ ወጻእኩ፡ ነቲ ኩሉ ፈተነ ክትሓልፍዮን ክትወጽእዮን ምኽንኪ ንኽትፈልጢ ኢለ ኢየ ድማ በልካኒ፡"

❖ እቲ ዝተቐየረ መርዓ ምስ ሓለፈ እግዚኣብሔር ከምዚ በለኒ። እቲ ዝቐየር መርዓ'ሽ ከመይ ክኸውን እዩ ኢለኪ ኔረ። ዘደንቕን ንኹሉ ሰብ ዘዛርብን ጽቡቕ መርዓ ክኸውን ኢዩ'ዶ ኢለኪ ኔረ። ብዕለት 23 መስከረም 2007 ሰንበት መዓልቲ ብግእዝ ድማ 12 መስከረም 2000 ዓ/ም ዝወዓለ መርዓ ከምቲ ዝበልኩኺ'ዶ ኮይኑ። ከይበጽሐ ከሎ'ኽ ንሰብ'ዶ ተዛሪብኪ በለኒ፡ "እወ ንኹሉ ይነግር ኔረ" በልክዎ፡ "እሞ ከመይ ጌርኪ ደኣ ፈሊጥኪ፣" በለኒ፡ ስለ ዝነገርካኒ ኣሚነ ተቐቢለዮ ኲይኑለይ ከኣ ብሽሻዩ ኮነ ተዓጣቕ ኣነ ድኻ ከሕልፎ ዘይክእል ዘደንቕን ዘደስትን ውራይ ኮይኑለይ ሓለፈ፡

❖ "ተኣሲርኪ ከለኺ። መዓልቲ ኣንዊሕካለይ ሓሩጨይ ክሕስኸ እንድዩ በርበረይ ክጽዕዱ እንድዩ። ኣይትወጽእን ኢያ ኢሎም ከይሽጡዎ ሓልወለይ በልክኒ፡ እቶም ኣብ ገዛ ዝነበሩ ከኣ ክንደይ መዓልቲ ክሸጥዎ ተበገሱ መወዳእታ ዝወጻእክላ'ዶ ክጽዕንዎ ኢሎም ኣበጊሶሞ ጸኒሖምኺ" **"እወ"** "በሊ ቅያ ኢዩ። ሰብ ብሓሳቡ ከምዘይፍጽም ክፈልጥዎ ኢለ እየ፡ እታ ንመርዓ ኢልኩም ዝገዛእኩማ ላም ንመፍረ ክትከውን ኢሉ መን ሓሰባ፧" "ፍቓድካ ስለዝኮነ ንመፈረ ኮይና ኣንስተይቲ ወሊዳ፡"

❖ "ሳባ በዓል ስላሴን ቀዳምን ክትዘርኢ ምስ ከድኪ እንታይ ኢጋጠመኪ፧ኣይሰምዕን ኮይነ እምበር በቲ ቀዳማይ ናይ ክዳውንቲ ዘጋጠመኒ ክፈርሕ ኢዩ ዝግባኣኒ ኔሩ። ሓደ ሰብ ኣብ ገዛይ መጺኡ እታ ዓሚ ዝዘራእኩማ ግራት እንድሕር ዘይትዘርእዋ ኲንኩም ኣነ'ዶ ክዘርኣ በለኒ፡ ኣነ ድማ ስስዕቲ ስጋ ሒዙኒ ዘርአይ ሒዘ ባዕለይ ኢየ ዝዘርኣ ኢለ ከድኩ፡ እታ ሓራሲት ማሽን ንኩሎም ዝዘርኡ ሓሪሳትሎም ኣነ ከኣ ከም ናቶም ክትሓርሰለይ ኢለ ዘራእኩዎ፡ ኣብታ እዋን እቲኣ ናይ ማይ ምልክት ዝኾነ ይኹን ኣይነበረን። ማሽን ንኹሎም ሓሪሳ ናባይ ሰገረት። ማይ ከኣ በዚ መጸአ ከይተባህለ ንዓይን ንደቀይን ኣንገርጊረና፡ ውሑጅ ከኣ ክወስደና ደለየ ንዘርአይ ድማ ወሰዶ፡ ንጽባሒቱ ሰንበት ድማ ነቲ ዝተረፈ ጨራሩ በልዐአ። መቕጻዕተይ ምኳኑ ሽዑ ንሽዑ ተረዳኣኒ፡ ስጋ ርግምቲ ኢያ ሰኑይ ከኣ ዘሪአዮ በቐሉ ኣብ ምዕጻድ ምስ በጽሐ። ክንዓጽድ ኢልና ምስ ከድና ሰራዊት መጺኦም ናይ ኩሉ ዓጺዶም ወሰድዎ፡ እንታይ ደኣ ኲንኩም እንተበልናዮም። እዚ ናይ መንግስቲ ኢዩ ብኢድኩም ሓሪስኩሞ በሉና፡ ሽዑ እግዚኣብሔር ዓሚ'ኸ ብስራሕ መዓልቲ

ዘሪኢኪ በሊዕክሉ’ዶ በለኒ እወ በልክዎ። እወ በዓል ስለ ዝደፈርኪ ኩሎም ብሰንክኺ ተለኪሞም በለኒ፡

- ❖ “ካብ ማእሰርቲ ምስ ወጻእኪ ተጸሊኡኪ ትዝክሪ እንተኾንኪ ናበይ ኬድኪ ኔርኪ፧ ማይ ጨሎት እንዳ ኪዳነ ምህረት ክሕጸብ ከይደ፡ ብወረኺ ትፈልጥ ገጽኪ ርእያትኪ ዘይትፈልጥ ክትርእየኪ ኢላ ዝመጸት እንዳአፋነኽያ ከለኺ እንታይ ርኢኽን፧ ካብታ እንዳ ኪዳነ ምህረት ተበጊስና እንዳኸድና ከለና ኣብ ሰማይ ቀስተ ደበና ፍልይ ዝበለ ቀቅድሜና ዝኸይድ ዘሎ ዝመስል ርኢና፡ ንስኺ እኳ ናብኡ ኣድህቦ ኣይነበረክን ንሳ ግን ትድነቕ ኔራ። ኣነስ ብርኽቲ መዓልቲ ኢያ ምምጻአይ ፍልይ ዝበለ ቀስተ ደበና ርእየ። እግዚኣብሔር ክንደይ ይፈትወኒ እዩ በለትኪ። ንስኺ ግን ኣብ ካልእ ኢኺ ኔርኪ እምበር ዓቢ መልእኽቲ ኢዩ ነይሩኪ፡ እታ ቀስተ ደበና ክትመርሓክን ዝጸንሐት ክትፈላለያ ከለኽን ናበይ ድኣ ከደት፧” ንሕና ውን ክልቴና ግልብጥ ኢልና እንተጠመትና ዘየላ ምስ ኮነት ተገረምና፡
- ❖ “በሊ ሳባ እቶም ሰለስተ ደቅኺ ብናይ መልእኽቲ ጻዕሪ ኮለል ኣቢሎምኺ ዝተወልዱ ሓደ ዓይነት ተኣምራት ኔርዎም፡ ኣብ ርእሶም ኣብ ከብድኺ ከለዉ ኣብ መምበስበስትኦም ቁማልን ጭብን ዘለዎም ኮይኖም ተወሊዶም፡ እወ ኀይታይ ንሜሮን እኳ ዓባይ ሰበይቲ ኀሮቤትና ዕላለቱ ግፈፋለይ ኢለየን። ንሰን ከኣ ንዐኦም ምስ ረኣያ። ኣብ ከብዲ ከለው’ኸ ይቅሙሉ ድዮም፣ ኢለን ተደነቓ፡ በዓል ተኣምራት ኢዩ እዚ ቆልዓ ከኣ በላ፡ ሜላት ከኣ ምስ ተወልደት ከምኦም ጸኒሓትኒ ሰብ ከይርእያ ኢለ ባዕለይ ዕላለታ ሰዲደላ፡ ኣነ ኸኣ ናይ ተኣምራቶም ከይፈለጥኩ እንታይ ደኣ በሊዐ ኣብ ከብደይ ከለዉ ዝቖሙሉ ኢለ ሰንበድኩ፡ ‘ኮላይ እቲ ሳልሳይ ዝተኀድአ ዘይረኣኽዮ እምበር ከምናቶም ተኣምራት ነይሩዎ ኢዩ፡” ብህጻና ‘ከላ ከም ዕድመኣ ዝኣኸለት ጓል ኣንስተይቲ ጡብ ኣውጺኣ ጓል ሰለስተ ዓመት ኢልኪ ክትሓብእላ ተዋሪድኪ ነይርኪ። ምልክት ናይ ትእምርቲ ኢዩ ኣይትሕብእዮ፡
- ➢ ”ንጉስ’ከ ንወተሃደራቱ ኮነ ንዘብዐኛታቱ ዝጸርፈሉን ዘዋርደሉን ይፈቱ’ዶ። ኣይፈቱን ኢዩ፡ ንዝተንከፎም’ከ እንታይ ይገብሮም፡ ይኣስሮም ወይ ከኣ ይቐትሎም፡ በሊ እዞም ኣብ ጊዜኺ ዘለዉ ሓደሽቲ ወለዶ ንቤተክርስትያንይ ዝጸልኡ ንወላዲተይ ዘሕስሩ። ነቶም ልኡኻት መላእኽቲ ናተይ ዝንዕቁ። ከምቲ ንጉስ ናይ ምድሪ ዝፈርድ እዚኦም ከኣ ብኣይ ፍሩዳት ኢዮም፡ ንስኺ ከም ቀሊል ጌርኪ ትወስድዮ ብኣፍኪ ዝወጽእ ቃላት መንፈስኪ ዝዛረቦ ስጋኺ ዘይትፈልጦ ብዙሕ ኣሎ፡ መንፈስክን ስጋኽን ርክብ ዘለዎ ኮይኑ ይስመዓኪ። በበይኑ ምኻኑ ኣይትፈልጥን ኢኺ፡ መንፈስኪ እቲ ሓቂ ክትዛረብ ከላ ስጋኺ እቲ ሓቂ ክሳብ ትርእዮ ትስንብድ፡

- "በል ኅይታይ ኣነ ዘይረብሕ ሰብሲ ብምንታይ መሪጽካኒ፧ እዚ ኩሉ ውህበት ሂብካኒ ኣነ ካብ ሰብ ዝተፈልየ ጠባይ የብለይን። ውዒቲ። ዝዛረቦ ዘይፈልጥ ኢየ፡ በል ይብድለካን የቐይመካን ከይህሉ ይቕረ በለለይ፡" "ሳባ ትምህርትኺ ደምሲሰ ንትንቢት ዘውጻእኩኺ ሓቂ ስለትዛረቢ። ዋላ ቀታሊትኪ ትኹን እንበር ንሓቂ ትህወኽላ ኢኺ፡ ዋዒ ከኣ ከተሳልጥለይ ኢለ ኢየ ውዒቲ ጌረኪ ኣይትጽልእዮ ኣሳልጦ ኣለኪ፡ ኣነ ኣብ ዝሓድሮ ዝፈልጥ የለን፡ ነቲ ልኡኽ ከለልይዎ እንተኽይኖም ነቲ ኣነ ዝልእኮ ኣብ ነብሱ። ኣብ ገዝኡን ሃገሩን ብዙሕ ተኣምር ኢየ ዝሰርሕ፡ ከምዛ ኣደ ቆልዓ ዝብልዋ ነብሰ ጾር ከላ ነቲ ከብዳ ትሃርሞ ነይሩ። እንታይ ኮይና ደኣ እታ ህጻን ከይሞተት ብጥዕይታ ተወሊዳ፣ እታ ኣብ ከብዳ ዝነበረት ቆልዓ እቲ ትግረፎ ዝነበረት መግረፍቲ ናይቲ ህዝቢ ኢዩ፡ እቲ ህዝቢ ግን ኣይተረድኦን። ንሳ እቲ መልእኽቲ ተመሓላልፍ። እቲ ህዝቢ ከኣ የሽካዕልል። እቲ ህዝቢ ጨኪኑ። እዚኣ ከኣ ቅርሺ ደልያ እምበር እንታይ ደንጊጸ እንዳበለ የናሽዋ፡ እታ ህጻን እንታይ በዲላ ተገሪፋ ይመስለኩም፣ ነዞም ርእዮም ዘይኣምኑ ህዝብኺ ከእምን ኢለ ኢየ፡ ነዚ ሓቂ እኳ ርእዮም ዘይኣመኑ እንዳፈለጡ ከምዘይፈለጡ ዝኾኑ ዘለዉ ንነብሶም ዘዐሽዉ ንጥፍኣት ከኣ ዘምርሑ ኢዮም። ግደፍዮም ነዚኦም እንታይ ክትልምንሎም ኢኺ። ከጥፈኦ ኢለ ዘልመየ መልሚዒዑ ኢለ ከኣ ዘጥፈኦ። ናተይ ምስጢር ዝተኣዘዘ እንተዘይኮይኑ ማንም ሰብ ክረኽቦ ኣይክእልን ኢዩ፡"

- "ሳባ እቶም ንግሆ ሰዓት ሽዱሽተን ፈረቓን (6፡30) ዝረኽቡኺ ክልተ ኣቡናት እንታይ ኢሎም ሓቲቶምኺ፧" እንታይ ኮንኪ ቅድሚ ምጽዓርኪ ዘይመጻእኪ፧ መጺአ እንድየ፡ መን ደኣ ከልኪሉኪ፧ እዞም ናባኹም ዘእትዉ ፈላሲ በልክዎም፡ ሽዑ ንሶም ነቶም ፈላሲ ንዓስኪ እንታይ ኮንካ ነዚ መልእኽቲ ዓጺኻልና" በልዎም፡ ንሶም ከኣ "ኣብዚኣ እግዚኣብሔር ኣይረአን ኢዩ ኢለ ንዒቐያ ክሰጎ ይውዕል ኔረ፡ "እግዚኣብሔር ዝሓድሮ መን ይፈልጦ፧ ኣብ ድላዩ ክሓድር'ከ መን ይኽልክሎ፧ እሞ እምኒ ኣፍ ኣውጺኣ ኣነ እግዚኣብሔር ልኢኹኒ ኢዩ እንተበለት። እምኒ ኢኺ መን ኣፍ ሂቡኪ ክትብላ ዲኻ፧ እግዚኣብሔር ኣብ ዝሓድሮ ማንም ሰብ ዝፈልጦ የለን። ነቲ ዝሓደሮ በቲ ዝተዛረቦ እንተተፈጺሙ ሓቀኛ ምዃኑ ተረጋግጽ እምበር ተቐዳዲምካ ኣይዕጸን ኢዩ በልዎም፡ ንዓይ ከኣ። ዛጓለይ ምስ ሓረስኪ ኣብ ገዛኺ መጺእና ብኽብሪ ክንቅበለኪ ኢና ኣድራሻኺ ሰድድልና" በሉኒ፡ ሕጂ'ኸ ናበይ ኢኺ ከምዚ ኢልኪ ነስቢዳለ ዲኺ በሉኒ፡ ኣይኮንኩን በልክዎም። ናበይ ደኣ፧ ናብ እንዳ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኢየ ናብ ገዝኡ ዘይኮንኩ ናብ ቤት ጽሕፈቱ ኢየ፡ ብሽመይ ክትኣዊ፧ ጥሒሰ ክኣቱ። በይንኺ ዲኺ፧ ኣይኮንኩን ምስዞም ኣብ ታክሲ ዘለዉ ሰብ ኢየ፡ መን ነጊሩኪ ጥሒስኪ ከምትኣትዊ፧ እግዚኣብሔር። እሞ ኣሚንኪ ዲኺ፧ እወ በልክዎም፡ እንዳ ተጻዓርኪ ከለኺ፧ "እወ" ሕጂ

ዲኺ ትሓርሲ፧ ኣይኮንኩን። ጽባሕ ሰዓት ሓሙሽተ እየ ዝሓርስ፡ ምሕራስኪ ነጊሩኪ ድዩ፧ እወ። በሊ እዚ ኩሉ ትብልዮ ዘለኺ ሓቂ ክኸውን ንጽበ" በሉኒ፡ ኪዲ በሊ ኢሎም ባሪኾም። ስኢሎም ኣፋነውኒ፡ "እዚ ኩሉ ኢሎም ከብቅዑ ብጽሑፍ የእቲኸሎም ኣይሰምዑኽን ዓሰርተ ሽዱሽተ (16) ዓመት ተመላሊስኪ ኣበይ ኣላ ኣይበሉኽን። ንሶም ኢዮም ህዝቦም ሒዞም ጠፊኦም፡"

- በል ጎይታይ ኣብ ቅድሜኻ ክንሳሕ። ኣነ ምስማዕ ኣብዮምኒ ኢለ። ውርደት ብደገን ብገዛን ምስ በዝሓኒ። እምበኣርከስ ኣብታ ጥንስን ሕርስን እዩ ዝሕዘኒ ዘሎ ኢለ። ንኣርባዕተ ዓመት መርፍእ ናይ ውላድ ጠጠው መበሊ ተወጊኤ ሓሙሻይ ዓመት ክረግጽ ከለኹ። ትውግእ ምስ ኣበልኩ ኣብ ወርሓይ ጥንሲ ሒዘ ግዲ ኮይነ። ልበይ ዕግርግር ጀሚሩኒ፡ ወይለይ መርፍእ ኣይሰርሕን ኢዩ ከኒና ናይ ዓሶ ጌረ ክሰዶ ኣለኒ ኢለ ንሞት ጠለቕኩ፡ ስድራይ ተኣኪቦም "እንታይ ኰንኪ በሉኒ። ዓሶ ሓሚመ በልክዎም፡ ኣመርምር 'ተበሉኒ ጥንሲ ኮነ፡ መሊሶም ናይ ሓይሊ ገይሮም ኣተስኡኒ፡ ጥንሲ ምዓልቱ ምስ በጽሐ ወያ ዝጸላእክዋ ኮለል መጸት ካብ እግዚኣብሔር ዝሃድም ስለዘየለ እምበር ኣነስ ኮለል ጸሊእ ሞት እየ መሪጸ ነይረ ግን ኣምላኽ እንተዘይወዲኡልካ መሕብኢ የብልካን፡

- "እቲ መልእኽቲ ዝተወሃብክዮ ብእግርኺ ኪዲ ተባሂልኪ ምስ ኣበኺ። ክትጸዓሪ ትቕንዪ። ጻዕሪ ምስ በርተዓኪ ጸይሮም ይወስዱኺ። እቲ ሃብዮም ዝተባሃልኪ ጽሑፍ ምስ ሃብክዮም ገዛኺ ከይበጻሕኪ ካብ ጻዕሪ ተገላጊልኪ። ሕማም ቃንዛ ስጋ ዘይብልኪ። ኰንኪ ንገዛኺ ብእግርኺ ትምለሲ፡ እንታይ ኮይኖም ነዚ ዝፈለጡ ዓይኖም ዝረኣዩኺ ዘይኣምኑ፧ ጽኑዓት ኢዮም ልቦም ዘይርህርህ ሕልና ዘይብሎም። ክኣምኑ ዘይክእሉ ኣረመናት ኢዮም ነዚ ብዘይ ምእማኖም መቕጻዕተይ ይወርዶም ኣሎ፡"

- "ንሓፍትኺ ሰላማዊት መጸግዒ ስኢነ ኢላ ዝበኸየት መንእሰይ። ምስ ኣጺጋዓታ እንታይ በደለታ፧" "እወ ኣሚናታ። እንዳረኣየታ እንከላ ኣብ ቅድሚኣ ቅሩብ ገንዘብ ኣቐመጠት። ስላም ከኣ ጠፊኡኒ ኢላ ክትበኪ ጸኒሓትኒ፡ ሽዑ ኣነ ነታ መንእሰይ ኣብ ቅድመኺ ኢያ ኣቐሚጣቶ በልክዋ፡ ንሳ ድማ ተቐምጠ ደኣ'ምበር ኣነስ ኣይወሰድኩን በለት፡ ኣነ ከኣ ኣብ መንጎ ክልቴኽን እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኢዩ ነይሩ። ኣይወሰድኩን ካብ በልኪ ደኣ ከይደንጎየ ንሱ ይፍደኺ እምበር በልክዋ፡" "በሊ ሳባ ከይደንጎየ'ኸ ኣብ ነብሳ እንታይ ምልክት ርኢኺ፧" "ኣብ ውሽጢ ሰሙን ዕንፍሩር ኣብ ኣፍልባ ወጸታ። ንሳ ከኣ መንሽሮ ተቐየረት፡" "በሊ ሳባ ኣብቲ መልእኽቲ ከለኺ ረጊምኪ ተብጽሒ መሪቕኪ ከኣ ተብጽሒ። ብዙሕ ንስኺ ዘይትፈልጥዮ ተኣምራት ትሰርሒ ኔርኪ፡ ንኣብነት ሓንቲ ሰበይቲ ቆልዓይ ሕጸብለይ ኢላትኪ። ስመይ ዘኪርኪ 7 መዓልቲ ምስ ሓጸብክላ። እታ ቆልዓ ንብዙሕ ዓመታት ዳርጋ ተረሚሳ ዝነበረት እግሪ ተኺላ እንጀራ በለዐት፡ክምኡ ውን ወዳ ሓሚሙ

ጸኒሑኪ። "እግዚኣብሔር ይምሓርካ ዝወደይ ምስ በኽልዮ ድሕሪኡ ካብቲ ዓራት ተንሲኡ ክጸወት ጀመረ፡"

- "ናይቲ ህጻን መግነዚ ናባኺ ገጹ ዝመጸ። ናባኺ ብኸመይ ወጺኡ ክመጽእ ክኢሉ፧ እቲ ደንጎላ ተፈንቂሉ'ዶ ጸኒሑኪ፧ ኣይጸንሓንን ኀይታይ ኩሉ ብሕቱሙ ብጫፉ ጥራይ ተፋሒሩ፡ ብምልኡ'ኸ ወጺኡ'ዶ ወላስ ተቓዳዲዱ፧ኣይተቐደደን ብምልኡ ኢዩ ጸኒሑኒ፡ ከመይ ኢሉ ደኣ ደንጎላ ከይተላዕለ። ጉዳንድ ከይተፋሕረ ብምልኡ ክወጽእ ከኣለ፧ ነዚ ርእዮም እኳ ምኣመኑኺ፡"
- "ካብቶም ብዙሓት ልኡኻት። ኣቡነ ያእቆብ ምስ ዓረፉ። ኣብቲ እንዳ ኣቡን ጽንዓት ይሃብኩም ዝበሃሎ ቦታ መን ጸንሓኪ፧ ካብቶም ዝመጹኒ እቲ ለይቲ ኣነ ጋብር ኢየ ዝበለኒ። ሰብ ኮይኑ ኣብኡ ጸንሓኒ፡ ኣነ ከኣ ነታ ምሳይ ዝኸደት ሰበይቲ። እቲ ለይቲ ዝረኣኽዎ ጋብር ኣብዚ እነሃለ። ንሱ ከኣ ከእትወኒ ኢዩ በልክዋ፡ ኣብታ እዋን እቲኣ ከኣ እንትርፎ ዓበይቲ ሰባትን ጽንዓት ይሃብኩም ዝብሉ ኣጋይሽን ንዓይ ንማንም ሰብ። ዘይትፍቀደኒ መዓልቲ ኢያ ነይራ፡ ንሱ ግን ከም ሰብ ኮይኑ ሓተተኒ። እተዊ ከኣ በለኒ፡ እቶም ዋርድያ ክኣቱ ከለኹ ብኣኻ ተሸፊኑዎም ግዲ ኮይኑ። ነታ ካልኣይተይ ካባይ ምስ ተረፈት። ርሓቒ ኣብዚ ገጽካ ኣይቅረብን ኢዩ በልዋ፡ ንሳ ድማ "እወ ፈሊጠ ኣለኹ ነዛ ካልኣይተይ ኢየ ዝጽበ ዘለኹ።" "ካልኣይቲ ትህልወኪ ድኣ በየን ሓሊፉ፧ ኣበይ'ከ ኣትያ፧" "በዚ ጥቓኹም ሓሊፋ ኣብዚ ፓላሶ ከኣ ኣትያ" በለቶም፡ "እንታይ ዝሓዘት፧ ቆልዓ ዝሓዘለት፧ ሓሚምኪ ዲኺ ኢሎም ሰጒጎምኒ" በለትኒ፡ ንዓይ ከኣ እቲ ጋብር ናብቲ ፓላሶ ኣደየበኒ፡ ነቶም ምስ ኣቡን ዘራኽቡ ክልተ ካህናት። "እዚኣ ካብ እግዚኣብሔር ዝተላእከት ሰብ ኢያ'ሞ ከተራኽብዋ ተፍቅዱ'ዶ በሎም። ንሶም ከኣ። እንታወይቲ ኮይና ድኣ እግዚኣሔር ዝረኣያ። ዝረአ እንተኾይኑ ድኣ ነቶም ኣቡን ዘይረኣዮም በልዎ፡ ንሱ ከኣ እግዚኣብሔር ዝሓድሮ ንስኹም እንታይ ትፈልጥዎ በሎም፡ ንሶም ከኣ። "ኣይትማጎተና ጥራይ ኣውርዳ" ኢሎም። ነቲ ዝነበርዎ ገዛ ዓጸውዎ፡ ንሱ ከኣ። ንኣቡነ ጨርሎስ ኳሕኲሖም። ኣቦ ደቂስኩም ዲኹም ዘለኹም በሎም፡ ንሶም ከኣ ከዕርፍ ኢለ ኢየ ጉቦ ኮይነ በልዎ፡ ናባኹም ካብ እግዚኣብሔር ዝተላእከት መጺኣትኩም ኣላ ተቐበልዋ በሎም፡ ንሶም ከኣ "እተዊ" በሉኒ። እንታይ ኢሉ ድኣ ይልእከኪ ኻለይ በሉኒ፡ እቲ ዝለኣኸኒ ኣብዚ ጽሑፍ ኣስፈረዮ ኣለኹ በልክዎም፡ ኣንብብዮ በሊ ክሰምዓኪ በሉኒ። ከንብብ ኣይክእልን ኢየ። "መን ድዩ ጽሒፉልኪ ዘይተንብቢ ድኣ::" "ደቀይ" በል ንስኻ ኣንብበላ በልዎ፡ ንሱ ከኣ በቲ ጥዑም ቃሉ ገይሩ ኣንበቦ። ምስ ኣንበበሎም ከኣ። "በሊ ሰሚዐኪ ኣለኹ ዛጓለይ ቅድሚ ኣቡን ምዕራፎም ኣኼባ ኣለዎም ዝበለኪ ከኣ። እንሃለ ብሞት ኣቦና ተኣኪብና" በሉኒ። ክነግሮም ኢየ ድማ በሉኒ፡ ሕራይ ኢለዮም ክወጽእ ከለኹ እቲ ዘእተወኒ ሰብ

ኮይኑ ዝጸንሓኒ። ክኸይድ ከይረኣኽዎ ተሸርበ ኣነ ከኣ ብሊፍት ስለዘደየበኒ በየን ጌረ ኢየ ክወርድ ኢለ ሓርበተኒ በቲ ኣስካላ ጌረ ከኣ ወረድኩ፡ ወዮ ዋርድያ። “ኣበይ ጸኒሕኪ፧ በየን ጌርኪ ኣቲኺ፧” በሉኒ፡ “ክኣቱ ከለኹ ድኣ ትርእዩኒ’ዶ ኣይነበርኩምን” ኢለዮም ከድኩ፡

- “ሳባ እታ ምስ በርሀ ዘዕለልኩምላ ፍልይቲ መዓልቲ። በርሀ እንታይ በለኪ፧” ሳባ ናይ ልበይ መልሲ ክህበኒ ናብ እግዚኣብሔር ጸሎት ግበርለይ ኢሉ። ቀጺሉ ከኣ በሊ ክሳብ ሕጂ ብዓዲ ይኹን ብትውልዲ ኣይተላለናን እንትርፎ በዚ መልእኽቲኺ፡ ከምኡ ምስ በለኪ ዓድን ትውልድን ተላሊኺ። ንሱ ብዘይፈልጦ ኣብ መንፈሱ ሓዲረ። ሰላም’ከ በለኪ። ንስኺ ከኣ ንሳዋ ወሪዳ ኣላ  በቲ ሕማማ ናጻ እንተሰደድዋ ሓካይም ወሪዶም ኣለው በልክዮ፡ በሊ ኣነ ከይደ ጸሎት ኣይትሕመቒ በለኪ። ንኪዳነን ንጎራብትኽን ከኣ ኣዘክርዋ ኣይተደቅስዋ ጸሎት ክትገብረለይ ኢልዎም ከደ፡ ሰላም ከኣ ቅንይ ኢላ ተለፎን ደዊላ “ስድራይ መዓልቲ የሕሊፉ እቶም ሓካይም ኣይረኸብክዎምን  ጸሎት ወለዲ ቀሊል ኣይኮነን ኢዩ እሞ ጸሎት ግበሩለይ ብጸሎትኩም እንተተመለስኩ” በለት፡ ፡ ንስኺ ከኣ ንሰላም ደልዩ ኢዩ ዝኸውን ኢልኪ። ብጥበብካ ኣምጸኣለይ በልክኒ፡ ንሰላም ሓፍተይ ፍቓድካ እንተኾይኑ መዋስብቲ በርሀ ንኽትከውን እልምነካ ኣለኹ በልክኒ፡ በቲ ዝሓተትክኒ መልሲ ሃብኩኺ ስላም ሓፍትኺ ከይደጐየት ጠበቕ በለት፡ “ከመይ ጌርኪ ደኣ መጺእኪ በልክያ፡ ንሳ ከኣ “እግዚኣብሔር እንታይ ይሰኣኖ ጸሎት ወለደይ ይኸውን ኣምጺኡኒ” ኣነ ከኣ “ተመስገን ኣንታ ኣምላኽ ሳባ” ኢለ ኣመስጊነ። ንበርሀ ሽዑ ንዓ በል ጸሎተይ ከይደንጐየ መልሲ ሂቡ በልክዎ፡ በርሀ ከኣ መልሲ ክሰምዕ ጠበቕ በለ፡ እንታይ መልሲ ረኺብኪ ከኣ በለኒ፡ ኣነ ከኣ ሰላም እንድያ ካብ ሳዋ ብሰላም መጺኣ በልክዎ፡  እንቋዕ ብሰላም መጸት። እግዚኣብሔር’ከ እንታይ ኢሉኪ ኢሉ ሓተተኒ፡ ኣነ ከኣ “ንዓኣ ንኽትመጽእ’ዶ ኣይኮንካን ጸሎት ግበርለይ ዝበልካኒ፧” “ኣይኮንኩን ኣነስ ንኻልእ እየ ኢለኪ። ሰላም እኳ በታ ሓንቲ መዓልቲ ዝረኣኽዋ ብጠባያን ብትዕግስታን እንታይ ከውጽኣላ። እንተኾነ ግን ንዓኣ ኣይኮንኩን ኢለኪ፡” “ንሱ ሰንበደ ንስኺ ውን ሰንበድኪ”። “በል ኣነ’ኳ ካብ ኣምላኽ መልሲ ክረክብ መሊሰ ክጽሊ ኢየ ንስኻ ከኣ ንኻልእ እንድሕር ኰንካ ተምጽእ ከምቲ ናይ ውሽጢ ልበይ ዝፈትወካ ኣብቲ ዕንባባኻ  ከይትፈልየኒ፡” ከምኡ ምስ በልክዎ እግዚኣብሔር ንሰላም ድኣ ብኽመይ ዲኻ ኣምጺእካያ ኢለ ሓተትኩ፡ ድሕሪ ክልተ ቅነ ይኸውን ንሰላም በሊ ሕተትያ ፍቓዳ እንተ ኾይኑ ክሰምዓ በለኒ፡ ኣነ ግን እታ መዓልቲ እቲኣ ምስ ሰንበድኩ ንሳ ኢላትኒ ኢልካ ክትኣቱ ኣይደልን እየ። ብውሽጢ ልብኻ ትደልያ ምሳኻ ትነብር ድለ ብሰንካ እኳ ኢየ ኣትየ ከይትብለኒ በልክዎ፡ ንሱ ከኣ ኣይኮንኩን ሽዑ ኢየ ሰንቢደ እምበር ንዓዓ እየ ዝደሊ በለኒ፡ መልሲ ካብ እግዚኣብሔር ክሳብ ዝረክብ ልዕሊ ክልተ ወርሒ ተመላለሰ፡ ኣነ ከኣ ንዕኡ ሕራይ እንዳ በልኩ ክሳብ መልሲ ዝረክብ ተጸበኹ፡ እግዚኣብሔር “ሳባ እታ

መዓልቲ እቲኣ ኣብ መንጎ ክልቴኹም ኢየ ነይረ ብመንፈስ ትረዳድኡ ኔርኩም ብስጋ ግን ኣይተራኸብኩምን። እምበር ሰላም'ሲ ናቱ ኢያ፡" እግዚኣብሔር ከምኡ ክብለንን በርሀ ከኣ ባዕሉ ብምሕታት ደኺሙ ንሓደ ዓርኩ ሰደደ፡ እቲ ዓርኩ ከኣ እንታይ ደኣ ተመላልስዮ ንስድርኡ ነጊሩ ወዲእዎ እንድዩ በለኒ፡ ኣነ ከኣ ድምጺ ኣምላኽ እየ ክጽበ ጸኒሐ ሕጂ ግን ድምጺ ኣምላኽ ሰሚዐ እንድየ ሕራይ በሎ በልክዎ፡ ካብታ ክልቴኦም ዝተራኸቡላ። ሕራይ ዝተባሃሉላ መዓልቲ ብዙሕ ፈተነ ከሕልፉ ኢዮም ከምቲ ናይ ጓልኪ ኢዩ፡ እዚኦም ከኣ ክልተ ብሩኻት ኣነ ዝምስክረሎም ስለዝኾኑ ክሳብ መርዐኦም መሰናኽል ኣለዎም ነዚ ክወጽእዎ ሓብርዮም፡ እታ መዓልቲ ናይ ልቢ ቃል ኪዳን ዝኣሰሩላ ዕለት ልክዕ ኣብታ ዝተረፈት መርዓ ጓልኪ ኣብ ዓመታ። ሰዓታን መዓልታን ብሓንሳብ ወዓለት፡ ኣብዛ መዓልቲ ዘውዓልኩዋ ከኣ ከምታ ናይ ጓልኪ ምኽና ክትፈልጥያ ኢለ ኢየ፡ ብኣኺ ዝመጽእ ብኣይ ዝተመስከረሉ። ሽግርን መካራን የሕልፍ። ኣብ ቅድመይ ከኣ ሕሩይ ኢዩ፡ እቲ ፈተነ ከኣ ብማእሰርቲ በርሀ ጀመረ፡ ተምበርኪኸ እንዳ ጸለኹ ከለኹ በርሀ ከም ዘይትመኽኽ ሽምዓ ኮይኑ ነታ ዝነበራ ቤት ማእሰርቲ። ብርሃን ሂቡዋ ረኣኽዎ፡  ሰላም ከኣ። ሳባ ኢያ ኣምጺኣትለይ ትኸውን እንተዝደልየንስ ኣይምጠፈአን። ሕጂ ግን ደሃይ ካብ ኣጥፈአ ዝበሃል ኣተሓሳስባ ሒዛ ንስድራይ ብናታ ውሳኔ ክትውስን ጀመረት፡ "ኣነ ካብዚ መጺኡ ዘሎ ሕማም ናጻ ኢየ ዝኾነ ሰብ ከይጥርጥረኒ ብድንግለይ ከምዘለኹ ንስኻ ትደልዮ ሰብን ካህናትን ጸውዓለይ ተናዚዘ ክኸይድ ንደብረይ በለቶ ነቦይ፡ ኣቦይ ከኣ ቅድሚ ሰብ ምእካበይሲ ናብ ሳባ ክኸይድ ኢሉ። ተብተብ ኢሉ መጸ፡ ሳባ ሓፍትኺ መርዓ ኣይደልን ኢየ ንደብሪ ኢየ ተናዚዘ ዝኸይድ ኢላ ሃዊኻ ኣጥፊኣትና በለኒ፡ ኣቦይ በል ባዕለይ ክመጽእ ኢየ በልክዎ፡ ኣነ ናብ ቀዳም ዘውግሐ ዝረኣኽዎ ራኢይ ነይሩኒ፡ ሰላም ንበርሀ ኣይደልዮን ኢየ ኢላ ትኸይድ እሞ በርሀ ጭብጥ ኢሉ "ሰላም እንታይ ኰንኪ ክሒድክኒ ተኣሲሩ ኢልኪ ዲኺ፧ ክወጽእ እንድየ" በላ፡ ከምኡ እንዳበለ ከሎ ናብ ድቕድቕ ጸልማት ትኸይድ ኮይኑ ይስመዓኒ፡ መልአኽ ሽዑ ምስ መንገብገቡ ወሪዱ ኣብ ማእከሎም ኣተወ፡ "ተመለሲ ናበይ ትኸዲ ኣለኺ ብኻትም ቃልኪዳን ኣይትእሰሪ እምበር እቲ ዝዓበየ ብልቢ ቃል ኪዳን ኣቲኺ ኢኺ እንዳበላ እንከሎ። ዓቢ ብርሃን ኣብ ማእከሎም ኣትዩ ጨደዶም ንሶም ከኣ ተሓቓቑፉ፡ ቀዳም ነዚ ርእየ ከለኹ ሰንበት ከኣ ነዚ ኩሉ ምዕግርጋር ገበረት፡ ኣነ ኣብ ገዛይ ኮይነ ዝረኣኽዎ ከይተራኸብና ብሰንኪ ርሕቀት ዓዲ ንሳ ከኣ ንጽባሒቱ ሰንበት ሰብ ኣኩቡለይ ኢላ ህውከት ገበረት፡ ሽዑ እግዚኣብሔር እዚ ዝረኣኽዮ ራኢይ ብሰብ ጌርኪ ንገርያ እምበር ኣይትኣምነክን ኢያ ኣብታ ሰብ ዝነገርክያ ባዕለይ ሓዲረ ክዛረብ ኢየ በለኒ፡ ኣነ ከኣ ነታ ሰብ እዚ ራኢይ እዚ ምስ ነገርክዋ ልክዕ እግዚኣብሔር እቲ ኣብ ልቢ ሰላም ዝነበረ ኩሉ ተዛረበ፡ ሰላም ከኣ ሰንበደት ከመይ ጌርኪ ናይ ልበይ ፈሊጥኪዮ ዋላ ሓንቲ

ከየትረፍኪ ተዛሪብክኒ በለታ፡ መሊሱ ከኣ ፈተነ ቀጸለ ኣቦይ ምስ ወዲ ሓው ብሽግለታ ጌሮም ንገዛ እንዳኣተው ከለው ኣውቶቡስ ሃረመቶም ተደምሲሶም ከኣ ደሓኑ፡

- እቲ ብኣኺ ዝመሓላለፍ መልእኽቲ ሓደ ዓይነት ምኽኑ ኣስተውዕልሉ ኢኺ፡ ንበርሀን ሰላምን ከም ናይ ጓልኪ ብክልተ ዕድመ እዮም ክምርዓዉ ምስ በልኩኺ እንታይ ኴንኪ ደኣ ዘይኣመልኪ ኣብ ምጥርጣር ትኣትዊ። ከም ቀደምኪ እምንቲ ዘይትኾኒ፧ እወ ናይዚኦምሲ ከቢዱኒ ኢዩ ኀይታይ። ይቕረ ግበረለይ ኢኻ፡ እቲ ቀዳማይ ብመዓስ ተቐጺሩ፧ ብፈረንጂ 18 ግንቦት 2008 ብግእዝ ድማ 10 ግንቦት 2000 ተቐጺሩ ነይሩ። በቲ ዘይሓልፍ ኣቐዲምካ ዝተዛረብካዮ ተሪፉ፡ እታ ቀንዲ ብኻልኣይቲ ዕድመ ዝወዓለት መርዓ'ኸ ብክንደይ ውዒላ፧ ብፈረንጂ 25 ግንቦት 2008 ብግእዝ ድማ 17 ግምቦት 2000 ውዒላ። መዓልቲ ናጽነት ኮይኑ እቲ ዓቢ ብርሃን ዝረኣኽዮ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ንሱ እዩ፡ መጀመርያ በርሀ ካብ ማእሰርቲ ምስ ወጸ። ክእሰር ከለኹ እንታይ ርእየ ኢሉኪ፧ ንህቢ መጀመርታ መዓልቲ ኣሰንዮምኒ ከም ናይ ሳባ ግበረለይ ኣምላኽይ በልክዎ በለኒ፡ ንስኺ መዓስ መዓልትን ወርሕን ከም ዝተኣሰርኪ ትዝክርዮ'ዶ፧ ኣብ 2006 ዓ.ም ጾም ኣርብዓ ክኣቱ ኣርባዕተ መዓልቲ ክተርፎ ሮቡዕ መዓልቲ ተኣሲረ፡ በርሀ'ኸ፧ ንሱ ከኣ ንጾም ኣርብዓ ሰለስተ መዓልቲ ክተርፎ ሓሙስ ተኣሲሩ፡ በሊ በርሀ ንመርዓ ከርክብ ኢለ ካብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣውጻእክዎ ንገዝኡ ክኣቱ 'ከሎ ቀዳም መዓልቲ ብምንታይ ተበሲርኪ፧ እወ ንህቢ መጺኦምኒ ዘይፈልጡ ብብዝሒ ኣብ ናይ ገዛና ገረብ ዓሰሉ፡ ሓደ ካብኦም ተፈልዩ ከኣ ካብ ገዛይ ምውጻእ ኣበየ። ሰላም እንታይ ኮይኑ ኢዩ እዚ ንህቢ። ጋሻ ክመጽእ ኢዩ በለትኒ፡ ኣነ ከኣ ኣንታ መበሰርየይ ንህቢ ንበርሀ ኣውጻኣለይ በልክዎ፡ ለከ በርሀ ንገዝኡ ይኣቱ ስለዝነበረ ኢዩ ንዓይ ከበስረኒ መጺኡ፡ እወ እቲ ቃለይ ንጹር ክኾነልኪ ኢለ እየ ሓደ ዓይነትን ተመሳሳልን ዝገበርክዎ፡ ንህቢ ከኣ መበሰሪኺ ምኽኑ ክትፈልጥን ከተስተውዕልን ኣለኪ፡ እቲ መርዓ ናይ ክልቲኦም ከኣ ንሰብ ዘደንቕን ዘዛርብን ከም ናይ ጓልኪ መርዓ ኮይኑ ክሓልፍ ኢዩ፡
- “እቶም ኣብ ትብጸሓኩም ሰላም ዝተወልዱ ማናቱ ደቂ ሓፍትኺ ብዙሕ ተኣምራት ኢዮም ክሰርሑ። ንሰብ ዕድሎም ዝኽፍአ ኮይኑ ኢዩ ተሰሚዑዎ እምበር በቲ ካብኦም ዝተሰርሐ ታሪኽ ንዓለም ዝምህርን ዘፍልጥን ታሪኽ ኢዩ፡ ከምቲ ቅድሚ ኩሉ ሰብ ብርሃን ኤርትራ ናባኺ ዝተገልጸ። በዞም ማንታ እዚኦም ከኣ ነቲ ዝጠፍእ ዘሎ ህዝቢ ዓቢ ምስጢር ተገልጹ፡ እዞም ማንታ ንኽጥመቑ ኢልኪ እንታይ እንታይ ጽዒርኪ፧ ንኽይጥመቑ ኢለን ካብ ገዛና ንሓፍተይ ወሰድኣ። ንሳቶም ጥምቀት ስለ ዘይኣምንሉ ኣብ ናይ ኣቦኦም እምነት ከእትወኦም ጸዓራ፡ ኣብኦም ግን እዚ ኩሉ ክገብራ ንባዕሉ ኣብ በረኻ ኢዩ ነይሩ፡ በሊ ሳባ ሓፍተይ ከጠምቆ ደልየ 40 መዓልቱ የእኪሉ ሓቢእኪ ውሰድለይ በለትኒ፡ ኣነ ከኣ ንሳተን

ስለዝጸናተዋ ብጸልማት ኣብ ደገ ኣብ ቁሪ ኣምሲየ ምስ ደቀሳ ኣተ'ኹ። ከምዛ ምስኣ ዘይሓደርኩ ብለይቲ ወጻእኩ። ብልግነት ኣትሒዘ ከኣ ኣጠመ'ቅክዎ፡ ምሕረት ሓፍተይ ከኣ ከይመጻኒ ፈሪሐ እንድየ ጸኒሐ በለትኒ፡ እታ ካልኣይቲ ኣብኡ ኰንኪ ከተጠም'ቅያ ስለዘይት'ኽእሊ ንምስክር ክትረ'ክቢ ኢለ ካብቲ ገዛ ንገዛ'ኹም እንዳ ዓለቦ'ኺ መለስክዋ፡ ንስ'ኺ ብገርሂ ደሃይ ክትፈልጢ ኢልኪ ምስ ከድኪ። ሓብት'ኺ መዓልቲ ጸብጺብኪ ዲ'ኺ መጺእኪ ኣ'ኺሉ እንድዩ ጥምቀተይ በለትኪ፡ ንስ'ኺ ድማ ነታ ሓንቲ ሰንበት'ዶ ኣይኮነን በልክያ፡ንሳ ከኣ እሞ ሰማንያ መዓልታስ ንድሕሪት ኢዩ ዝምለስ እምበር ከሕልፎስ ኣይደልን ኢየ በለትኪ፡ እንታይ ድኣ ውራይ ኣይገበርኪ ክዳን ኣይተ'ኸደንኪ ከመይ ድኣ ክንገብር ኢለ ሓርበተኒ፡ "ደሓን ጥራይ ንዕናይ ኣነ ግፍዕቲ እንታይ ክብረት ደልየ ብዘለኒ ክዳን ክጥመ'ቕ ኢየ፡" ሃንደበት ኢንዲዩ ሰ'ጉ'ጉኒ እሞ ነዛ ቆልዓ ከኣ ናይቲ ወዲ ዝተጠመ'ቕሉ ማይ ስለዘይጠዓመ ብኡ ጌርና ከነጠምቓ ኢና። ኣንስቲ ደኣ መነመን ሒዝና ክንከይድ ኢና በልክዋ፡ ሓንቲ ሰበይቲ ኢያ ትኣ'ኽለኒ ሳልሰይቲ ትኾንና፡ ሽዑ ኣጠሚ'ቕናያ ከኣ መጻእና፡

- በሊ ሳባ በዚ ኩሉ ከም ተዋስኦ ብሓቅን ብተግባርን ንስ'ኺ ዘይትፈልጥዮ እሰርሖ ኣለ'ኹ ዘይትብሊ ነገራት ምስ ሓለፈ ጸሓፍዮ ዝብለኪ። ዓለም ነቲ ሓቂ ክኣምኑ ኢለ ኢየ በዚ ሓቂ እዚ ዘይኣምን ካባይ ከም ዝረሓቐ ክፈልጥ ኣለዎ፡ በሊ እዞም ህጻናት እዚኦም ብጺጋ ናይ ኣቦኦም ርቡሓት ኢዮም ነይሮም። ነዚ ናይ ዓለም ዘይፈልጥዎ ከፍልጦም ኢለ ኢየ፡ ኣብዚ ዘለ'ኽዮ ምድሪ ናይቲ መንግስቲ ም'ኳንኪ ብምንታይ  ትፍለጢ፨ ብ'ኽመይ'ከ ይፈልጡ'ኺ፨ ብታሴራ፡ ንዓኣ ክትረ'ክቢ'ኺ ብቐጸራን ፌርማ ዘላታን'ዶ ይገብሩልኪ፨" "እወ" "ፈሪሞም ምስ ሃቡ'ኺ ኣብቲ እንዳ ታሴራ ዝወሃቦ ት'ኸዲ። ኣብ ዓለም ን'ኽትነብሪ ንዝሓተተኪ ተርእይዮ'ዶ፨ "እወ" እምበኣር በዞም ቆልዑ እዚኦም ንዓለም ትምህርቲ ይህባ ኣለ'ኹ፡ ወዲ ሰብ በታ ዝኣዘዝኩሉ መዓልቲ ተጠሚቑ ማሕተም ናተይ እድሕር ዘይተወ'ቕዐ ኣብታ ርኢ'ኽያ ዝተመለስኪ  ቦታ ማሕተም ናይ ጥምቀት ከም ዝሕተት ክፈልጥ ኢለ ኢየ፡ ማሕተመይ ዘይሓዘት ነብሲ መእተዊ ከምዘይብላ ትፍለጥ። ናይ ኣቦይ ጸኒሑኒ ኢሉ ዘይጥመ'ቕ ኣቡኡ ኣይኮነን ዝሓልፈሉ፡ ከምታ ዝሓዝክያ ታሴራ ንውልቅ'ኻ ት'ኽውን። ዝተወቃዕካያ ማሕተም ክርስቶስ ንውልቅ'ኻ ም'ኳና ይፍለጣ፡ ዝጠፍእ ስለ ዝበዝሐ ኢየ በዞም ቆልዑ ተኣምራት ሰሪሐ፡ እቲ ዘጠመ'ቕም ቀሺ ኣብ እስርቤት ከለ'ኺ እንታይ እንዳሃብክዎ ርኢ'ኺ፨ ሕሩይ ኢ'ኻ ኢልካ ሓረግ ጻዕዳ ሊላ ዘለዎ ኣብ ክሳዱ ክትሰ'ቕለሉ ርእየ፡ እሞ እቶም ቆልዑ ደኣ ሽዑ ተሃኒጾም'ዶ ነይሮም ኢዮም፨ ኣይተሃንጹን ነዚ ኩሉ ቤተክርስትያን ረጊጽኪ ናብኡ ም'ኻድኪ እቲ ኣቀዲመ ዝተነበ'ኽሉ ዕንባባ ናይዞም ክልተ ህጻናት መግለጺ ኢዩ፡

- ሳባ እቲ ሓቂ ተረፍ ዘይብሉ ጽሓፍዮ ኢለኪ እየ። ንመን ፈሪሕኪ ደአ ጎቦ ጎቦ በልኪ ነታ እግዚኣብሔር ልኢኹኒ ኢዩ እንዳበልኪ ትኸድያ ዝነበርኪ ሰበይቲ እንታይ እንታይ መልሲ ትህበኪ ከምዝነበረት ጽሓፍዮ፡
- ኣብቲ መጀመርያ ናብ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ጥሒሱ ዝኣተወ ወደይ ንዕኡ ሰንበት ምስ ኣጠመቕኩ ሰኑይ ንግሆ ነቲ ፕረሲደንት ብምልኡ እቲ ጽሑፍ ብዝርዝር ጽሒፍኪ ኣምጽእዮ ኢሉኒ ዝነበረ እንኮላይ እቲ ቤተክርስትያን እንዳ መድሃኒኣለም ስርሓያ ዝብልን። ዘመዱ ረኺብ ብምባል ንዓኣ ሃብክዋ፡ ሂበያ ኢለ ቀሲነ ደቂሰ እንዳ ሃለኹ ከለኹ ድሕሪ ሽውዓት ዓመት ከኣ ኩናት ክመጽእ ኢዩ ምስ በልካኒ። እቲ ጽሑፍ ኣይበጽሖን ኢሉኒ እቲ ጽሑፍ ኣይሃብክዮን ዲኺ ኢለ ሓተትክዋ፡ ኣይሃብክዎን በለትኒ። በሊ ኩናት ክመጽእ ኢዩ። ስለ ዘይሰርሖ እንታይ ትገብርኒ ወይ ብኣካል ወይ ብጽሑፍ ኣራኺብኒ በልክዋ፡ ንሳ ከኣ ውጽእለይ መን ፍለጢ በለኪ ኢላ ካብ ገዝኣ ኣውጻኣትኒ፡ ኣነ ከኣ እንዳ በኸኹ። መንግስቲ ናይ ወርሒ ልምዓት ኢሉ ምስ ኣበገሶም  ንገዝኣ ተመለስክዋ ሕጂ ከኣ እንታይ ደሊኺ መጺእኪ በለትኒ ኣነ ከኣ መን ፍለጢ ኢሉኪ ኢልክኒ እሞ ንልምዓት ኢሎም ዝብገሱ ዘለው ቆልዑ ንኩናት ኢዮም። ንስኺ ግን ንህዝቢ ኤርትራ ደንግጽሉ። ዋላ'ኳ ደቅኺ ንወጻኢ እንተኸዱ ነዚ ህዝቢ ራህርህሉ ኢለ እንዳ በኸኹ ለመንክዋ፡ ልዕሊ መንግስቲ ኣይትፈልጥን ኢኺ ኢላ ኪዲ ውጽእለይ በለትኒ፡ ወተሃደራት ወያነ ባረንቱ በጺሖም ምስ ተባህሉ ከኣ ብለይቲ ከድክዋ፡ ሕጂ ከኣ እንታይ ትገብርኒ እቲ መመጺኣ ዝነገርኩኺ ኩሉ'ዶ ኮይኑ፧ እወ በለትኒ እሞ ሕጂ ነዚ ህዝቢ እንታይ ትገብርዮ፧ ኢሳይያስ የለን ዝገብሮ ነገር የብለይን በለትኒ፡ ኣነ ከኣ ንዒባ በጃኺ ተለመኒ ነቶም እሱራት'ኳ እንተኣግዓዞም ተስፋ ናይ ኣምላኽ እንተረኸብና በልክዋ። ንሳ ግን ኣይከውንን ኢዩ ኢላ ኣንቀጸትኒ፡ ኣነ ከኣ እንዳ በኸኹ ንቤተክርስትያን ከድኩ። ኣብኡ ከኣ ድምጺ ኣምላኽ ሰማዕኩ፡
- በሊ ንኽፈልጥዎ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት። ሃገር ይኹን ዓለም ንጥፍኣት ክመርሐኦም ዝኽእላ ሰለስተ ነገራት ኢየን፡ ንሳተን ከኣ ትዕቢት። ንዕቀት። ዘይምእማን ኢየን፡
- ንትንቢት ካብ ትወጺ ንጾም ምኽኣል ትስእኒ። እንታይ ስለዝኾንኪ ኢኺ፧ እቲ ዓቢ ጾር ስለዘለኪ እየ ንኽትበልዒ ዘፍቅደልኪ፡ እንኮላይ ንናይ ስዕረት ዲኻ ኣፍቂድካለይ፧ ኣይኮንኩን ጾርኪ ይኣኽለኪ ኢለ ንናይጾም ጥራይ ኢየ ኣፍቂደልኪ፡
- በሊ ሳባ ኣብቲ ዝተጎድአ ቆልዓ እንዳ ተጻዓርኪ ከለኺ ሓንሳብ ግደፈኒ ምስ በልክኒ ሽዑ እንታይ ጌርኪ፧ ኣነ ከኣ ትጽዕር ቀንየ ካብ ገጀረት ንንያላ ብእግረይ ተጓዒዘኩ፡ ብኣንጸርጽሮት እንዳ እቲ ሓላፊ ክረኽቦ ኢለ ምስ ከድኩ ካንሸልኡ ተገፍቲና ጸኒሓትኒ፡ መዓልካ እዚ ሓወይ ከመይ ውዒልካ ኢለ ኮፍ በልኩ፡ እዚ ወረቐት'ዶ ምረኣኻለይ ኢለ

ሃብክዎ፡ እንታይ ዝኾንኪ ኢኺ ኢሉ ተቐበለኒ። ኣነ ከኣ ምስ ናይቲ ጻዕሪ ሕርቃንን ኣንጸርጽሮትን ኣንቢብካ መልሲ ሃበሉ ወይ ቅደዶ በልክዎ ፡ ንሱ ከኣ ኣንቢቡ ከይወድአ። ብንዕቀት እንታይ ዝኾነ እዩ እዚ ብቅልጽምናን ብሓይልናን ዘምጻእናዮ እምበር ዝሓገዘና የብልናን ዝብል መልሲ ሃበኒ፡ ኣነ ከኣ ከይተረድኣኒ ብሕርቃን መንጢለ ከማኻ ዝኣመሰሉ ንእግዚኣብሔር ዘይፈርሑ ዝሕዝዎ ኣይኮነን እዚ ወረቐት እዚ ክቡር ጽሑፍ ኢዩ። ብሰሪ ዘይምስማዕ ከምዚ ናትካ እንድዮም መንእሰያት ኤርትራ ዝጠፍኡ ዘለው ኢለ ተጻሪፈ ወጻእኩ፡

- ህዝቢ። ኣነ እንታይ በዲለ ኢየ ብኣኹም ዝቕጻዕ ዘለኹ እንዳበልኩ ከለኹ እቲ ህዝቢ ከኣ ዝተጸለልኩ መሲልዎ። ነዚኣ እንዳ ረኣዩ ከጥንሱ ኣይሓፍሩን እንዳበሉ ብዙሕ ይዛረቡ ነበሩ፡ ገሊኦም ከኣ ንዕናይ መኪና ጌርና ሆስፒታል ክንወስደኪ ኢሎም ይድንግጹ፡ ኣነ ግን ኣብቲ ህዝቢ ዝወርድ ይረኣየኒ ስለዝነበረ ሰብ እንታይ ክብለኒ ኢዩ ዝብል ሓሳብ ኣይረበረንን፡ ጻዕሪ ገዲፉኒ ኣሎ ኢለ ኣውቶቡስ ቁጽሪ ኣርባዕተ ተሰቒለ ንመርሓኖ ገጸይ ኣምራሕኩ፡ ኣብ ብሎኮ ምስ ወረድኩ መኪና ስለ ዝሰኣንኩ ምስ ዝነበረኒ ህርፋን ናይ ደቀይ ብእግረይ ጥቓ መርሓኖ በጻሕኩ፡ ሳባ ተመለሲ ናብዚ ክትመጺ መን ኣፍቂዱልኪ በለኒ እግዚኣብሔር፡ ኣይምለስን እየ ዓደይ ክኣቱ ቀሪበ እየ ኢለ መለስኩሉ፡ ሽዕኡ ከም ዘይንቀሳቐስ ጌሩ ኣበርቲዑ ጻዕሪ ጀመረኒ፡ ኣጋጣሚ መኪና ንኣስመራ ትኣቱ ረኺብኩ። እቲ በዓል መኪና ንሆስፒታል ከእትወኪ'ዶ በለኒ፡ ደሓን ኣብቶም ቤተሰበይ ኣብጽሓኒ እምበር ንሶም እዮም ዘእትውኒ በልክዎ፡ ንሶም ከኣ ቀትሪ ምድሪ ምስ ደቀሱ መሊቔ ስለዝወጻእኩ። በቲ ጻዕረይ ድቃስ ዘይብሎም ቀንዮም ተጨኒቖም። ዓቕሊ ኣጽቢቦም ኣበይ ገጽና ኢና ንደልያ እንዳ በሉ ጸንሑኒ፡
- ሳባ እቲ ዝዓበየ ንሰብ መተኣማመኒ ዝኸውን እቲ ሓራስ ከለኺ ውጽኢ ንካህናት ሃብዮም ምስ በልኩኺ ኣብቶም ጸምን ጸሎትን ዘካይዱ ዝነበሩ ህዝቢ እንታይ መልሲ ረኺብኪ። እወ ጎይታይ ኣነ ምስ መጻእኩ ኩሎም እቶም ህዝቢ እዛ ጸምን ጸሎትን ፍልይ ዝበለት ኢያ ወይ ትንቢት ወይ ተኣምራት ክንርእየላ ኣለና ኢልናስ እግዚኣብሔር ከኣ ኣብታ ጸምን ጸሎትን ትንቢት ሰዲዱልና በሉኒ፡ መን ድኣ ከምኡ ኢሉኩም እንተበልክዎም። ነዛ ናይ ሎሚ ዓመት ጸምን ጸሎትን ቀሺ የማነ ብእምነት ንጸሊ ኣምሪርና ንለምኖ። ንኣምላኽ እንታይ ይሰኣኖ ገለ ነገር እንተርኣየና ኢሉና በሉኒ፡ በቲ ዘካይድዎ ዝነበሩ ጸምን ጸሎትን ክንደይ ንጹሃት ስለዝነበርዎም ሰማዕኩዎም እቲ ትንቢት ኣሰኪሙ ከኣ ንሶም ንኽኣምኑን ጸርኪ ከተራግፍን ኣብታ ግዜ እቲኣ ለኣኽኩሎም፡

- ንቤተክርስትያን ዘይከይድ ኢልኪ ነጸላኺ ኣልዒልኪ ዋላ እንተ ወጻእኪ ትምለሲ፡ ናይቲ ቤተክርስትያን ኣገባብ ስለ ዘይትፈልጥን ብዙሓት ንዓኺ ዝጥምቱ ስለ ዘለዉን ንኽይወድቁ ኢለ ኢየ ዝኽልክለኪ፡ ህዝቢ ናብ ቤተክርስትያን ይኽይድ ኣነ ግን ናባኺ ኢየ ዝኸሕኩሕ፡
- ኣብ ዓመተ 2006 ኣብ ገዛኺ ዝሰርሕ ዝነበረ ሰብ ትፈልጥዮ'ዶ በለኒ እግዚኣብሔር። ኣነ ከኣ እወ ይፈልጦ ጎይታይ በልክዎ፡ "መንፈስ ቅዱስ ኢዩ ኣብ ቤትኪ ዝዓዝዝ ብዙሕ ተኣምራት ከኣ ይሰርሕ፡ እዚ በረቂ ዝዛወር ዝነበረ ሰብ ኣብ ቤትኪ ምስ ኣተወ ኽቅየር ዝኽኣለስ ይፈልጥ'ዶ ይኸውን፧ መን ስለ ዘሎ ኢዩ ኣብ ገዛኺ ኣረቂ ገዲፉ እንጀራ ክበልዕን መንፈስን ጥዕናን ክሓድሮ ዝኽኣለ፧" በሊ ንሳቶም እኳ ዋላ እንተተነገርክዮም ክኣምኑ ኣይክእሉን ኢዮም ኣብ ነፍሶምን ብዓይኖም ዝርእይዎ ስለ ዝኾነ ግን ኣይትፍርሒ ኣይትጃጅዊ ጸሊኦም ኣይኮኑን ጎዶሎ እምነት ስለዝኾኑ ኢዮም፡
- ሳባ እቲ እንዳተጸዓርኪ ከለኺ። ሓንቲ መኪና ዝሓዘት ሰበይቲ ትመጸኪ እሞ። ናብ ኣስመራ ተማልእኒ ኣብ እንዳ ኣቡንን ኢሳይያስን ክበጽሕ በልክያ፡ ንሳ ከኣ መን ኮለል ክብሎ ኢዩ ዝበሃል ሕልና ሒዙዋ። ሕለፉ ዝበልክወን ሰባት ስለዘለዋኒ ንዓኺ ዝኸውን ቦታ የብለይን ኢላትኪ ከደት። ንነዊሕ ግዜ ጸኒሓ ከኣ ዓቢ ሽግር ወረዳ፡ እታ ሰበይቲ ገዲፋትኪ ምስ ከደት ምስቲ ብርቱዕ ጻዕሪ መሪር ብኽያት በኸኺ። ንመን ኢለ ደኣ ኢየ ዝቕጻዕ ዘለኹ ምእንቲ መን'ከ ኢየ ዝጸዓር ዘለኹ በልኪ፡ ሳባ ኣነ ግን ዝርስዕ ኣምላኽ ኣይኮንኩን። ድምጽኺ ሰማዕኩ ንብዓትኪ 'ውን ረኣኹ ከይደንጎኹ ከኣ ንዓኺ ትኸውን መኪና ሰደድኩልኪ፡ በል ጎይታይ እዚ ኩሉ ስለዝመረረኒ ካብቲ መልእኽቲ ክሃድም ኢለ ብዙሕ ፈተንኩ። ኣብ ግዜ ንእስነተይ ዝኽደኖ ዝነበርኩ ሓጸርቲ ክዳን ተኸደንኩ። ኣብ ሕሜታ ዘለዎ ገዛ ዞርኩ። ሓደ ኣርባዕተ ቆልዑ ከለኹ ብሽግለታ ገይረ ክኸይድ ዘይግባኣኒ ብብሽግለታ ክኸይድ ጀመርኩ። ኃይላ ዘይፈቱ ዝነበርኩ ከኣ ኃይላ ፈተኹ። እዚ ኩሉ ኣብ ቅድመኻ ንዓኻ ከሐርቕ ኢለ ፈተንኩ፡ እግዚኣብሔር ግን ንፍጡርካ ዘይትድርቢ ኣምላኽ ስለዝኾንካ ብተግባራተይ ስሓቕካ ኣነ ከኣ ሰንበድኩ፡ በሊ ሳባ እዚ ኩሉ ትገብርዮ ዘለኺ ፈሊጠዮ ኣለኹ። ኣነ ሓንሳብ ኣባኺ ሓዲረ ኢየ። ህዝብኺ በዚ መልእኽትኺ ይጠፍኡ በዚ መልእኽትኺ ከኣ ይድሕኑ። ህዝብኺ ክድሕኑ'ዶ ኣይትደልዮምን ኢኺ መሪሩኒ ትብሊ በልካኒ፡
- ኣብ መርዓ ናይ ኣሕዋትኪ ኣብቲ ብዝሒ ሰብን መካይንን ዘለዎ ካብ ጎዳይፍ ክሳብ ባርጅማ ናይቲ ሓደ መርዓዊ መኪና ሒዙ ዝነበረ ወዲ እንዳ ዘወረ ከሎ ጥዑም ድቃስ ወሰዶ። ደቂሱ ከሎ ውን ይዝውር ነበረ፡ እታ ቅድሙኡ ትኸይድ ዝነበረት መኪና ኣብ ሴማፈሮ ደው ምስ በለት ክልተ ሳዕ ሃረማ። እታ መኪና ድማ ደው በለት፡ ኣብታ መኪና ንስኺ ስለዝነበርኪ ካብቲ ኩሉ ድንገት ተገላገለት፡ እንታይ ደኣ ኴንካ እንተበልክሞ ጥዑም ድቃስ እንድየ ደቂሰ በለኩም፡

- ንተኸስተ ሰብኣይ ጓልኪ ክትበጽሕዮ ኢልኪ ምስ ከድኪ ኣጻብዕተይ የላን በለኪ፡ ካልኣይ መዓልቲ ውን ተመለስኪ ክትሰምዕዮ ኢሉ ውን ደገመልኪ፡ ብርቱዕ ቃንዛ ኣለኒ በለኪ፡ ብዛዕባ ኣጻብዕቱ ከኣ ብዙሕ ተሸጊሮም የዕለሉኺ፡ ንዓኺ ብዘይርደኣኪ ከኣ ኣብ መንፈስኪ ሓዲረ "ንጽቡቕካ ኢዩ" በልክዮ። እቲ ድምጺ ግን ካብ መን ከም ዝወጸ ኣይፈለጥክዮን፡ ኣዲኡ ከኣ እዚ ኩሉ ብሃንቀውታ ክጽበየኪ ዝጸንሐ'ኳ ጸሎት ክትገብርሉ ኢሉ ኢዩ በለትኒ፡ ኣነ ግን ኣድህቦ ከይገበርኩሉ ክልተ መዓልቲ ተመላለስኩ፡ መበል ሳልሳይ መዓልቲ ምስ ሰላም (ንዕኡ ክትርኢ ዝመጸት ጋሻ) መጻእና፡ ሰላም ሽዕኡ "ሳባ እንታይ ድኣ ኰንኪ ንተኸስተ ብዛዕባ ኣጻብዕቱ ዘይተገደስኪ በለትኒ፡ ኣነ ከኣ እንታይ ኮይነ ክግደስ ዘይተሃሪሙ ኢዩ። ክሓውየሉ እንድዩ በልክዋ፡ እንታይ ክህረም ድኣ ኣጻብዕቱ እንድያ ተቖሪጻ በለትኒ፡ "ቃንዛ በርቲዑኒስ ዝኸበደ ከኒና ወሲደ ውን ክጠቕመኒ ኣይከኣለን" ኢሉኒ። እዚ ኩሉ ኣበይ ጸኒሕኪ ዘይሰማዕክዮ በለትኒ፡ እዋእ ሳልሳይ መዓልቲ መጺአ ድኣ ከመይ ኢለ ዘይሰማዕክዎ በልኩ፡ እሞ ምእንቲ ጸሎት ክትገብረለይ ኢለስ ንሳልሳይ መዓልቲ ነጊረያ በላ፡ ብኣኣ ምስ ሰማዕኩ ኣምሪረ በኺየ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ ተምበርኪኸ ጸለኹ፡ "ስጋይ እንዳ ተዛወረ እዝነይ እንዳ ሰምዐ ከመይ ገይረ ጸመምኩ ዓይነይ እንዳ ረኣየ ከመይ ገይረ ከም ዘይርኢ ኰንኩ፧" ሳባ መንፈስክን ስጋኽን ዝተፈላለየሉ ካብታ መንፈስኪ ንሰማይ ዝዓረገሉ ካብኡ ንንየው በበይኑ ምኽኑ ፍለጥዮ። ሕጂ ከኣ ሜላትን ሜሮንን ከይዶም ነታ ዝተረፈት ኣጻብዕቱ ይሓዝዋ ክትለግበሉ ኢያ በለኒ፡ ከይዶም ምስ ሓዝዋ ከኣ ለገበትሉ፡ ብድሕሪኡ ሕክምና ምስ ከደ ለጊባትልካ ኢያ በልዎ፡ ከምቲ እግዚኣብሔር ዝበሎ ከኣ ኰነ፡
- "ናብ ሓሙስ ዘውገሐ ለይቲ እንታይ ርኢኺ።" "ኣብ መቓብር ሓርበኛታት። ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ይትስኡ እሞ በታ ናይ ማእከል ኢድካ ሽንካር ዘላታ ዓቢ ብርሃን ይወጽእ እሞ ነቲ መቓብር ሓርበኛታት ብምልኡ እንዳ ዘርካ ተብርሃሎም፡" "ንጽባሒቱ ዓርቢ ንግሆ'ሽ እንታይ ርኢኺ።" ፕረሲደንት ኢሳይያስ ዘለዎም ህዝቢ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዓቢ ዝኽረ ሰማእታት ክገብሩ ኣርፌዶም፡" በሊ ኣነ ኣብኡ ክእከቡ ምኺኖም ስለዝፈለጥኩ ኢየ ኣቐዲመ መብራህቲ ወሊዐሎም ዝሓደርኩ፡ <u>ኢሳይያስ ከኣ ነቢይ ስለዝኾነ ንሱ ዘይፈልጦ ዓቢ ስራሕ ይሰርሕ ኣሎ</u>፡ "ኣቐዲምኪ ከምዝረኣኽዮ ንሰብ ነጊርኪ'ዶ ጸኒሕኪ፧" እወ ነጊረ፡
- ሳባ እዚ ኩሉ ሓቂ ብተግባር ስለ ዝሓለፈ ትርጉም ዘድልዮ ኣይኮነን። ነዚ ሓቂ እዚ ትርጉም ሂቡ ክዕምጽጽ ዝደለየ ህይወቱ ኣብ ቅድመይ ፍርድቲ ምኺና ክፈልጥ ኣለዎ፡ በዚ መልእኽትኺ ኣሚኑ ንዓይ ዝለመነ እቲ ዝደልዮ ክረክብ ከምዘለዎ ክፈልጥ ኣለዎ፡ ድሮ'ኳ ንዓኺ ኣሚኖም ንዓይ ዝለመኑ ዝተገብረሎም ርኢኽዮም ኢኺ፡ ንምንታይ ኢለ ኢየ ገይረዮ ይመስለኪ እቲ ሓቂ ኣባኺ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቶም ዝለመኑ ኣብ ነብሶም ዝተፈጸመ ሓቂ ክምስክር ኢለ ኢየ፡ <u>ሓቂ እንዳ ተኾለዐት ኢያ ትነብር</u>፡ እዘን ሃገራት ብሰሪ እምነተን

**ብምንቅጥቃጥ ይኹን ብማይ ምዕልቕላቕን ብንፋስን ህቦብላን ግዜ ከይሃብኩ ዘጥፈኦም ዘለኹ። ከማኺ ሓደ ሰብ ስኢነሎም ኢየ ብሰንኪ እምነቶም ኢዮም ዝጠፍኡ ዘለው፡ ህላውነተይ ከፍልጦም ኢየ ዝፈልጡ ግን ኣይኮኑን፡ ኣብዚ ግዜኺ ዘሎ ዝበዝሕ እግዚኣብሔር ልኢኹኒ ኢዩ ዝብል እቲ ኣነ ዝልእኮ ግን ውሑድ ኢዩ ዓይነት መለለዪ ከኣ ኣለዎ፡**

- "ቡን ምስታይ ሓጢኣት ኣለዎ ድዩ፧" ኣለዎ ኣይበልኩን። ኣነ ውን ሓጢኣት እንተዝህልዎስ ንሓንቲ ፈታዊተይ ብዙሕ ዝግደሰላ ፈታዊት ቡን ኢያ ነይራ ኣብቲ ትሰርሓሉ ስራሕ ንሳ ትደልዮ ቡን ስለዘይቅለዎ ብሰንኪ ቡን ነታ ስራሕ ክትገድፋ ምስ ደለየት ነዛ ስራሕ ምእንቲ ከይትሓድጋ ኣብቲ ገዛ ቡን ክቑሎ ኣፍቀደላ  በልኩኻ። እንተ ተፈቒደላ ኢለ ብእምነት፡ ኣነ ሒዘያ ምስ ከድኩ ኣብቲ ገዛ ቡን ምስታይ ተኸፍተ፡ ንሳ ግን ቡን ኣይቁሎን ኢዩ ኢሎማ ርእሳ ሓሚማ ኣስካሕኪሓ ኢያ ክትወጽእ ደልያ ነይራ፡ ትስተ ምኽና ከኣ ብግብሪ በታ ፈታዊተይ ሓቢርካኒ ኢኻ፡
- "ሳባ እኽሊ ብሽርቡ ሓርጭ ብጥሑኑ ዝጸንሓኪ ዝነበረ መዓስ ምኻኑ ትዝክርዮ'ዶ፧ እወ ነብሰ ጾር ከለኹ፡ ቅድሚኡን ኣብቲ ሃለኽለኽ ትብልዮ ግዜ ግን ኣይቀረብኩልክን፡
- ሳባ ብመንፈስኪ ተቐጢዕኪ ከለኺ። ንዝረገምክዮ ዘበለ ስለዝሰምዓኪ ቁጠዐይ ከየውርደሎም ከይትቁጥዒ ተጠንቀቒ ፡
- በሊ ሳባ እቶም በብዓይነቱ መዛሙርን ቃና ዘለዎ ውዳሴን ዝውድሱ ኣይረኸቡንን። ብጾምን ጸሎትን ኣብራኾም ርዒዶም ከለው ውን ኣይረኽቡንን ኢዮም፡ <u>ንስኽን መራሒኽን</u> ግን በታ ሓጻር ትገብርዋ ናይ ሕልና ጸሎት ሓርየኩም ኣባኹም ሓዲረ፡
- ሳባ ኪዳነ ሰብኣይኪ ብገዛ ይኹን ብደገ ብሰብ ሕያዋይን ብሩኽን ኢዩ።  ግን እዚ ኩሉ ዓመታት ካብ ትራኸቡ ግዜ ዝሓለፍክዮ ዘመን ካብቲ ዝርህጸ ገንዘብ ከይረባሕኪ ንዓመታት ትሓልፍዮ ኣለኺ። እንታይ ስለዝኾነ ትብሊ። ኣይሰክርን ኣይዕውልን ፈታዊ ደቁ ኢዩ ግንከ ነቲ መልእኽቲ ዝተዋህበኪ ስለዘይኣመነሉ እቲ ሓቂ እንዳ ረኣዮ ከሎ ልቡ ኣትሪሩ ድምብርጽ ስለዘይብሎ ኣነ ከኣ ርሃጹ ንኮንቱ ገበርክዎ፡ እሞ ጎይታይ ንዓይ እንዲኻ ሃሲኻኒ። ንዓኺ ደኣ እንታይ ኲይነ ዝሃሰየኪ እንታይ ምስ ጎደለኪ። ብጸጋኺ ውሻጠኺ ምሉእ። ጋሻኺ ጽጉብ። ኣብ ኢድኪ ገንዘብ ካብ ዘይሰኣንኪ ዘስተማስል የብልክን፡
- ሳባ ንሰለስቲኤን ቤተክርስትያን ዓድሊ ዝበልኩኺ ተኣምር ዝሰራሕኩሉ ኢዩ። እንዳ ገብርኤል ቤተክርስትያን ብሰሪ በቲ መልእኽትኺ ብዘይምስምየም ብቑጠዐ ናተይ ዝተቓጸለሉ። እንዳ ማርያም ቤተክርስትያን ተኣምር ዝሰራሕኩሉ። እንዳ ማርያም መርሓኖ ከኣ ንስኺ ዘለኽሉ ስለዝኾነ። ንሰለስተ ቤተክርስትያን ሓራስ ከለኺ ዓድልየን ተባሂልኪ፡ እወ ጎይታይ ናትካ ልኡኽ ኮይኑ እምበር ኣነስ ሓሪሰ ክሳብ ዝጥመቕ ጸሓይ ኣይርኢ ካብ ዓራት ኣይወርድ መጋረጃ ገይረ ከም መርዓት ኮፍ ኢለ ኢየ ነይረ።

መልእኽትኻ ግን ከቢድን ምስናይ መቕጻዕቱን ስለዝኾነ ሓዊ ከይተሳገርኩ ጸረይ ከራግፍ ብዘይዝኾነ መሰነይታ ንበይነይ ቤተክርስትያን ክወጽእ ተገዲደ፡

- በሊ ሳባ ዝንበ ሰብ ኣብ ገዝኡን ሃገሩን እየ ትንቢት ዝሰርሕ ኢለኪ ነይረ፡ እዛ ቤተክርስትያን በለዛ ማይጨሎት ኮይና ትጽናሕ እምበር እዚ ተኣምር ካብዚ ናትኪ ጽሑፍ ዝወጸ ኢዩ፡ ነቲ ሓቂ ከእምን ኢለ ነቲ ጽሑፍኪ ኣብኡ ከምዝንበብ ገበርኩ፡ ከምዚ ሎሚ ክንበብ ውዒሉ ከኣ ንስኺ ንጽባሒቱ ንመጀመርታ መዓልቲ ኣብቲ ቦታ ምስ ረገጽኪ። ነቲ ሰብ ከኣ ስንባደ ኮኖ፡ በሊ ነቲ ኣብኡ ዝረአ ዘሎ ናተይ ተኣምር ዘሽካዕለለ ምሕረት ከምዘይብሉ ክፈልጥ ኣለዎ፡ "እሞ በለዛ ደኣ ናይ ኣደይ ማርያም እንድዮም ዝብልዋ።" "እሞ እታ ማርያም ኣደ መን ድያ፧ ጥራይ ናይቲ ተኣምር ግበሪ፡ እቲ ተኣምር ብሓሰኻ ወይ ብሰብ ከም ዘይኮነ ክፈልጥዎ ኣለዎም፡
- ተቐጢዕኪ ከይትረግሚ ዝበልኩኺ። ሓውኪ ኣምሪሩ ምስ በደለኪ ሓሪቕኪ ኤህ ኢልኪ ናባይ ጠመትኪ ኣነ ከኣ ካብ መጀመርታ ነታ ዕምባባ ሓፍቱ ክዕጠቐላ ከም ዘይደለየ ስለዝረኣኽዎ በደል ዘይብሉ ከሎ ነታ ዕምባባ ከም ዘይውዕላ ገበርክዎ፡ ነቲ መርዓ ሰሙን ክተርፎ ከሎ ከኣ ኣእሰርክዎ፡ ብድሕሪኡ ሳባ ቁጠዐኺ ወዲእኪ እንተኹንክስ ስልጣንያ ኣእትውሉ እሞ ክወጽእ ኢዩ በልኩኺ። ሕራይ ኢልኪ ኣእተኽሉ፡ ቀንዩ ከኣ በደል ስለ ዘይነበሮ ኣብ መርመራ ከየቕረቡ ውጻእ በልዎ፡ ከየሕተትኩ ዘውጻእክዎ ከኣ ብናተይ መቕጻዕቲ ምኳኑ ንኽፈልጥ ኢለ ኢየ፡ እንዳ ውጽአ ከሎ ከኣ ንህቢ ገዛኺ መጺኡ ምስ እሸገረኪ እሞ ዝሓወይሲ ክወጽእ ኮይኑ ኢዩ ኢልኪ ስልጣንያ ሒዝኪ ኅየኺ፡ ኣብ መገዲ ከለኺ ከኣ እቲ ንህቢ ኣሸገረኪ። ቋንቅኡ ዘይትሰምዕዮ ኰንኪ እምበር ንሱስ ወጺኡ ኢሉ ኢዩ ዘበስረኪ ዝነበረ፡ ኩሉ ግዜ ንህቢ ብዘይሓደ ነገር ከም ዘይመጽኣኪ ፍለጢ፡
- ሳባ ኣብ ሓደ ዓዲ ሓማውቲ ኢልኪ ምስ ገሽኪ ኣብቲ ዝከድክዮ ገዛ እንታይ ኣጋጢሙኪ፧ ወዲ እቲ ገዛ ንእሽቶይ ሓሚሙ ደቂሱ ስለዝነበረ ንዕኡ ሓፍቱ። ሳባ ተስኢ እባ ኮፍ ኣይትበሊ ሓወይ ሓሚሙ ኣሎ በለትኒ፡ ኣነ ከኣ እንተ ሓመመ እሞ ምሕረት የውርደሉ እምበር። ኢለ ኮፍ በልኩ፡ ተስኢ እባ ክሓዊ ጸሎት ግበርሉ በለትኒ። ኣነ ከኣ ሰሚዐያ ስቕ በልኩ፡ ደጊማ ከኣ ከምኡ በለትኒ። ዓቕሊ ኣጽቢባ ንሳልሳይ ግዜ ምስ ተዛረበትኒ ተሲአ ኣብቲ ገዛ ደቂሱሉ ዝነበረ ዓራት ተምበርኪኸ ጸሎት ገይረ ከኣ ብኢደይ ዳህሰስክዎ፡ ብድሕሪኡ ናብቲ ዝነበርክዎ ቦታ ተመለስኩ፡ በሊዕና። ሰቲና። ተጻዊትና ክንወጽእ ከለና ከኣ ሒሽዎ ኢዩ እሞ ንዒ ድገምዮ በለትኒ። ኣነ ከኣ ደገምክዎ፡ በሊ ሳባ እታ ዝነኣሰት ኣብቲ ገዛ ዝነበረት ንሳ ኢያ ከመይ ገይራ እቲ ምሕረት ምሳኺ ከም ዘሎ ፈለጠት፧ ኣሚና ስለ ዝለመነትሉ ከኣ ብእምነታ ሓወየ፡ መዓስ ከም ዝሓወየ'ከ ፈሊጥክዶ፧ እወ ንጽባሒቱ ንግሆ ናብቲ ገዛ ኣጋይሽ ከይዶም ነይሮም ናባይ ምስ መጽኡ። ኣማንኺ

ከመይ ጸኒሑኩም በልክዎም። ሓሚሙ'ዶኽ ነይሩ ኢዩ ንዓናስ ክጻወት ኢዩ ጸኒሑና በሉኒ፡ ብድሕረይ ከም ዝሓወየ ከኣ ፈለጥኩ፡

- ሳባ ኣብ ሆስፒታል ደቂሱ ዝነበረ ዝሓመመ ሰብ ብኡኡ ዝሓመሉ ቤተ ሰቡ ሳባ ሰብኣይ ሓብተይ ሓሚሙ ስለ ዘሎ በጃኺ ምጽእና እግዚኣብሔር ምሳኺ ኣትዩ እንተ ፈወሰልና ንሕና ተጨኒቕና ኢና ዘለና ኣብ ኣፍ ሞት ኢዩ ዝሕሎ ዘሎ በለኒ፡ ኣነ ከኣ ከም እምነትካ ይግበረልካ ኢለ ከድኩ፡ ክሳብ ናይ ምእታው ሰዓት ዝኣክል ከኣ ኣብቲ ቀጽሪ ናይ ሆስፒታል ኮፍ ኢለ ጸሎት ገበርኩ፡ ኣብታ ቀጽሪ ኮፍ ካብ ዝበልኩላ ሰዓት ጀሚሩ እቲ ሕሙም ኣፍ ኣውጺኡ መግቢ ሃቡኒ። ማይ ኣስትዩኒ በሎም፡ ኣብኡ ምስ ኣተኹ ከኣ እቶም ቤተሰቡ ሰዓት ክንደይ መጺእኪ በሉኒ፡ ፋዱስ በልክዎም። ንስኺ ምስ መጻእኪ ዋላ ኣብዚ ኣይትእተዊ እምበር እግዚኣብሔርሲ ከምቲ እምነትና ምሳኺ ስለ ዝመጸ ነዚ ሕሙምና ኣትዩ ኣሕዊዩልና። ኣፍ ዘይብሉ ቀንዩስ ድምጺ ገይሩ ምግቢ ሃቡኒ ማይ ኣስትዩኒ ኢሉና። ካብዚ ህዝቢ ተፈሊኺ ንነብሱ ዳህስስልና በሉኒ፡ ጥራይ  ይሕወየልኩም እምበር እንታይ ኣለዎ በልክዎም፡ ንእሽቶይ ጸሎት ገይረ ዳህሰስክዎ። ብድሕረይ ከኣ ተስኣ፡ ንስኺ ክትፍውሲ ትኽእሊ'ዶ ሳባ፧ ኣነ ደኣ መን ኮይነ ክፍውስ፧ በሊ እቲ ዓቢ ንጉስ ምሳኺ ከም ዘሎ ዘለለዩን ዝኣመኑን ጥራይ ኢዮም ክፍወሱ፡
- እምበኣርከስ እዚ ጽሑፍ እዚ ክትጽሕፊ ከለኺ ብከመይ ትጽሕፍዮ እስከ ንገርኒ። ብቆልዑ ብደቀይ ገይረ እሞ ክጽሕፍ ከለኹ ከኣ ሰብ ከይርእዮ ሰብኣየይ ከይርእዮ እንዳ ጸሓፍኩ ከለኹ ሰብ እንተ መጺኡ ከኣ ሕብእዎ እንዳ በልኩ ብስክፍታ እንዳ ተበላዕኩ እየ ጽሒፈዮ፡ እንታይ ኰንኪ ድኣ ነዚ ክቡር ቃል ክትሓብኡሉ ክኢልኪ። እምበኣር እቲ ናተይ ብኸምኡ ክሓልፍ ምኳኑ ዝገልጽ ኢዩ፡ ከመይ ገይሩ ኣብቲ ኣናብብኡ ስሙርን ምቁርን ክኸውን ክኢሉ። እዚ ናተይ ስራሕ ከም ዝኾነ ክፈልጡ ኣለዎም፡

## ካብ እግዚኣብሔር ናብ ምሕረተኣብ ዝተላእከ መልእኽቲ

1. ካብ ብኢድ ሰብ ዝተሳእለ ስእሊ ኣውጺእካ ኣይትዛረብ፡
2. ብዛዕባ ናይ መንግስቲ ተዛረብ ዝበለካ የለን፡
3. ነታ ቀዳመይቲ ኣደይ ማርያም ሕዝለይ ኢላትኪ ኢያ እትብላ ዝነበርካ ሰብ ሕጂ ውን ንሳ ኢያ እትሕዞ፡
4. ንሳ ውን ጸበል ምዕዳል ጥራይ እምበር። ዓለም ስለዝገሰሰት'ሲ ኣይትኹዕትን ኢያ፡ መግብኻ ንሳ ኢያ ትቕርበልካ። ሓሚማ ስለ ዝነበረት። ምሒራ ባዕላ ኢያ መሪጻታ፡ ብዘይካ ኤልሳ እንተ ዘይኮይና ካልእ ማንም ኣደይ ማርያም ተቐመጢ ኢላትኒ ኢያ ኢላ ከይትቕመጥ፡
5. ንስኻ መደቀሲኻ ፍለ።

6. ሰብ ክልተ ሽውዓተ ተሓጺቡ ንገዝኡ ክምለስ ኣለዎ፡
7. ብገንዘብ ስጋ ከይትስሰዕ እቲ ጸጋ ዝረኸብካዮ ብግቡእ ተጠቐመሉ፡
8. ካብቲ ዝበርህ ሳዕሪ መንቀስካ ከይትህብ፡
9. ሓደሽቲ ተሓጸብቲ ቅድሚ ሳልስቲ ጸበል ክልከዩ የብሎምን፡
10. ንተሓጻባይ ማይጨሎት ገዛ ክራይ ይኹን ናይ ልቓ ከይተኸፍል፡
11. እቲ ትእምርቲ ባዕለይ ዝገበርክዎ ውሑድ ኣይኮነን ናይ ሰብ ምምላእ ዘድልዮ ኣይኮነን፡
12. በሊ እዚ ኩሉ ኢልክዮ ምስ ነጸጎ ኣብቲ ደብሪ እንታይ ተራእየ። ካብ ሰብ ብእዝንኺ እንታይ ሰሚዕኪ።
   - ኣብቲ ማይ ጨሎት ተሓጻባይ ዝበሃል ዘየለ ኮነ፡
   - ኣብቲ ንተሓጻባይ ዝተሰርሐ ቴንዳ ሰብ ወሓዶ። እቲ ማይ ክጨኑ ጀመረ።
   - ኣብቲ ደብሪ ነሓድሕዶም ምስምማዕ ሰኣኑ፡
   - ነታ ጸበለይ ሕዝለይ ዝበለታ ኣደይ ማርያም ካብታ ደብሪ ምስ ወጸት ንገዝኣ ምስ ተመልሰት ብሕማም ተሳቐየት።

ነዚ ኩሉ ደኣ መን ክገብሮ ከኣለ። ነቲ ሓቀኛ መልእኽትኺ ክእመን ኢለዮ ኢየ፡ እቲ መልእኽትኺ ብሰብ ገርኪ ኢኺ ዝሰደድክዮ እምበር ንስኺስ ኣብኡ ኣይረገጽክን፡

- ምሕረትኣብ ጌግኡ ምስ ኣረመ። ከመይ ገይሩ እቲ ማይ ካብ ጨናዊ ኣብ ጥዑይ ክቕየር ዝኸኣለ፡ ናይ ኣራግጽ ኢዩ ክብልዎ እንድሕር ደልዮም ደኣ ሰብ ከሎ ኢዩ እምበር ሰብ ዘየለ ድኣ መን ረጊጽዎ ሽቲቱ። ኣብቲ ሰብ ዝወሓዶ ጨንዩ ኣብቲ ሰብ ከለዎ ከኣ ጥዑይ ማይ ነይሩ። ኣብ ውህበተይ ከመኽኒ ዝደሊ ኣብ ርእሱ ከም ዘለኹ ክፈልጥ ኣለዎ፡
- እቲ ንበለዛ ዝተለኣኽኪ ሰብኣይ ምስ ምሕረትኣብ እንዳ ከድና ከለና እንታይ ተጋጠመና በለኪ፧ ሓደ ንህቢ ናባይ ኣብ ገጸይ ኮፍ በለ። ካባይ ነፊሩ ንምሕረትኣብ ነኸሶ። ምሕረትኣብ ከኣ። ኣደይ ማርያም ኢያ መዓር ለሓሱ ትብለና ዘላ ኢሉ ናቱ ትርጉም ሃበሉ፡ እቲ ዝተላእከኒ ከኣ ከም ትርጉምካ ይኹነልና በሎ፡ በሊ ኣይፈለጡን እምበር እቲ ዝለኣኽክዮ ሰብኣይ ምስኡ ስለዝነበረ ነቲ ልኡኽ ከም ዝነጸጎ ከፍልጦ ኢለ ኢየ። እቲ ንህቢ ልእኹ ናትኪ ዝነኸሶ፡ ናብ ማእሰርቲ የሕሊፉ ክህቦ ምኽንያይ ክፈልጥ ኢለዮ ኢየ፡ ከምስል ሕራይ ኢሉ ይቕረ በልለይ። ንኹሉ ሕራይ ክገብሮ ኢየ ኢሉ ነይሩ፡ ብመንፈሱ ሕራይ ይበል ድኣ እምበር ንስግኡ ከሰንፋ ኣይከኣለን። እቲ ጸጋ ናይቲ ደብሪ ናቱ ኮይኑ ይወሃብ ድኣ እምበር። በቲ ዝኣዘዝናዮ እንድሕር ዘይከደ ንነብሱን ነቲ ህዝብን ጽቡቕ ክህቦ ስለ ዘይክእል ኢየ፡ ምሕረትኣብ ምስ ተኣሰረ ከኣ ዝመሃሩ እንተኮይኖም ኢለ ነቲ ወለንሳ ባዕለይ ኣቃጸልክዎ፡ እቶም ዓዲ ግን ክምሃሩ ኣይከኣሉን መሊሱ ድኣ መግደዲኦም ኮነ፡ ነቲ መብራህቲ ዝውላዕ ሳዕሪ ብድፍረት ዓጸድዎ። ነቲ ማይ ከኣ ንጀርዲን ክኾኖም

ኣግዓዝዎ፡ ኣነ ምስ ብዙሓት መላእኽተይ ከምዘለና እንዳ ፈለጡ ደፊሩና፡ ንሕና ከኣ ስቕ ኢልና ዝርኣና ዘየለና ኣይኮናን። ቀሲኖም ኣይሓድሩን ኢዮም፡ እቲ ደብሪ ምስ ዓዲ ርክብ የብሉን። እቲ ደብርና ናህና ኢዩ። ናህና ምኺኑ ከኣ ኣብኡ ከምዘለና ኣብ ሰብ ንግለጽ ኣለና፡ ከይፍረዱ ኢዶምን እግሮምን ይኣክቡ። ናብኡ መጽዮም ዝውንንዎን መሬትና ዝብልዎን የብሎምን፡ ንፍሉይ ናትና ስለዝኾነ ሓዚእናዮ ኢና፡ እታ ንቤተክርስትያን። ኣደይ ማርያም ዝመረጸታ ቦታ ብምሕረትኣብ ገይራ ዝተዛረበቶ። ኣብኣ እንተ ዘይኮይና ኣብ ካልእ ከይትሃንጽዋ፡ እቲ ስልጣኖም ነቶም ዓዲ ክንርእዮ ኢልና እምበር። ኣብ ቦታና ከምዘለና ክፈልጡ ኣለዎም፡ ንመቕጻዕቲ ኢና የሕሊፍና ዝሃብናካ እምበር እቲ ጸጋ ናትካ ኢዩ ዘሎ፡ በቲ ብሳባ ዝሃብናካ ትእዛዝ ክትከይድ ኣለካ ምእንቲ ሕጊ ከተኽብር ኢና ልኢኽናልካ፡ ኣብቲ ደብርና ከኣ ሓደ ወዲ በለዛ ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ። ወዲ ይኩን ጓል። መበቆል በለዛ ዘለዎ ኮፍ ኢሉ ከይእዝዝ። ስልጣን የብሉን፡ እቲ ደብሪ ናይ ህዝብን ናይ መንግስትን ድኣ'ምበር ንሶም ኣብኣ ዝውንንዎ ከምዘይብሎም ክፈልጡ ኣለዎም፡ እቶም ብኣስመራ ዝመጹ ናይ ቅድሚ ሕጂ ኣገልገልታ። ሕጂ ውን ንሶም ኢዮም ኣገልገልታ፡ ኣብ ቤት መቕደስ ውን ካህናት ናይ በለዛ ከይቅድሱ፡ እዛ ኣብዛ ደብርና ኮፍ ኢላ ዘላ ጓል በለዛ ሕንዚ ናይቲ ደብርና ስለ ዝኾነት ትልቀቕልና፡

❖ ንኤልሳ ከድኪ ሓቲትክላ'ዶ፧ ገዝኣ ስለዘይፈልጠ ኣይከድኩን ምሕረትኣብ ትምጻኣ ስለዝበለ ግን ሓውያ ኢለሙኒ፡ እሞ ስርሖይ ምእንቲ ከለልይዎ ኢለ ኢየ ነዚ ኩሉ ዝሰርሕ ዘለኹ እሞ ከድኪ ረኣይያ ኢኺ ከመይ ኢላ ደኣ ናብቲ ማይ ጨሎት ከይከደት ብሕራይ ናቱ ክትሓዊ ከኢላ፧ ዝኣምኑ እንተኾይኖም'ሲ በዚ ሓቂ እዚ ይእመኑ፡

❖ እቲ ባዕለይ ክጽሕፈልኪ ዝሓረኽዎ ሰብ ካብቲ ብኢድ ቆልዑ ደቅኺ ዝተጻሕፈ እንታይ ርእየ በለኪ፧ "ንዓስቢ ክኾነኒ ኢለ ምስ ወሰድክዎ ክጽሕፎ ኢለ ምስ ጀመርክዎ ከምዚ ጨና ፈረንጂ ከይተራእየ ዝጨኑ ከምኡ ጥዑም ናይ ቤተክርስትያን ጨነወኒ፡ ኣነ ከኣ እንታይ ውህበት እየ ተዓዲለ በልኩ ዋላ ሰብ መጽኦም እንታይ ይጨኑ ኣሎ እዚ ገዛኻ በሉኒ ከመይ'ዶ ጨንዩኩም ቤተክርስታያን ኮይኑ ተሰሚዑኒ፡"

❖ ካብቶም ትፈትውዮም ደቅኺ ካብቲ ማሙቕ ገዛኺ ወጺእኪ እንዳ ቤተሰብ ኮንኪ ትጸዓሪ ነበርኪ፡ ነቲ በተ ሰብ ኣብዚ ጥቓኹም ኮይና ትጽዓር ኣላ በልዎ፡ ናትኪ ሰብ ስለ ዝኾኑ ክግደሱ ኢልኪ ልኣኹለይ በልኪ፡ ንሶም ግን ብሰንኪ ንዕቀቶም ክርእዩኺ ኣይከኣሉን ሰለስተ ቅነ ምሉእ ተጻዓርኪ ኣበይ ኣላ እኳ ኣይበሉኽን። ጻዕርኺ ወዲእኪ ንገዛኺ ተመለስኪ እቲ ዝነዓቐኪ ሰብ ንኣዋርሕ ሓሚሙ ገንዘቡ ኣብ ብዙሕ ሕክምና ዘረወ እቲ ናይ ሕክምና ብዘይ በኣይ ክሰርሕ ስለ ዘይክእል ኣይጠቕሞን ብኣኺ ትኣምራት ክሰርሕ ስለ ዝደለኹ ንኽትበጽሕዮ ኣበገስኩኺ፡ ቀዳም መዓልቲ ኣብቲ ገዛ ንስኺ ምስ ረገጽኪ ትንፋስ ረኸበ

ንስኺ ብዘይፈለጥክዮ ንሶም ውን ብዘይፈለጥዎ እቲ ሰብ ሓወየ ንሰንበታ ከኣ ኣብቲ ዝደልይዎ ዝነበሩ ስጋይን ደመይን በቕዑ፡ እቲ ምሕረት ካብ መን ምስ ረኸቡ ኢዮም መስለኪ ንመን ይንዕቁ ከምዝነበሩ ክፈልጡ ኢለ ኢየ ብኣኺ ታሪኽ ዝሰራሕኩ፡

- በሊ ሳባ ምስ ካልኣይትኺ ከለኺ ንስኺ ዘይትፈልጥያ ሰብ እታ ምሳኺ ዝነበረት ነዚኣ ሰላም በልያ በለታ እቲ መንፈሳ መን ምዃንኪ ስለዝፈለጠት በቲ ምሕጫጭ ዘለዎ ስሓቕ ሰሓቐት ንዓኺ ኣይተረደኣክን ንዓይ ግን ተሰማዓኒ ንመን ከምዝሰሓቐት ንኽትፈልጥ ኢለ ንሳ ዘይትፈልጦ ጸገም ኣውረድኩላ፡
- በሊ ሳባ ነቲ ኣብ ገዛኺ ዝገበርኩልኪ ጸጋ ነቲ ናይ መልእኽትኺ ሓቂ ክሳብ ክንደይ ሓቅነት ኣለዎ ንክበርህ ኢለዮ ደኣ'ምበር ንዝመጸኡኺ ኣብ ገዛኺ ማይ ናይ ፌስቶኺ እንተ ሰተዩ ይሕሾም እቲ ናይ ምሕረት ፈውሲ ኣብቲ ማይ ፌስቶኺ ደኣዩ እምበር ኣብ እንጀራኺ ኣይኮነን፡
- ሳባ እንታይ ኮንኪ ካብ ፍቃደይ ወጺእኪ። ቤተክርትያን ከይትኸዲ ኢለኪ ከለኹ በብመዓልተን ሰለስተ መዓልቲ ምስ ከድኪ እንታይ ኣጋጠመኪ፧ እታ ምራኽ ክልተ መዓልቲ እንጀራ ዝሓዘ መሰቦይ ኣውዲቓ ክትበልዖ ጸኒሓትኒ ሳልሳይ መዓልቲ ከኣ ብሒቖይ በሊዓቶ ጸኒሓትኒ፡ እሞ ኣብዛ ጸባብ ግዜ ካብ ፍቓደይ ስለዝወጻእኪ ክትቅጽዒ ኢለኪ ኢየ እሞ ሕጂ ውን እቲ ውሻጠኺ እንተበርከተልኪ ንዓኽን ንሓዳርክን እንበር ንዝመጸ ጽሑፍኪ ኣንበበ ታሪኽኪ ሰሚዐ ዝበለ ቀርብሉ ኣይበልኩኽን። ኢድኪ ኣክቢ፡ ንዝመጸ ማይ ጽሩይ ሰትዩ እንበር እንጀራ በሊዑ ክኸይድ ኣየፍቀድኩሉን፡
- ሳባ ካብቲ ቀስተ ደመና ዘየስተውዓልኩሉ ነቲ እንዳ ኪዳነ ምህረት ዘሕጽብን ዝነስዕን ዝነበረ ሰብኣይ ናቱ ክትርእይዮ ኢየ ኢለኪ ነይረ። ኣባይ ስለዘይነበርኪ ግን ገደፍክዎ ነቲ ሰብኣይ ክነስዕ ከሎ ደድሕሪኡ ኬድኪ ኣይተንጸርጽር። እንዳ ኣንጸርጸርካ ንምሕረት ኣይከውንን ኢዩ በልክዮ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ዝተነስዑ  ኣይተማሕሩን። ሓፍትኺ እኳ ክትሞተኪ ደለየት፡ 14 መዓልቲ ተሓጺብኪ ናብ ገዛኺ ክትብገሲ ከለኺ። ነቲ ኣገልጋሊ ከኣ ካብዛ ማይ ጨሎት ትወርድ ዘላ ማይ ሃበኒ በልክዮ ። ንሱ ከኣ እንዳ ኣንጸርጸረ ንገዛ ኣይኣቱን ኢዩ ከተቕጸዓኒ ኣይኮንክንን በለኪ፡ ክልኩል እንተኾይኑስ ሕራይ ክሓተካ ኢለ ኢየ እንበር በልክዮ፡ ከምኡ እንዳ በልክዮ ከለኺ  ዓቢ ጀሪካን ዝሓዙ ሃብታማት መጽኡ። ንሱ ከኣ ነቲ ጀሪካን ካብታ ክልክልቲ ዝበላ መሊኡ ሃቦም፡ ንስኺ ከኣ ንዓና ንድኻታት ጥራይ ድዩ ተኸልኪሉ ከመይ ጌርካ ነዞም ሰብ ገንዘብ ሂብካዮም በልክዮ፡ ንሱ ከኣ ንጌግኡ ክሽፍን ክብል ክትመሓራ ኣይኮንክንን ትመጽኣ ዘለኽን ዘምጸኣክን ዘይትገብራ ኢሉ ሰጎጎኪ፡ ንስኺ ድማ እታ ንእሽቶይ ብራካ'ዶ ትዓቢ እቲ ዓቢ ጀሪካን በልክዮ፡ ፍርዱ ስለዝተወድአ ኢየ ንዓኺ ልኢኸሉ። ነቲ ደብሪ ከምቲ ዝተኣዘዞ  ስለ ዘይገበረ እየ እምበር ኣገልጊሉ እንድዩ ደኣ በቲ

ዓስቡ ብምርካቡ ኣይኮንኩን ቀጺዐዮ። በቲ ጌጋ ዝገበሮ ኢየ ቀጺዐዮ፡ እቲ መቕጻዕቱ ከኣ ንኽትሰምዕዮ ኢለ ንስኺ ዋላ'ኳ ወዲእኪ ውጽኢ 'ምበር። ነዴኺ ኣብኡ ከም ተምጽእያ ገበርኩ፡ ድሕሪ 7 መዓልቲ ነዴኺ ክትበጽሕያ ኢልኪ ኣብቲ እንዳ ኪዳነ ምህረት ተመለስኪ፡ ሽዑ ኣዴኺ። ኣንተ ሳባ ጓለይ እዚ ከሕጽበና ዝቐነየ እንድዩ ድኣ ጠፊኡ በለትኪ፡ ንስኺ ከኣ ዝገንሖ ዝነበረ መንፈስኪ ስለዝኾነ ብስጋኺ እንታይ ከም ዝበልክዮ ኣይተረድኣክን። ናቱ መቕጻዕቲ ግን ባዕለይ ኣውረድኩሉ ኩሉ ነብሱ ብሕማቕ ኣቃትላ ቀቲሎም ኣብቲ በረኻ ደርበይዎ፡ ሕማቕ ሰሚዕኪ ከኣ ተመለስኪ፡ <u>ናተይ ቁጠዓ ንዘይተኣዘዘ ብኽመይ ከምዘውርደሉ ኣይፈልጥን ኢዩ</u>:: **ኣለኹ እንዳበለ ኢዩ ዝጠፍእ፡**

- በሊ ሳባ ንሕሙማት ክትፍውሲ ብዙሕ ዕድል ሂበኪ ኔረ ምስ ኣብዛሕክዮ ከኣ እንታይ ገበርኩኺ፧ ንሓደ ሕሙም እንተ ሓወየ ኢልኪ ብለውሃትኪ ዳህሰስክዮ ተጸራሪ ናትኪ ጋኒን ስለ ዝጸንሖ ወጋኣኪ፡ ኣነ ከኣ ብኡ ጌሩ ከይስዕርረኪ ኢለ ሰቕ ኢለ ዝረኣኽዎ። ክትቅጽዒ ኢለኪ ኢየ፡ ሕጂ ግን ምሒረኪ ኢየ እሞ ንድሕሪ ሕጂ ተጠንቀቒ። ኣብ ኣጸብዕትኺ ሕማም ዝገደፍኩልኪ ንዓኣ ዘኪርኪ ክትጥንቀቒ ኢለ ኢየ፡ ብዙሓት ሕሙማት ከምጽኡልኪ ኢዮም። ማይ ድኣ ሃብዮም እንበር ብኢድኪ ከይትሕዚ፡ እቲ ማይ ናይ ገዛኺ ቅድሚ ንዓኺ ምንጋረይ ነቶም ጽሑፍኪ ኣንቢቦም ዝመጹ ምሕረት ከምዘለዎ ቅድሜኺ ንሶም ፈለጥዎ። ብገርሆም ማይ ኣስትይና ምስ በሉኺ ሰትዮም ምስ ከዱ በታ ማይ ንስኺ ከይፈለጥኪ ብዙሕ ትኣምራት ሰራሕኩሎም፡ ኣብቲ ማይኪ ጥራይ ዘይኮነ። ኣሚኑ ገዛኺ ዝረገጸ ዓስቢ ዝረኽበ ውሑድ ኣይኮነን፡
- ሓንቲ። ነዚ ጽሑፍኪ ምእማን ምስ ኣበኹ ከቢድ ሕልሚ ሓለምኩ በለትኪ፡ እንታይ ሓሊመ ድኣ በለትኪ፧ ነዚ ጽሑፍኪ ምስ ኣምበብክዎ ሳባስ ሰብያ ነዚ ክትሓልፍ ኣይትኽእልን ኢያ ኢለ ኣቐመትክዎ። እግዚኣብሔር ግን ክምህረኒ ግዲ ደልዩ። ደቂሰ ከለኹ እቲ ጽሑፍኪ ዘንብቦ ኮይኑ ይስመዓኒ። እንዳ ኣንበብክዎ ከለኹ ካብቲ ጽሑፍ ሓኽሊ ዝወጸእ ኮይኑ ይስምዓኒ። እንታይ ድኣ ካብዚ ጽሑፍ ሓኽሊ ወጺኡ በልኩ። ሽዑ ንስኺ ኣነ እየ እቲ ሓኽሊ ትብልኒ'ሞ ብብርቱዕ ሰምበድኩ፡ ሽዑ መሊሰ ከኣ ዘንብቦ ዘለኹ ኮይኑ ይስመዓኒ ካብቲ ጽሑፍኪ ከኣ ምሳር ዝወጸ ኮይኑ ይስመዓኒ። መሊሰ ከኣ ሰምበድኩ። ሳባ ከኣ ፍሽኽ ኢልኪ ኣነ ኢየ ትብልኒ ኮይኑ ይስመዓኒ። መበል ሳልሳይ ግዜ ዘንብቦ ኮይኑ ይስምዓኒ። ሰብኣየይ ኣብ ርሑቕ ስለዝነበረ እቲ ጽሑፍ እንዳበብክዎ ከለኹ ዝመጽእ ኮይኑ ይስመዓኒ። ከመይ ኢሉ ክመጽእ እንዳበልኩስ ቅርብ ኢሉ። መጺኣ በለኒ፡ ብር እንተ በልኩስ ሕልሚ። ኣብ ውሽጢ ሰሙን ክመጽእ እዩ ኢለ ዘይገመትክዎ። ኣብ ተስፋ ዘይነበሮ ግዜ ብጋህዲ መጽኣኒ። ንባዕለይ ከኣ ስምባደ ኮይኑኒ፡ በሊ ሳባ ኣብታ ዝተጠራጠረት ሰብ ዝተገለጽኩ እዚ ጽሑፍኪ ቀሊል መልእኽቲ ከምዘይሓዘ ክፈልጡ ኢለዮም ኢየ፡ እቲ ሓኽሊ ከቢድ ስራሕ

ከምዘለዎ መግለጺ ኢዩ። ምኽንያቱ ፋስ ምስ ገበርካላ ንኽንደይ ገረብ ቆሪጻ ከም ትውዕል። ምሳር 'ውን ሓጺን እንዳ ቀያየርካ እንተደሊኻ ትኹዕተላ። እንተደሊኻ ትጸርበላ። ዓቢ ስራሕ ኣለወን፡ በቲ ሰብኣያ ሓሊማ። ከምቲ ሕልማ ዝገበርክዎ። እቲ ጽሑፍኪ በንቖሩ ከም ዘውጽኦ ክትፈልጥ ኢለያ ኢየ፡ በዚ **መልእኽቲ እዚ ዝኣመነ ብስግኡን መንፈሱን ይረብሕ፡ በዚ ጽሑፍ እዚ ዘይኣመነ ከኣ ይጠፍእ፡**

- እቲ ፋስ ይቖርጽ። እቲ ምሳር ከኣ ይኹዕት። በሊ እቲ ምሳር ከም ዝኹዕት ከኣ ሰበይቲ ንቑዱሳን ተገልግል ዝነበረት። መዋእላ ገድሊ ዘሕለፈት ገዛኺ መጸትኪ፡ ሳባ እቲ ሽግረይ ንኣምላኽኪ ክትነግርለይ መልሲ ክትረኽብለይ መጺአ ኣለኹ፡ ክትነግረኪ እንከላ ብጓሂ ስለዝበሰለት ንብዓታ ካብ ጽፍሪ እግራ ከይተረፈ  ተሓቝኑ ይወጽእ ነበረ፡ ኣብታ እዋን እቲኣ ንዓኺ ንብዓት ኮይኑ ይረኣየኪ እምበር ደም እያ ትነብዕ ነይራ፡ ንስኺ ከኣ ኣነ እሞ እንተ ምንጋር ክነግረልኪ ኢየ እንተ መልሲ'ሞ ካብኡ ተጸበዪ በልክያ፡ እቲ መልሲ ከኣ ካብቲ ጽሑፍ። መልእኽቲ ናትኪ ረኺበቶ፡ እቲ ጽሑፍ ኣብ ገዝኣ ኣትዩ ምስ ተነበበ ኣብቲ ንእሽቶይ ወዳ ተራእየ።  ነቲ ኣብ ገዝኣ ተቐቢሩ ዝነበረ ፈውሲ ከኣ ተበንቊሩ ወጽአ፡ ወዮም ደቃ። ንነዊሕ ዓመታት ብሰንኪ እቲ ፎውሲ ተፈላልዮም ዝነበሩ እቲ ፈውሲ ምስ ወጽአ ተኣኻኺበ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ቅነ እቲ ዓቢ ሓጎስ ብመርዓ እቲ ንእሽቶ ወዳ ጀመረ እሞ። ሳባ ባዕልኺ ኬድኪ ነቲ ዕምባባ ከምትርእይዮ ገበርኩኺ፡ ኣብ ኩሉ ብባእሲ እዮም ዝውድእዎ ኢለናኒ። ኣነ ከኣ ነቶም ኣብቲ መርዓ ኣባትር ሒዞም ዝመጹ። እዛ መርዓ ከም ናይ ሜሪ ጓለይ መርዓ ኢያ። ከይትበኣሱ ኢድኩም ይእሰርኩም ኢለ ጸለኹ፡ ከም ናይ ሜሪ ጓለይ ከኣ ባእሲ  ዘይብሉ ድርብን ዕጽፍን ሓጎስ ዘለዎ ኮይኑ ወዓለ፡ ንሳ ከኣ ኣነ ምስ መጻእክዋ። እግዚኣብሔር ዝወረድካ ኮይኑ ተሰምዓ።        ሕጂ ሓላዊ ረኺበ ኢላ ቀሰነት። ውራያ ከኣ በጋባብ ጽቡቕ ሓለፈ፡ ናይዚኣ መርዓ ከም ናይ ሜሪ ጓለይ ምስ ሓለፈ ንባዕለይ ሰንበድኩ። እግዚኣብሔር'ሲ በቲ ኣነ ዝደልዮ ጓይላ የሕሊፉለይ በልኩ። ሳባ ነቲ ነቢይ ኣነ ዝሓረኽዎ ኢሳይያስ ኣብ ኵናት ውዒሎም ሰራዊቱ ንብጸቶም ሓመድ ኣልቢሶም ጓይላ ኢዩ ነይሩ ክንዲ መግቦም፡ ኣነ ዘይደልዮ ጓይላ እንተዝኸውን እዚ ኩሉ ዓወት ኣይመሕፈስኩዎምን፡ **ኣነ ዝጸልእ ንቡር ዘይብሉ ጓይላ ዝሙትን ምንዝርናን ዘለዎ። ክዳነን ኣውጺኦን ምስዕሳዕ። ኣብ ርእሲ ርእሲ ተደራሪብካ ምስዕሳዕ ካብ ናተይ ሕጊ  ወጻኢ ስለዝኾነ። ንሱ ኢየ ዝጸልእ፡ ናትክን ናይ መራሒኽን እንድሕር ዝጸልኦ ኮይነ ስለምንታይ ኣባኹም ሓዲረ!**
- ነታ እምንቲ ዓቢ ታሪኽ ዝገበርኩላ። ድሕሪ መርዓ ተመሊሳ እንታይ ጌሩለይ እግዚኣብሔር በለትኪ፡ እቲ ብታሪኽ ናትካ ዝተመርዓወ ወዳ። እንዳ ተሓጸነ ከሎ ንገዛይ መጽአት፡ እንታይ ኰንኪ ድኣ መጺእኪ ኢለ ሰንቢደ። ወድኺ ዘይተሐጽኒ በልክዋ፡ ንሳ ከኣ። እታ መርዓት

ነብሰጾር ኢያ ነይራ ከምቲ ዝረኣኽያ በለትኒ። እንቋዕ ኣይለከማ እምበር። ተነቓኒቑ እቲ ኣብ ከብዳ ዝነበረ ዕሽል  ሞይቱ በለትኒ፡ እሞ ንሳ'ኸ ደሓን ዲያ በልክዋ፡ ንሳ'ስ ደሓን ኢያ ሕክምና ከይዳ ኢያ ተገላጊላ፡ እሞ እንታይ ድኣ ገዲፍክያ መጺእኪ በልክዋ፡ ኪዲ ካብ ሳባ ማይ ኣምጽእለይ ኢላትኒ፡ እሞ እተን ማይ ምስ ሃብክያ'ኸ እንታይ ርእየ በለትኪ፧ እቲ ማይ ሒዘ ኣብታ መርዓት ሰበይቲ ወደይ ዘላቶ ክኣቱን እቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ተነቓኒቑ ክትሓምምን ሓደ ኮነ፡ በሊ ሳባ ነቲ ኣብ ሆስፒታል ዝበጻሕክዮ ሕሙም። ኣብ መደቀሲኡ ከሎ። ገና እግርኺ ከይኣተወ ኣብ ቀጽሪ ሆስፒታል ከለኺ። እቲ ሕሙም ዝተማሕረ። ናይዚኣ ከኣ እቲ ማይ ደኺማ ዝወሰደትላ እትው ክትብል ከላ ክሰርሕ ጀመረ። ነቲ ወርሒ ምሉእ ዝተረስዐ መዳሕንቲ ከም ዝነቓነቐ ገበረ፡ እቲ ታሪኽ ክስራሕ ደልየ ድኣ'ምበር መዳሕንቲ ካብ ቆልዓ ተሪፉ። ውዒልካ ከም ዘይሕደር ዘይፈልጥ ሰብ የለን፡ ነዛ ብርኽትን እምንትን ኣገልጋሊተይ ግን ንሰበይቲ ወዳ መዳሕንቲ ኣብ ከብዳ ንወርሒ ጸኒሑ ከም እትድሕን ገበርክዋ፡

- ሳባ ሰበይቲ መጺኣ ካብዚ ገረብኪ ንጥሽ ዝኸውን ሃብኒ በለትኪ፡ ንስኺ'ኸ እንታይ መልሲ ሃብክያ፧ እዚ ድኣ ብስም ስውኣት ናይ ኣሕመትሙተይ ስለዝተኸልናዮስ ንመወጽ እኳ ኣይንቅንጥበሉን ኢና በልክያ፡ ሃብኒ ንስውኣት ድኣ ካልእ ግበርሎም እንበር። እዚ ድኣ እንታይ ክኾኖም በለትኒ፡ ከምኡ ምስ በለትኒ ከይትረግመኒ ኢለ ሰሊዐ ሰሊዐ ሃብክዋ፡ ካልኣይ መዓልቲ ድገምኒ ክትብል መጽአት። ኣነ ከኣ ክደግመኪ ኣይክእልን ኢየ ሽው እኳ ነብሰይ እንዳፈራሕኩ እየ ሂበኪ ሕጂ ግን ኣይህበክን ኢየ ኢለ እንዳ ኣፉነኽዋ ከለኹ። ጽባሕ ንግሆ ዝበርስ ገረብ'ሲ ድሓን በሊ ኢላ ከደት፡ ከይደንጎኺ'ኸ ናይቲ ገረብ እንታይ ርኣኺ። ከምቲ ንሳ ዝበለቶ ብዘይ ፋስ ባዕሉ ብንቁር ኢሉ። ዕሉው ኢሉ'ዶ ጸንሓኪ፧ እቲ ንጥሽ ዘድሊ ጥራይ ዘይኮነ ኩሉ ኣብ ካስሸሎኺ ዝነበረ ኣግራብ በረሰ፡ በታ ናይታ ሰበይቲ መንገዲ ክሰርሕ ስለዝደለኹ ኢየ ብኣኣ ገይረ ዝለኣኽኩ፡ ንዝኾነ ኣነ ዝፈጠርክዎ ከጥፍእ እንድሕር ደልየ ብቃለይ ተዛሪበ ከምዘጥፍእ ክፈልጡ ኣለዎም፡
- በሊ ሳባ እቲ ሓቅነትኪ እንዳ ተወድአን እንዳ ተዛዘመን ስለ ዝኸይድ ዘሎ ንቅርሲ ክኾነኪ ነቲ ኣብ ቤትኪ ዘሎ ኣስእልዮ በልኩኺ፡ ሰኣላይ ካበይ ከምጽእ ኢየ። ገንዘብ'ከ ካበይ ክረክብ። ክስቶ ሃብታም ኢዩ እንተበልኩ'ዶ ይሕሸኒ ንሱ'ከ ገጽ እንተከልኣንስ መሊሰ ክጉሂ ኢየ ኢልኪ ስጋኺ እንዳ ተወላወለት ከላ። ዓባይቲ ኣጋይሽ መጽኡኺ፡ ነቲ ታርኽኪ ሰሚያም። እሞ ሓቂ እንተኮይኑስ ቪድዮ እንተቐዳሕናኪ'ኸ እንታይ ይመስለኪ በሉኺ፡ ንስኺ ከኣ ምስቲ ነጊረኪ ዝጸናሕኩ ሰንበድኪ። ዝቐድሑ እንተ ዘይሕዘልኪ ድኣ ውሽጥኺ እንዳ ፈለጥኩ ክትጭነቒ ኢለ ቪድዮ ተቐድሒ ኣይምበልኩኽን፡ እቲ ናተይ መንገዲ ሰብ

**ዘይፈልጦ ዓቢ ምስጢር ኢዩ፡ ኣብቲ መልእኽተይ ዝዋሳእ ሰብ ከኣ ማንም ሰብ ኣይኮነን። ኣነ ዝሓረኽዎ ጥራይ ኢዩ። ኣነ እንተዘይሓርየዮ ማንም ሰብ ክረኽቦ ከምዘይክእል ክፈልጥ ኣለዎ፡**

- በሊ ሳባ ካብቲ ማይ ጨሎት ማይውዑይ ምስ ወጻእኪ እንታይ ኢልኪ ተመጻቢዕኪ፧ ካብዚ ድኣ እንቋዕ ወጻእኩ እምበር ንቤተክርስትያን ዓቕመይ ክወስድ ኢየ በልኩ፡ መዓስ መዓልቲ ካብቲ መከራ ተላቒቕኪ፧ ደብረታቦር መዓልቲ፡ እሞ ኣብታ መዓልታ ድያ ክትገብርያ ዝግበኣኪ ዋላስ ካህናት ኣብ ዝበሉኺ፧ ኣብታ መዓልቲ እባ፡ ግን ኣይንቕበለክን ኢና ምስ በሉኺ ኣብ ፍቓዶም ኣቲኺ፡ ንኽትገብሪ'ኸ ሸሻይ'ዶ ረኺብኪ፧ ኣይረኸብኩን። ብኽንደይ ስቓይ የሕሊፈዮ፡ ተኣሲረ ምስ ወጻእኩ እቲ በዓል ምስ መርዓ ጓለይ ስለዝተደረበኒ። ንሎሚ ዓመት ሃንዛን ቡንን ክገብረሎም በልኩ። ወዮ ሃንዛ እንዳ ሓረረ ኣትከኸኒ። ኣነ ከኣ ይሕልዎ እንድየ ዘለኹ ኣብ ካልእ መዓልቲ ዘይኣበየንስ ከመይ ጌሩ ፈሓም እናተቐየረ ኣትከኹኒ በልኩ፡ ምርጫ ስለዘይብለይ ግን ነቲ ዝሓረረ ሃንዛ ቁርሲ ቡን ክኾነኒ ወሰድኩሎም፡ በሊ ንዓመትኡ'ሽ  እንታይ ረኺብኪ፧ ካብ ዘይብለይ ስዋይ ጸሚቐ እንጀራይ ሰንኪተ። ድንሽን ስጋን ክገብር ኢለ ሓሰብኩ፡ ኣብ ጸብሒ ምስ በጻሕኩ ዋላ ብመገድኻ ሰልዲ ፍጠረለይ እንበር ከይገዝእ ተዓኒደ ወዓልኩ፡ እንጀራይ ምስ ሰንከትኩ ስዋይ ምስ ጸመቕኩ ንጸብሒ ዝኸውን ኣስቤዛ ከም ዘይኣምጻእኩ ተረድኣኒ፡ ምሸት ምስ ኮነ ዝለኣኹ ደቀይ ከለውኒ ጎያይት እግሪ እንከላትኒ እንታይ የእምሮይ ደፊኑኒ ውዒሉ ኢለ ጕሃኹ። ምስ ገንዘበይ ከለኹ ኢለ ተጨንቕኩ፡ ስዋን እንጀራን። ቡንን ሻሂን ጸብሒ ዘይብሉ። እንታይ ክኾኖም ኢዩ ኢለ ላዕልን ታሕትን በልኩ፡ ኣብዚ ዘለኹዎ ዓዲ ከኣ ዋላ ሓንቲ ገዚእካ ክትሰርሕ ስለ ዘይትኽእል። መሬት ከም ኣፍ ዑንቀ ጸበበትኒ፡ ካባኻ ሽዑ ሽሮ ስርሕሎም ዝብል ድምጺ ሰማዕኩ፡ ኣነ ከኣ ሽሮ ሰሪሐ ወሰድኩሎም፡ እሞ ሓፊርኪ'ዶ ኮሪዕኪ፧ ኣይሓፈርኩን። ስጋ ዝስራሕኩ ኮይኑ እምበር ተሰማዓኒ፡ ከመይ ጌርኪ። ሽሮ ሰሪሑ'ዶ ሰብ ይወስድ ኢዩ፧ ካባኻ ስለ ዝሰማዕኩ ክሓፍር ኣይከኣልኩን፡ **በሊ ቀዳምነት መቕጸዕትኺ ኣብታ መዓልቲ ዝተመባጸዕክያ ስለ ዘይገበርኪ። ካልኣይ ከኣ ንህዝቢ ዓቢ ትምህርቲ ክትህቢ እዚ ንካህናት ኣይበቅዕን ኢዩ ከይብል። መዓልቲ ከይደፍን ብዘለዎ ምእንቲ ከብዕል፡** ብዘለኪ ምስ ኣብዓልኪ ካባይ መልሲ እንታይ ረኺብኪ፧ እወ ጎይታይ ማይ ከይሃረመ ቀንዩ ሽዑ መዓልቲ ንኹሉ ዘሐጉስ ኣዝመራ ዘለዎ ማይ ወረደ፡ **በሊ ኣብታ በዓልኪ ተመለሲ። ካህናት እንተኣበዩ ከኣ ይውሓድ ይብዛሕ ንድኻታት መኽፈልቲ ትህቢ፡** ኣባት ነብሲ ከኣ ቀይረልኪ ምኽንየ ፍለጢ፡ ካብቶም ኣብ እንዳማርያም እቲ ቆልዓ ምስ ተጎድአ ኣኼባ ጌሮም ነዚ ጽሑፍ ብኽብሪ ዘንበቡልኪ። ካብኦም ሓደ ኣባት ነብስኺ ገይረዮ ኢየ፡ መን ድኣ ኢዩ ጎይታይ ቀሺ የማነ ድዩ፧ ኣይኮነን። ቀሺ ሰለሙን ድዩ፧ ኣይኮነን። ቀሺ ሕዝቅኤል፧ እወ።ንዓኸን ነታ ቤተክርስትያነይ እንዳ በዓለ እግዚኣብሔር ክሽፍት

መሪጸዮ ኢየ፡ እዞም ኣባት ነብሰይ'ከ እንታይ ክገብሮም፧ ኣሲጋግሩኒ በልዮም እንኮላይ ነቶም ማናቱ ናይ መንግስተ ሰማይ ዝኸፈቱ፡ ስለ ዝመረጽክዎ ኢየ ንዕኡ ኣብ እስር ቤት ከለኹ ከይተሃነጹ ከለው ምልክት ናይ ወድን ጓልን ሊላን ጻዕዳን ሓረግ ኣብ ክሳዱ ዝሰቐልኩሉ፡ ንሱ ከኣ ኣጠመቐም፡

❖ ሜሮን ወድ'ኺ ህጻን ከሎ ካብ ዓራት ወዲቑ ተሃሰዩ ከሎ ንእንዳ መርዓ ሒዝክዮ ከድኪ ብድሕሪኡ እንታይ ገበርኪ፧ እወ ጎይታይ ኣብቲ መርዓ ድኣ'ምበር ኣብቲ ወደይ'ሲ ከበር ኣይገበርኩን። እታ መርዓ ከይትሓልፈኒ ክብል ተሃሰዩ ከሎ ሒዘዮ ገሸኩ። ኣብኡ ምስ በጻሕኩ ርእሱ ፈኺኹ ኢሉ ሓበጠ። ቆልዓ እንዳ ተቖንዘወ መርዓ ከሕልፍ ኣስቀጥኩ፡ ሰኑይ ኮይኑ ናብ ኣስመራ ኣትየ። ንሕክምና ኣምጻእክዎ፡ ኣብ ዶክተር ኢትዮጵያ ቀረብኩ። ንሳ ከኣ  ኣበይ ኣቐኒኹዮ እዚ ህጻን ኢላ ጸፈዓትኒ፡ ኣነ ከኣ በደለይ ክሽፍን ኢለ። ርሑቕ ዓዲ ኢየ ገይሸ ንመርዓ በልክዋ፡ ንሳ ከኣ ምእንቲ እቲ ህጻን ኢላ ተሓባበረትኒ። ራጂ ኣርእያ ኪዲ ገዛኺ ውሰድዮ በረድ ግበርሉ በለትኒ፡ ወዮ ቆልዓ ብቓንዛ ወዓለ ሓደረ ክሞተኒ ከኣ ደለየ፡ ዓቕሊ ምስ ኣጽበብኩ ጥርሙዝ ጌረ ከንቅዓሉ'ሞ እቲ ካልኣይ ርእሱ ኮይኑ ዘሎ ደምን ምጉልን እዩ እሞ እንተ ከደሉ ኢለ ሓሰብኩ፡ ንደገ እንተ ወጻእኩ ዓቢ ሽማግለ ብዓል ነጸላ ርኣኹ፡ ኣቦ። እዚ ቆልዓ ተቖንዘዩ ኮይኑስ ርኣዩለይ በልክዎም፡ መን ድኣ ነገረኪ ዝኽልሕ ምኳነይ፧ እንድዒ ዘይዓቕለይ ጸቢቡኒ ኢየ ከይሞተኒ ኣሰቢዳለ እንተኸድኩስ በረድ ግበርሉ ኢሎሙኒ። ኣነ ከኣ በዚ ክፍትኖ ኢለ ኢየ፡ ንዒ በሊ ሓዝዮ ከንቅዓሉ ኢሎም ኣብ ክልተ ወገን ኣንቅዕሉ። ንሱ ከኣ ደምን ምጉልን መሊኡ ጸኒሑ ርእሱ ተቶኲሱ ነዚ ኩሉ ክዳውንትና ኣባላሸወልና ካብ ቃንዛ ከኣ ዘፍ በለ፡ በሊ ኣነ ኢየ ጵሓፍዮ፡ ኣብ ናይ ሙሴ መጺአ ተመለሲ ወድ'ኺ ተሲኡ ኣሎ ዝበልኩኺ ኣነ እንዲየ። እንታይ ቀይረ ድኣ ዘየለለኽኒ፡ ጎይታይ ዋዒ ስለዘለኒ ኣብ ኩሉ ትመጻኒ ኣይመስለንን ኢዩ፡ በሊ ኣብ ምድሪ ከለኺ ኣባኺ ሓዲረ ኣነን እቶም ዝለኣኹኒ ናይ ሰማይ መላእኽትን። ኣብ ምድሪ ወሪድና ምሳኺ ብዙሕ ንስኺ ትፈልጥዮን ዘይትፈልጥዮን ስራሕ ሰራሕና፡ ንስኺ ክትለኣኺ ከለኺ። ሓይልኺ ነብሪ መልእኽትኺ ድማ ውሑጅ። እቲ ውሑጅ እንዳ ተኣከበ እንዳ ተኣከበ ምስ መጸ ቀላይ ይኸየር። እቲ ቀላይ ከኣ ምስ ተኣከበ ክጥቀመሉ ንዝደለየ ብዙሕ ህዝቢ የገልግል፡ እቲ ጵሑፍኪ ከኣ ልክዕ ከምቲ ዘይነጽፍ ቀላይ ንውሉድ ወለዶ ይሓልፍ። እዚ መልእኽትኺ ዓሌትን ሃይማኖትን ከይፈለየ ንኹሉ ሰላምን ቅሳነትን ዘምጽእ ኢዩ፡ ዝሰምዖ ምስ ሰኣነ ግን ኲናትን ጥፍኣትን ዘምጽእ ኢዩ፡ እዚ ጵሑፍ። መልእኽቲ ናተይ ናይቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ። ሓደ ኣምላኽ ናይ ምሉእ ዓለም ትንፋስ ዘለዎን ዘይብሉን ብዓይኒ ዝረኣን ዘይረኣን ዝፈጠርኩ ሓደ ኣነ ኣቦ ናይ ምሉእ ዓለም ኢየ፡ ንዓይ ዝኣመነ ተጠሚቑ ዝመጸኒ ጥራይ ኢዩ ዝድሕን፡ ነቲ ጥምቀት ከኣ ዓይነት ኣለዎ፡ ከምቶም ናይቶም መናቱ ዝጸሓፍክዮ

ኢዩ ደጊመ ደጋጊመ ዝብል ዘለኹ፥ እሞ ነዞም ብዕድመ ዝሓለፍዋ'ኹ፡፡ ንሶም ከኣ ንደቆም ምስ ኣጠመቑ ኲሎም ከም ጥሙቓት ኮይኖም ይብየነሎም፥

- ብሰንኪ ምፍላጦም ናይ ምድሪ ምሁራት ኮይኖም ዝጠፍኡ እልፊ ኣእላፋት ኢዮም። ከም ብዓል መን ይመስለኪ፡፡ ኣብ መንገዲ ጸኒሖም ብመኪና ዝተማልኡ'ኺ። ንስኺ ዋላ ኣይተለልይዮም እምበር ንሶም ዘለለዩ'ኺ። ተማልኡኒ ምስ በልክዮም ኣብ መኪንኦም ዝሰቐሉ'ኺ። እቲ ጸርፊ ብወላዲተይ ጀመሩ። እዛ ቆልዓ ሓቒፋ ኣብ ገዛ ገዛ ተዘርጊሓ ዘላ ስእሊ ትፈልጥያ'ዶ በሉ'ኺ፥ ንስኺ ከኣ እወ በልክዮም። በሊ ንሳ ኢያ ንግስቲ ጠፈር ኮይና ንዓለም ትብጽብጸ ዘላ በሉ'ኺ፥ ንስኺ ከኣ ብስንባደ እታ ኣደይ ማርያም። ኣደ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በልክዮም። ንሶም ከኣ እወ በሉ'ኺ፥ መሊሶም ከኣ ካልእ ወሰኹ'ኺ። እዞም ኣብ ቀሓውታ ተኣኪቦም ትርእይዮም ዘለኺ በሉ'ኺ። ንስኺ ከኣ ኣየኖት ኢልኪ መለስክሎም። እዞም መላእኽቲ ኢልክን ከም ብዓል ንስኺ ትሰግዳሎም ዘለኽን። ንሶም ጣኦት ኢዮም እሞ ኣይትስገድሎም በሉ'ኺ፥ ኣነ ከኣ በዓል ኣቡነ ኣረጋዊ በዓል ኡራኤል በዓል ኣቡነ እንድርያስ በዓል ኣቡነ ኤውስጣቴዮስ ዲኹም ትብሉኒ በልክዮም፥ ንሶም ከኣ እወ ኣብኦም ኣይትስገዲ ሒዘሙ'ኺ ክይጠፍኡ በሉ'ኺ፥ ኣውርዱኒ በሉ ካብ'ዛ መኪና መዓት ከይክዕወልኩም እግዚኣብሔር ኢልኪ ኣብ ብሎኮ ምስ በጻሕኪ ወረድኪ፥ ንሶም ከኣ ሎሚ'ባ ረኺብናኪ በሉ'ኺ፥ ንዓ'ኺ ልኢ'ኽሎም ግን ክሰምዑን ክምለሱን ኣይከላሉን። ተመሊሶም ድኣ ከናሽው ኢሎም ሳባ ዝብሎም እንተረ'ኺቦም። ንሳስ ጠንቋሊት ኢያ ኣጋንንቲ ኢዮም ዝልእክዋ ይብሉ፥ ከምኡ ክብሉ ከለው ብጣዓሚ ኢየ ዝሓዝን ንዓ'ኺ ዘይኮኑ ነቲ መልእ'ኽተይ ኢዮም ዘናሽው ዘለው፥ ንስ'ኺስ ዘይትረብሒ ሰብ ዝገበርኩ'ኺ እዚ ከም ዝመጽእ ስለዝፈለጥኩ ኢየ። ብሰንኪ ንዕቀቶም ዝጠፍኡ በዚሖም። ሳባስ ንግዜ ክትቅይሪ ከምዘይተ'ኽእሊ ይፈልጡ ኢዮም። ነዚኦም ድኣ እንታይ ክትገብሮም ኢ'ኻ ጎይታይ:: እንተተመሊሶም ምሕረት ከውርደሎም ኢለ ኢየ ንዓ'ኺ ልኢ'ኽሎም። መንገዲ ዝሓዙ መሲልዎም እምበር ንጥፍኣት ኢዮም ኣምሪሖም፥

- ሳባ ብጀካ'ኺ ሃብታም ዘሎ ኮይኑ ኣይስመዓክን ኢዩ ነይሩ። ካብ መዓስ ድኣ ድኻ ምዃንኪ ፈሊጥኪ፡፡ ጋሻ ምስ በዝሓኒ ድኻም ምስ በርትዓኒ ዕረፍቲ ምስ ሰኣንኩ፥ ደኺመ እንተ በልክዮም ዓለም ከምኡ እንድያ ይብሉ'ኺ። ሎምስ ም'ኽኣል ስኢነዮ እንተበልክዮም ከኣ እንታይ ድኣ ደሊ'ኺ ይብሉ'ኺ፥ ኣነ ከኣ ነዚ መልሶም ሰሚዐ ብመን ኣብዚ ኲሉ ከም ዝበጽሓኪ ስለ ዘይፈለጡ እቲ ክገብረሎም ዝሓሰብኩ ተጠዓስኩ፥ ንሶም ድኣ ከምኡ ኢሎም ዘይሓልፍዎ ለምንልና ንእግዚኣብሔር ክብሉ ዝመጹ ገዛ'ኺ። በሊ በየን ከምዝረ'ኽብዎ እቲ ጸጋ እንዳ ፈለጡ ከምዝይፈለጡ ይኾኑ። እቲ ካባ'ኺ ዝረ'ኽብዎ ጸጋ ምስ ረ'ኽቡ ብኣ'ኺ ከም ዘይረ'ኽቡ ኮይኖም ክሃድሙ ይደልዩ። እዚ ከኣ ንያኦም መውደቂኦም ድኣ ኢዩ እምበር

መሰሰኒኦም ከምዘይኮነ ክፈልጡ ኣለዎም፡ ንሓደ ኣነ ዝልእኮ ብመንገዱ ገይረ እንድሕር ገይረሎም ከመስግኑን ዝተገብረሎም ፈሊጦም ክነግሩን ዝደሊ ምኽነይ ክፈልጡ ኣለዎም እቲ መስርሕ ንምንታይ ኢለ ድኣ ሰሪሐዮ ነቲ ሓቂ ክምስክር እምበር፡

- ኣብታ መሬት እንዳ ሓሙኺ ገዛ ክትሰርሕያ ምስ ኣፍቀድኩልኪ መን ተቓወመኪ፧ ዋላ ሓደ ጎይታይ። እቶም ዝቃወሙኒ ዝነበሩ እኳ ደው ኢሎም ኢዮም ዝረኣዩኒ፡ እሞ ክትሰርሕያ ከለኺ ደው ኢሎም ርእዮሙኺ ከብቅዑስ እንታይ ኮይኖም ድኣ ነቲ ዝተረፈ መሬት ክዘምትዎ ደለዩ መን ከምዝሎ ምሳኺ ኣይፈለጡን ድዮም ኮይኖም ዋላስ ክኸስሩ ደልዮም፧ ንስኺ ከኣ ከም ቀደምኪ ንዓይ ከይትሓትስ ኣብቶም ናይ ምድሪ ክሽምገሉና ይኽእሉ ኢዮም ትብልዮም ከድኪ፡ እንታይ መልሲ ድኣ ሃቡኺ፧ በሊ ግምት ናይ መሬት ክፈሊ በሉኒ፡ ኣነ ከኣ ግምት ናይ መሬት ድኣ ክንደይ ይኸውን፧ እቲ መሬት ሒዝዎ ዘሎ ዝመጸኪ። ግምቱ ከፊልኪ ኢኺ ኣብ ክሲ ትኣትዊ በሉኒ፡ ኣነ ድኻ ካበይ ኣምጺአ ናይ መሬት ክኸፍል ኢለ ጓሃኹ፡ ንስኻ ከኣ ኣንታ ዘይትድርብየኒ ኣምላኽ እምኒ ሕዚ ኩሉ ተዳለዊ በልካኒ፡ ዳሕራይ ቁልሕ እንተበልኩ ንስኻ ከለኻኒ እኳ ኢየ ኣብ ሰብ ዝጠመትኩ፡ ከምቲ ዝበልካኒ ከኣ ገበርኩ፡ ሰብኣየይ ከይፈለጠ እምኒ ኣዅዒተ ጸናሕኩ። ነቶም ሰብ እምኒ። ነቦይ ኢዩ ኳዓቱለይ በልክዎም፡ እምኒ ክፍሕሩ ድኣ ክንደይ ግዜ ወሰደልኪ፧ ልዕሊ ወርሒ፡ ምስቲ ትገብርለይ ውራይ (በዓለይ) ሓደ ስውኡን እንጀርኡን ክኾነልኪ ኢለ ኢየ። ፍሒርና ኢሎሙኺ ከለው ኣስቂጠ ዝጸናሕኩ። ሽዑ ንበዓለይ እንዳ ሓንከርኪ ከለኺ ብተረፍ ናይቲ ውራይ ክትገብርዮ ምኻንኪ ነገርኩኺ፡ ሓሙስ ዝወዓለ እቲ ውራይ እታ ወፈራ ናይቲ መሬት ከኣ ንቐዳም ገብርክዮ፡ ስውኡ ኣበርኪተ እንጀርኡ ኣብዚሐ ነዞም ኩሎም ህዝቢ የዕጊበዮም ውዒለ፡ እወ ጎይታይ ነቲ ስዋ ማይ የእተየ እንተጸመቕክዎ እቲ ግለት ስዋ ኮነ። እቲ እንጀራ ውን ጸጸኒሑ በርከተ፡ ነቲ መሬት ብምንታይ ጀምርዮ ኢለኪ ነይረ፧ ነቲ ሓጹር ኣብ መሬትኪ ዝጸናሓኪ በንቍርኪ ሰንድውዮ። እቲ ኳና ኣብ መሬትኪ ተኺንዩ ዘሎ ኣፍርስዮ። ኣብ መሬቶም ስንድውሎም በልካኒ፡ እሞ ሽዑ መዓልቲ እቲ ፍሉይ ሓይሊ ዝተዋሃብክዮ ዲኺ ክትጥቀምሉ ውዒልኪ፧ እወ ጎይታይ፡ ከምቲ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ክወርደኪ ከሎ ከም ነብሪ ፍሉይ ሓይሊ ዝወርደኪ። ሰብ ሰብ ኮይኑ ዘይስመዓኒ። ነቲ ሓጹር ክትብንቅርዮ ኣይርድኣኪ። ነቲ ኳና ክትእክብዮ ኣይርድኣኪ። መን ስለ ዝነበረ ምሳኺ ፍሉይ ሓይሊ ለቢስኪ ነዚ ክትረኽብዮ ዝኽኣልኪ ብኸመይ ይመስለኪ። ዝበልኩኺ ሰሚዕኪ ክፍጽም ኢየ ኢልኪ ስለ ትጓየዪ እምነት ስለ ዝሓዝኪ ኢኺ፡ እተን ኣነ ዝደልየን እምነትን ፍርሃትን ኢየን፡ ብኽልቲአን ከኣ ልዕሊ ኩሉ ህዝቢ ስለዝኾንኪ ተበሊጽክለይ፡
- ሳባ ኣብ እስር ቤት ከለኺ እንታይ ሓሊምኪ ኔርኪ። ትዝክርዮ ዲኺ፧ እወ ይዝክሮ። ካብ ጎረቤተይ ዝወለድኩ ኮይኑ ይስምዓኒ። ሓፊረ ካብ ሰብ ይሕባእ ነቲ ዝወለድክዎ ሰብ

ከይርእዮ ይሓብኦ። እቲ ዓዲ ብኣይ ዝዛረብ ኮይኑ ይስመዓኒ። ኣነ ከኣ ይጭነቕ። ሽዑ ሓንቲ ካብ’ተን ዝሓምያ ማይ ሃብኒ ኢለ ክኣትዋ ኢየ በለት፡ ንሳ ከኣ ትሓተኒ’ሞ ኣነ ከኣ ብስክፍታ እዚ ዓዲ እንታይ ይብለኒ ኣሎ ኢለ ሓተትክዋ፡ ንሳ ከኣ ኩሉ ብኣኺ ይዛረብ ኣሎ ትብለኒ እሞ። ኩሉ ብኣይ ካብ ተዛረበ ኣብቲ መንገዲ ውሑጅ። ውሑጅ ክወስደኒ ኢለ ደው በልኩ፡ እቲ እንዳ ዘለለ ክመጽእ ዝጸንሐ ውሑጅ ኣብቲ ኣነ ዘለኽዎ ቦታ ምስ በጽሐ ጎቦ ኮነ። እቲ ጎቦ ከኣ ባላ ነዊሕ ዕንጨንይቲ ኮነ። ኣብቲ ነዊሕ ዕንጨይቲ ብልዕሊኡ ከቢብ መቕሎ ዝመስል ኣብታ ከባብ ጻዕዳ ኮፍ ዝብል ኮይኑ ይስመዓኒ፡ እቲ ውሑጅ ጎቦ ዝኾነ ወይኒ ተቐይሩ። እንዳ ደፍኣኒ ኣብ ልዕሊኡ ኮይነ ሰለል እንዳ በልኩ ንገዛይ ዘምርሕ ዘለኹ ኮይኑ ይስምዓኒ። እቲ ውሑጅ ወይኒ ዝተቐየረ ተደፋፊኡ ንመንደቐይ ኣፍሪሱ ዝኣቱ ኮይኑ ይሰመዓኒ፡ በሊ እቲ ሕልሚ ኣብኡ ኲንኪ ዝሓለምክዮ። እቲ ውላድ። እቲ ሕቡእ ጽሑፍኪ ኢዩ። እቲ ምሕባእ ከኣ እቲ ትሓልፍዮ ዝነበርኪ ገድሊ ኢዩ። እቲ ወይኒ ከኣ ልኡኽኪ ምስ ወዳእኪ ትረኽብዮ ጸጋ ኢዩ፡

- ሳባ እቲ እሙን ቆልዓ ገዛኺ ዝመጸ ምስ ኣዲኡ። ኣብ ገዛኺ ከሎ ርእሱ ሓሚሙ እንታይ በለኪ፧ ሳባ ባባ የሱስ ትረኽብዮ እንዲኺ ፈውሶ’ባ በልዮ ጸሎት ገይርኪ ርእሰይ ሕዝኒ በለኒ፡ ኣነ ከኣ ሕራይ ዝወደይ በልክዎ፡ ካብ ገዛይ’ሲ ኣይሓሾን ከይዱ፡ በሊ ኣብ ገዝኡ ምስ በጽሐ ካብቲ ምንጻፍ እንታይ ርእየ በላ ነዲኡ፧ ባባ የሱስ ሕጂ ካብዚ ምንጻፍ ወጺኡ ርእሰይ ክሕዘኒ ጸኒሑ ንስኻትኩም ኩላትኩም ይቕረ በለልና ክትብልዎ ጸኒሕኩም። ባባ ካንሸንሎ ክፍት ምስ ኣበለ ኣብታ ምንጻፍ ስእሊ እንዳጎየየ ኣትዩ ኢሉ ኢላ የዕሊላትኒ ኣዲኡ፡ በሊ እሙን ህጻን ስለዝኾነ ተገዲሱ ብኣይ ስለ ዝሓተተኪ ክኣምን ኢለዮ ኢየ ካብቲ ምንጻፍ ወጺኣ ዝፈወስክዎ፡
- ሳባ ካብ ጋሻ ክትሃድሚ ስራሕ ኢልኪ ወጺእኪ። ጋሻ ግን ቀትሪ እንተ ሰኣነኪ ዝገደደ ብለይቲ ምሕዳሮም መጹኺ፡ ንጥቕሞም ድዩም ንጥቕምኺ፧ ንጥቕሞም እባ። ንጥቕሞም ክኾኑ ከለው  እቲ ፈውሲ ዝተባህልዋ ማይ ብመን ምስ ተወርደ ኢዩ ፈውሲ ዝኾነ። በቶም ኣብ ከብድኺ ከለው ዝተወጽዑ። ምስ ተወልዱ ከኣ ብዕሩቕ ጫምኦምን ብዕሩቕ ክዳኖምን ወሪዶምሎም ድዮም እናተሓጎሱ ዝወስድዎ ፈውሲ ክኾኖም። ንስኺ ከኣ ብራኳኹ እንተ ሰኣንኪ ብራኮኦም ሒዞም መመጺኦም ይወስዱ፡ ኣነ ከኣ ነቲ መልእኽትኺ ክሳብ ክንደይ ሓቅነት ኣለዎ ንኽፈልጡ ሰቕ ኢለ ርኣኽዎም፡ መጀመርታ ከኣ ፈወስክዎም። ንስኺ ግን እንጀራ ክትቅርቢ ኣይርደኣኪ። ማይ ከተግዕዚ ኣይርደኣኪ ልግሲ ስለ ዘለኪ፡ ካብታ ዝበልኩኺ ከይትሓልፊ ማይ ብሊትሮ ዓቒንኪ ሃቢ ባስካ ምስ ተሰራሓልኪ። ቦጥ እንተ የዕሊኺ ብውሽጢ ውሽጢ ካብኣ ክስሕበልኪ ምኽንይ ፍለጢ፡ እታ ባስካ ክትሰርሕያ ከለኺ ኣብታ መቓብር ናይቲ ህጻን ኢያ ትስራሕ፡ ካብቲ ህጻን ዝዓበየ ምሕረት ኢዩ ክወጽእ፡

ምሕረት ኣለዎ ምስ በልኩኺ እንታይ ፈቲንኪ:: እወ ጎይታይ ምሕረት ኣለዎ ምስ በልካኒ ካብቲ ሓመድ ናቱ ሓፈሰ ካብታ ማይ ምንቺ ገይረ ምስ ሓጸብክዎ ነቲ ቆልዓ። ኣብ መበል ሳልሰይቲ መዓልቲ ተማሒሩ፡ ኣነ ውን መጎነ እንዳ ኣጎድኩ ላዕልን ታሕትን ይብል ስለ ዝነበርኩ እንዳ ተፈለጠኒ ክልቲኡ ዓይነይ ተገሰምኩ፡ ካብታ ምሕረት ኢያ ዝበልካኒ ሓመድን ማይን ሓዊሰ ብምሕጻብ ፈተንኩ። ከምቲ ዝበልካዮ ቃልካ ስለ ዘይትሕሱ ከኣ ተማሓርኩ፡ በሊ ሳባ ናትክን ናይቲ ህጻንን ሓደ ዓይነት ወቕዒ ረኺብኩም ነይሩ። ንስኺ በለይቲ ክትስንክቲ። ኣዲኡ ነቲ ህጻን ውን ብለይቲ ክትስንክት ሓደ ዓይነት ወቕዒ ኢዩ ረኺቡኩም ነይሩ፡ ንሱ ከኣ ምእንቲ ብኣኹም ክፍተን ኢለዮ ኢየ እቲ ሓቂ ንኽትፈልጢ፡ ሓመድ ክትሓፍሲ ከለኺ'ኸ ሰንቢድኪ'ዶ። ክትፍትንዮ ኢለ ኢየ እምበር ኢድኪ ኣክቢ ብግቡእ ተባሪኹ ብኣቡናትን ካህናትን ክጅመር ኢዩ፡

❖ ሳባ ኅለይ ጸጋኺ ከይተርሕቒ ዝኣዘዝኩኺ ግበሪ። ከምቲ ማይ የዐርዮም ክመሓሩ ኢልኪ ኣብዚሕኪ ዝሃብክዮም እሞ ዘይሰርሐ። እንጀራኺ በሊያም ውን ከም ዘይሰርሓሎም ክፈልጡ ኣለዎም። ካብ ፍቓደይ ኣይትውጽኢ፡

❖ በል ጎይታይ ነቶም ጽሑፈይ ኣንቢቦም ዝመጹ በቲ ጽሑፍ ዝፈልጡኒ ጥራይ ድየ እንጀራ ዘይቅርብ ወይሲ ንኹሉ ኢየ፧ ኣብ ውራይኪ ጥራይ እንተ ዘይኮይኑ እንጀራ ከይትቕርቢ። ክትመሃሪ ኢለ በቲ ሰብኣይ ዕፉን ተሰኪሙልኪ ዝመጸ ኣብ ከልኣይ እግሩ ከኣ ሃንዛን ሽኮርን ሒዙልኪ መጺኡ። እዚኣ ቁርሰይ እዚኣ ከኣ ንሸሃየይ ዝበለኪ ልክዕ ከምኣ ኢየ ኣዚዘልኪ፡

❖ በሊ ሳባ ፈውሲ ናይ ኤድስ ቆጽሊ ቅድሚ ክንደይ ዓመት ኣርእየኪ ነይረ፧ ኣሌክ ወደይ ሕቛፍ እንከሎ ንዕኡ ደቂሰ እንዳ ኣጥበክዎ ከለኹ ኣርኢኻኒ ኤርካ፡ ካብ ዘርእየኪ ክንደይ ዓመት ገይሩ ኣሎ ትብሊ፧ 11 ዓመት። እታ ቆጽሊ'ኸ እንታይ ኰንኪ ድኣ ዘይረኸብክያ፧ ስኢነያ። በሊ ስኢንክያ ኣይኰንክን ልቦም ስለዝተረረ ኢየ ከዊለያ። ባዕለይ ከይገለጽኩልኪ ክትረኽብያ ኣይትኽእልን ኢኺ፡

❖ ሳባ ምሕረትኣብ ትምጽኣኒ ምስ በለኪ ንበለዛ ኢልኪ ምስ ተበገስኪ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ንናበይ ዝኸዳ ጸንሓኺ፧ ሳባ እንዳ ጋብር ዲኺ ክትከዲ በላኒ። ኣነ ከኣ እንዳ ጋብር ኣበይ ኣሎ ድዩ በልክወን። ንሰን ከኣ ንዕናይ ምሳና በዚ ትኸድዮ ዘለኺ ኣሎ፡ ኣነስ ናብ ምሕረትኣብ እየ እሞ ቀልጢፈ ከኣ ክምለስ እየ፡ ምሕረትኣብ ውን ኣብኡ ኢኺ ትረኽብዮ ከማህልለና ኢዩ ኢለን ወሰዳኒ፡ ኣብኡ ምስ ከድኩ ምሕረትኣብ ኣይጸንሓንን እቲ ቤተክርስትያን ኣበይ ኣሎ በልክወን። ንእሽቶ በዓቲ ቴንዳ ተኸዲና ጸንሓትና፡ ንሰን ዕልል እንዳ በላ ኣነ ውን ምስኣን ዕልል እንዳ በልኩ ኣተኹ፡ ኣብቲ በዓቲ ምስ በጻሕና ኣነ ከኣ ኣብዚ'ስ ጋብር ኣሎ ኢለ ተጠራጠርኩ፡ ተጠራጢረ ከይኣመንኩ ከኣ ንበለዛ ናብቲ ገዳም

ናብ ምሕረትኣብ ከድኩ፡ ካብኡ መጺአ በታ ናይ ጋብር ግን ኣይኣምንኩን፡ በሊ ሳባ እቲ ትእምርቲ ናትኪ ስለ ዝኾነ በተን ኣንስቲ ገይረ ወሰድኩኺ፡ በሊ ናቱ ራኢ'ኸ እንታይ ርኢኺ፧ ኅይታይ ኣርባዕተ ሰብ ኲንና ይስመዓኒ። ካብቲ ደብሪ ናይ በለዛ ናብ ኣስመራ ገጽና እንዳ መጻእና ከለና ኣነ ምስ ካልኣየይ። እቶም ክልተ ከኣ ብድሕሪት ኮይኖም ድምጺ ይሰምዑ፡ ንስኸን ካልኣይክን እንታይ ርኢኹም፧ ካብታ ዝነዓቕክዋ ናይ ጋብር በዓቲ ገበል ይወጽእ እሞ። እቲ ገበል ጭርሑ ካብታ በዓቲ እንዳ ተመጠጠ ኣብታ ደብሪ ናይ ኣደይ ማርያም መላኸቲ ዘለውዋ። ነቲ ቴንዳ ናይ ተሓጸብቲ እንዳ ኣጸግዐ ኣብቲ መብራህቲ ተወሊዑ ዝሓድር ሳዕሪ ኣተወ። ምስ ኣተወ እቲ ተመጢጡ ዝጸንሐ ስግኡ ኣብ ሓደ ተኣከበ፡ እንታይ ክትርእዩ ጸኒሕኪ ዝብል ድምጺ ከኣ ሰማዕኩ። እንድዒ ኅይታይ ፈሪሐ ኣለኹ። እቲ ንስኺ ዝተጠራጠርኩሉ ጋብር ኢዩ። ሕጂ ከኣ ኣብኡ ከም ዝኣተወ ክትርእይዮ ኢልና ኢና። ከም ዝገዓዘ ንሰብ ንገርዮም፡ ክግዕዝ እንከሎ'ኸ መዓስ ርኢኽዮ፧ ኣብ ጋብር ዘውግሕ ለይቲ ሪኤዮ፡ ብኣ ወርሒ'ኸ ኣብ ገዛኺ ዝመጹ እንታይ ኢሎም የዕለሉ፧ እቲ እንዳ ጋብር ፋሕፋሕ ኢሉ ጸኒሑና ኢሎም ከዕልሉ እንከለው። ኣነ ከኣ ብስንባደ። ኣየናይ እንዳ ጋብር በልክዎም። እቲ ናይ በለዛ ኣብ መሬት እምባ ደርሆ ዘሎ በሉኒ፡ ኣነ ከኣ ንሰብ ከይነገርኩስ ባዕሉ ተገሊጹ። እንታይ ኢልኪ ክትነግሪ በሉኒ። ከምዝገዓዘ ርእየዮ እንድየ እንሃለ እኳ ኣብ ጽሑፍ ኣስፈረዮ በልክዎም፡ ንሶም ከኣ ነቲ ጽሑፍ ምስ ረኣይዎ ሰንበዱ ንሕና ድኣ መን ንጋብር ዝደፍር ተረኺቡ ኢልና እንዲና ጕሂና ቀኒና፡ በሉ ንገሩለይ ኣደ ሓራስ ስለዝኾንኩ፡

❖ በሊ ሳባ እቲ ኣብ ገዛኺ ኲንኪ ዝተለኣኽክዮን ዝረኣኽዮን ከይነገርኪ ከለኺ ኣብ ሰብ ክግለጽ ስለ ዝደለናዮ ኢና እምበር። ከምቲ መልእኽቲ ክትወሃቢ ከለኺ ከይተረድኣኪ ኣንፈጸ ዘውጽኣኪ ኣንፌጸ መውጻእኩኺ ነይረ ልኢኸ ስቕ ኣይምበልኩን፡

❖ ኅይታይ መዓረይ ንዓይ ድኣ ምሳይ ከለኻ። እንዳ ተላኣኽኩ ከለኹ። ክልተ ዝዓበያ ጸገም ከጓንፋኒ እንታይ ኲንካ ድኣ ስቕ ኢልካ ርኢኻኒ፧ ቀዳማይ ብናይ ልቾንሳ ናይ ድኳን ግብሪ ክኸፍል ኢለ ቅሩብ ዝሰራሕኽዎ ነይሩኒ። ናይ ዘይሰራሕክዎ እዋናት ከኣ ከምዘይሰራሕኩ ተዓጽያ ከም ዝነበረት ካብ ምምሕዳር ምስክር ወረቐት ወሰድኩ፡ ኣብቲ እንዳ ግብሪ ዝኽፈሎ ሓንቲ ትርር ዝበለት መንእሰይ ጸኒሓትኒ። እዚኣን ፌልዮ ምልእየን በለትኒ፡ እተን ዝሰራሕክወን ብሰብ ጌረ ኣምላእክወን፡ ነቲ ባዶ ቦታ ዝተረፈ ምልእዮ በለትኒ። ኣብዚ እዋን እዚ ድኣ ኣይሰራሕኩን ጽሑፍ እንድየ ኣምጺኤልኪ ከምዘይሰራሕኩ። እሞ ከይመላእክያ ኣየሕልፈክን ኢየ ኢላ ተሃላለኸትኒ፡ ኣነ ከኣ እንድሕር ዘይተሕልፈኒ ኮይናስ ምእንቲ ከተሕልፈኒ ካብዞም ዝመልኡ ዘለው መሊአ ክህባ ኢለ ነቲ ጥራዩ ዝነበረ ወረቐት መሊአ ሃብክዋ፡ ንሳ ከኣ ከምዚ ኢየ ዝበልኩኺ ኢላ ተቐበለትኒ፡ ኣነ ከኣ ብዘይ

ምስትውዓለይ የሕሊፋትኒ በልኩ፡ ምሉእ ዓመት ሰሪሐ 700 ስለ ዝኸፍል ዝነበርኩ። ፍርቂ ዓመት ስለ ዝሰራሕኩ ካብ 400 ኣይሓልፍን ኢዩ ኢለ ብተስፋ ንገዛይ ከድኩ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ምስ ተመለስኩ እታ ኣብ እንዳ ኮምፒተር ሕሳብ ትሕዝ 2500. ክፈሊ በለትኒ፡ ምስቲ ገንዘብ ዘይብለይ እሞ ከኣ ክጽበዮ ዘይጸናሕኩ። ብኸቢድ ስንባደ ኣብራኸይ ርዒደ ብዘለኒ ብብኽያት ሞትኩ፡ ከምኡ ምስ ኰነኒ ኣብ ኩሉ ከይበጻሕኩ ሓይለይ ደኺሙኒ ኣብቲ መጻረዪ ልቸንሳ ኮፍ በልኩ፡ እንታይ ኰንኪ ድኣ ኢሎም ሰንቢዶም ሓተቱኒ። ኣነስ ሽግር ኢየ ረኺበ። ኣብዚኣ ዘላ ጓል ኣይሕልፈክን ኢየ ምስ በለትኒ ናይ ሰብ መሊኡ ሂበኩም በልኩዎም፡ ንሶም ከኣ ኣይተመሃርክን ዲኺ በሉኒ። ንሕጅ ዘየውዕለንስ ተማሂረ ኢየ በልክዎም፡ እንዳ በሽኹ ንገዛይ መጻእኩ፡ ተለቂሐ ከኣ ዕዳይ ከፈልኩ፡ እንታይ ድኣ ኰንካ ጎይታይ ኣብ ኮለል ናትካ ከለኹ። እንዳጠፋእኩ  ሰቕ ኢልካ ርኢኻኒ፧ ሳባ ክሳብ ክንደይ ገርሂ ምኻንኪ ክፈልጡኺ ኢለዮም ኢየ ብክልቲኡ እንዳ ጠፋእኪ ሰቕ ኢለ ዝረኣኹኺ፡ ናይ ተለቪዥን ድኣ ኣብ ጎልጎል ጸኒሓትኪ ምገዝእኪ መስለኪ! ግርህነት ክሳብ ክንደይ የጥቀዓኪ። ቆጺርኪ ገንዘብኪ'ሽ ንሓላፍ መንገዲ'ዶ ምሃብኪ! ንሱ ከኣ መሲልዎ እምበር ገብዘብኪ ገንዘብ ጻዕዳ ወሲዱ እንታይ ከይጠቕሞ መስለኪ! ኣነ ግን ንኹሉ ክትበኽይን ክትሓዝንን ሰቕ ኢለ ዝረኣኹኺ። ነቲ ዝፈትዎ ዓቕሚ ነብሱ መከራ ክሕልፍ ሰቕ ኢለ ከምዝርእዮ ክትፈልጢ ኢለኪ ኢየ፡

- ሳባ ዘይተመሃርክዮ ኢደ ጥበብ'ከ እንታይ የሕዲረልኪ፧ እወ ጎይታይ በቲ ኢደ ጥበብ ዝሃብካኒ ናይ ምሽላም ቬሎን ካባን ምስተኽሓስኩ ነይረ፡ ቬሎ ምስ ኣመሓየሽክዎ ካባ ምስ ሸለምክዎ ከካሪ ጀመርኩ፡ ብእኡ ተስፋ ጌረ ከኣ ካብ ምምሕዳር ተለቂሐ ንብረት ውን ገበርኩሉ። ግን ኣብታ ሕጂ ዕድኡ ከፊለ ክበልዕ ኢየ ክብል ከለኹ። ኣብ ጋዜጣን ኣብ ረድዮን እዞም ተካርዩ ዘለኹም ግብሪ ክትከፍሉ ኢኹም ምስ ሰማዕኩ። ናይ ድኳን እኳ ክንድዚ ዘኽፈሉንስ ይርከበሉ ኣይርከበሉ ግብሪ ከየብዝሑለይ ኢለ ነቲ ተለቂሐ ዘጥረኽዎ ንብረት መሊሰ ዕዳይ ክኸፍል ጨቆቕ ክብል ኣብዘይ ክሳራይ ከያቱ። ነቶም ዝካረ ኣለኺ ድዩ ኢሎም ዝመጽኡኒ የብለይን ኢለ ሓባእክዎ፡
- እታ ንዓኺ ዝወለደት ከርሲ ብርኽቲ ስለ ዝኾነት ንዓኽን ነቶም ንመንግስቲ ሰማይ ዝመርሑ ቆልዑን ትሃንጽ ኢያ። ግን ከምቲ ስርናይ ብዘይ ክርዳድ ዘይበቁል ንሳ ከኣ ኣብ ዘርኣ ክርዳድ ሓወሰት፡
- በሊ እቲ ህጻን ወዲ ጓልኪ ኣብ ከብዲ ኣዲኡ ከሎ ብሜላት እንታይ ብስራት ሰሚዕኪ፧ ቅድሚ ክልተ ቅነ ንምንታይ ኢልክዮ እዚ ሓሩጭ በለትኒ። ካብ መዓስ ድኣ ትሓትኒ ሜላት ጓለይ። ንገዓት ደልየዮ በልክዋ፡ ንሳ ከኣ ኣይትተሃወኺ ዮውሃንስ ኢያ ትሓርስ በለትኒ፡ ኣነ ከኣ ሰንቢደ እዋይ ዮውሃንስ መዓስ ድዩ በልክዋ፡ ንሳ ከኣ እቲ ንፓስታ

ነዋጽኣሉ ኣውድኣመት በለትኒ፡ ኣነ ከኣ መዓልቲ ሕርሳ ካብ ነገርክስ እንታይ ኢያ ትሓርስ በልክዋ፡ ወዲ በለትኒ። የውሃንስ ምሸት ከኣ ኣብቲ ፓስታ ዝብለዓሉ። ሆየ ዝበሃለሉ ከምቲ ሜላት ዝበለቶ ኮነ፡ ብኣፍ ሜላት ከኣ ተበሰርኩ፡ ስሙ'ኸ መን በለቶ፧ ስሙ ከኣ ኣብርሃም በለቶ፡ መን ድኣ ኢሉኪ ሜላት ጓለይ በልክዋ፡ ባዕለይ ከኣ በለትኒ፡ ሆየ እንዳ ተባህለ ከሎ ስለ ዝተወልደ። ኣብርሃም ንኽትብልዮ ሓረኽሉ፡ በቲ ኣፍ ህጻን ጌረ ከኣ ነገርኩኺ፡ ሜላት'ከ ጓል ክንደይ ዓመት ኮይና ኣላ፧ ጓል ሸዱሸተ ዓመት፡ ኣቐዲሙ ውን ኣብ ጸሃይነሽ የሕሊመ ጸኒሐ ኢየ፡ ካብቶም ብልግነት ዝሕዝዎ እውን የሕሊመ ኢየ፡

- እቲ ህጻን ወዲ ጓልኪ ብሩኽ ህጻን ክውለድ ኢዩ ኢለኪ ነይረ፡ እወ ጎይታይ ብዙሕ ተኣምር ረኺብኩሉ። ካብቲ ብዙሕ ዝረኸብኩሉ ከማን ጥጥቐ ዕፉን ናይ ሳልስቲ ስለ ዝዕድል። ኪዳነ ክሽምት ኢሉ እንዳ ወጽአ እንከሎ ንጥጥቆ ሓራሳት ከም ዘይብለይ ፈሊጥካ ዕፉን ዝሓዙ ምስ ጓሎም ሰብኣይ ልኢኽካለይ፡ ከመይ ገይርኪ ድኣ ናተይ ልኡኽ ምኳኑ ፈሊጥኪ፧ እታ ንግሆ ክሽምተለይ ዝበልኩ። ኣይኮነንዶ ኣብ ሰዓትስ ኣብ ደቓይቅ ዘይመልእ ኪዳነ ክወጽእን ዕፉን ሒዞሙለይ ክኣትውን ሓደ ኮነ፡ እዚ ድማ ነቲ ኣነ ዝቅርበልኪ ኣብ ገዛኺ። ኪዳነ ስለ ዘይኣመነ። ዘይቲ ኣብ ዝሰኣንክሉ ሰለስተ መዓልቲ። ባዕሉ ኣብ ቤትኪ  ከምዝረክብ ጌረዮ፡ በዚ 'ውን ስለ ዝተጠራጠረ ምእንቲ ክኣምን ኢለ ኢየ። ዕፉን ክሽምት ኢሉ እንዳ ወጽአ። ዕፉን ኣሰኪመ ነቶም ሰብኣይ ኣብ ኣፍ ደገ ካንሸሎ ጎፍንጎፍ ዘራኽብኩዎም፡ በሊ ንስኺ ከኣ ዕፉን ኣምጺአሙለይ ኢልኪ ካብታ ዝኣዘዝኩኺ ገዲፍኪ ዘይኣዘዝኩኺ ጌርኪ፡ እወ ጎይታይ ኣነ ውን ክንድቲ ጽቡቕ ዝገበሩለይ ኣይከውንን ኢዩ ኢለ። ብናይ ሓሙሽተ ሊትሮ ማይ ሂበዮም፡ ተነጊርኪ ከለኺ እንታይ ኰንኪ ኮምኡ ጌርኪ። እቲ ዝወሰድዎ ኣይሰርሓሎምን ኢዩ፡ ትፈትውዮም እንተኾንኪ በታ ዝተኣዘዝክያ ድገምዮም። ንዓኺ ንመምሃሪ ክኾነኪ ኢለ ኢየ፡ ማይ ኣይሰኣኑን ኣብ ገዝኦም ኣለዎም ካባኺ ምሕረት ኢዮም ዝደልዩ፡

- ሳባ ብመገድኺ ዝመጸኒ ስምኪ ኣልዒሉ ዝለመነኒ። ኣምላኽ ሳባ ርድኣኒ ዝበለ። ክረድኦ ምኳነይ ክፈልጡ ኣለዎም፡ ድሮ እኳ ስምኪ ኣልዒሎም ዝለመኑኒ መልሲ ዝረኸቡ ብዙሓት ኢዮም፡ ነዚ መልሲ ዝረኸበ። ሓደ ሰብ ኣብ ገዛኺ ከምቲ ናቶም መልሲ ክረክብ ኢሉ መጽኣኪ፡ በሊ ሳባ ነቲ ትረኽብዮ ኣምላኽ ክትልምንለይ ኢለ መጺአ በለኪ፡ ንስኺ ከኣ ኣነ ድኽምቲ ፍጥረት ኢየ እንታይ ኢለ እሞ ክልምነልካ ኢየ በልክዮ፡ ንሱ ከኣ እወ ሓቅኺ ይርእየኪ እንድየ ዘለኹ ግን እግዚኣብሔር ኣብቲ ድኹም ኢልካ ትንዕቆ ስለ ዝሓድር ንስኺ ስለ ዝረኸብክዮ ንኣምላኽ። ንሓደ ኣንቃዕሪርካ ትርእዮ ብዘይ ኣስካላ ሰለ ዘይትድይቦ ኣስካላ ክትኮንኒ ኢየ መጺአኪ፡ ሕጂ ግን ብሰብ ድኽምቲ ካብ ረኽብክዮ ኣስካላ ናይ ህዝቢ ከኣ ንስኺ ካብ ኮንኪ ብኣኺ ጌርና ንድይቦ በለኪ፡ ንስኺ ግን ነብስኺ ስለ ትንዕቂ እንታይ ከም ተዛረብኪ ኣይተረድኣክን። በሊ ደሓን ማይ ሃብኒ ኢሉኪ ከደ፡

- ሳባ ኣንተ እምንተ ዓለይ እቲ እምነትኪ ክንደይ ኢዩ ዘሐጉሰኒ፡ ቪድዮ ተቐድሒ ክኽፍለልኪ ኢየ እንተ በልኩኺ። መዓስ ክህበኒ ኢዩ ኢልኪ ከይተወላወልኪ ተሃዊኽኪ ትቕድሒ፡ እንኪ ናይ ቪድዮ መመላእታ እንተበሉኺ። ንዘይከፍለለይ ክብለኒ ከም ዘይክእል እፈልጥ ኢየ በልክዮም፡ ከምኡ ምስ በልክዮ እተን ሰልዲ ዘውጽኣን። በሊ ምቕባል ካብ ኣበኽንስ ኣድጊ ክገዝኦ ኢሉ ኣድጊ ገዚኡ ኣምጽኣልኪ፡ ኣነ ከኣ ብኡ ክንደይ ተሓጎስኩ፡ እቲ እምነትኪ ርእየ ከይወዓልኩ ከይሓደርኩ ኣብ ቆጸራኺ ኣንጠብኩልኪ፡ በሊ ነቲ በዓል ቪድዮ ዘቐደሓኪ ባዕለይ ስለዝመረጽክዎ። ነተን ገንዘብ ብጋዜጣ ዝጠቕለልክወን ከይገንጸልኪ ሃብዮ በልኩኺ፡ ንሱ ውን በታ እምነት ከይገንጸለ ምቕባሉ ክሳብ ክንደይ እምነት ከምዘለዎ ተሓጎስኩ፡ እምበኣር ኣነ ነቲ ብቅርሲ ክተሓዝ ዘዳለኽዎ ዝኾነ ተጸባኢ ክጸባኣኪ ዝኽእል ሸፊነ። ፍሉይ ተኣምራታዊ ስራሓ ሰራሕኩ፡ ነቲ ኣብ እንዳ ማርያም ህዝቢ ምስ ኣከቡልኪ ናብ ኢሳይያስ ዘእትወልና መን ኮን ንረክብ ምስ በሉ እቶም ካህናት። ኣነ ከእትዎ ይኽእል ኢየ ጥራይ’ሲ ነዚ ናይ ኢድ ጽሕፈት ክብሪ ሃብዎ ብኮምፒተር ጽሒፍኩም ሃቡኒ ዝበለት። ኣብቲ ቤተክርስትያን እንዳ በዓለ እግዚኣብሔር ብቪድዮ እንዳ ተቐዳሕኪ ከለኺ ስሒበ ዘምጻእክዋ። ንስኺ ብስጋኺ ጽልእያ እምበር እቲ ዝዓበየ ታሪኽ ክብሪ ናይቲ ልኡኽይ ዝሃበቶ ንሳ ስለ ዝኾነት ኢየ ኣብ ቅርሲ ንኽትኣቱ ብሃንደበታዊ ዘምጻእክዋ፡ ብኽልተ መገዲ ዝሰርሐት ንሳ ኢያ፡ ተቐዲሕኪ ምስ ወጻእኪ ኪዳነ ሰብኣይኪ ትማሊ ጥምቀት የሕሊፍኪ። ካበይ ኣምጺእኪ ክትከፍልዮ ኢሉ የዕገርገረኪ፡ እግዚኣብሔር ክኽፍለልኪ ኢየ ኢሉኒ እንተ በልክዮ። በየን ጌሩ ኢዩ ዝኽፍለልኪ ሓሚምኪ እንተኾንኪ ንገርኒ በለኪ፡ ከምኡ ኢሉ ከኣ ላዕልን ታሕትን ብምባል የዕገርገረኪ፡ እቲ ሕጸ ናይ ጓልኪ ዋላ ሓንቲ ዘይነበረኪ ሃበኒ ምስ በልክኒ ዝሃብኩኺ ኣጋይሽክን ዕምባባ ጓልክን ዝተቐበልኩሉ 900 ናቕፋ እንታይ እዋኑ ረሲዕዎ ክኣምን ዘይከኣለ ከሓደኒ፡
- በሊ ሳባ ተኣምር ምኳኑ ስርሐይ ክትፈልጢ። ብዘይ ናይ ዓይኒ ምስክር ከይተርፍ ኢለ ኢየ ነቲ መወዳእታ ዝሃብክዮ ኣቡን ኣብታ ንቅርሲ ዝኾነኪ ተቐድሒ ምስ በልኩኺ ከም ዝቕዳሕ ዝገበርክዎ፡ ንስኺ ዲኺ ኣዳሊኽዮ ዋላ ባዕሉ ክቕዳሕ ተዳልዩ። ክልተኹም ብዘይትፈልጥዎ ባዕለይ ኣዳለኽዎ፡ ንስኺ’ኸ እቲ መልእኽቲ (ጽሑፍ) መወዳእታ ንመን ከም ዝሃብክዮ ትዝክሪ’ዶ፧ እወ ኣብ በለዛ ከይደ ንኣቡነ ባሲልዮስ ሂበዮም፡ ብኽንደይ ዓመተ ምህረት ድኣ ሂብክዮም፧ ኣብ 2008 ዓ/ም፡ ንዐኦም ስለ ዝኾንኪ መወዳእታ ዝሃብክዮም ኣብታ ቪድዮ ንኽኣትዉ ባዕለይ ገበርክዎም። **ኣብ ስርሐይ ዝኣቱ ዋላ ሓደ የለን፡**
- በሊ ሳባ ድሕሪ ክንደይ ዓመት ውላድን ደሃይ ሰብኣያን ስኢና ላዕልን ታሕትን ኢላ እንዳ ተጨነቐት ከላ ረጊጽክዮ ዘይትፈልጢ ገዝኣ። ኣብታ ዝጸበበታ እዋን ከድክያ፡ ተጨኒቕኪ ሰብኣያ ኣምጺእካ ካልኣይ ውላድ’ባ ሃባ ኢልኪ ለመንክኒ፡ ኣነ ከኣ ልማኖኺ ሰሚዐ ንሰብኣያ

ኣምጺአ። ነብሰ-ጾር ኮይና ምስ ኣርኣኹኺ ወሰን ዘይብሉ ሓጎስ ተሓጎስኪ። ኣነ ከኣ በቲ ሓጎስኪ ባህ በለኒ፡

- ሳባ ን18 ዓመት መልእኽትኺ ከተብጽሒ ንስኺ ብሕኛ ሰብኣይኪ ድማ ብጭሕሙ ከይትሓዝኑ ኢለ'ዶ ኣይኣዘዝኩኽን ኢየ። ንሬሳ ኣጋዲምኪ'ዶ ሕኛኺ ጌርኪ ንመልእኽቲ ትብገሲ ኣይነበርክን ከመይ ጌርኪ ድኣ ረሲዕክዮ፡ በሊ ኪዳነ ብጭሕሙ ንስኺ ድማ ብሕኛ። ከይትሓዝኑ ይእዝዝ ኣለኹ፡ ይቕረብ ይርሓቕ ካብ ክብሪ ሰብ ክብሪ እግዚኣብሔር ይዓቢ፡
- ካብዘን ኣብ ቪድዮ ተቐዲሑ ዘሎ ገዛውቲ ጥቓ ኣደባባይ ዘሎ እንዳ ኣቡን ንሜሮን ነብሰጾር ከለኹ ኣብታ ኣፍደገ ካንሸሎ ከይረኽብክዎም ሸውዓተ መዓልቲ ደኺመ። ምስታ ረኺቦም ዝባረኽኑ ሻሙነይቲ መዓልቲ፡ ምስ ሓረስኩ ሰለስተ መዓልቲ ተመላለስኩ፡ ኣብ ሳልሳይ መዓልተይ ብለይቲ ሰንበት ተጠሚቐ ሰኑይ ከኣ ከይደ። ኣቡነ መንቆርዮስ እዚ ኣድራሻ ብሸመይ ኣይኮነን ዝብል። ዝበሉኒ መዓልቲ ወሲኽካ። ኣብዛ ጥቓ ኣደባባይ ዛላ ካንሸሎ ንሜሮን ክሓርስ 11 መዓልቲ ተመላሊሰ፡
- ኣቡነ ፍሊጾስ ኣብ ጥቓ እንዳ ዓይኒ ምስ ገዓዙ ከኣ ኲናት ከይመጸ ከሎ ኲናት ክመጽእ ኢዩ ኢለ። ነቶም ዋርድያን ኳል ሓዎምን ክነግር ይመላለስ ነበርኩ፡ ሓሙሽተ መዓልቲ ኣብ ጸዕሪ ከይበጻሕኩ። ክልተ መዓልቲ ከኣ ኣብ ጸዕሪ ከለኹ። ቀዳመይቲ መዓልቲ ሰዓት ሰለስተ ናይ ለይቲ። ካልኣይ ከኣ ብቐትሪ  ምስ ሰብኣይ ሓፍተይ። ጠቕላላ ሸውዓተ መዓልቲ ተመላለስኩ፡
- ኣብ'ዛ ናይ ኣቡነ ያቆብ ዝድቅስሉ ዝነበሩ። ኣርባዕተ መዓልቲ ተመላሊሰ ጽሑፈይ መበል ራብዓይ መዓልቲ ኣትዩ፡
- እንዳ ገርጊሽ መንበረ ፓትርያርክ ሰለስተ መዓልቲ ተመላሊሰ፡ ሓንሳብ ንኣቡነ ጨርሎስ እታ ጋብር ከም ሰብ ኮይኑ ዘራኽበኒ መዓልትን ክልተ መዓልቲ ድማ ንኣቡነ ኣንጠንዮስ ጽሑፈይን ኣድራሻይን ዘብጻሕክሉ፡
- ሳባ እዚ ኩሉ መጽሓፍ ቅዱስ ምስ ህዝቢ ዘሎ ቃለይ ዝጎደሎ ኢዩ፡ ኣነ ድኣ ጎይታይ ካብ ሰማይ ዘውረድካዮ እንዲዩ ዝመስለኒ ነይሩ፡ ኣይኮነን ብኽምዚ ናትኪ ገይረ ኢየ ኣጽሒፈዮ፡ እቲ ሓቀኛ ምሉእ ቃለይ። ኣብ ገዳማትን ደብርታትን ኢዩ ተዓሽጉ ዘሎ። እዚ ሕጂ ዘሎ መጽሓፍ ቅዱስ ግን  ብመንፈስ ዘይኮነ ሰባት ብስጋ ካብ ኩሉ ተኣኪቦም ዘዳለውዎ ኢዩ፡
- ጎይታይ። ኩለን ሃይማኖታት ነናተን ኣምላኽ ዲዩ ዘለወን፡ ንሱ ከኣ ብድምጹ ስሒቑ። ሳባ ከምኡ ድዩ ዝመስለኪ ነይሩ። ናይ ምሉእ ዓለም ኣቦ ኣነ ጥራይ እየ ጀማርን ፈጻምን። ክትፈልጥዮ ኣለኪ፡ ንሶም በብናቶም ምፍጭናላትን ትርጉምን ስለ ዝሃብሉ ኢዩ፡ እዚ ቅድሚ ክንደይ ዓመት ሓቲትክኒ ኔርኪ፧ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት፡ በሊ ጽሓፍዮ፡

- ናይቶም እሙናት ገዛ ብእምነቶም ብዙሕ ዝሰራሕኩሎም ቅሩብ ግዜ ጸኒሕኪ እንታይ ርኢኺ። ሰለስተ በብዓይነቱ ዝተቖጻጸረ ፈውሲ። እቲ ሓደ ጻዕዳ ፈሳሲ። ክልተ ከኣ ጻዕዳን ቀይሕን ዕጣን ዝመስል ኣውጺእካ ነቲ ናይቲ ገዛ ወላዲ። እንካ ነዚ ቋጽርጻር ላስቲክ ቀዲድካ ኣብ ማይ በላ የእትዎ ትብሎ፡ በሊ እቲ ፈውሲ ምስ ወጽአ እንታይ ረኺብና በሉኺ። ነታ ወላዲት ናይቲ ገዛ። ሓካይም ዓይና ደኺሙ ሞይቱ ኢዩ ኢሎማ ዝነበሩ ኣሚኖም በቲ ማይ ምስ ሓጸብዋ። ዓይና ረኺባ በሉኒ፡ እምበኣርከስ ነቲ ገዛ ብእግርኺ ምስ ረገጽክዮ። ብዙሕ ክፉእ ተኣምራት ርኢኺ ምስ ሰምበድኪ። ኣነ ከኣ ደንገጽክሎም፡
- ኣብቲ ደረኽ ስእሊ ክሰኣሉ ዝደለኽዎም ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ከካብ ዓዶም ኣከብኩልኪ፡ እወ ጎይታይ ስራሕካ ድንቅን ተኣምራትን ስለዝኾነ ንኹሎም ኣኪብካዮም። ቅዱሳን ምስ ሰበይቲ ወዳ ካብ ሰገነይቲ። ህይወት ካብ ድባርዋ። ምሕረትኣብ ካብ በለዛ። ገነት ከኣ ካብ ቤት ገርግሽ። እቶም ክረኽቦም ዘይክእል ብሓንቲ መዓልቲ ኣከብካለይ። ክሰኣል እንዳ ተበገስኩ ኩሎም ተኣኪቦም መጽኡ፡
- በሊ እቲ ድሕሪ ገዛኺ ዘሎ ቀላሚጦስ ቅድሚ ክንደይ ዓመት ኣቢሉ ተተኺሉ። ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመት። ኣብ 2002 ዓ/ም ተተኪሉ፡ እቲ ቆልዓ ዝዓረፈሉ'ኸ መዓስ ኢዩ ነይሩ። ኣብ 2005 ዓ/ም፡ በሊ ናይቲ ህጻን መቓብር ጥቕኡ ዝኾነ ናይ ሰብ ምህዞ ዘይኮነ ናተይ ምህዞ ከምዝኾነ ክትፈልጥዎ ኣለኩም፡ ማይ ጨሎት ኣብ ዱር ቦታ ኵንካ ስለትሕጸብ ከኣ ኣቐዲመ ከምዝትከል ገበርክዎ፡
- እቶም ካባይ ዘይተለኣኹ መለለይኦም ፍሉጥ ኢዩ ኢለኪ ነይረ። ከም በዓል መን ይመስለኪ። ከምዘን ኣብ ቤተክርስትያን ከይትኸዲ ኢለኪ ከለኹ። እንዳ በዓለ እግዚኣብሔር ክንምህለል ስለዝኾንና ምጽእና ምስ በሉኺ ፍቓዶም ከየዕብር ኢልኪ ንፍቓደይ ጥሒስኪ ምስ ከድኪ። ልእኽቲ ዘይኮነት ሰበይቲ ኣደይ ማዓረይ ልኢኻትኒ እንዳ በለት ንዓኺ ክትፈርደኪ እንታይ በለትኪ። ኣደይ ማዓረይ እዚ ናይ ርእስኺ ኣርተፌሻል ኣውጽእዮ። እዚ ኣብ እግርኺ ዘሎ ካልሲ ኣውጽእዮ ትብለኪ ኣላ በለትኒ። ኣነ ከኣ መቕጻዕተይ ምዃኑ ተረድኣኒ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ እታ ውርደተይ ተቐቢለ ንገዛይ መጻእኩ፡ በሊ ነቲ ሓቀኛ ልኡኽ ከይእመን ዝገብራ ከምዚኣን ዝኣመሰላ ኢየን፡ ኣደይ ማርያም ንመስከረም ክትወርድ ኢያ እንዳ በለት ንህዝቢ ከተእምን ዝፈተነት ከም በዓል ንሳ ዝኣመሰላ ኢየን ንእምነት ናይ ህዝቢ ልቡ ዝኸፋፍላ ዘለዋ፡ ከምኡ ውን ኣብ ቤት ስእሊ ንስኺ ምስ ተሰኣልኪ ንሳ ውን እቶም መናፍስቲ ናታ ስለዝልእክዋ ደድሕሬኺ መጺኣ ዝተሳእለት። ኣነ ከኣ እቲ እሙን ልኡኽኪ ንሱ ብዘይፈልጠ ንስኺ ውን ዘይፈለጥክዮ ኣገልጋሊ ናትኪ ዝገበርክዎ ኣብቲ ቤት ስእሊ ንምስክር ክኸውን ኮፍ ኣበልክዎ፡ እታ ንመገድኺ ዕንቅፋት ክትከውን ብመናፍስቲ ተላኢኻ ትጓዓዝ ዘላ ሰብ። ኣደይ ማርያም ዓሲላትኒ ኢላ ብኣይን በደይን ስምና እንዳ

ኣልዓለት። ጸበል ኣምሲላ ሓመድ እንዳ ሃበት ንህዝቢ ተታልል ዘላ። ንሕና ኣብ ምድሪ ወሪድና ኣብ ሰብ ኣይዓሰልናን፡ እዛ ንህዝቢ ኣነ ማርያም ኢየ ኢላ ኣብ ጥፍኣት ትመርሖ ዘላ እሞ ብጸበልና ገይራ ትጻወተሉ ዘላ። ወይልኡ እቲ ህዝቢ ናብኣተን ዝውሕዝ ዘሎ፡ ነተን ልኡኻት ኢና ዝብላ መለለይአን ፍሉጥ ኢዩ፡ እቲ ሕቀኛ ልኡኽይ ከምዚ ናይቲ። ንስኺ ብዘይፈለጥክዮ በቲ ሓቂ ናትኪ ካብ ገዝአ ክትምስክር ኢላ ንስኺ ኣብ ዘይብልሉ ንገዛኺ መጸኣ ዝትማሕረት። ካልእ መዓልቲ ተማሒረ ኢላ ክትምስክር ምስ መጸት ንስኺ ስለዘይፈለጥኪ እተዊ ዝሓፍተይ ማይ ዲኺ ክትወስዲ መጸእኪ በልክያ፡ ንሳ ከአ ንስኺ ኣብ ዘይነበርክሉ ኣብዚ ገዛኺ መጺአ ተማሒረ ኢየ ከይደ፡ ሕጂ ከኣ ኣብቲ ጽሕይፍኪ ተማሒሩ ዝሃደመ። ነቲ ዝቀንጠጥክሉ ሕማም ዕጽፍን ድርብን ገይረ ክውስኽሉ ኢየ ስለዝብል ክምስክር ኢለ ኢየ መጽአ፡ ኣነ ታሪኽኪ እንተዘይኮይኑ እዚ ገዛኺ ኣይፈልጦ ንዓኺ ውን ኣይፈልጠክን፡ ኣብ ገዛይ ደቂሰ ከለኹ ግን ሰበይቲ ምስ ወዳ መጺኣ ተንስኢ ኣብቲ ኩሉ ሰብ ዝሓውየሉ ዘሎ እንዳ መድሃኒኣለም ኪዲ ኢላ ነዚ ጋዛኺ ብሕልሚ ኣርኣየትኒ፡ ኣነ እኳ እንዳ መድሃኒኣለም ከምዝኾነ ዘይፈለጥክዎስ ከመይ ኢልኪ ንስኺ ቤተክርስትያን ዘይብሉ እንከሎ እንዳ መድሃኒኣለም ኢልኪ መጽእኪ በልክዋ፡ ንሳ ከኣ። የሕሊማ ምስ ወዳ ኮብኪባ ኣምጺኣትኒ ኣብዚ ካንሸሎኺ ርግጽ ከብልን እቲ ንዓሰርተ ዓመት ስቓይ ዘሕልፍክዎ ክሓውን ሓደ ኮነ፡ ኣመስጊነ  ከአ ነቲ ኣብ ገዛ ዝጸንሓኒ ኣሌክ ስሙ ንእሽቶ ወድኺ ማይ ክሰቲ ሃበኒ በልክዎ፡ ንሱ ከኣ ሕራይ ግን ናይቶም ኣሕዋተይ ዝሃቡኺ ኢዩ ንምሕረት ዝኾነኪ በለኒ፡ ደሓን ንስኻ ሃበኒ ንገዛይ ዝወስዶ እምበር። ኣነስ ሓውየ ኢየ በልክዎ፡ ማይ ምስ ሃበኒ ከኣ ገዛይ ውሲደ እንዳ ዓለቦይ። የሕዋተይ ዘለውዎን ከይደ ነቲ ማይ ኣስትየ። ነቲ ገዛ ረብረብክዎ፡ እታ ምስ ወዳ ብለይቲ መጺኣ ገዛኺ ዝሓበረትኒ ሰበይቲ ከኣ እንደገና መጺኣ እዚ ኣብ ገዛኹም ሰብ ዝገበሮ ፈውሲ። ኣብዚ ኣሎ ኢላ ሓበረትኒ፡ ኣነ ከኣ በሊ ኣይትተንከፍዮ ካብቲ ዝወሰድክዮ ማይ ጨሎት ግበርሉ እሞ ከምቲ ናይ ቀዳሞት ዝተበተነሎም ክብተን ኢዩ በልክዋ፡ ንሳ ከኣ ሕራይ ኢላ ከደት፡ በሊ ሳባ እቲ መልእኽትኪ ብናተይ ስለዝነበረ እታ ንምሕረት  ኢልኪ ትህብዮም ዘለኺ ማይ ውን ንስኺ ዘይፈለጥክዮ እምበር እዛ ተላኢኻ ዝመጸትኪ እቲ ማይ ናይ መን ምዃኑ ሓበረትኪ፡ ከምኡ ከኣ እቶም ሸውዓተ ሰባት ንመልእትኺ ታሪኽኪ ርእዮም ዝኣመኑልኪ። ናይ መድሃኒኣለም ምዃኑ ኣብኦም ኢዩ ዝተገልጸ፡

- በሊ ነቲ ማይ ናተይ ናይ መድሃኒኣለም ብኣኺ ዝወሃብ ዘሎ ስጋብ ክንደይ ሓይሊ ኣጋንንቲ ይሰብር ከም ዘሎ ክፈጥዎ ኣለዎም። ነቶም ክንፍውስ ኢና ዝብሉ ብስመይ ኣምሲሎም ዝላገጹ ዘለው። እንታይ ደሊኻ። በየን መጺእካ። ክትሓዊ ኢኻ። ጌረልካ። ኣቐዲምካ ሞባእ ክፈል። ዝብሉስ ቤተክርስትያን ድዮም ኮይኖም። ታቦት'ከ ኣለዎም'ዶ ኣብ ገዝኦም። ንመን

ኢዮም ክህብዎ ሞባእ ተቐቢሎም ዝበልዑ። መጀመርታ ምስ ተማሕሩ ሞባእ ኢሎም ሓደ 100 ናቕፋ ሓደ ድማ 50 ናቕፋ ሃቡኺ፡ ኣነ ከኣ ናይዚኦም ከምጽእ ኢለ እየ። ሳባ ንምንታይ ተቐቢልኪ ምለስሎም። ሞባእ ኢሎም ሂቦምኺ ቤተክርስትያን ዲኺ ታቦት ዲኺ። ንመን ክትህብዮ ደኣ ተቐቢልኪ ዝበልኩኺ፡ እንካ እሞ እዚኣ መሓሪትካ ኢያ ኣብ ማይ ከይተእትዎ ዝብሉ ማይ ናተይ ተኣባሪኹ ስለዝሓድርን ምሕረት ስለዘለዎን ነቲ ዝገብርዎ ፈውሲ ከኣ ስለዝብትኖ። ዝኾነ መስርሕ ካብ ናተይ ወጻኢ ማይ ቆጺሩ ዝህብ የለን፡ ማይ ካብ ገዛኺ ወሲደ ብኡ ተሓጺበ ገዛይ እንተ ረብረብክዎ እንዳ ኮስተርኩ ኣብ ቅድመይ ክታብ መጽአ ብኢደይ ሒዘ ከኣ እቲ ማይ ክብትኖ ኢለ ኣብ ፋኖቱራ የእተኽዎ፡ ንጽባሒቱ ከኣ በዚ ማይኪ ተሓጸበ እንተ ደቀስኩ ክታብ ካበይ ከምዝመጽአ ኣብ ኢደይ ኣትሓዘኒ። ብር እንተበልኩ ኣብ ኢደይ ክታብ ጸንሓኒ። ሰንቢደ ኣንፈጥፈጠኒ፡ ንዑኡ ከኣ ምእንቲ ክብተን ኣብ ፋኖቱራ ማይ ዘለዎ የእተኽዎ"፡ ኣንቲ ሳባ እዚ ማይ ኣብ ገዛኺ ዘሎስ እንታይ ዓይነት ታሪኽ ኢዩ ዝሰርሕ ዘሎ በለትኒ፡ ኣነ ከኣ ናይ መድሃኒኣለም ምኳኑ ብሰብ ገይሩ ነጊሩኒ፡ ቅድሚ በቶም ሰብ ምንጋረይ'ሲ ናይ መድሃኒኣለም ኣይመስለንን ነይሩ በልክዋ፡ ለከ እቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኮይኑ ኢዩ ዝዓበየ ታሪኽ ዝሰርሕ ዘሎ። ኣነ ድኣ ካብ'ዛ ማይ ምንቺ ብሜላትን ሜሮንን ሃብዮም እንተበለንስ ብመገዲ ልኡኸይ ጥራይ እዩ መሲሉኒ ነይሩ፡ እዛ ማይ እዚኣ ኣብ ሕዳር 2007 ምሕረት ጀመረት፡ በሊ ሳባ ማይ ናተይ ነቲ ንሶም ዝቐብርዎ ፈውሲ ከምዚ ገይሩ ኢዩ በንቂሩ ዘውጽኡ፡

- እቲ ኣላይኺ ክኾነኪ መዲበዮ ዘለኹ ኣብራሃም ጽሑፍኪ ሃብዮ ኢለኪ ከለኹ ንነዊሕ ኣዋርሕ ከይሃብክዮ ጸኒሕኪ። በየን ክህቦ ኢየ ኢልኪ እንዳ ተጨነቕኪ ከለኺ። ሓንቲ ንዑኡ ትፈልጥ ኣምጻእኩልኪ፡ ብመገዳ ጌርኪ ንሰራሕተኘኡ ሃብክያ፡ ኣነ ግን ክሳብ ቅርሲ ተቐዲሕኪ ትውድኢ ንሱ ምኻኑ ኣላይኺ ክነግረኪ ኣይደለኹን፡ ምኽንያቱ እቲ ገንዘብ ዝኸፈልኩልኪ ነቶም ዘይኣምኑ ምእንቲ ከእሞኖም ኢለ ኢየ። ድኻ ከለኺ ብቕርሲ ተቐድሒ ዝበልኩኺ፡ እምበኣር ሕጅስ ኩሉ ስለዝወዳእኪ ኣብርሃም ኢዩ ኣላይኺ ካልኣይ ባዕልኺ ኬድኪ ንገርዮ፡
- በሊ ሳባ ነዞም ኩሎም ኣቡናት ፍርዶም እንዳ ነገርኩ ሃብዮም ኢለኪ ሕጂ ከኣ ናይ ኢሳይያስ እንታይ ምስ ረኣኺ ብኣውያት ዓጊትክኒ። እንታይ ምስ ረኣኽለይ፡ እወ ኀይታይ ንየኦም ፍርዶም እንዳ ነገርኩ ክህቦም ከለኹ። ንኢሳይያስ'ከ ኢለካ ነይረ። ንዕኡ ከኣ ኣብ ኢዱ ይብጻሕ እሞ። እምቢ እንተይሉ ከምኦም ስለዝበልካኒ። እቲ ከቢድ ሕልሚ ምስ ሓለምኩ። ተንበርኪኺ ኡይ ኢለ ጠጠው ኣበልኩኻ። ንዓይ ፍረይ ኣርኢኻኒ ኢኻ ማይጨሎትን ምሕረትን ኣብ ገዛይ ወሪዱ። ኣሚኑ ንዝመጸ ንስግኡ ይምሕር ኣሎ። ኣሚኑ ዘይመጽአ ከኣ ኣይረኽቦን፡ ብእምነትካ ተድሕንን ተጥፍእን ምኻንካ በዚ ናተይ ገሊጽካዮ

ኣለኻ፡ እቲ ሕልሚ ከኣ ሓድሽ ክዳውንትን ጽሑፈይን ኣብ ኢዱ የብጸሖ ኮይኑ ይስመዓኒ። ኑቲ ጽሑፈይ ከኣ የንብቦ እሞ ከይወድአ እንከሎ ኣነ ነዛ ሃገር ንበይነይ እንታይ ክገብራ ኢየ ኢሉ ኣንጸርጺሩ ዝብገስ ኮይኑ ይስመዓኒ ኣነ ከኣ ኣብቲ ናይታ ነፋሪት ኣስካላ ምስ በጽሐ የእወኹ። ንሱ ከኣ ብስንባደ ከይወድአ ጠጠው በለ፡ ኣውያትኪ ሰሚዐ ከምዝዓገትክዎ ክትፈልጥዮ ኣለኪ፡ ኩሎም እንዳ ጠለምዎ ኢዮም ዝኸዱ ዘለው ብጀካይ ሓጋዚ የብሉን፡ በሊ ሕጂ ውን እንተሰምዓኪ ብኣካል ርኸብዮ፡ ቅድሚ ሕጂ ውን ዓቢ ህያብ ካባኺ ሓሊፍዎ ኢዩ። ቴለፎን ናይ ምድሪ ምስ ደወልካላ ካብ ሰብ ናብ ሰብ'ዶ ተመሓላልፍ። እወ ጎይታይ፡ ንስኺ ከኣ ካባይ ናብ ኢሳይያስ ከተመሓላልፍሉ ኢለ ዘይተጋህደ ምስጢር ነይርዎ፡ እቲ ብዘይካ ንዓኻ ንኻልእ ንማንም ሰብ ዘይንገር ኣለኒ ትብልዮ ዝነበርኪ። እቲ ምስጢሩ እዚ ኢዩ ነይሩ፡ ብሰንኪ ዘይምስምያም ዓቢ ህያብ ዓጸውሉ፡ እቲ ከቢድ ሕልሚ ለሚነ ጠጠው ምስ ኣበልክዎ። ብምንታይ ተተኪኡ ይመስለኩም። ስለስተ ለይትን ሰለስተ መዓልትን ብሕማምን ብጓህን ምስ ቀነኹ ሕልሚ ሓለምኩ። እታ ምሳይ ኮለል ትብል ኣደይ ገፊሕ ዳስ ትሰርሕ እሞ ቆጽሊ ብላዕላዩ ዝተሸፈነ። ሰቲ ታሕታዩ ዝተነስነሰ ስዋን ጓይላን ዘይብሉ ጌራ ትዕድመኒ ኮይኑ ይስመዓኒ። ኣነ ከኣ ምስ ካላኣይተይ ኣብቲ ዳስ ከድኩ፡ ኣንቲ ኣደይ ናይ ምንታይ ዳስ ድኣ ሰሪሕኪ በልክዋ፡ ናይቲ ኣነን ንስኽን ዝሰራሕናዮ ገዛ መመረቕታ ኢዩ ኣሳስዩ እምበር ብልዑ ስተዩ በልዮም በለትኒ፡ ከምኡ እንዳ በለትኒ ከኣ ተበራበርኩ፡ ኣነ ከኣ ቀይርካለይ ኢለ ተሓጎስኩ ካብ ዝነበረኒ ሕማምን ቃንዛን ከኣ ተገላገልኩ፡በሊ እታ ካልኣይቲ ሕልምኺ ዝሓለምክያ ሕጂ ውን እንተ ገይርዋ ብለመና ናትኪ መልሲ ክጽበ ጠጠው ኢለ ኣለኹ ፡ ንስኺ ትብልዮ ከኣ ትባዕ ከይትጃጁ ኣነ ምሳኻ ኣለኹ ህዝቢ እንተ ጠለመካ ንዐኦም ኣጥፊአ ህዝቢ ክትከኣልካ ኢየ፡

- ታቦተይ። ደመይን ስጋይን ዘለዎ ኣየናይ ይመስለኪ። እዞም ካህናት ሸፌኖም ጽላል ገይሮም ኣብ ርእሶም ዝስከምዎ ንሱ ኢዩ፡ እቲ ሓቀኛ ናተይ መልአኽቲ ከኣ ኣብ ጽሑፍኪ ኢዩ ዘሎ። ኣይኮነን'ዶ ንኤርትራ ንምሉእ ዓለም ክዝርጋሕ ኣለዎ፡
- በሉ ህዝበይ ኩላትኩም ንፕረሲደንት ኢሳይያስ ክረኽቦ ይኽእል ኢየ ዝብል ይጽዓረለይ። ኣነ ን18 ዓመት ኮለል ኢለ ክረኽቦ ኣይከኣልኩን ሕጂ ግን ክንነብር ንደሊ እንድሕር ኰንና እቲ ዝዓበየ ውህበት እግዚኣብሔር እንዳ ሃበና ዝዓጸናዮ ይኣኽለና፡ ስለምንታይ መዓር ለሓሱ እንዳ በለና ዕረ ይሕሸና ኢልና፡ እቲ ዕረ ከኣ ሓቢርና ልሓስናዮ፡ ሕጂ ከኣ እግዚኣብሔር ይጽበየና ስለዘሎ ዘእትወኒ ክረክብ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ብቃለይ ቃል ሳባ እምሕጸን ኣለኹ፡
- በሊ ሳባ ደም ናይ ኣዴታታ ምቁራጽ ዝኣበያ ገዛኺ ዝመጽኣትኪ ምስ ተማሕረት ክትምስክር ኣይመጽአትን። ንኽትምስክር ግን ብኸመይ ረኺብክያ። ኣነ ብገርህይ ነታ

ንገዛይ ሒዛታ ዝመጽአት ሰብ ንገዝኣ ይድውል ኣለኹ ኢለ ናብታ ሓሚማ ዝመጽአት ሰብ ደወልኩ። ንሳ ከኣ ኣነ ዘውዲ ኢየ በለትኒ። መን ዘውዲ በልክዋ። ደም ምቁራጽ ኣብዩኒ ንገዛኺ መጽአ ዝነበርኩ ኢየ። እሞ ሕጂ'ኸ በልክዋ። ገዛኺ በጺሐ ካብ ዝመጽእ'ሲ ሓውየ፡ ቴለፎንኪ ደኣ መን ሂቡኒ ናባኺ ድኣ እንታይ ክገብር ደዊለ ኢለ ሰንበድኩ። ናብ መን ድኣ ደሊኺ በለትኒ። ኣነስ ናይታ ንገዛይ ሒዛትኪ ዝመጽአት ተለፎን ኢየ ደልየ፡ ንሳ ከኣ ናታስ እንኪ በለትኒ፡ በሊ ሳባ ገዛኺ መጺኣ እንተዘይመስከረት ብቴለፎን ክትሰምዕዮ ኢለ ናባኣ ኣደዊለኪ፡ ንዓይ እንታይ ኢዩ ዘድልየኒ ኢለኪ ነይረ። ምስክር። እሞ እንታይ ኮይና ድኣ ክትምስክር ዘይመጽአት። ተሸጊራ ከላ መጽኣ። ንኽትምስክርን ከተመስግንን ግን ርሒቑዋ። በሊ እዞም ኣብ ሓኪም ይኹን። ኣብቶም  ክንፍውሰኩም ንኽእል ኢና ዝብሉ ጠንቀልቲ ብምምልላስ ረብሪቦም። ገንዘቦም ወዲኦም ናብ ገዛኺ መጺኦም በቲ ማየይ ናይ መድሃኒኣለም ዝተማሕሩ ውሑዳት ኣይኮኑን፡ <u>ናብቶም ሓካይምን ጠንቀልትን ገንዘቦም ከፍሰሱ ዘየሕመሞም ኣብቲ ናተይ ምስርሕ ግን ንኽምስክሩ ዘህድሞም ወይለኦም፡</u>

- በሊ ሳባ ሕማቕ ሕልሚ ናይ ንጉስኪ ሓሊመ ኢልኪ ክትነግርዮም ከለኺ ክንደይ ሰብ ነይርኩም፧ 7 ሰባት ነይርና፡ በሊ ምእንቲ እግዚኣብሔር ልቢ መራሒና ክኸፍተልና ጾምን ጸሎትን ጌርና ናብ እግዚኣብሔር ንለምን በሉኺ፡ ሳባ ከኣ ዋዒ እንድዩ ዘለኪ። ጾምን ጸሎትን ሕጂ ኣየድልየናን ኢዩ ዝጓየይ ሰብ ኢዩ ዘድልየና በልክዮም፡ ኣንቲ ሳባ ጓለይ ንስኺ ብዘይ ጾምን ጸሎትን እንተረኺብክንስ ንኹሉ ከምነብስኺ ገርክዮ! በሊ ንሳቶም'ሲ ከማኺ ገይሮም እኳ ኣይርከቡኒ እምበር። መዓት ከውርደሎም ከለኹ ግን ብጾምን ጸሎትን ጠጠው ከምዘብለሎም ፍለጢ፡
- በሊ ሳባ እዚ ማየይ። ንኣብ ምሉእ ኣካላቶም ዝርከብ ሕማማት። ፈውሲ ምሕረት ከምዘለዎ ንኽፈልጡ ኢለ እየ ነቶም ካብ ዝተፈላለየ ሕማማት ዝተማሕሩ ሰባት ጸሓፍዮ ዝብለኪ፡ እምበኣርከስ ሓደ ካብ ርሑቕ ዝመጽአ ሰብኣይ ኣብ ከብዱ  እንታይ ሕማም ከምዘለዎ ከይፈለጠ መጽኣኪ፡ ንስኺ ከኣ ብገርህኺ እዚ ማይ'ዚ ብዙሕ ተኣምር ዝሰርሕ ማይ ኢዩ። ናይ ምውሓዱ ኣይትርአ በልክዮ፡ በሊ እቲ ሰብኣይ ኣብ ከብዱ ሓሳኹ ዘፍሪ ፈውሲ ብኢድ ሰብ ስለዝሰተየ። ኣብ ከብዱ ከይፈረዩ ዝጸንሑ ሓሳኹ ከም ናይ እንቃቕሖ በብሽፍኖም ወጽኡ፡
- እዚ ዓቢ ጸጋ ውህብቶ ካባይ ጥራይ ከምዘይነቐለ። ካብ ኣባሓጎታተይ ናይ እንዳ ኣደይ ዝወረስክዎ ዓቢ ህያብ  ምኻኑ ክገልጸልኩም እፈቱ፡ ንኣደይ ዓባያ እትየ ተላ ዝተባህለት ከምዚ ናተይ ኢያ ምስ እግዚኣብሔር ትራኸብ ነይራ፡ ከምቲ ናይ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ነቢይ ስለዝኾነ። ነቲ ትንቢት ዝንበ ካብ ዘርኡ እየ ዝገብረሉ። ዋላ ንሱ ኣይፍለጥ እምበር ንስኺ ካብ ዘርኡ ኢኺ ዝበለኒ። እዚ ራኢይ ናተይ ከኣ ከይፈለጥኩ ናይ ዓበየይ ዝጸንሐ

ዘርኢ ኢዩ። እዚ ግን ኩሉ ምስ ዛዘምኩ ሓቲተ ዝረኸብክዎ ኢዩ፡ እምበኣርከስ ዘርኢ ድኣ ጸኒሑኒ እምበር ኣነስ ናይ እግዚኣብሔር መገዲ ኣይሓዝኩን ነይረ። ዘይረ ብዕርክነት ኢየ ተመርዕየ። ነብሰ ጾር ከለኹ ከኣ ተሓጺነ፡ እግዚኣብሔር ግን ነቲ ዘርኢ ናይ ራኢይ ከየጥፍእ ኢልዎ ግዲ ኮይኑ ኣባይ ከኣ ቀጺሉ፡ እዚ ከኣ ማንም ሰብ ዝዕደሎ ኣይኮነን እግዚኣብሔር ዝሓረዮ ጥራይ ዝረኽቦ፡ በሊ ሳባ ትንቢት ከተመሓላልፊ ጽንሒ እምበር። ከምቲ ሓደ ንጉስ ከሎ ኣብ ርእሲኡ ካልእ ክነግስ ዘይክእል። ንሱ ምስ ከደ ግን ኣብ ጎኑ ኣጽኒሓ ዘንግሰሉ። ንስኺ ከኣ ነታ ነቢይ ግደይ። ነቢያት በልዋ ኢለ ዝሰመኽዋ ንሳ ምስ ተኣለየት ኢኺ ነቢይ ዝኾንኪ፡

- በሊ ሳባ እተን ዓሰርተ ክልተ ኣንስቲ ንስኺ ኣብ ዘየለኽሉ ኣብ ገዛኺ ኮፍ ኢለን ዝጸንሓኺ ብኸመይ መጺእና በላኺ። ነቲ ገዛኺ ዝፈልጥኦ ዝመርሖ ከለውኣን እንታይ ኰይነን ድኣ ንገዛኺ ደልየን ዓዲ ምልእቲ ዘረኦ። ነቶም ዘይኣመኑ ኣብ ውሻጢኦም ከሎ ተደፊንዎም ዘሎ ንዓኺ ሕማቕ ከልዕሉን ክሓምዩን ዝውዕሉ ዘለው ድቃስ ዝሰኣኑ። ነቢይ ከም ዝተሳእኪ ኣብ ዓዶም ክፈልጡ ኢለዮም ኢየ ልበን ሰዊረ ኮለል ከብለን ዘርፈድኩ፡
- በሊ ሳባ ጻጸ ካበይ ይፍልፍሉ ኢለኪ ኔረ። ካብ ጉድጓድ፡ እምበኣር እዞም ትምህርቲ ሰንበት ኣብ ናይ ተዋህዶ ዘለዉ ከምቶም ጻጸ ካብታ ጸባብ ጉድጓድ ፊልፊሎም ፋሕ ዝብሉ። መፈልፈሊ ናይቶም ሃይማኖቶም ካብ ወለዶም ቀይሮም ተፈንጪሎም ማኣዶም ፍሉይ። መቓብሮም ፍሉይ መገደይ ዝሓዙ መሲልዎም ብስመይ ኣልዒሎም መገዲ ረሲኣን ዝሓዙ። እዞም ኩሎም ከምቶም ጻጸ ካብ ጉድጓድ ወጺኦም ፋሕ ዝብሉ። እዚኦም ከኣ ካብኦም ኢዮም ዝፍልፍሉ፡ እዚኦም ከኣ ነቶም ዓለም መኒኖም ብተንኮበት ተገኖዞም ንዓይ ዝኣመኑ። ንዐኦም ከይተረፈ ከስሕቱ ከለው ብጣዕሚ ኢየ ዝሓምም፡

- ኣንቲ ሳባ ጓለይ ነታ ገዝኣ ምስ ረገጽኪ ውላድ ዝረኸበት። ናታ ቤተ ሰብ እንታይ ኢለን ኣሸካዕለላልኪ። በሊ ሳባ እቲ ውላድ ካብታ ገዝኣ ዝረግጸ መዓልቲ ኢ.ያ ረኺባ ካብ በልኪ። እቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ'ኸ ወዲ ድዩ ጓል ኢለን ሓተታኺ፡ ንስኺ ከኣ እንታይ ድኣ ኰይና ቅድሚ ሸሞንተ ዓመት ውላድ ዘይረኸበት። ኣነ ከኣ እግዚኣብሔር ድኣ ኢዩ ኢሉኒ እምበር ናይ ወድን ጓልን'ሲ ንሱ ኢዩ ዝፈልጥ፡ ሕጂ ግን ንነብስኽን ጠንቂ ከይተምጽኣላ ኣይተሸካዕልላ። ንእግዚኣብሔር ሓቲተ መልሲ እንተ ድኣ ሂበክን ከቢድ ሽግር ከይወርደክን፡ ኣነ ውን ናተይ ሰብ ስለዝኾንክን ክፉእ ክርኢ ኣይደልን። ሕጂ ግን

ይኣኽለክን በልክወን፣ እተን ዓዲ ዘለኽየን ኣብ ምኽክዕላል ጥራይ ስለዘለዋ እምበር እቲ ካብ ርሑቕ ዝመጽእ'ሲ ከምኡ ኣይምበለን፣

- ነቶም ብናብረኦም ተሸጊሮም ንእግዚኣብሔር ሕተትልና ክብሉ ዘጨንቑኺ። እቲ ሓቂ ናይ ውሽጦም እንተነገርክዮም ከኣ እቲ ሓቂ ክቕበልዎ ስለዘይክእሉ ካባኺ ይሃድሙ፣ ብኡ ኢየ ከኣ ኮፍ ኢልኪ ከይትሰምዕዮም። ለምንልና እንተበሉኺ ዓቕሚ የብለይን በልዮም ዝበልኩኺ፣ ንሃገር ከተረክቢ ቃል ኪዳን ኣቲኹሎም ንሂወቶም ከተድሕኒ ውን ብኽብድኺ ተኣሲርክሎም፣ እምበኣር ንኽኣምኑ ኢለ ኢየ እቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ በይንኺ ዝህበኪ ዝነበርኩ እኽሊ። ልዕሊ ዓሰርተ ሰብ ከለው ንሰብኣይኪ ጸዊዕኪ ከምእትሓትዮ ዝገበርኩኺ፣ በሉ እዚ እኽሊ እዚ እግዚኣብሔር ኢዩ ሂቡኒ። ንስኹም ኣብዚ ደገ ከለኹም ነዚ ክቦን ድኹዕን ክወስድ ኢለ ኣብ ክሽነ ኣትየ ግንጽል እንተ ኣበልኩ ኣብ ሓድሽ መሸማዕ ፍሉይ ጻዕዳ እኽሊ ጸንሓኒ፣ ካብዚ እንዳ ቀበሌ ኣውጺእክየን ከይትብሉኒ ከኣ ሎሚ እዚኦን ኣብኡ የለዋን። ቀያሕቲ ኢየን ዘለዋ፣ ብዓቐን ስለዝህቡና ክሳብ ሕጂ ኣምቐነየን ነይሩ፣ ሰብ'ሲ ካብ ዕዳጋ ሸሚቱ ኢዩ ዝበልዕ ዘሎ ኣነ ግን ብበረኸቱ ኢየ ዝነብር በልክዮም፣ ኣብ ቅድሚ እዞም ኩሎም ሰባት ንኪዳነ ጸዊዕኪ። ቅድሚ ሰሙን መሸመቲ እኽሊ ኢልካ ክንደይ ሰልዲ ሂብካኒ ነይርካ በልክዮ፣ ንሱ ከኣ ርእሱ ኣድኒኑ ክልተ ምኢቲ ሂበኪ በለኪ፣ ክልተ ምኢት'ስ ክንደይ የሸምታ። ክልተ ርብዒት፣ እሞ ንስኽስ ንኣፍኪ ዲኺ ኢልክዮስ ዋላስ ክትሸምትየን ሓሲብኪ። ኣነስ ሸሚቱ ስለዘይፈልጥ ንኽፈልጦ ኢለ ኢየ፣ ንሱ ውን ኣይኮነን ክልተ ምኢቲ ሽሕ ቅርሺ ውን ክንድተን ዝሃብካኒ 30 ኪሎ ከሸምታ ከምዘይኽእላ ይፈልጠን ኢዩ፣ ካብቶም ሽዕኡ ኣብኡ ዝነበሩ እቲ ፈላስን እቲ ትምህርቲ ሰንበትን ነቲ ኣብ ርእሶም ዘውርደሎም። ንስኺ ዝተዛረክዮ ኣቐዲመ ዝልእከሎም። ራህዋን ጸበባን ክምርምሩ ድዮም ዝመጹ። ነቲ ሓቂ ክበርሃሎም ኢለ ኢየ። ሰብኣይኪ እንተ ዘይሃበኪ ካልእ ሰብ ውን ክህበኪ ይኽእል ከይብሉ። ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ዝሃበኒ እንተተሃልዩ ይቕረብ ዝበልክዮም፣ ነዚ ኩሉ ሓቂ ግን እቲ ትምህርቲ ሰንበትን እቲ ፈላስን ከይኣመኑ ልቦም ኣትሪሮም ወጹ፣ ኩሎም ንበረኸት ኢሎም ካብቲ እኽሊ እንዳዓመኹ ከለው። ንዐኦም ግን ብሓይሊ ኣልገብክሎም፣ ብሰማይ እንዳ ወረደ ድዮም ድኣ ክርእይዎ ተጸብዮም ነይሮም፣ ኩሉ ግዜ ክህበኪ ከለኹ ኣብቲ ክቦን ዘይትረኽብዮ እኽሊ ኢየ ዝህበኪ፣

- በሊ ሳባ ነታ ሽግርኪ ኣብ ገዝኣ ከላ ተራእይዋ። ቅሩብ ዕግም እንተ ዓጸኹላ ኢላ ዘይትፈልጠኪ ክነሳ ብኣይ ተሓቢራ ገዝኺ ዝመጸት። ናይ ኣዲኣ ብዙሕ ስቓይ ክረኣየኪ ምስ ሓደረ ተለሮን ደዊልኪ ኣዴኺ ከመይ ሓዲራ በልክያ፣ ንሳ ከኣ ካብዚ ኩሉ መዓልቲ እቲ ዝመረረን ዝኸፍኣን ክትሳቐ ሓዲራ በለትኪ፣ ንስኺ ከኣ እታ ለይቲ እቲኣ ስቓያ ምስ ረኣኺ መሓራ ኢልኪ ለመንክኒ፣ ኣነ ከኣ ንኹሉ ምሓሮ ጥራይ ዲኺ ትብሊ በልኩኺ። እታ ሞት

ውን'ኮ ማንም ሰብ ኣይረኸባን ኢዩ ኢለ ተስፋ ኣቕረጽኩኺ፡ ተለፎን ዓጺኺ ከኣ ከድኪያ። ንሳ ከኣ እንታይ ድኣ ሃንደበት መጺእኪ በለትኒ፡ ዘይትፈልጥኒ ከለኺ እኳ ጽቡቕ ዝገበርክስ ገለ በቲ ዝደኸምኩሉ እግረይ ገይረ ነብሳ ክሓጽባ እሞ ፍረ ጻማይ እንተ ሃበኒ ኣምላኽ በልኪያ፡ ኢድክን እግር'ኽን ተሓጺብኪ ከኣ ነብሳ ሓጸብኪያ። ጻማ ክህበኪ ኢለ ከኣ ንልዕሊ ወርሒ ዝኣክል ካብቲ ስቓያ ሓወየት፡ ኋላ ከኣ ካብቲ ስቓይ ናይ ኣዲኣ ድሒና ስራሕ ጀመረት። እንተኾነ ኣብ ስርሓ ድኣ'ምበር ክትምስክር'ሲ ኣይመጸትን፡ ኣነ ከኣ እታ ናይ መጀመርታ ቃል ዘውጻእክዋ መለስክዋ። ኣብ ስቓያ ከኣ ተመልሰት፡ ንወዳ ግን በቲ ዝገበረቶ ሰናይ ተግባር በቲ ማይ እንዳ ሰተየ ካብቲ ዝነበሮ ሕማም ሓወየ፡ እቲ እግር'ኺ ኣብቲ ገዛ ምርጋጽ ከኣ ን'ኹሎም ጠቐሞም፡ በሊ ሳባ ንእሽቶይ እንተገበሩልኪ ናታ ዓሰርተ ዕጽፊ ጌረ ከምዝህቦም ፍለጢ፡ ባዕለይ ምሃብኩኺ ነይረ ግን ነቶም ዝህቡ ዓስቦም ክፈልጠሎም ስለዝደለኹ ኢየ። ንመን ምስ ሃቡ ድኣ ክወሃቡ፡ እታ ናይ ልዕሊ ወርሒ ጥዕናስ ብ'ኸንደይ ገንዘብ ምረኸበታ ነይራ መስለኪ ሰብ ግን ብገንዘቡ ዘምጽኦ ጥዕና የመስግኖ። ብነጻ ዘምጽኦ ከኣ ንየቐንየለይ እኳ ይኸብዶ፡ እዚኣ ደጊመ ደጋጊመ ዝብለኪ ዘለኹ እንተ ተማሂርምስ ክፈልጥዋ ኢለዮም ኢየ፡ በሊ እቶም ኣብቲ ናይ መድሃኒኣለም ምስክርነት ንዐኦም ኣብ ዝጥዕሞም ብመዓልቲ ሰንበት ዝተኣከቡ ብጀካ እቲ ኣብ ገዛኺ ዝተሰርሐ ምስክርነት ክህቡ እንተዘይኮይኖም ናይ ካልእ ኣብኡ ኮይኖም ክይዛረቡ፡ ኣነ እዛ መዓልቲ እዚኣ ክምስክሩላን ክፋቖሩላን ኢለ ዘቕምኩዋ ኢያ እሞ ነቐፌታ ኮነ ካልእ ካብ ቃሎም ክይሰምዕ፡ ንስኺ ዘይትፈልጥዮ ናይ ምንታይን ናይ ምንታይን ተማሒርና በሉኺ። እዛ ምስክርነት ከምዘላ ዝሰምዐ መንእሰይ ኣነ እኳ ንቦታይ ክኸይድ ደልየ ኮይነ እምበር እቲ ማይኪ ዝወሰድክምዎስ ብዙሕ ተኣምር ኢዩ ሰሪሑለይ፡ ካብ ርሑቕ ሃገር ፊሳ እንዳ ተቐበልና ኢና ኔርና። እታ ዘርኢ ጸኒታ ሓደ ካብኣቶም ተሪፉ። ንሱ ከኣ ናባና መጸ፡ ኣነ ከኣ ብእምነት ዋላ እታ ቆጽልስ ኣይትርከባ በዚ ማይዚ እንተ ሰርሐ እንታይ ይፍለጥ ኢለ ነቲ ካብኣቶም ዝመጸ መንእሰይ በዚ ማይኪ ገይረ ክልተ ሸውዓተ ሓጸብክዎ፡ ሓጺበ። ኣስትየ ንሕክምና ከኣ ኣቕረብክዎ። ናጻ ዝብል መልሲ ከኣ ረኺብኩ በለኒ፡ በል እቲ ናይ ምስክርነት መዓልቲ'ስ ሰሙን ኢዩ ተሪፉዎ ነይሩ በልክዎ፡ ንሱ ከኣ። ኣነ ኣብ ቅድሜኽን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን መስኪረ ኣለኹ። ሕጂ መዓልተይ ስለዘሕለፍኩ ይኸይድ ኣለኹ በለኒ፡ ኪድ በል እግዚኣብሔር ምሳኻ ይኹን በልክዎ፡ በሊ ካብቶም እኩባት ህዝቢ'ኺ እንታይን እንታይን ኢሎም መስከሩ። ኣብ ትሽቱሻ ሓቢጣታ። ሓቢኣታ ዝነበረት ሓፍተይ ኣብ ሕክምና ኦፕረሽን ክትገብር ቆጸራ ምስ ገበረት። እዚ ማይ እዝ'ስ ተኣምር ካብ ጀመረ ዘይለኸዮ ኢላ ለኸየቶ፡ እታ ሕበጥ ከኣ እንዳ ሓቐቐት ትኸይድ ኣላ ኢላ ኣብኡ መስከረት፡ ኣቐዲመ ውን ንሕበጥ ከም ዝፍውስ ብእዝን'ኺ ዝሰማዕክዮ ምስክርነት ጸኒሑ ኢዩ፡ ንሱ ድማ ሓደ ኣብ

ክሳዱ ከባብ ሕበጥ ሓቢጣቶ ንዅሉ ጅማውቱ ኣሲራ ተቐንዝዎ ዝነበረት። በዛ ካብ ገዛኺ ዝወሰዳ ማይ። ኣንታ መድሃኔኣለም ኣቦይ ብሳባ ጌርካ ንምሉእ ኣካላት እንዲኻ ትምሕር እዚኣ ከኣ ሓንቲ ካብ ኣካላትና ኢያ እሞ ፈውሰለይ ኢሉ ልኽይ ምስ ኣበላ ሓዊቓ ጠፊኣትሉ፡ ጃማት እግርና ፈቲሑልና ዝብሉ ውን ብዙሓት ኢዮም ዝጠዓሞም ኣብቲ ኣኼባ መስኪሮም። ዘይጥዓሞም ከኣ ኣብቲ ካልእ ናይ ምስክርነት መዓልቲ ክንመጽእ ኢና ኢሎምኒ፡ ንምሉእ ኣካላት ይፍውስ ኢዩ ዝበክልኩኺ ከኣ እቲ ዝተማሕረ ህዝቢ ተኣኪቡ ነንሕድሕዱ ክምስክር ከሎ ነቲ ሓቂ ክበርሃሎም ኢለዮ ኢየ፡

- ኣብ ዝኾነ ማሕበር ክግበር ከሎ ሞባእን ዕሽርን መኽፈልትን ኣሎ። ነዚ ኩሉ ግን ኣነ ጸሊአዮ ኣይኮንኩን ከይትገብሩ ዝበልክዎም ድኹማት ስለዝኾኑ እቲ ምሕረቶም ገዲፎም ነታ ዘይትረብሕ ገብዘብ ዘውጽእዋ ስለዝጥምቱ። ብኡ ኢየ ኩሉ የለን ዝበልክዎም፡ መዓልቱን ሰዓቱን ምስ ኣኽለ ቤተክርስትያንን ደብርን ምስ ኮነ ኩሉ ክማላእ ከምዘለዎ ክፈልጡ ኣለዎም፡ እቶም ብኣኺ ዝዛረቡ ስጋ ከም ዝለበስኪ ዝርስዉ ይቕሬታ እንተዝሓቱ ናባይ ምሓሾም። ከምኦም ስጋ ስለ ዝለበስኪ እቲ ጌጋ ኣሎ ምሳኺ። ትልቅሒ። ተለቅሒ በቲ ንሶም ዝሓልፍዎ ከምትሓልፊ ክፈልጡ ኣለዎም፡ ንስኺ ግዳ ብጀካ መልእኽቲ ሓንቲ ዘይትፈልጢ፡ እቶም ዓለም መኒኖም ናባይ ዝቐረቡ ንስጋ ክቐጽዑ ከኣ ኣብ ደብሪ ዝሰፈሩ ነሓድሕዶም ክባልዑ ከለው። ስስዐ ስጋ ዘለዎ ንጽህና ዘይብሉ ክነብሩ ከለው ይጉሂ ኣለኹ፡ ኣብኡ ሰፊሮም ክተሓላለዩን ክተሓቛቖፉን እንተዝርእዮም ክንደይ ምተሓጎስኩሎም፡
- እታ ጓላ ብሕማም ስብሒ ነብሳ ተነፊሑ ጎረሮኣ ብምሕናኽ ሰብ ድቃስ ትኸልእ ዝበለትኪ። ዓሰርተ ዓመትና ደቂስና ኣይንፈልጥን። እዚ ኩሉ ሕክምና በጺሕና ደኺምና ገዲፍናዮ ሕጂ ግን እዛ ማይኪ ካብ ዝወስደላ እዛ ጓለይ እንሃለ ክልተ ወርሕና ደቂስና፡ ማይኪ ወዲኣ ኢለ ካልእ ጸበል እንተኣስተኽዋ ግን ኣብ ዝነበረቶ ተመሊሳ ቀንያ ኣላ በለትኒ፡ ኣነ ከኣ ኣበይ ዲኺ ትቕመጢ በልክዋ። ንሳ ከኣ ኣብ ድባርዋ ኢየ ዝቕመጥ። እሞ ክትወስድላን ክትምስክርን ኢልኪ ዘይትመጺ በልክዋ፡ በሊ ሳባ ክትምስክር ኢላ ናብቶም እኩባት መጺኣ'ዶ። ኣይመጸትን፡ በሊ ከምኡ ምኻኑ ባህርያቶም ፍለጢ፡ እዚ ማይ ናተይ ከኣ ክምሕር ጥራይ ኣይኮነን። ንዘይምሓር ውን መዓልቲ የሐጽር ምኳኑ ፍለጥዮ፡
- እታ ብሽግራ መሪር ዘዕለለትኪ። ዘይውዳእ ጸገም ረኺበ ወደይን ሰብኣየይን ተኣሲሮምኒ በለትኪ፡ ንስኺ ከኣ እንታይ ጌሮም ድኣ ኢልኪ ደንገጽክላ። ኣብቲ ገዛ ውን ጥዕና ኣይረኸብናን ኢላ ማይ ወሰደት፡ ንሳ ከኣ እቲ ማይ ካብ ገዛኺ ዝወሰድክዎ ንምሕረት ኢለ ተሓጺበ ስልጣንያ ከብጽሓሎም ኢለ እንተኸድኩ። ሰንበት ስለዝኾነ ኣራኺቦምኒ። እቲ ማይኪ ግን ንነብሰይ ጥራይ ዘይኮነስ ንሰብኣየይ ውን ከይተረፈ ፈትሓለይ በለትኒ፡ ኣነ ከኣ በሊ እቲ ኣምላኽ ዝሰርሓልኪ ኩሉ። ናብቶም እኩባት ሰባት መጺእኪ መስክሪ በልክዋ፡ ንሳ

ግን ሕራይ እንተጥዒሙኺ'ስ በለትኒ፡ ግደፍያ ደሓን ብዘይ ብኣይ ትገብሮ እንተ'ልይዋ። ንዓይ ከየመስገኑት እንቋዕ ሰብኣየይ ረኺብኩ ኢላ ድያ ንብረታ ክትእክብ ከይዳ። ክትከስር ድኣ እምበር ከምዘይትኸስብ ክትፈልጥ ኣለዋ፡ ብኽምዚኦም ዝኣመሰሉ ኢዩ ለበይ ዝተርር ዘሎ፡ ተመሊሶም ናባይ ምኻኖም ክፈልጡ ኣለዎም፡

- በል ጎይታይ እንታይ በዲለካ እየ ብመከራ ስጋ ትቐጽዓኒ ዘለኻ። መራሒ'ኸ ነቶም ናቱ ብጸበባ'ዶ የሕልፎም። እንድዒ ጎይታይ የሕልፎም ይኸውን። ብኡ ምስ ሓለፉ ከኣ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ የስፍሮም፡ ኣነ ከኣ ንስኺ ስለዝኾንኪ ናተይ ዋላ ንሕማም ይኹን ንስቓይ ክትስከፍሉ የብልክን፡ ናተይ ጥራይ ዘይኮነስ እንኮላይ ናይ ኣደይ ኢዩ ዘሕትተኒ ዘሎ፡ እቲ ገድሊ ናይ በይንኺ ጥራይ ኣይኮነን እንኮላይ ኣዴኺ ኢያ ምሳኺ ኮለል ኢላ፡ እቲ ምድራዊ ንጉስ እኳ ነቲ ናቱ ብጸቢብ የሕሊፉ ዝሓልየሉስ። ካባይ ገድልኽን ምስ ወዳእክን ክሳብ ክንደይ ክብሪ ከምዘለክን ክትፈልጣ ኣለክን፡
- እቲ ናዝራዊ ፈላሲ ጽሑፍኪ ኣንቢቡ ገጽኪ ክርእየኪ ኢሉ ዝመጸ ንሱ ብዘይፈልጦ ዓቢ ስራሕ ሰርሐ፡ ናብ ገዛኺ ክመጽእ እንከሎ በታ ሰብ ናባኺ ክመጽእ ከሎ ንዓዲ ምእንቲ ከይረግጽ ኢለ። ኣቐዲመ ዝጸረግኩሎም ናብቲ ቀላሚጠስ ናይ ማይ ጨሎት እተእቱ ጎደና መጸ፡ ንስኺ ነታ ጎደና ኣስተውዒልክላ ኣይትፈልጥን። እቲ ብሩኽ ናዝራዊ ፈላሲ ግን ወላ ሓደ ሰብ ብኣኣ ከይረገጸ ብኣኣ ረጊጹ ኣተወ፡ ንስኺ ብዘይትፈልጥዮ ንሱ ውን ብዘይፈልጦ መቓብር እቲ ህጻን ተባሪኹ ኢዩ፡ ኣነ ድኣ ጎይታይ ብዙሓት ኣቡናትን ካህናትን ዝባርኹዎ እንድዩ መሲሉኒ፡ ንሱ ዝረገጾላ መዓልቲ ንስኽን ንሱን ዘይትርእይዎም ብዙሓት መላእኽቲ ነይሮም፡ እሞ ካብ ሕጂ ንንየው ብኡኡ እንተዘይ ኰይኑ ብቐዲሚት ገዛኺን ብማእከል ዓድን ኮለል ከይብሉ ንገርዮም፡ እቲ ቀላሚጠስን እቲ ጎደናን ቅድሚ እቲ ህጻን ከምዘዳለኹዎ ኣይትፈልጥን ነይርኪ፡ እወ ጎይታይ ክሳብ'ዛ ትነግረኒ ዓይነይ እንዳ ረኣኹ ብኡ ውን እንዳ ሓለፍኩ ክፈልጦ ኣይከኣልኩን፡ በሊ እቲ ቀላሚጠስ ብኢድኪ ኣቐዲመ ተኸልክዎ። እቲ ጎደና ከኣ ብመንግስቲ ኣጽሪገዮ። ኩሉ እዚ ክንደይ ይገብር። 8 ዓመት ይገብር ኢዩ፡ እሞ እታ እንዳ መድሃኒኣለም ግበርዋ ዝበክዎም ከምዚ ናትኪ ንሶም ብዘይፈልጥዎ መዕረፍ ኣጋይሽይ ከም ዝሰራሕኩ ክፈልጡ ኣለዎም፡
- እታ ኣነ ማርያም ኢየ ትብል ዘላ ሰይጣንውንቲ ዝዓሰልዋ። ኣደይ ማርያም ዓሲላትክን እንዳበለት ሰይጣውንቲ ተዕስለሎም ከምዘላ ይፍለጡ፡ ነዚ ናትኪ ክትጫረት ክትብል ኣብ ኩሉ ከባቢኺ ማርያም ዓሲላትኩም እንዳበለት ነቶም ኢጋንንቲ ትፍንወሎም ኣላ ጋኒን ድኣ'ምበር ማርያም ከምዘይትዓስሎም ክፈልጡ ኣለዎም፡
- ኣባት ነብሲ ቀይረልኪ ካብ ዝብለኪ ክንደይ ጌርኪ። ዓመተይ ቀሪበ፡ እንታይ ኰንኪ ድኣ ዘይከድክዮም። ሕምነት ስለዘለኒ እንታይ ክብሎም ኢለ ተሰኪፈ ሕጂ ግን ንቀሺ ምስ

ሓተትኩ። እንታይ ኵንኪ ድኣ ክሳብ ሎሚ ጸኒሕኪ በሉኒ። ኣነ ከኣ ጓሎም ስለዝወሰድኩ ተሰኪፈ፡ ንሶም ከኣ እግዚኣብሔር እታ ስጋ እንተዘይፈልጥ ኣይምበለክን። ጓሎም ስለዝወሰድኪ ኣብ ስጋ ስለዝኣተኺ ኣባት ነብሲ ክኾኑ ኣይግበኦምን ኢዩ ምስ በሉኒ ከኣ ተስፋ ረኺብኩ፡

- መዕለቢኡ ዝጠፍኦ ምሁር ወዲ ንገዛይ መጺኒ፡ ሳባ ዲኺ ንስኺ በለኒ። እወ፡ እንታይ ድኣ ኮይኖም ከም ካልእ ጌሮም ዘውርዩልኪ። ንስኺ ድኣ ልእኽቲ ምኻንኪ ኣብ ነብስኺ እንዲኺ ትፍለጢ፡ እምበኣር ንእግዚኣብሔር ክትሓትለይ ኢለ ኢየ ንገዛኺ መጺአ። ኣነ ካብቶም ሃይማኖቶም ንዒቕም። ተመራሚረ ክዝንብል ዝደለኹ ሰብ ኢየ፡ እቲ ሓቀኛ መገዲ ናይ ኣምላኽ ኢየ ደልየ እሞ። ኣብዚ ናትኪ ጽሑፍ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ነዲኡ ናይ ክብሪ ስግደት ክንሰግደላ ንመላእኽቱ ውን ክንሰግደሎምን ብክብሪ ከነብዕሎምን ይሕብር፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ግን ኣነ ቀናእ ኣምላኽ ኢየ ብጀካይ ካልእ ኣማልኽቲ ኣይተምልኹ ዝብል ስለዘሎ። እዚኣ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ክትሓትለይ ብትሕትና ይምሕጸን፡ በሊ ሳባ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ጽሑፍኪ ኣነ ልዕሊ ኩሎም ምኺነይ መላእኽተይ ብትሕተይ ክኸብሩ ከም ዝግበኦም ቅድሚ 4 ዓመት ጽሓፍዮ ኢለኪ። ብኸመይ ከምዝተጻሕፈ ውን ደቂ ሰባት ባዕሎም እንተደልዮም ይምልእሉ እንተደልዮም ከኣ ኣኍዲሎም ከም ዝጽሕፍዎ ፍለጥ በልዮ፡ እዚ ካብ ባሕሪ ወጺኡ ንዓለም ብሸመይ ጉልባብ ብሃይማኖታዊ ክሕደት ሒዝዋ ዘሎ ካብ ባሕሪ ዝወጸ ሰይጣናዊ መንፈስ። ኣነ ቀናእ ኣምላኽ ኢየ ብጀካይ ካልእ ኣማልኽቲ ከይተምልኹ እንዳበለ ካብ ባሕሪ ወጺኡ ነቶም ዝኣምንዎ ምስ ረኺቦም። ንሶም ከኣ ንዓለም በቲ ሰይጣናዊ ገንዘብ ገይሮም እንዳ ተበተኑ ብስመይን ብቃለይን መሸቀጢ ገበሩ፡ ነቶም ከይፈለጡ ዝጠፍኡ ዘለው ክምለሱ ኢለ ኢየ እቲ ሓቀኛ መገዲ ኣብዚ ናትኪ ከምዘሎ ዝገልጸሎም ዘለኹ፡ ክእከቡ ከለው ብቋንቋ ኣጋንንቲ ዘዛርቦምን ዘውድቖምን እቲ ርኹስ መንፈስ ኢዩ ። ንሱ ኣትሪሩ ስለ ዝሕዞም ብቓለይ እንዳ ተዋግኡ ምንቕ ኣይብሉን ኢዮም፡
- በሊ ሳባ እታ ናይተን ኀራዙት ዝኾና ሃብታማት ሰራሕተኛ እንታይ በለትኪ። ኣነ እዚ ማይኪ ታሪኽ ኣለዎ ሰሚዐ። ሕጂ ናይ'ዘን ዘስራሓኒ ሰበይቲ ኣዋልድ ብዙሓት ኢየን ግን እንታይ ከም ዝኾና ጽቡቓት 'ከለዋ ዘይምርዓዋ፡ ሕጂ ግን እዚ ጽሑፍክን ካብዚ ማይክን ንገዛይ ክወስድ እሞ ገለ መርዓ እንተ ከፈተለን በለት፡ እታ እምንቲ ሰራሕተኛ። ማይ ምስ ወሰደት እምነታ ሪአ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ዘይመልአ ንመርዓ ዝሓቱ መጽኡ፡ ንሳ ከኣ ነተን ገዛ ኣኪባ እዚ ጽሕፍን እዚ ማይን ኢዩ ሰሪሑ በለተን፡ ኣበይ ኣጽኒሕክዮ ከኣ በልኣ። ንዓናይ መስከራ ከኣ በለተን፡ ኣደ ናይተን ኣዋልድ ግን እቲ ዕድል ብሰራሕተኛኣ ስለ ዝተረኸበ ባህ ኣይበላን። ንኽትመጽእ ውን ንዕናይ ንመስክር ስለዝበለታ ድኣ'ምበር ንሳስ ኣይሓሰበቶን፡ እታ ሰራሕተኛ በቲ እግዚኣብሔር ዝገበሮ ዓቢ ተኣምራታዊ ስራሕ ጸልማት

ቀንጢጡልና በለት፡ ኣቐዲመ ከኣ እዚ ማይ እዚ ክሰርሓልኪ ኢዩ እሞ ክትምስክሪ ምጺ ኢለያ ነይረ፡ ንሳ ከኣ በታ ዝተዋሃበታ ምሕጽንታ ነታ ታሪኽ ዝተሰርሓ ሰበይቲ ሒዛታ መጸት፡ እታ ሰራሕተኛኣ ኣብ ቅድሚ እታ ሰበይቲ መስከረት፡ ካብዚኣ እታ ማይክን ጽሑፍክን ንመርዓ ክኽፍተለን ኢለ ስለዝወሰድክዋ። ካብዚኣ ኪድ ምስ በልኩ ንመርዓ ሃቡና ዝብሉ መጺኦመን፡ ኣነ ከኣ በቲ ዝልኣኽኪ ኣምላኽ ስለዝተኽፍተለን ኣብ ቅድሜኽን ኣብ ቅድሚኣን ክምስክር ሕዚያ መጽአ ኣለኹ በለት፡

- በሊ ሳባ እቲ ከይተረድኦ ንገዝኡ ድኽነት ዘእተወላ ገዛኺ እንዳ ፈለጠ ጥቕሙ ክረክብ ኢሉ ተመላለሰ። ክመላለስ ከሎ ክዕዘብን ክጥቀምን ኢሉ ንመልኣኽትኺ ከምዝኣመነ ኮይኑ ቀረበ፡ እታ ንቆልዑ ተዘናግዕ ተለቭዥን ተበላሽያ ኢሎም ጎሃዩ ደቅኺ፡ ንስኺ ከኣ ምስኦም ጓሂኺ፡ እቲ ብጉድለትኪ ዘይተሰምየ። እንታይ ኮይኑ ድኣ እቲ ዝልእካ ዘይገብረላ ብምባል ብትዕቢት መለሰ፡ እንተገበርናልኪ ትዕቢት ከይተሕድሪ እምበር ገንዘብሲ ዝድርበ ኢዩ ዘለና በለ፡ በሊ ሳባ ኣነ ድኣ ንዐኦም ክኽስቡ ብምግባሮም ዓስቢ እንተረኽቡ። ሓንቲ እንተ ገይሮም ክንዲ ዓሰርተ ዕጽፊ ይህቦም ምኽንያይ ክፈልጡ ኣለዎም፡ እዚ ሰብ እዚ ግን ኣይከሰበን ዓቢ ክሳራ ኢዩ ዝኸሰረ፡ ገዛኺ ዝመጽእ ሰብ ብእምነቱ ወይ ክኽስር ወይ ከኣ ክኽስብ ምኻኑ ክፈልጥ ኣለዎ፡
- እታ ንምስክርነት እትጓየ ሰብ እንታይ ኢላ ኣብቲ ህዝቢ መስከረት። ኣነ ካብዛ ገዛ ናይ ሳባ ዝወሰድክዋ ማይ ናይ መድሃኒኣለም ኣብ ኣስመራ ኣብ ሓንቲ ኣውቶቡስ ቁጽሪ 15 ኮፍ ኢለ ከለኹ ኣብ ርእሰይ ጠጠው ዝበለ መንእሰይ እዚ ማይ ሳባ ብ'ኽዱኑ ሰሪሕሉ ግዲ ኮይኑ ኣብ ትሕተይ ጥቕልል ኢሉ ወደቐ፡ ኣነ ከኣ ብኸድኑ ከምዝሰርሕ ኣብ ሓደ ጽሑፍ ናይ ሳባ ስለዝረኣኽዎ ነቲ ጋኒን ዝሓዞ መንእሰይ ንሱ ኢዩ ኣላዒሉሉ ብምባል ከፊተ ኣንታ ንሳባ እትልኽ ኣምላኽ ምሓሮ በልክዎ፡ እቲ ወዲ ከኣ ተማሒረ ሓውየ ኢሉ ተስአ፡
- በሊ ሳባ ኣብ ኣውቶቡስ ምስ ደየብኪ ናተይ ዕጣን ካብ ነብስኺ ስለዝሃግግ እታ ጥቓኺ ዝነበረት መንእሰይ ብምጭናቕ ዓቕሊ ኣጽበበት፡ እቲ ምሳኺ ዝነበረ ወዲ እንታይ ኰንኪ ትጭነቒ ኣለኺ በላ፡ ዓቅለይ ጸቢቡኒ እንዳበለት ክሳብ ካባኺ ትርሕቕ ተጨነቐት፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣይተስተውዕልሉን ኢኺ እምበር ጋኒን ዘለዎም ሰባት። ካብ ነብስኺ ዕጣን ስለዝሃግግ ኩሉ ግዜ ካባኺ ኢዮም ዝርሕቁ፡
- እታ ኣብ ገዛኺ ንስኺ ኣብ ዘይብሉ ዝሓወየት ከመይ ጌራ ነቲ ምስቶም ማሕበር ዝተጸንበረ ወዲ ዓዲ ካብዞም ኩሎም ህዝቢ ሓርያ ንዓኻ'ስ ሳባ ጋኒን ተውጽእ ኢያ ይብለካ ኮይኑ ይስማዓኒ፡ ንስኻ ከኣ ንሕና ከይፈለጥና ንስኺ ከመይ ጌርኪ ትፈልጢ ትብለኒ ኮይኑ ይስመዓኒ፡ በሊ ጋኒን ከም ተውጽኢ ነቶም ዓዲ ክፈልጡ ኢለዮም ኢየ ነቲ ወዲ ዓዲ መልክዑ ፈልየ ዘርኣኽዋ፡ ሓደ ንሱ ኢዩ ካብ መርሓና ተሓዊስዎም ነይሩ፡ ብመገዲ ማይ

መድሃኒኣለም ምኂኑ ተሓቢርኪ። እቲ ኣኼባ ናይ መድሃኒኣለም ምኂኑ ውን ተሓቢርኪ። ጋኒን ከምተውጽኢ ከአ ሓበርኩኺ፡ ንሳ ብዙሕ ልኡኽ ኢያ ኣብጺሓ፡ ንጽህቲ ምኺና ከኣ ጉልበታ ከይሓበአት ምስ ካልኣይታ ክትሓጽበልኪ ኢላ መጺኣ፡ ነታ ሕገይ ከተማልእ ኢላ ከኣ ምስሓ። ትሰትዮ ሻሂኣ ኩሉ ሒዛ ምምጽኣ ተሓጎስኩላ፡ ካብቶም ዝተገብረሎም ዝደኸየት ንሳ ኢያ፡ ዓስቢ ከምዝድልየኒ ፈሊጣ ኮንን ንደቅኺ ኢላ ካብ ዘይብላ ሒዛ ዝመጸት ነቲ ኣነ ዝደልዮ ዘማልአት ዓስባ ከኣ ዕጽፍን ድርብን ተኸፍለት፡ እታ ምስኣ ዝመጸት ኣብቶም እኩባት ህዝቢ እንታይ ኢላ መስከረት። ብሕማቕ ጠባይ ናይ ሓወይ ምልእቲ ስድራ ቤት ተጨነቐት። ማይ ካብዛ ገዛ ወሲደ ንሱ ዊዓ ከይዱ ስለዘሎ ነቲ ክዳውንቱ ካብዚ ማይ ናይ ሳባ ረብረብናሉ፡ ብእምነትና ከኣ ኣብ ገዛና ከይኑ ስለ ዝሰርሓሉ። ኣምላኽ ግዲ ምልክት ክንረክብ ኢሉና ኮይኑ። ብእምኒ ጸሪቡ ናይ መድሃኒኣለም ስእልን ዘደናፍቕ ናፍቖትን ዘይተጸበናዮ ሰዲዱልና፡ ኩላትና ከኣ ልብና ረግአ ሩፍታ ወረደና፡ ሓፍተይ ከኣ ኣንታ ዊዓ ከድካ ትሰርሕ ማይ ነዛ ሕበጠይ ዘርዝረለይ ኢላ ለኺየቶ ወዮ ተኣምር ዘለዎ ማይ መድሃኒኣለም ከም እምነትና ገይሩልና እታ ሕበጥ ከኣ እንዳ ተዘርዚረት ምስ ከደት ንሕክምና ክንከይድ ዝሓሰብና ኣቋረጽና፡

- እታ ነቲ ምስክርነት መዓልቲ ናተይ ነቲ ህዝቢ ንኸይምስክር ከደናጉኑ ሰይጣን ዝፈተና። ንዓኺ ከይተረድኣኪ ብመንፈሰይ ተቐጢዕኪ ኮፍ በሊ እቲ ምስክርነት ሎሚዓንቲ ነቲ መድሃኔኣለም ዝገበረሉ ህዝቢ ንዕኡ ክምስክር ኢዩ ተኣኪቡ ዘሎ በልክያ፡ ልእኽቲ ስለ ትመስል ንስኽን እቲ ህዝብን ኣይፈለጥኩማን። እቲ ምሳኺ ዘሎ መንፈሰይ ግን ኣለለያ፡ እቲ መንፈሰይ ምሳኺ ዘሎ ከምዘለለያ ብማንም ከም ዘይቁጣዕ ክፈልጥ ኢለ ድሕሪ ክልተ ቅነ ምስ ካልኣይታ ኣብ ደብርታት ቀንየ በለትኪ፡ እንታይ ክትገብሩ ድኣ በልክያ፡ ከምቲ ናትኪ ዝረኣናዮ ኣብ ጽሑፍ ከነስፍር፡ እንታይ ጽሑፉ በልክወን ከምዚ ኣብ በለዛ ዘሎ ኣሳእን ናይ ሙሴ ምልክት ተዋሂቡ ዘሎ ኣብ ጽሑፍ ክነስፍር ኢልና ፍቓዶ ደብሪ ንኸይድ። እዞም ኩሎም መላእኽቲ። ኣባ ሄኖክ ይኹን ኣምነ ተኸለ ከም በዓል ሚካኤል ኣደይ ማርያም ኩሎም ኢዮም ዝረኸቡኒ በለትኪ፡ ሕጂ ከኣ ኣብ ጋዴን ዘሎ መልኣኽ ኪዳ ንሳባ ኳለይ እቲ መቓብር ናይ ህጻን ከም ቀደምኪ ማይ ኣስትይዮ ኣይተቋርጺ። እቲ ዕንባባ ኣብ ጥቐኡ ዘሎ ከኣ ማይ ተስትዮ እታ ህጻን ጓልኪ ከም ቀደማ፡ ኣነ ከኣ ሰንበድኩ ኣብ ደብሪ ቀኒኸን ከመይ ጌሮም ነዚ ልኢኾምኸን። እንታይ ኰንኪ ድኣ ትሰንብዲ መልኣኽቲ እንድዮ፡ ዋላ መልኣኽቲ እንተኾነስ ማይ ዝሰቲ መቓብር ኣይጸንሓንን ማይ ዘስትዮ ዕንባባታት ኣይነበረንን ዘይከውን መልአኽቲ ስለ ዝነገሩኒ መልአኽቲ ድዩ ኢለ ሰንቢደ ከለኹ እታ ምስኣ ዝነበረት እቲ ሓቂ ኣግሂደቶ፡ እቲ ዘዕበያ ሕማም ነብሳ ብገርህና እንዳ ኣቡነ ተኸለ ቀይሕ ኮር ኣብቲ መንጫዕጫዕታ ምስ ኣተና እቲ ሕማም ወሪዱ ተለፋለፈ፡ እቲ ዕማመት

ዘለዎ ኣስላማይ። ወጺአ ኣለኹ ኢሉ ተዛሪቡ እቲ ምስኡ ዝነበረ ክርስትያን ግን ተሪፉ በለትኒ፡ በሊ ሳባ ኑቲ ህዝቢ ተላኢኽና ኢና ኢለን ክሳብ ክንደይ ከምዘደናግራ ክፈልጥወን ኢለዮም ኢየ ኣቐዲመን ኣብ ህዝቢ ተዛሪበን። ተላኢኽና ኢለን መልእኽቲ መጺኡኒ ኢለን ከኣ መጻኺ፡ ንኽንደይ ዓመት ናብርአን ገዲፈን ፈቐዶ ገዳም ክኸዳ። ዝተባእሱ ዕረቒ ኢሉና ኢዩ እንዳበላ ብዙሕ ከምቲ ናተይ መልእኽቲ እንዳምሰላ ለኣኸተን ከየለለያ ንርእሰን ተጋግየን ሰብ ዘጋግያ ከምዚኣተን ኢየን፡ ብኡኡ ኢየ ከኣ ኣብቲ ናተይ ናይ ምስክርነት መዓልቲ ብጀካ ናተይ ናይ ካልእ ከይዛረቡ ዝበልኩኺ፡ ኣነ ከኣ ኑታ ካልኣይታ። ንስኺ'ኸ ካብ ቀደም ዲኺ ተላኢኽኪ ካብ ሎሚ ኢኺ በልክዋ። ኣነስ ወርሒ ከማን ኣይመላእኩን ብድሕሪ ገዛኺ ተዛሪባ ምስ መጸት እየ ወጺአ፡ እሞ እግዚኣብሔር ድዩ ልኢኹኪ። ኣይኮንኩን ከምቲ ኣዳም በይኑ ምስ ተፈጥረ። ሕልምልም ምስ በለ ካብ ጎኑ ንሂዋን ዘተስኣሉ። ኣነ ከኣ በይና ምስ ረኣኽዋ ከሰንያ ኢለ ወጺአ በለትኒ፡

- ካብተን ብጀካ ንሓደ ኣምላኽ ንኻልእ ኣይንኣምንን ኢና ዝበላኺ። እንታይ ኢለን ሓተታኺ። ብየሱስ ኣሚንኪ ካልኣይ ጥምቀት'ዶ ተጠሚቕኪ ኢኺ። ከመይ ገይርኪ ኣምላኽ ኣባይ ይግለጽ ትብሊ። ኣሚኑ ካልኣይ ግዜ ዝተጠምቀ ንየሱስ ከምዝረኽቦ ንፈልጥ፡ ንስኺ ግን ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ከይፈለጥክስ ይረኽበኒ ኢዩ ኣይትበሊ ኢለን ከዋጥራኺ ተዳልየን ጸንሓኺ፡ ኣነስ በቲ እግዚኣብሔር ዝደልዮ መገዲ ስድራይ ኣጠሚቐምኒ ኢዮም ምስ በልክየን ብስም የሱስ ኢለን ቃላት ስለ ዘይትኽእሊ ከዋርዳኺ ጀመራ፡ ኣነ ከኣ ኣብ ጎንኺ ንመን ኣጽናሕኩለን። ኑታ እምንቲ ጓለይ ቃለይ ንኽትምስክር እንዳ ተሓበነት እትጎዪ በቲ ሓቂ ቃለይ ገይራ ኣፍ ኣፈን መለሰትለን፡ ንሰን ከኣ ንሕና ንኣምን ኑቲ ንዓለም ብዲሽ ዝርአ ዘሎ ሓቀኛ ምስክር ብየሱስ እንዳ ጸለየ ኑጋንንቲ ዘውጽእ ዘሎ ንዕኡ ኢና ንኣምን በላኺ፡ ንሳ ከኣ እቲ ናይ ሳባ ኣምላኽ እቲ ሓቀኛ ኣምላኽ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ዝተወልደ ኢዩ ንህዝቢ ዝፍውስ ዘሎ፡ እቲ ካብ ቃለይ ዝወጸ ኣራዊት ባዕሉ የሕምሞም ባዕሉ ከኣ የሕውዮም ኣሎ፡ ብስም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጉልባብ ገይሩ የሕዊ ኣሎ ኢላ ተኻትዓተን፡ ንስኽን ግን ሳባ በቲ መልእኽታ ኣብቲ ብዙሕ ተኣምራት ተሳተፍታ ስለዝነበርክን ምርኣይ ምእማን ስለዝኾነ እንታይ ኲንክን ዘይኣመንክን፡
- ጎይታይ ነዛ ኣነ ዝሓተትኩኻ ቡን ኩሎም። ዋላ ንስኺ ሕተትዮ እምበር ቡን'ሲ ናይ ዛርቲ ኢያ ኢሎም ምቕባል ኣብዮማ፡ በሊ ቡን ክትጽላእ ትኽእል። ዕምባባ ጌረን ዝነጽጋ። ጥጥቖ ንቡን ጌረን ዝነጽጋ። ሰቲ። ቀይሕ ደርሆ ዘማልኣ። ቀመማት ዝገብራላ እንተኾይነን እምበር ቡን'ሲ መዘናግዒት ሕሙማት። መዕለሊት ሕዙናት ኢያ፡ ኣቐዲመ በታ ፈታዊትኪ። ቅድሚ ምሕታትኩ ብተግባር ታሪኽ ዝሰራሕኩልኪ ንኽትፈልጥያ ኢሊ እንዲየ፡

- እቲ ብዘይ ክብረት ከይተነስሐ ንስጋይ ከም ከኒና ንደመይ ድማ ከም ማይ መውረዲ ከኒና ዝወስድዎ ዘለው። ንዓይ ክሒዶም ናብቶም ክንፈልጠልኩም ኢና ዝብልዎም እንዳ ኣጋንንቲ። ኣስላም ይኹኑ ክርስትያን ምእንቲ ውላድናን ነብስናን ኢሎም ኣመኽንዮም ዝኣትው ዘለው። ነብሶም ይጥብሩ ኣለው፡ ባዕሎም እንተ ዘይከድዎም መን መምጽኦ እቲ ሕማም። እቲ ሕማም'ዶ ባዕሉ ምመጾም ነይሩ። ባዕሎም ይኸድዎም እሞ መጥዓይኹም ኢሎም መጥፊኢኦም ይህብዎም፡ ኣደ ንውላዳ ከይተፈለጣ መሕወይኡ ኢላ መሕመሚኡ ተምጽኣሉ እሞ ኣብቲ ገዛ ምስ ኣተወ ከኣ እቲ ፈውሲ ቀስ ኢሉ ይሰርሓሉ፡ ከምኡ ምኳኑ ይፍለጡ። ኢዶምን እግሮምን ይኣክቡ፡
- ሓንቲ ሰበይቲ። ንናተይ ትብላ ናብ ውሽጢ ገዝኣ ወይ ውሻጠኣ ሕለፍለይ ኢላ ምስ ኣሕለፈታ። እቲ ቤት ብጸይታ ከም ቤታ እንተ ዘይረኣየቶ'ሞ ከተጥፍኣ እንተመሃዘትላ። ከምታ ኣንጭዋ ዒመር ኢልኩም ትፍንፍንዋ። እዚኣ ከኣ ኣብ ቅድመይ ፍንፍንቲ ከም ዝኾነት ክትፈልጥ ኣለዋ፡
- ኣብ ዝኾነ ስእሊ ኣደን ወድን ተሓቛቝፎም'ዶ ትርእዩ። እወ እምበኣር እዛ እንዳ መድሃኔኣለም ካርሸሊ ጥቓ እንዳ ማርያም ዘላ ሕጂ ኣይኮንኩን ግበርዋ ኢለ። ቤተይ ቤት ክርስትያን ኢያ መግዝእቲ ከም ዝቐየራ ይፍለጡ፡ እዛ ገዛኺ'ኸ ጥቓ እንዳ ማርያም'ዶ ኣላ። እወ። ብስጋ ገይረ'ኸ እንዳ መን ምኳና ሓቢረኪ። እንዳ መድሃኔኣለም። ባዕልኺ እንተብልክዮም ስለ ዘይኣምኑኺ እንዳ መድሃኔኣለም ምኳና ብሰብ ነገርኩኺ፡ እምበኣር ኣደን ወድን ስለዘይፈላለዩ። ኢልክዮም ዘይኮነ'ስ ናይ ጥንቲ ምኳኑ ይፍለጡ፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ ኣብታ በተይ ድሮ ኣቐዲመ መዕረፊ ኣጋይሸይ ሰሪሐ ኣለኹ፡ ገባሪ ተኣምር ምኳነይን ከምዘይገድፋን ይፍለጡ፡
- ነቶም ልኡኻት ኢና ኢሎሙኹም ንስኹም ከኣ ከም ልኡኻት ትኣምንሎም ኣነ ውን ወላ ይልኣኮም እንበር ኣብ መንጎ መልኣኽቶም ጸላኢ ሰናያት ኣቲዎም ኣነ ዘይበልክዎም ክሕውሰሎም ስለዝኽእል እቶም ልእኻት ብነቢይ ከይተፈልጡ ስሞም ኣልዒሎም ኣምላኽ ክስቶ መሓረና ክይብሉ፡ ከመይ ጌሮም ድኣ ኣምላኽ ሳባ መሓረና ይብሉ ኣለው። ንስኺ ኣብዛ ዘለኽያ ዘመን ነቢይ ስለዘበልኪ እንተብሉ ኣነ ውን ይሰምየም፡ ብኸመይ ድኣ ነቢይ ኣቢለ። ብመልአኽትኽን ብእትረኽብዮ ዘለኺ ፍረ ጸጋን፡ ነቶም ነቢይ ዘየበሉ ግን ኣነን እቲ ተጻራሪ ጸላኢ ሰናይን ስለዘለና ከየረጋገጽኩም ስሙ ጸዊዕኩም ከይትልምኑ፡
- በሊ ሳባ ናይ ሰላም ሓፍትኺ እቲ ሕማም። ጋኒን ምስ ሰራዊቱ ኣብ ሕልምኺ ዝረኣኽዮ መዓስ ከም ዝሓዛ ትፈልጥ'ዶ። ንእሽቶይ ከላ ኣብቶም ጸረ ናተይ። ብኸመይ ዝሸቅጡ ዘለዉ ምስ ተመላለሰት ንዓኣ ካልኣይ ጥምቀት ተጠመቒ ምስ በልዋ። ኣነስ ኣብታ ናይ ኣቦታተይ ተወሊደ ብ80 መዓልቲ ተጠሚቐ ኢየ ምስ በለቶም። እቲ ኣትያቶ ዝነበረት ሃይማኖት ጸልዮም

ዘውረድዎ ጋኒን ክዓስሎም ከሎ። ሓንሳብ ስለ ዝዓሰላ። ኣብቲ ናቱ ከኣ ስለ ዝኣበየት እቲ ጋኒን ሽዑ ኢዩ ወቒዕዋ፡ ኣየለለኽሞን ድኣ'ምበር ክትሓዊ ከላ ንዕኦም ትጸልኦም ክትሓምም ከላ ከኣ ትፈትዎም ብቋንቋኦም ጌራ። የሱስ። ጂሰስ ኣሜን ሃሌሉያ እንዳበለት እቲ ንሶም ዝደልይዎ ቛንቋ ተማልኣሎም፡ ኣጋንንቲ ምኳኖም ከኣ ብሰላም ኳለይ ገይረ ብግብርን ብመስርሕን ይገልጸልኩም ኣለኹ፡ እዚ ኩሉ ዓመት እንዳ ተላኣኽኪ። ተደቢቑ ኢዩ ጸኒሑ፡ እቲ ሓቂ ናትኪ ንኽፍልጥ ንስኺ ክትመጺ ከለኺ ብፍቕሪ ናይ ስጋ ስለ ትፈትወኪ ኣብሊጻ ስለ ትርእየኪ ምሳይ ደቅሲ ትብለኪ። ምስኣ ክትድቅሲ ከለኺ ግን ኩሉ ግዜ እቲ መንፈስ ምስኣ ዝነበረ እቲ ናትኪ ንዕኡ ስለ ዝወግኦ ትጭነቕ፡ ሕጂ ግን ምስ ወዳእኪ የዐርዩ ተናወጸ፡ ክወጽእ ምኳኑ ስለ ዝፈለጠ ንዓኺ ሕልሚ የሕሊመ ብጽሑፍክን ብማይክን ክትሓዊ ምኳና። ንሳ እንድሕር ሓውያ ኢያ ንኹሉ ነቲ ናቱ ዝሰርሖ ንምሉእ ዓለም ክደናግሮ ስለ ዝጸንሐ። ክብለል ምኳኑ ስለ ዝፈለጠን በቶም ዘምልኽዎም ኣማልኽቲ ሰብ ገይሩ ክጽልዩላ በቲ ቋንቋኡ ንኽይትሃድም ተጓየዩ፡ ኣነ ከኣ ተጸበኽዎም፡ ሳባ ኳለይ ጽሑፍክን ማይክን ሒዝኪ እንዳ ዓለቦኺ ኪዲ፡ እቲ ጋኒን ኣብ ስለማዊት ዘሎ ኣብቲ ናይ ክብሪ ጽሑፍ ናይተይ ምስ ኣተወ። ኣይደቀሰን እሞ እዚ ጽሑፍ እንዳ ኣንበብኩም በቲ ማይ እንዳ ሓጸብኩም ጀምሩላ በልኩኺ፡ ሓደ ለይቲ ንስኽን በርሀን ምሕጻብን ምንባብን ምስ ጀመርኩም። ምሸት ክንምለስ ኢና ኢልኩም ኣኣብ ናብራኹም ምስ ከድኩም። ክሃድም ኢሉ ንዓዲ ራእሲ እንዳ ሚካኤል ውሰዱኒ በለት፡ እቶም ስድራ ከኣ በቲ ጋኒን ተታሊሎም ሒዞማ ከዱ፡ ዓዲ ራእሲ ምስ ከደት። ነብሰጾር ኢያ ቆልዓ ከይህሰ ኢሎም ኣብቲ ማይ ጨሎት ኣየሕጸብዋን፡ ማይ ሂወት እንተዘይኮይኑ ኣብቲ ዝጥለቖ ውን ኣየጥለቑዋን። ኣብ ገረብ ውን ኣይኣሰርዋን፡ እዚ ኩሉ ከማልኡላ ከም ዘይክእሉ ፈሊጡ እቲ ጋኒን ናብኡ ኣምረሐ፡ ኣብኡ ተሓጺባ። ሓውያ ኢልኩም ምስ ኣምጻእኩማ። ድሕሪ ሽውዓተ መዓልቲ ንገዛ ንእንዳ ሳባ ኳለይ ልእኽተይ ኣምራሕክዋ። እቲ ጋኒን ገዛኺ ምስ ረገጸ። እቲ ናተይ ሓያል መንፈስ ኣናወጸ። ጨደረ፡ ኣውያትን ጸርፍን ሰብ ዝጸልኦ ኩሉ ከኣ ገበረ፡ ዓቕልኹም ምስ ጸበበኩም ነብሰጾር ዘይትእሰር እንከላ ሓዲኡ ግበራ ኢልኩም እግራን ኢዳን ኣሲርኩማ፡ ኣብ ሓመድ ዝመልአ ህድሞ ሰንደኹማ፡ ነቲ ህጻን ኣይሓለኹም ንዓኣ ውን  ኣይሓለኹም ክሳብ ለኪሙዋ ይኺድ ዝብል ሓሳብ በጻሕኩም፡ ክልተ ለይትን ክልተ መዓልትን ነቲ ህጻን ንኽትቀትሎ ኢሉ እቲ ጋኒን ጸዓረ። ኣብቲ ዓንዲ ናይ ህድሞ ሓሰዮ። ተገላበጠ፡ መን ስለዘሎ ምስቲ ህጻን ክድሕን ከኣለ፡ ኩሎም እቶም ሰብኡት ዝሕልውዋ ዝነበሩ ክልተ መዓልትን ክልተ ለይትን ብኸቢድ ስለ ዝሓዞም  ዓቕሎም ስለ ዘጽበበሎም ራሕሪሐሙኺ ከዱ፡ ንሶም እኳ ስለስቲኦም ዘይከኣልዎ ምስመን ደኣ ገዲፎሙኺ ከዱ። ንሱ ከኣ በይንኺ ምኳንኪ ስለ ዝፈለጠ ምህራም ረብሪቡ ከረውረው ጀመረ፡ በሊ ሰላም ኣነ'ዶ ክቕድመኪ በልክያ፡ ካብ ምንታይ ተበጊስኪ ኢኺ ከምኡ ዝበልክያ። እቲ እኩይ ኣብ ነብሳ ዘሎ ንዓኣ ኣጨኒቑ ቅድሚኣ ንዓኺ ክሐልፍ ተዳለወ፡ ንሳ ከኣ

ሕራይ ከምኡ ተትገብሪ ጽቡቕ ነይሩ በለትኪ፡ ከምኡ እንዳበለትኪ ከላ ንስኺ ዓቕሊ ኣጽቢብኪ እንታይ በልክኒ። ነዛ ሃገር ብኽብደይ ተዋሒሰ ጠጠው ኣቢለ ይብል ኢለ ኣብ ቅድሜኻ ተናዝዝኩ፡ ኣነ ግን ሓሳዊት ኢየ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ዘይገበርኩስ ከመይ ኢለ ኢየ ንሃገር ጠጠው ኣቢለ ኣሚነ ዝዘውር ዘለኹ በልኩ፡ ንሱ ከኣ ሳባ ኣምሪርኪ እዚ ትብልስ ጠጠው ኣቢልክያ ከምዘለኽስ ኣረጋጊጽኪ እመኒ፡ ንሓደ እሱር'ሲ መን እንተ ተዋሕሶ ኢዩ ዝውጽእ በለኒ፡ ኣነ ከኣ ሊቸንሳ ዘለዎ በልክዎ፡ ንሱ ከኣ መንግስቲ ድዩ ንዕኡ ዝፈልጦ ኮይኑ በለኒ፡ ኣነ ከኣ እወ በልኩ፡ በሊ ካብ ምሉእ ሃገር ንዓኺ ስለ ዝፈልጥ ተዋሒስኪ ጠጠው ኣቢልክያ ከምዘለኺ እመኒ ኣይትጠራጠሪ። እቲ ምሕረት ኣብ ትንፋስኪ ኢዩ ዘሎ። ስለምንታይ እዚ ቃል እዚ ኣውጻእኪ። ኣብ ትንፋሰይ ድኣ ኣብ ማይ ገይረ'ዶ ክህባ ኣይቀነኹን በልኩዎ፡ በሊ ኩሉ ነብሳ ኡፍ በልላ ፍትሕኒ ከኣ ክትብለኪ ኢያ እሞ ፍትሕያ። እቲ ኡፍ ምባል ግን ምስ ቀረብኩዋ ንሳ ውን ኡፍ በልለይ ክሓዊ በለትኒ፡ እቲ መልኣኽቲ ብድምጸይ ናብ ክልቴኽን ሓደ ዓይነት ኣመሓላለፍኩ፡ እቲ ናይ ነዊሕ ዓመት ጋኒን ከኣ ብስመይ ዝኣተወ ኣነ ስለዝኾንኩ ብኣኺ ጌረ ዘጋልጸ ዘለኹ ጋኒን ብኣኺ ከም ዝወጽእ ክፈልጥዎ ኣለዎም፡ ነቶም ክኣስርዋን ክግጭብዋን ዓዲ ራእሲ ይኹን ኣብ ገዛኺ ዝደኸሙ እቲ ምሕረት ካብ ትንፋስኪ ብቀሊል ከም ዝርከብ ከእምኖም ኢለዮ ኢየ፡ ምስኦም ስለዘለኺ ከምቲ ብደገ ዘደንቐኺ ስለ ዘየደነቐኺ እቲ ምሕረተይ ደቒቕ ከም ዘይመልእ ክፈልጡ ኢለዮም ኢየ፡ እቶም ስጋ ከምዝለበስኪ ብቃላት ካብ ስጋኺ ዝወጽእ ዝመራመሩ ኣብ ቅድሚ ፍርደይ ከምዝቐርቡ ክፈልጡ ኣለዎም፡ ከምዞም ኣብቲ ናተይ ደልዲልና ኣለና ዝብሉ ንስጋ ብጾምን ጸሎትን እንዳ ኣሰነፉዋ ዝነብሩ ካብቲ ኩሉ ህዝቢ ንሶም ነዚ ናትኪ መልኣኽቲ ሰሚዖም ከነኣእሱ ከለው ብጣዕሚ ኢዩ ዝስመዓኒ፡ ኣብ ዓዲ ራእሲ ሰለማዊት ምስ ከደት ሓደ ካብቶም ኣብኡ ዝነበሩ ፈለስቲ ረኺባ፡ ተሐዊ እንተትኽውን ድኣ ናብኣ ዘይትወስድዋ በላ፡ ንዕኡን ነቶም ከምኡ ዘይኣምኑ። ዘጋንኑ ዘለው ከሓፍሩ ኢለዮም ኢየ ከኣ ብሓፍትኺ እቲ ምሕረት። እቲ ጋኒን ምውጻእ ጀመርክዎ፡ ጉዕዘኦም ኣብ ምንታይ ከም ዘሎ ክፍልጡ ኣለዎም፡

❖ በሊ ሳባ እቶም ክልተ ባሕታውያን ብሓደ መንእሰይ ጌሮም ኣብ ሓደ ቤተክርስትያን ጸውዕኺ። ሳባ ንእግዚኣብሔር ብኽመይ ትረኽብዮ። ቃል ብቃል ትዛረብዮ በሉኺ፡ ንስኺ ከኣ እወ ከም ሰብ ኮይኑ ይመጽኣኒ። እቲ ዝልእከኒ ከኣ ኣቐዲሙ ምፍጻሙ ይነግረኒ። ኣነ ከኣ ይነግር እሞ ድሕሪኡ ይፍጸም፡ በሊ ምስ እግዚኣብሔር እትራኸብስ ልዕለና እንታይ ተግባር ትገብሪ በሉኺ፡ ንስኺ'ኸ እንታይ መልሲ ሃብክዮም። ኣነ ዘይረብሕ ሰብ ኢየ ከመይ ኢሉ ኣባይ ሓዲሩ ይልእከኒ ግን ኣይፈለጥኩን። ጾም ኣይጸውም ዝኾነ ነገር ንእግዚኣብሔር ዘቐይምን ዘየቐምን ኣይፈልጥን። ከይልእከኒ ኢለ ክሃድም ዝውዕል ሰብ ኢየ፡ በሊ ሕራይ ሮቡዕን ዓርብን 'ከ ትጸሚ'ዶ በሉኒ፡ ኣነ ከኣ ኣይጸውምን ኢየ፡ ዋላ ካልእ እንተፍቀደልክስ ንስኺ ግን ጽሚ በሉኒ፡ ብድሕሪኦም ድምጽኻ መጸኒ። ሳባ ብሙጻምኪ ድየ ረኺበኪ።

ብሕርየት ኢየ ሓርየኪ ከይትጸሚ ከምታ ቀደምኪ፡ እዞም ሰባት ካብ ዝብሉኺ ክንደይ ጌሩ። ኣርባዕተ ዓመት። መዓስ'ከ ጽሓፍዮ ይብለኪ ኣለኹ። 2009 ዓ/ም፡ እቶም ህዝቢ ኣብ ርእሶም ዝወርዶም ዘሎ ዘይረኣዩስ በዚ ናትኪ ናይ ጾምኪ ክመራመሩ ምስ ኣብዝሕዎ ኢየ ጽሓፍዮ ዝብለኪ ዘለኹ፡ ንሶም ከይብሉ ኢልኪ ካብቲ ኣነ ዝብለኪ ትእዛዝ ከይትሓልፊ፡ ዝፈልጡ እንተኾይኖም ናይ ነብሶም ይፍለጡ ኣብ ገዛኺ ኣትዮም ብዛዕባ መነባብሮኽን ኣካይዳኽን ስለ ዝመራመሩ እቲ ምሕረት ናተይ ከይዕጸዎም ንዕኦም ውን ንኸይጠፍኡ ኢየ ብድሕሪት ምስ ጎረቤትኪ መንደቕ ጌረ ኣምቂለ ነቶም ህዝቢ ብድሕሪት ኣትዮም ብድሕሪት ይውጽኡ ዝበልኩኺ። እተን ዓዲ ዝኣለኽየን ነተን ኣጋይሽ ናባኪ ዝኣትዋ እቲ ማይ ሒዝክን ናባና ምጻ ስለ ዝብለኣን ዘለዋ እቲ ማየይ ሒዘንኦ ክኣትወኣን ስለዘይደሊ ክመሓራ እንተኾይነን ባዕለን ኣሚነን ክወስዳ ኣለወን እንተዘይኮይኑ መመራመሪ ክገብረኦ ስለ ዘይደሊ ሓደ ሰብ ብደገ ዝመጸ ነቲ ማይ ማይ ምሕረት ምኳኑ ዝኣመነ ንዓዲ ሒዝዎ ከይኣቱ በታ ዝፈለኽሉ መገዲ ብኣኣ መጺኡ ብኣኣ ከኣ ይውጻእ፡ ምሕረተይ ዝደሊ እንተ ኾይኑ ሕገይ ክሕሉ ሓብርዮ፡ እቲ ገድሊ ንስኺ ትሓልፍዮ ገድልኺ ድኣ'ምበር ብገድሊ ናቶም ከምተዋሃክዮ ኣይፈልጡን ኢዮም። ዘይፈልጡ ዘይኮኑ ከኣ ትሪ ልብን ሕሰምን ስለ ዘለዎም። እቲ ዝልእካ ይግበረላ ምባልን ብትዕቢት እንዳ ኸዱ ንመንገዶም የቕንንዋ ኣለዉ፡ እቲ ምሕረት ናተይ ስለዝፈልጥ እቲ ጋኒን በቶም ንዕናይ ንጸሎት እንዳ በሉ ዝወስድዋ ዝነበሩ። ካብኦም ንኸይትሃድም ነዚ እንዳ ጸሓፍክዮ ከለኺ ካብኣቶም እታ ክርዳድ ኮይናላ ዝበልኩኺ መጸትኪ፡ ክትመጽእ ከላ ኣርባዕተ ሰብ ጸናሕኩማ፡ እዚ ናይ ሓቂ ዝተፈጸመ ጽሑፍ እንዳ ጽሓፍኪ ከለኺ ኣብ ነብሳ እንታይ ምልክት ሒዛ መጸትኪ። ንፋስን ደሮናን ኣዝዩ ዝበርትዐ ኣሰንይዋ መጸ። ክሳብ ትኸይድ ከኣ ኣናወጸና፡ ምልክቱ ርኣይዮ ነዚ ብስመይ ኣምሲሎም ኣብ ነብሳ ዘስረጹላ። ንኸይትወጽእ ከኣ ብዓቕሞም ጸዓሩላ፡

❖ እዛ ኣብ ክሳድኪ ዘላ መስቀል መዓስ ኣሰርክያ። ምስ ሰብ ምስ ቀረብኩ። ተድሊ ምኻና ስለ ዝሓበሩኒ ንደቀይን ንነብሰይን ገበርኩ፡ ትእምርቲ መስቀል በስም ኣብ ኢልኪ ብገጽኪ ትጅምሪ ወወልዲ ኢልኪ ከኣ ኣብ ኣፍ ልብኺ ትወርዲ። ወመንፈስ ቅዱስ ኢልኪ ድማ ናብ የማን ትኸዲ። ኣሃዱ ኣምላክ ኢልኪ ከኣ ንጸጋም ትኸዲ። ኣሜን ኢልኪ ከኣ ኣብ ኣፍኪ ትሕዚ፡ ንስኺ ሕጂ መልአኽትኺ ምስ ወዳእኪ ኢኺ ፈሊጥኪያ። እቶም ብቃለይ ዝመራመሩ ግን ከምዛ ናትኪ ጌሮም ኣይፍጽምዋን ኢዮም፡ ኣሜን ኢልኪ ኣብ ኣፍኪ ክትውድኢ ከለኺ ኣብታ ማእከል ንኹለን እተዋፍር ትኣትዊ ኣለኺ። ዘይትፈልጥዮ ከለኽስ ልዕሊ ኩሎም ትፈልጢ ምኳንኪ ክፈልጡ ኣለዎም፡ ጉይይ ዝወዓለ'ዶ ይሓይሽ ክሳድ ዝሓዘ። መን ከም ዝዕወት ይፈልጡ ኢዮም። እዚ መልአኽቲ ናትኪ ከኣ እቲ ክሳድ ምኳኑ ክፈልትዎ ኣለዎም፡

- ኣነ ምሁር ኢየ ኢሉ ኣብቲ እንዳ ማርያም ኣስመራ ኮይኑ። ነዚ ናትኪ ዘይኣምን ከሎ ከም ዝኣምን ኮይኑ ዝቐርቦ። ነቶም ንዓኺ ክኸተሉ ዝደልዩ እንታይ በሎም። ንእንዳ ሳባ ከይድኩም ንሳ እንተ ዘይጸኒሓትኩም ሕማቕ'ዶ ይስመዓኩም በሎም፣ እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ከኣ እወ በልዎ፣ እሞ ውድቀት ከይተምጽኡ ናብኡ ኬድኩም እንድሕር ትስእንዋ ኰንኩም ኣይትኺዱ በሎም፣ መንፈሳዊ ቅንኣት ስለዘለዎ እዚኣ ዘይትረብሕሲ ልዕሌና ኮይና ብምባል ኢዩ ንዝተፈላለየ ሰብ ብዝርደኦ መገዲ ባዕሉ ብዘምጽኦ ምርምር ነቲ ሰብ ከምዘይፍለጡ ጌሮም የርሕቕዎ፣ ሳባ እንተ ዘየለኺ ኣነ ከም ዘለኹ ክፈልጡ ኣለዎም። ንዓይ ደልዮም ድኣ እምበር ንዓኺ ደልዮም ከይመጹ፣ እቲ ምሕረት ብመገድኺ እንተ ኾነ። ናተይ ድኣ'ምበር ናትኪ ከምዘይኮነ ክፈልጡ ኣለዎም፣ እቲ ስጋ ድኹም ኢዩ እቲ መንፈስ ግን ኣይሕለልን ኢዩ፣ ንሱ ከኣ ስሙን ምልክቱን ፈሊኺ ጽሓፍዮ ጸሊም ዳቢስታ ዝገብር መብራህቱ ዝብሃል ኢዩ፣
- ጎይታይ ኢሳያስ'ከ ካብ መዓስ ኢዩ ነቢይ ኮይኑ። ኣብ ከርሲ ኣዲኡ ከሎ ኢዩ ነቢይ ኮይኑ ተወሊዱ፣ ከምኡ ስለዝኾነ ሃይማኖትን ዓሌትን ከይፈለየ ኣብ በረኻ ከሎ ጽንዓትን ሓቅን ፍቕርን ኣሰንዩ እኳ ድኣ ኣምላኽ የለን እንዳ በለ ኣብ ዝብጻሕ ኣብጺሕዎም እንተኾነ ግን ህላውነተይ ዘይፈልጥን ዘይኣምንን ኣይኮነን። ነቲ ዕላማ ክጥዕመሉ ኢሉ ምኽኑ ስለ ዝፈለጥክዎ ኣነ ከኣ ዓወት የሕፈሰ ዓዱ ኣረከብክዎ፣
- ናተይ ከኣ እዚ ፍጡራት ኣህዛብ ዘምጽእዎ ምፍልላይ ሃይማኖትን ዓሌትን ዝጥቕለል ዘሎ ኣብዚ ናትኪ ኢዩ ዝግለጽ ዘሎ ግን እዚ ዘልኹዎ ዘበን እቲ ቀደም ዝተነበኹዎ ትንቢት ኢዩ ዝፍጸም ዘሎ፣ እዛ ምንጻፍ ኣብ ትርኣስ ዓራትኪ ዘላ እንታይ ምልክት ኣልዋ። ኣባጊዕ ሒዝካ እንዳ ጓሰኻ ተሳኢልካ ኣለኻ፣ እተን ኣባጊዕ ዝጓስየን ዘለኹ በዚ ናትኪ ሕጊ ተኣዚዙ ዝኸደ ከምተን ኣባጊዕ ዝጓስየን ዘለኹ ንሶም ከኣ ድሕነት ከም ዘለዎም ክፈልጡ ኣለዎም። ኣባጊዕ ብየማን ኣጣል ብጸጋም ተበጺሑ ዘሎ ኣብዚ ዘመን እዚ ኢዩ፣
- ሳባ ኣንቲ ርህርህቲ ጓለይ ነቲ ጽቡቕ ክትገብሪ ኢልኪ 8 ዓመት ዘቐመጥክዮ ሰብኣይ። ሰብ ክምሓር ኢሉ ገዛኺ ምስ መጸ። ንስኺ ከይተረድኣኪ ከቢድ ቅንኢ ኣሕደረ፣ ኣነ ከኣ ሳባ ጓለይ። እዚ ኣብ ገዛኺ ዘሎ ሰብኣይ ስጎጕዮ በልኩኺ፣ ንስኺ ግን እንታይ በዲሉኒ ብምባል ኣይሰጎግክዮን፣ በሊ መዓስ ድኣ ጠለመኪ። ኣብቲ ሰለማዊት ሓፍተይ ከቢድ ሕማም ምስ ሓመመት። ኢዳን እግራን ምስ ተኣሰረት ንኣውያት ሓፍታ መን ክሰምዓ ኢዩ ዝብሃል ኣተሓሳስባ ሒዞም ካብቲ ዝበልካዮም ኣይሓለፉን፣ እሞ ክልተ መዓልቲ'ዶ ይነውሓ ሸሞንተ ዓመት። ንዕኡ ከእምን ኢየ ከኣ ገዛ ክደሊ ምስ ከደ ከኣ ብሓንቲ ንግሆን ብሓንቲ ሰዓትን ብትንፋስኪ ምሓርኩዋ። እቲ ምሕረት ከኣ ርኢዎ ከደ። ቅንኢ ሱር ሓጢኣት ምኽና ይፍለጥዋ፣ ቀኒኡ እምበር እንታይ በዲልክዮ፣

❖ እቲ ሓመድ ናይ ባስካ ክጉሕፍዎ ምስ ሓሰቡ ካባይ  እንታይ ድምጺ ሰማዕኪ። ጸበል ኢዩ እሞ ኣይተርሕቐዮ በልኩኺ፡ ቀትሪ'ኸ እቶም ዝኹዕቱ እንታይ ጨንዩና በሉኺ። እቲ ብኣይ ዘይኣምንን ዘይፈልጥን መንእሰይ ወዲ። ሳባ ኣብዚ ንፍሕሮ ዘለና ጉድጓድ። ዕጣን ናይ ቤተክርስትያን ይጨኑ ኣሎ በለኒ፡ እቲ  ብኣይ ዝኣምን ምስኡ ዝነበረ ግን። ኣነ ድኣ ንበይነይ ጥራይ ከይከውን ንሱ ይዛረብ ኢለ እንድየ ኣስቂጠ ጸኒሐ በለ፡ እቲ መቓብር ህጻን ከም ዝተባረኸ ክምስክር ኢለዮ ኢየ ዕጣን ዘህገገሉ ዘይብሉ ከም ቤተክርስትያን ዘጭነኽዎ፡ እቲ መስርሕ ናተይ ክርእይዎን ክግረሙን ኢለ። ክልተ ሰባት ክሰርሕዎ ዘይክእሉ ተኣምር ሰራሕክሎም፡ እወ ጎይታይ ኣሳልጦ ናይቲ ዝኹዕትዎ ዘለው ባስካ። ናይ ምሕረት ስለዝኾነ ተኣምር ክስራሕ ንርእዮ ኣለና፡

❖ ጎይታይ ክሓተካ እዚ ካብ ባሕሪ ዝወጸ። ኣነ የሱስ ኢየ ኢሉ ዘስሕት ዘሎስ ካብ ዝትስእ ክንደይ ዓመት ገይሩ፧ ልዕሊ 100 ዓመት ኣለዎ። ሓንቲ ዓመት ናይ ደቂ ሰብ ኣብ ቅድመይ ከም ሓንቲ ደቂቅ ምዃና ፍለጥዮ፡ እቲ ናቱ እንዳ ተፈልጠን ግዝይኡ እንዳ ኣኸለን ስለ ዝኸይድ ዘሎ። እቲ ተጎልቢብዎ ዝነበረ ሓቂ ክወጽእ ምስ ጀመረ ዓቕሉ ስለ ዝጸበቦ ምስጢሩ ተጋህደ። ኣብቲ ጸርፊ ናተይን ናይ ኣደይን መላኸተይን ቅዱሳነይን ከኣ ኣተወ፡

❖ ነቶም ክብድሉኺ ዝውዕሉ። ዋላ ይበድሉኒ እምበር ንሶም ይብልዕዎ ስለ ትብሊ። ኣቐዲመ እንታይ በልኩኺ፧ ንሶም ኣይኩዕትዋን ኢዮም ኢልካኒ። ንስኺ ግን ስለ ትፈርሕዮም ስጋ ውን ስለ ዘለኩም ንሶም ይብልዕዎ ምበልኪ ነይርኪ። ንዓኺ ዕረ ምልካይ ስለ ዘይጸግቡልኪ ግን ቅድሚ እቲ ጉድጓድ ምጅማሩ። ጸርፊ ኣዝነቡልኪ። ንስኺ ከኣ ካብኡ ንደሓር ጨኪንኪ ገጥ በልኪ። ኣብቲ ኣነ ዝደለኽዎ ከኣ ኣተኺ። ግን ዋላ ብኣፍኪ በዲሎምኒ በሊ እምበር ክብድኽስ ለዋህ ኢያ፡  ኣነ ከኣ ለውሃት ናይ ክብዲ እምበር ጥዑም እንዳ ተዛረበ ንሰብ ዝብድል እዚ ናተይ ከምዘይኮነ ክፈልጡዎ ኣለዎም፡

❖ ንግደይ ከኣ ነብያት ከይኮነት 'ከላ ካብቶም ዝስዕብዋ ዝነበሩ ሰባት ፈልዩ ከም ሃዋርያት ህያው ገይሩ ኣርኣየ፡ ጎይታይ ህያው ማለት እንታይ ማለት ኢዩ:: ህያው ማለት ሞይቶም ዝትስኡ። ኣብቲ ናተይ ምጽኣት ዝጽንበሩ ኢዮም፡ እሞ እዚ ድኣ ንዓይ ካብ ትብለንስ ነታ ጓል ጓላ ትንበ ዘላ ዘይትብላ። ትንቢተይ ኣብ ግደይ ዓጽየ ኢየ፡ እሞ ንዓይ ድኣ ንጓለይ ኣብቶም ንዓኣ ዝኣምኑ ስለ ዘእተኻያ ብናይ ስጋ ከቢድ ጸገም ተውርደለይ ኣለኻ፡ ሳባ ዝመጽእ ፈሊጠ ኢየ ዝሰርሖ። ይእመንዋ እምበር እቲ እኩይ ኩሉ ግዜ ከስሕት ስለ ዝፈታተን ከምቲ ንዓኺ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክጥፈኣኪ ሓሲቡ ካብ ሰላማዊት ሓፍትኺ ፍርዲ ዝሃበኪ ከምኡ ከኣ ንዓኣ ምስ መልእኽተይ ኣወሃሂዱ ኣርኣያን ሓበራን። ኣብቲ ኣነ ዘወሃሃድክዎ ናይ ጓልኪ ቃል ኪዳን ዝኣቱ ከኣ ወይልኡ። እቲ ሓቂ ብሓቂ ክሓልፍ ስለዝደልዮ ዝዕገት እንተዝኸውን'ሲ ኣብቲ ናይ ሰብኣይኪ የሕሊፍኪ ትህብዮ ዘለኺ። ኣብኡ ምስ ዓገትክዮ። እዚ

ግን ንሶም ውን ክሓስቡ ነይርዎም። ወላ ንዓኣ ድኣ ይስዓብዋ እምበር በየናይ ሰማእትነትን ገድልን ምስ ሓለፉ ኢዮም ህያዋን ዝኾኑ። እቶም ንዓይ ዝስዕቡ ብገድልን ብሰማእትነትን ኢዮም ዝሓልፉ፡ እዞም ኣብ ጽሑፍኪ ብዝተፈላለየ መገዲ ዝኣትው ዘለው ህያዋን ኮይኖም ክሓልፉ ኣይኮኑን፡ እታ መግዲ ጽድቅስ ብግብርዎም ድኣ'ምበር ኣብ ጽሑፍኪ ብምስፋሮም ምሳኺ ክኣትው ከምዘይክእሉ ክፈልጡ ኣለዎም፡

- ናይ ነብያት ሰዓብቲ ጽንዓት ኣለዎም። ናትኪ ግን ካብቶም ቀዳሞት ኩሉ ዝረኣዩ እቶም ዳሕረዎት ይበልጹ፡ እዚኣቶም ኣነ መዚነ ዝነጸልክዎም ኢዮም ብእኦም ክይትሓስቢ። ክትጸንፅን ክትተብፅን ኣለኪ፡ ካብቶም ንዓይ ዝስዕቡኒ ዝነበሩኒ ኣብ መወዳእታ ክጠልሙኒ ከለው'ዶ ርኢኽዮም። እወ፡ በሊ ንዓኪ ከኣ ብመገድኺ ብዙሕ ጌረሎም ከለኹ ንኹሉ እንዳ ኣመኑ ክኽሕዱኺ ምኳኖም ፍለጥዮም፡
- ሳባ ጓለይ ውርደትኪ ሎሚ መዓስ ኮይኑ። ቅድሚ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ኣትሒዞም ምስ ሓመይኹን ምስ ጠርጠሩኽን ኢዮም፡ እታ ሓቂ ብሓቂ ስለ ትነብር ግን ዋላ ሓንቲ ክረኽቡልኪ ኣይከኣሉን፡ ከዘኻኽረኪ

2. ነፋሪት ወያነ ምስ ደብደበት። እቲ ንስኺ ኣቐዲምኪ ዝሓለምክዮ ሕልሚ። እተን ንኹፍእኪ ጥራይ ዝምነያ። ዝነድቁ ኣጋይሽ ኣለውዋ እሞ ነትሕዛ ኢለን ኣንስቲ መንእሰያት ሒዘን መጻኺ፡ ንስኺ ከኣ ብስንባደ። እንታይ ኲንክን ድኣ በልክየን፡ ንሰን ከኣ ሓንጎለን ክፉእ ስለ ዝመልአ ከምኡ እንዳበላ ከለዋ እቶም ኣብ ገዛኺ ክነድቁ ዝጸንሑ ነዳቆ ቅልቅል በሉ፡ ዝፈልጥወንን ምስኣን ዝቕመጡ ነበርቲ ምስ ኮኑ ሓፊረን ከዳ። ንዓኺ ግን ኣይተረድኣክን። ከምዚ ኣብ ኩሉ ከምኡ ዝገብራ ዘለዋ መሰሉኪ፡
3. እንደገና እቲ ሰይጣናዊ ቅንኢ ቀጸለ። ሓዋ ነዴኺ ዝመቶሉ ግዜ መታሓዝንቲ ስኢንኪ ናብ ኣስመራ ኣብቲ ሓዘን ምስ ከድኪ ኣብ ገዛኺ ዝቕመጥ ዝነበረ መንእሰይ። ኢጋጣሚ ፈተሽቲ ምስ መጹ ብሕማቕ ስም ብምጽላም በቶም ወተሃደራት ኣጨፍጨፈኦ፡ እዚ ከኣ ቅንኢ ድኣ'ምበር ዝበደልክየንን ዝወዳእክለንን የብልክን። ምስ ወረቐቱ ከሎ ከም ሓደ ሽፍታ ጌረን ዘኽትከትኦ፡ እቶም ወተሃደራት ንፅኡ ከትኪቶም ካብ ገዛ ስለ ዘውጽእዎ ዓዲ ምልእቲ ስምኪ ቀየርዋ፡
4. እቲ መልኣኽተይ ከተብጽሒ ኢልኪ ትጽዕር ቀኒኺ ምስ መጻእኪ። ሰሙን ሓዊኺ ንኽትሓርሲ ኢልኪ ኮፍ በልኪ። እቲ ቆልዓ ካብ ማህጸንኪ ደፊኡ እንዳ ወጸ ከሎ። እታ ተሐርስ ሰበይቲ ኣጋይሽ መጺኣናኒ ኢላ ራሕሪሓትኪ ከደት፡ እተን ከሕርሳ ዘይክእላ ክልተ ኣንስቲ ዓቕለን ኣጽቢበን እንታይ ገበራ። ንማእከል ዓዲ ኣትየን ንሓንቲ ተኻራይት ጸውዓለይ ንሳ ከኣ ኣገላገለትኒ፡ እሞ ጎይታይ ብሰንኪ ተሕርሰኒ ድዩ እቲ ውላደይ ተጎዲኡ። ኣይኮነን ንሱስ ታሪኽ ሰሪሑ ንዓለም ምሕረት ክህብ ኢዩ ተፈጢሩ፡

1. እምበኣር ካብ ኣዘከርካንስ ጠኒሰ ይኹን ሓሪሰ ናይ ጸበል ስልጣንያ ነተን ካማይ ነብሰጸራት ይኹና ሓራሳት እንዳ መጸን ከሎ ንዓይ ንበይነይ ይፈልያኒ፡ ኣነ ከኣ ትጽዕር እንዳቐነኹስ እንታይ ኰይነን ዝፈልያኒ ኢለ ክበኪ ይውዕል ነይረ፡ እተን ጸበል ዝመጸን። ጎረባብተይ ስለ ዝኾና ቀኒአ ሓማውቲ ስለ ዘለውአን'ዶ ይኸውን ኢለ ክነብዕ ይውዕል ነይረ፡

2. በል ጎይታይ ካብ ኣዘከርካንስ። ስመይ ምጽላም ማዕረ ክንደይ ኢዩ ጥዒሙወን ነይሩ። ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ጥንሲ ከለኒ ኪዳነ ዝበደልክዎ ዘይብለይ ብኣኣተን ተመሊኡ ሃንደበት ኮፍ ኢለ ከለኹ ብርእሰይ ኣድኒኑ ኣፍንጫይ ሃረመኒ እሞ ደም መዕገቲ ተሳኢንዎ ካብቲ ዓዲ ብዘይመሰነይታ ሆስፒታል ሓሊበት ምስ በጻሕኩ። በረድ ጌሮም ግን እቲ ደም ምኽልካል ኣብዩዎም ጅማት ተበቲኹ ኢሎም ክሰፍዩኒ ወርሒ ካብ ደቀይ ተፈልየ። ባዕለይ እንተ መጸእኩ ኣብ ገዛ እንታይ ዝብል ወረ ጸኒሑኒ። ንኺዳነ መንበር ጌሩ ሃሪማቶ። እዚ ከኣ ምእንቲ ከይብጻሕ እዚ ምህዞ ተማህዘኒ፡ ነብሰጾር ክትህረም ድያ ወይስ ክትሃርም! ናተይ መከራ ዘሕለፍክዎ ንፈራዳይ ይጭነቆ። ስለምንታይ'ሲ ጸብጺበ ክውደኦ ስለዘይክእል፡ እዚ ሽግር እዚ ከኣ ኣብ ናይ ሜላት ነብሰጾር ከለኹ ስለ ዘጋጠመኒ ቁስለይ ከይሓወየ ሓይለይ ከይተመልሰ ከሎ ውጺ ዝብል ድምጺ ከኣ መጸ፡ በል ጎይታይ ዝሓለፍክዮ ኩሉ ጸሓፍዮ ስለዝበልካንስ ካብቲ ክሓልፎ ከለኹ ክጽሕፎ ከለኹ መሪሩኒ፡16/07/2001

እዚ ከኣ ቅድሚ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ቀጸልኡ፡ ነዚ ኩሉ ግን ካብኦም ከይትፍለዪ ኢለ ካብኣቶም ንኸይትሰምዕዮ ሰዊረልኪ ጸናሕኩ፡ ኣብቲ መወዳእታ ክብርኺ ግን እንታይ ምክልት ከርእየኪ ኢለኪ ነይረ። "ኩሉ ክገሃደልኪ ኢዩ ኣዝዮም ከሕስሩኺ ንኽሪኡኺ እኳ ክፍንፉንኺ ኢዮም፡" እወ ጎይታይ ካብቲ ዝበልካዮ ቃል ኣይሓለፈን። ንኽሪኣኒ ጸልኣኒ። ንብረተን ከይሕዘለን ፈንፊናኒ። እቲ ዝኸብረሉ ስዓትን መዓትን ከምዝኣኽለ ፈለጥኩ፡ ሓደ ኣብ መንግስቲ ዝፍለጥ። መዓርግ ክወስድ ከሎ ስሙ እንዳ ጠዓመን መዓርግ እንዳ ወሰኸን ዲዩ ኣብ ዘለዓለ ዝበጽሕ። እወ፡ እምበኣር ናተይ መዓርግ ከኣ ብሰብክን ብዓድኽን። ውርደትን መከራን ኣለኪ። በቶም ዘይፈልጡኺ ግን ክብረትን መዓርግን ትረኽቢ። ንሶም ከኣ ካባኺ ዝዓበየ ናይ ሂወት ድሕነትን ናይ ስጋ ምሕረትን ይረኽቡ ፡ ነተን ከምኡ ዝገበራኺ። እቲ በትሪ ኣብ ነብሰን ኣውረድኩለን እቲ ስም ምጽላም ከኣ ንውሉድ ወለዶ ኣጥበኩለን። ፈዳይ ሕነ ምኳነይ ይፍለጡኒ፡

❖ በሊ ሳባ እታ ማይ ንምሕረት ኢልኪ ትህብዮም ዘለኺ ኣበየናይ ቦታ ተቐምጥየ::ኣብቲ መብልዕ ማለይ፡ እምበኣር ዓቢ ምስጢር ከም ዘለዎ ክፈልጥዎ ኣለዎም። ኣነ ኣብ መብልዕ ማል ስለ ዝተወለድኩ ንስኺ ብዘይትፈልጥዮ ምስጢር ከኣ እታ ማይ ካብቲ

መብልዕ ማል ሃብኪ። ካብኡ ከኣ ናብቲ ባስካ መቓብር እቲ ህጻን ሰገርኪ፡ እታ ባስካ ናይቲ ህጻን ባዕለይ ዝመረጽክዋ ብዙሕ ተኣምርን መገድን ኣለዋ፡ ቅድም ብወርሒ ምሉእ ክትትኮዓት ዝግበኣ እታ ናይ ወርሒ ኣብ ኣርባዕተ መዓልቲ ጠቕለልክወን። ኣብ ናይ ስለስተ ሰዓት ትኸውን። ማይ እንዳ ኣስተኻ እትትኮዓት ከኣ ኣትረፍክዋ፡ ንሳ ምስ ተረፈት እቲ ዝኸዕት እታ ሓጺን እንዳ ተሰብረት ኣትከኸቶ፡ ኣነ ከኣ ንዕኡ ሕልሚ የሕለምክዎ፡ እወ ጎይታይ ምስ ኣበየቶስ ዓቢ ጭንቀት የሕደረ፡ ከምዚ ክንጎዮን ክንሰልጦን ዝጸናሕና ምሉእ ዘይገበረልና ኢሉ ጎሃየ፡ እቲ ክልኣዩ ግን ገዛይ ምኺኑ ምስ ፈለጣ ከይትኸይድ ስለዝተባህለ እቲ ሓደ ንበይኑ ብምትራፉ ብኹሉ ጸበቦ፡ ድሓር ንሱ ሕልሚ ሓሊመ በለኒ። ኣብታ ጉድጓድ ኣትየ እንዳ ተጨነቕኩ ከለኹ እታ ዝኣበየትኒ ቦታ ብየማናን ብጸጋማን ዓቢ ነቓዕ ተራእየኒ። ኣነ ከኣ ኣንታ ጎይታይ ኣነ ተጠራጣሪ ኰይነ እምበር ንስኻስ ኣይትቐብጸንን ኢኻ ኢለ ኣብቲ ውሽጢ ጉድጓድ ኮይነ ንምብራቕ ገጸይ ይሰግድ እሞ ሓደ ጻዕዳ ክዳን ዝተኸድነ መንእሰይ ኣብቲ መቓብር ናቲ ህጻን ዝዕዘበኒ ኮይኑ ይስመዓኒ፡ ብጋህዲ ከኣ እታ ዝተረፈት ብማይ እትትኮዓት ንኪዳነ የእሚኑ ካብ ሰማይ ዝናብ ኣዝኒቡ ኣተርካሳ እሞ ብቐሊሉ ከኣ ተኺዕተት፡

- ❖ ንዓኺ ፈስቶና ከይትሕዝልና ምስ በላኺ መገልበጢ ስኢንኪ። ፈስቶ ካብ ከልኣንስ ጥራዩ ባስካ ኣብ ጎረቤተይ ይሃሉ እምበር ኣይህቡንን ኢዮም ኢልኪ ተስፋ ቆረጽኪ። ቀላሚጦስኪ ውን ማይ ዝሓዝኪ ዘይብልኪ ምስ ኮስኮስክዮን ኣኽዓትክዮን ንፋስ ኣትይዎ ክሓርር ጀመረ፡ እዚ ኩሉ ምስ ወረደኪ ናባይ ጠመትኪ። ኣነ ከኣ ነዚ ዝወረደኪ ጸገም ብሓንሳብ ፋታሕኩልኪ። ማየይ ኣዝኒበ ወያ ተስፋ ዘይነበረታ ጉድጓድ ብስለስተ መዓልቲ እሞ ዘዝመጹ እንዳ ሓገዙ። እታ ናይ ስለስተ ሰዓት ንሰለስተ መዓልቲ ኮነት፡ እቲ ምሕረት ዝደሊ ብእግሪ ይምጻእ ዝበልኩኺ ከኣ ክመጽእ ከሎ እታ ናይ ስለስተ ሰዓት ንሰለስተ መዓልቲ ዝገበርክዋ እቲ ምሕረተይ ብገድሊ ከም ዝርከብ ክፈልጡ ኢለዮም ኢየ፡ ገዛኺ ረጊጾም ክኸዱ ከለው ከኣ ከምታ ናይ ወርሒ ምዅዓት ብኣርባዕተ መዓልቲ ዝገበርክዋ ምሕረት ዘለዎ ማየይ ሒዞም ክምለሱ ከለው እቲ ክጋደልሉ ዝጸንሑ መገዲ ከም መጽዓን ይጥቕልለሎም። እዚ ምኺኑ ክፈልጡ ኣለዎም፡
- ❖ ሰብ ሞይቱ ኢሎም ምስ የእወዩ ህዝቢ'ዶ ይእከብ። እወ፡ እቲ ህዝቢ ምስ ተኣከበ'ኸ ነሓድሕዱ'ዶ ይዛራረብ። እወ፡ እታ ዘእወየት ስጋ ኣብ ቅድሚ እቶም ህዝቢ ዋጋ የብላን፡ እምበኣር እቶም ምሳኺ ስዒቦም ንህዝቢ ምስ ረኣዩ ቅንኢ ሓዲርዎም ኣይትንገር እምበር ክነግረካ እንዳ በሉ ስምኪ ዘኽፍኡ ዘለው። ከምታ ኣብ ገምገም ዝጸንሐት እምኒ ትጸድፍ ጸዲፎም ከም ዝተርፉ ክፈልጡ ኣለዎም፡ ነዚ ከም ዝመጽእ ፈሊጠ ኢየ ከኣ ዘይጠፍእ ብርሃን በቶም ህዝቢ ነናቶም ምስክርነት ዝገበርኩልኪ፡

- ሳባ ጓለይ እዞም ኣብ ጽሑፍኪ ብዝተፈላለየ መገዲ ኣስፈርክዮም ዘለኺስ ቤት ሰብኪ ድዮም ምእንቲ ክስየሙልኪ (ክጽውዑልኪ)። ወይ'ሲ ጓኖት ኢዮም ሓለፍቲ መገዲ፧ እወ ጎይታይ በቲ ንስኻ ዝገበርካሎም ተኣምር ነሓድሕዶም ተነጋጊሮም ኢዮም ኣብ ገዛይ ዝመጹ። ቀዳማይ መዓልቲ ገዛይ ረጊጾም ምስ ከዱ ተኣምር ምስ ሰራሕካሎም ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ክምስክሩ ይመጹ ፡ ኣነ ከኣ ብዘይካ ነቶም ባዕልኻ ታሪኾም ጸሓፍዮም ዝበልካኒ እንተ ዘይኮይኑ ብዙሓት ስለ ዝኾኑ ከማን ገጾም ኣየላልዮምን ኢየ፡ እሞ ሳባ ጓለይ እንድሕር ዘትፈልጥዮም ድኣ ንመን ደንጊጾም ምስክር ክህቡ መጺኦም፧ ነብሶም ስለ ዝተማሕሩ ከምቲ ቃልካ ዝብሎ እቲ ሕማም ከይምለሶም ኢሎም ክምስክሩ መጺኦም፡
- በሊ ሳባ መልእኽቲ እንተዘየብጺሕኪ ነብስኺ ከመይ ይገብረኪ:: ዓቕለይ ይጸበኒ ጭንቀት ይገብረለይ ዘልዕሎን ዘንብሮን ይጠፍኣኒ። ውጺ ክብል ድቃስ ይኸልኣኒ። መልእኽተይ ምስ ኣብጻሕኩ ግን ዘፍ ኢለ ይድቅስ፡ እምበኣርከስ ናተይ መልእኽቲ ጥራይ ኣይኮነን ከምኡ ዝገብር ጸላኢ ሰናያት ዝሓዞ ሰብ ውን ነቲ መልእኽተይ ኣምሲሉ ስለዘደናግር እቲ ህዝቢ ከለልይዎ ኣለዎም፡ ኣብቲ ቃለይ ዝኸብረሉ ቦታ እቶም ካህናት ነቲ ጥዑም ቃለይ ከስተምህሩ ከለው። እቲ ህዝቢ ክርስትያን ጽን ኢሉ ንኸይሰምዕ ጸላኢ ሰናያት ዝተፈላለዩ ልኡኻት ብደገ እንዳ ሰደደ ከም ዝብጽብጽ ከለልይዎ ኣለዎም፡
- እታ ኣብ ትሕቲ ሰብ ተገዚኣ እትነብር ሰብ። ነዚ ኣታኽልተይ በቲ ካብ ሳባ ዘምጻእክዎ ማይ እንተ ነጸግክሉ እምነት ግዲ ኮይኑ። ማይ ኣስትየዮ ዘይለምዕን ዘይጥጥዕን ዝነበረ ጠጥዓለይ። እቲ ከልቢ ውን ነቲ ተኽሊ እንዳ ፈሓረ የበላሽዎ ስለዝነበረ። ኣንታ ኣምላኽ ሳባ ነዚ ከልቢ እሰረለይ ምስ በልክዎ ኣይኮነን'ዶ ክጽሕትረለይ'ሲ ተመሊሱ ዋርድያ ድኣ ኮነለይ። ኢላ ምስ መስከረት ኣቲ ህዝቢ ሃለውለው ትብል ዘላ ኮይኑ ተሰምዖ። ግን ካብታ ስራሕ እንተ ወጺኣስ ንዓኣ ዓቢ ጉድኣት ምኻኑ ክፈልጥዎ ኣለዎም፡
- ብሕዳር 2008 ሕልሚ ሓልመኩ። ገዛይ ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ካንሸሎ ቑርዲድ ይመልእዎ'ሞ ኣነ ከኣ ኣብ ማእከሎም ኣብ ጸላም እምኒ ኮፍ ኢለ ከለኹስ ዘይነኽሱኒ። ሽዑ ምስ ተበራበርኩ ፍትሑለይ ክብል ካብ ንግሆ ክሳብ ቅርቂ መዓልቲ ክድብስ ኢለ ትሑዝተይ ሒዘ ኣብ ኣርባዕተ እንዳ ሓዘን ከድኩ፡ እንተኾነ ኣብተን ኣርባዕተ እንዳ ሓዘን ዝበጻሕክወን ኣረገውቲ ኣንስቲ ረኺበ እኳ እንተ ነበርኩ ዝፈትሓለይ ግን ኣይረኸብኩን፡ ድሕሪኡ እታ ምራኸይ ንግሆ ከውፍራ ከለኹ ዋላ ሓንቲ ቁርዲድ ዘይነበራ ሰዓት ክልተ ምስ መጸት ግን ልዕሊ 5000 ሽሕ ዝኾኑ ቁርዲድ ተሰኪማ መጸትኒ፡ ኣነ ከኣ ናብቶም ፍትሑለይ ዝበልክዎም ሰባት ኣብ መንጎ ምልስ ኢለ። ንዑ በሉ ሕልመይ ተፈቲሑ በልክዎም፡ ዓይኖም ምስ ረኣዩ ከኣ ብስንባደ እንታይ ዓይነት

ሕልሚ ኢዩ ዘይረባኺ ከይወዳእኪ ተጋሂዱ በሉኒ፡ በሊ ሳባ ኳለይ ካብኡ ንደሓር ሰብ ናባኺ እንዳ መጸ። እቲ ዓዲ ከኣ ቅንኢ እንዳሕደረ’ዶ ከይዱ። በሊ እቶም ቁርዲድ ኣብ ካንሸለኺ ምምለኦም። በቶም ዓዲ ይኹን ቤተሰብኪ ልክዕ ከምኦም ከይኖም ከምዝበልዑኺ ኢየ ኣርእየኪ። ኣብ ነብስኺ ዘይምልጋቦም ከኣ ከረኻኽቡልኪ ከም ዘይክእሉ ሓበርኩኺ፡ እቶም ቁርዲድ እንታይ ምስ ገበርክሎም ረጊፎም። ብትንፋሰይን ብትንፋስ ናይ ሜሮንን ሜላትን ጌርና ነቲ ማይ ምስ ለኸናያ እንዳ ረገፉ ኣብ ሽዱሽተ መዓልቲ ጸረዩ፡

- በሊ ሳባ በጊዕ ተረፍ ተኹላ እንተ ለሓሰት እንታይ ትኸውን፧ በጊዕ፡ እወ ሳባ ኳለይ እታ በጊዕ በጊዕ እንድያ ውሽጣ ግን ተኹላ ኢያ፡ እዚ ከኣ እቶም ኣባጊዕ ኮይኖም ንበለጽ ኢሎም። ነቲ ዝልእከኪ ኣምላኽ ግበረልና በልዮ እንዳ በሉ ውሽጦም ተኲሉ ዝኾኑ ጥዑም ናይ ነብሶም እምበር ንስኺ ትሓልፍዮ ዘይርእዩ። እዚኦም ቀልጢፎም ኢዮም ካባኺ ዝርሕቁ፡ እቶም ብሓቂ ንዓይ ዝኣምኑ መገደይ ዝፈልጡ ግን ኣይፍለዩን ኢዮም ካባኺ። ጽንዒ ኢኺ ኣጆኺ፡ ኣብቲ መወዳእታ በዓል መን ክኸሕዱኒ ትርእዪ። እቶም ዝሰዕቡኻ ዝነበሩ። እምበኣር ንስኺ ውን ልእኽቲ ናተይ ስለዝኾንኪ ካብቶም ቀዳሞት ሰዓብትኺ ክኽሕዱኺ ኢዮም፡ መወዳእታ ዓወትኪ ምኺኑ ከኣ ብኸምዚ ኢኺ ትፈልጢ፡ ኣነ ከኣ ነቲ ኣተሓሳሰባኺ ንታሕቲ መሊሰ ዋላ ሓንቲ ከም ዘይትፈልጢ ገበርኩኺ፡
- እቲ ምስ ሰበይቲ መጺኡ 50 ቅርሺ ሞባእ ኢሉ ዝሃበኪ ክትመልስሉ ምስ ከድኪ እንታይ በሉኺ፧ ክልቲኦም ሰንቢዶም። ውላድ ኣይህበናን ዲዩ ድኣ ገንዘብና ዝመልሰልና። ደሓን ኣይትሰንብዱ ሞባእ ኢልኩም ስለዝሃብኩምኒ ኢዩ ምለስሎም ኢሉኒ። ውላድ ግን ይህበኩም ይኸውን። እዛ ገንዘብ ብናይ እግዚኣብሔር ዝተመልሰት ስለዝኾነት ኣብ ትርኣስ ዓራትኩም ግበርዋ በልክዎም፡ በሊ ቅሩብ ኣዋርሕ ጸኒሐ ናይ ውላድ ምልክት ክህቦም’ዶ ኣርእየኪ። እወ ጎይታይ፡ ነቶም ነብሰጾር’ ምኳና ንኽሓቱ ዝለኣኽክዮም ክልተ ሰባት እቶም ውላድ ክደልዩ ዝጸንሑ እንታይ ኢሎም ኣበሰርዎም። በሉ ንስኹም እንዳ ኣተኹም ከለኹም እዛ ድሙ ዘዋሪት ኢያ እሞ። መጺኣ ኣብዚኣ ሓሪሳ። ዓሚ ክትወልድ ከላ እዛ ሰበይተይ ገዓት ግዒታ እንዳ ሃበታ ከላ። እንዳ በኸየት ኣንቲ ኣደይ ማርያም ነዛ ድሙ ውላድ ክትህብ’ስ ንዓይ ከመይ ጌርኪ ትስእንለይ በለት፡ ንስኹም ከኣ ምልክት ናይ ሳባ ሒዝኩም ምስ ኣተኹም። ብሳባ ጌሩ ከም ዝሃበና ክንፈልጥ ኢሉና። እዚ መዓልቲ ጥንሳ ሕጂ እዛ ቡን እንዳ ሰተና ክንጽብጽቦ ጸኒሕና፡ ንሕና ከኣ እታ ሓምሳ ቅርሺ ዝመለሰትልናን ካብታ ቡን እንዳ ቀለወት ከላ ዕምባባ ወጺኣ ዘበሰረትናን ንኽልቲኣን ሒዝና ብተስፋ ጸኒሕና። ከይደንጎና ከኣ ኣብዚ በቓዕና፡ እምበኣር

ዘይበጻሓናዮን ዘይደኸምናዮን የለን። ኣብ ኩሉ በጺሕና ዘፍ ምስ በልና ግን ንሳባ ረኺብና፣ ኢሎም ነቶም ዝለኣኽክዎም ሰባት እቲ ሓቂ ነገር ነጊሮም ኣፈነውዎም፣ በሊ ሳባ ጓለይ እንዳ ኩሉ ገንዘቦም ነብሶምን ደኺሞም ዝገደፍዎ ድኣ እንታይ ኮይኖም እቲ ብጥራዩ። ብዘይገንዘብ ካባይ ብመገድኺ ምስ ረኸቡ ከመስግኑን ክምስክሩን ገዛኺ ዘይመጹ ብኡ ጌሮም ዝጠፍኡ፣ እወ ናብ ሳባ መዓስ ኢና ክንከይድ እንዳ በልና ኢሎም ነቶም ሰባት ምስ ረኣዩ ሰንቢዱ፣

❖ በሊ ሳባ ንስኺ ኣብ ዘይነበርክሉ ገዛኺ ዝመጸት መንእሰይ ጓል ነቲ ንእሽቶ ወድኺ። ሳባ ናበይ ከይዳ ኢላ ምስ ሓተተቶ። የላን ሓፍታ ሓሚማታ ከይዳ በላ፣ ኣብ ገዛኺ መን ከምዘሎ ከየስተውዓለት ከኣ ንናታ ዘይመሓረት ድያ ድኣ ንህዝቢ ክትምሕር ኢላ ኣስተንቲና ተዛረበት። ኣነ እኳ ነዚ ማይ ገዛና ኣምጽእልና ስለዝበሉኒ ኢየ እምበር ከይኣመንክሉ ኢየ ዝወስዶ ዘለኹ። ንሕና እንዳ ጠንቆላይ ኢዩ መዓሊና ዝደለናዮ ከኣ ይገብሩልና፣ ሕጂ ግን ኪዳ እንዳ ጠንቋላይ ክሰልጠክን ኢዩ ኢላ ካብቲ ናተይ መገዲ ኣባረረተን ንሰን ከኣ ናታ ስሚዐን ከዳ፣ በሊ ሳባ ንስኺ ኣይነበርክን ንሳ ግን ሮቡዕ ዝመጸት ንሰንበታ መርዓ ናይ ሓፍታ ኢያ ቆጺራ ነይራ፣ እቲ ማየይ ምሕረት ከምዘለዎ ከይኣመነት ስለ ዘወሰደቶ እቲ መርዓ ተቖጺሩ ዝነበረ ምስ ሓለፈ። ነታ ጎረቤታ ከመይ ሓሊፉ ኢልኪ ምስ ሓተትክያ። ሕማቕ በለትኪ፣ ናባኺ ክመጽእ ንዝደለየ ካብ ገዛኺ ኣትሒዛ እንዳ ኣካፍአት ንገዝኣ ኣተወት። ኣነ ከኣ እቲ ምሕረትን ጥፍኣትን ዘውርድ ስለዝኾንኩ ወዮ መርዓ በረኸት ዘይብሉ ነሓድሕዶም ሕማምን ህኮትን ጌረ ኣውዓልክዎ፣ ብሰንኪ መን ተቐጺያም እንተ በልኪ። ብሰንኪ እታ መዕበይኣ ዝበደላ ጓሎም ንገዛኺ ዝመጸት ኢዩ፣ ገዛኺ ዝመጽእ ወይ ክኸስብ ወይ ክኸስር ኢዩ ዝበልኩኺ ነዚ ከም ዝመጽእ ፈሊጠ ኢየ፣ እቲ ዝኸስብ። ሰናይ ዝገበረ ብዓቢ መኽሰብ ይኸስብ እቲ ዝኸስር ከኣ ወዲቑ ከምዘይትንስእ ይኸስር፣

❖ እቲ ኣብ ነብሳ ተጠቢሑ ዝኣተወ ፈውሲ። ስድረኣ ካብ ጠንቋላይ ኣምጺኦም ኣብ መንኩባ ማሕተም ሰይጣን ዝወቖዑላ። ክትመሓረሎም ኢሎም ዝገበርዎ ኢዩ ነይሩ ግንከ ንሳ እንዳ ኣእወየት ብግዴታ ጠቢሖም ምስ ኣእተዉላ ምስ ደማን ስጋኣን ስለዝተወሃሃደ ዘይወጽእ ሕማምን መከራን ስቓይን ኣውረዱላ፣ ንሳ ግን ለይትን መዓልትን ኣማላኺ ሳባ መሓረኒ እንዳ በለት ነቲ ማይ እንዳ ተሓጸበት ለመነት። ካብ ነብሳ ከኣ ካርቦን ከም ትኪ ኣብኒነ ኣውጻእኩላ፣ ንኽትምስክር ጎያይትትን ሓቀኛን ኢያ ኩሉ እቲ ሓቂ ከኣ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኣርኣየቶ፣ ክወጽኣላ ከሎ'ኸ ከመይ ገይሩኒ ኢላ መስከረትሉ። ኮለል ከብለኒ ውዒሉ ደኺመ ድማ ንገዛይ ኣተኹ፣ ንገዛ ምስ ኣተኹ ከኣ ነብሰይ ኩሉ ምእዛዝ ኣብዩኒ ተደርበኹ። ብኣፈይ ድማ ልዛይ መጸኒ ኣነ ድማ ዝመውት

መሲሉኒ። ኣንታ ኣምላኽ ሳባ መሓረኒ'ባ ምስ በልኩ ብሕልናይ። ቀስ ኢለ ከምታ ሳባ ዝበለትኒ ትእምርተ መስቀል ገበርኩ። ሕሽኒ ሃሰስ እንተ በልኩ ነታ ማይ ረኺበያ፣ ብኸንደይ ሓይሊ ባኞ ከይደ ምስ ተሓጸብኩ ካብ ነብሰይ ጸሎሎ እንዳ ተበጽበጸ ንኹሉ መልአ፣ ድሕሪ ክንደይ ጸርዩለይ ተመሓርኩ ንኹለን መሓዙተይ ኣምጺአ ከኣ ኣርኣኽወን፣ ዝብለል ክዳን ኢኺ ተኸዲንኪ ኢለናኒ ኣነ ግን ንኹሉ እቲ ምስጢር ነገርክወን፣

- ❖ ሳባ ጓለይ ኣብ እሱራት ኣትየ እንተ ሰራሕኩ። ነየናይ እሱር ዘቝቐ ከም ዘውጽእ ክትፈልጢዮ ዘለኪ። ነቲ ገበን ዘይብሉ ኣነ ዝጉህየሉ ኢየ ብመስርሕ ናተይ ጌረ ዘውጽኦ፣
- ❖ እታ ገበን ወዳ ሽፈና ወዳ ከይእሰር ንሳ ውን ከይትእሰር ዝለመነትኪ ሰበይቲ። ካባይ እንታይ ዝብል መልሲ ረኺበት። ንወድኺ ኣብቲ ዝነበሮ ውትህድርና ምለስዮ ብግቡእ ወረቐቱ ክህብዎ ኢዮም ምስ በልክያ። ንሳ ከኣ ነዚ ጸሊአ እንድየ ዓዲ ክቕይረለይ ወደይ ዝልምነኪ ዘለኺ በለትኪ፣ በሊ <u>እግዚኣብሔር'ሲ እቲ ንዓና ዝጥዕመና ኣቐዲሙ ስለዝፈልጦ</u> እንተ ዘይሰዲድክዮ ክእሰር ኢዩ። እንተ ተመሊሱ ግን ክሽብር ኢዩ በልክያ፣ እሞ ሳባ እቲ ቃለይ ሓሊፉ'ዶ ተሪፉ። ከምቲ ቃልካ'ባ ኮነ፣ ዋላ ንሳ እንተ ጸዓረት ካብቲ ዝበልካዮ ኣይሓለፈትን፣ ኩሎም ብስምኪ ጸዊዕና ምስ ለመናዮ ሰሊጡና ይብሉኺ እንታይ ስለዝኾንኩ ኢየ ንሶም ዝደልይዎ ዝገብረሎም ዘለኹ መስለኪ። እንተ ፈሊጠምስ እቲ ዝሰኣንዎ ብመን ከምዝረኽብዎ ፈሊጦም ከኽብሩኺ ኢለ ኢየ ንኹሎም ብስምኪ ዝገብረሎም ዘለኹ፣
- ❖ ሳባ ጓለይ እቲ ካህናት ንህዝቢ ኣኪቦም ዘንበቡልኪ ክንደይ ዓመተ ምህረት ነይሩ። 2006 ዓ/ም፣ ካብ ሽዓ መዓልቲ ካህን መቐየርየይ እንታይ ስለ ዝፍለጥኩ መስለኪ። ልቢ ናይቶም ዘለኽዮም ዓዲ ንመጺኢ ካብ ካህኖም ጀሚርኪ ብዓዶም ከምዘየኽበሩኺ ስለ ዝፈለጥኩ ኢየ ኣቐዲመ ካብቲ ዓዲ ኣውጺአ ካህን ዝቐየርኩልኪ፣ ኣብ 2009 ዓ/ም በቲ ጥዑም ብስራት ናትኪ ሰሚዑ እቲ ናዝራዊ ፈላሲ ንገዛኺ እንዳ መጽአ ከሎ ነቲ ወዲ እቲ ዓዲ ቀሺ ምስ ረኸቦ። እዛ ሳባ'ስ ኣበይ ኢዩ ገዝኣ በሎ። <u>ወዮ ቀሺ ክልተ ሰንበት ብኽብሪ ሰብ ኣኪቡ ነቢይ ተሲኣትልና ከምዘይበለ</u>። ካልኣይ ግዜ ካልኣይ መልሓስ ገይሩ። ሳባ እንታይ ኢልኩማ ንሱኹም ብጫ ተኸዲንኩም በሎም፣ እቲ ፈላሲ ኸኣ ኣርእዩኒ ጥራይ ገዝኣ ምስ በሎ ወዮ ቀሺ ኸኣ እንታይ ጸሊኡልካ ናብኣ ትኸይድ በሎ፣ <u>ኣነ ኸኣ በቲ ኣለኛ መልሓስ ናይቲ ቀሺ ሓዘንኩ</u>፣ በሊ ቀኒኺ ከኣ ድሕሪ ኣርባዕተ ወርሒ ጸኒሕኪ ምስተን ኣጋይሽኪ ናብ ኣስመራ እንዳኸድኪ ከለኺ እቶም ዓዲ እንታይ ከምዝብሉኺ ክትሰምዕዬ ኢለ እየ ምስአን ዘበገስኩኺ፣ እወ ጎይታይ በይነን ኣጋይሽ ጥራይ መሲልወን ግዲ ኮይነን ብናተይ ክጻረፍአን ኢለን ኣብቲ ከባቢ ዝነበራ ነዓይ ምስ ረአያ ግን ተደፋፊአን ንገዛ ኣተዋ፣ ኣነ

ኸአ ከምዛ ዘይፈለጥኩ ኮይነ መዓልክን በልክወን፣ ኣርሒቕና ምስ ከድና ከኣ እቶ እቶ ኾይኑ ንገዛ ይኣትዉ ስለዝነበሩ ካብዞም ኩሎም ህዝቢ ዓቕሉ ዝጸበቦ ቀሺ እንዳ ጠንቋሊት እየን ጸኒሐን በሉ፣ በሊ ሳባ ጓለይ ናይቶም ህዝቢ ኣብቲ ዓዲ ዘሎ ሰይጣን ማዕረ ናተይ ስለ ዝጎዱ። ነታ ኣነ ማርያም እየ ትብል ዘላ ኣብ ጽሑፍኪ ምስ ኣተወት። ልእኽቲ ሰይጣን ምዃና ምስ ኣፍለጠት ጎስጕሳ ብዓዶም ኣውጺኣቶም። ንኹሎም ከኣ ንሓድሕዶም ሓዊ የእተወትሎም፣ ሰይጣን ይባእስ እምበር ፍቕሪ ከምዘይብሉስ ይፍለጥዎ፣ ኣነ ዘጉህየኒ ግን ናይቶም ካህናት ነቢይ ኢሎም ድሕሪ ዓመት ጸኒሖም ቃሎም ቀይሮም ጠንቋሊት ምባሎም እዩ፣ ካብ ማዓስ ደኣ ጠንቋሊት ተቐይርኪ። እቲ ኣነ ዝሓለፍኩዎ ንኽትሓልፊ። ወዮ ማይ መድሂን ኣለም እንዳበልኪ ትህብዮ ዘለኺ። መሸቀጢ ጌራቶ እንተበላኺ ከምቲ ናትኪ ጌረን ብትንፋሰን ኣንተሃባ ስለዘይሰርሓለን ብዙሕ ኣይትገደስለን ኢኺ፣ እቲ ፍረ ናትኪ ንዓኸን ንደቅኸን ንውሉድ መሎዶን ንዘርእኸን እዩ፣ እቲ ውርደት ንዓኺ እንተኣንዝነባልኪ እቲ ምሕረት ካብኺ ይረኽብኦ። ስለዝኾነ ከኣ እቲ ዲጋ ምእንታኺ ኢለ ምስ መላእክዎ ነብሰንን ከብተንን ኣይተጠቕማን'ዶ ይመስለኪ፣ ንማእከል ዓዲ ኣይትእተዉ መበልየይ "በላ ጥሒስክናና ትኸዳስ ኣለኽን እቲ ትህበክን ማይ ሒዝክንኦ ምጽኣ ከነዕርፈክን" እንዳበላ ክሕጭጫ ስለ ዝውዕላ ኢየ ጋሻኺ ንማእከል ዓዲ ከይተእትዊ ዝበልኩኺ፣

❖ "በል እግዚኣብሔር ነዛ ሃገርና ጠሚትካያ ኢኻ ዘለኻ ሕድገት ግበረልና ጽላል ዘውድኻ ኣይትፈለየና። መንእሰያት ሃገርና የዕቁበልና ተለመን በጃኻ" "ግደፊ እባ ኣይትለምንኒ ዝበልክዎም እንተዘይገይሮም። ኣነ ጨካን ኣውያት ዘየደንግጸኒ መሪርን ከቢድን ዘውርደሎም ኢየ፣ ንዓይ ዝረኸበኒ። ፍቓደይ ዝሰምዕ ብመገደይ ዝኸይድ ፍርሓተይ ዘለዎ ኢዩ፣ ተማሂሩ ብርእሱ ፍልጠት ሒዙ ዝኸይድ ልዕለይ ዝኸውን ኣይናተይን ኢዩ፣ ቤተክርስትያን ዘየድልየኒ እንተኾይኑስ ኣነ ኣብ ቤተክርስትያን ከምዝርከብ ፈሊጦም ከመይ ጌሮም ኣብ ሳልሳይ ወራር ኩሉ ቤተክርስትያን ክፈትዎ። ኩሉ ህዝቢ ናብ እግዚኣብሔር ይኺድ ይለምን ዝበሉ። ንስኺ ለይቲ ኣብ ቤተክርስትያን ከተእውዪ ምስ ሰማዕኩኺ። ሳባ ድምጺ ኣውያትኪ ይሰምዕ ኣለኹ ዓቕሊ ኣይተጽብቢ ምእንታኺ ኢለ ክመልሶም ኢየ ኣጆኺ፣ ደቅኺ ኣክብዮም ምስ በልኩኺ ነቶም ሽሾ ሰራዊት መጥፍኢኦም መሃዝኩሎም ጠፍኦ ከኣ፣ ነዚ ኩሉ ሓቂ እንዳፈለጡ እንተሸፈንዎ ንርእሶም በደሉ እምበር ኤርትራስ ምዓታ ተወዲኡላ እዩ ነይሩ ተዛዚሙ፣ እዚ ኩሉ ትረኽቦ ዘላ ብሰንኪ እዛ ርስተይ ቤተክርስትያነይ ዘይምስራሕ ኢዩ። እምበር ቀሲኖም ምነበሩ ኔሮም ባዕሎም ዘምጽእዎ መቕጻዕቲ ኢዩ፣ ክጽበዮም ኢለ ኢየ እምበር ግዝይኣን መዓልታን

ሓልያ ክትስራሕ ምኺና ክትፈልጢ ኣለኪ፡ ተጸብየ ክሰርሖ ከለኹ ግን ንሶም ከምዘይህልዉ ክፈልጡ ኣለዎም፡ ቃለይ ካብ ዝሓልፍ ሰማይን ምድርን ተጠቒሊሉ ክሓልፍ ይቐልል፡" እዞም ጎዶሎ እምነት መልሶም ኣብ ክንዲ በደልና ግደፈልና ምባል ሓጢኣትና ኢዩ በዚሑዎ ክብሉ ከለው ብከቢድ ይሓዝን፡

በል ህዝበይ ቁጠዐ እብዚኣብሔር ንፈልጦ ኢና። ኣይኮነን ብሓንቲ ሰዓት ኣብ ሓንቲ ካልኢት እኳ ትኹን እንታይ ከምዝወርድ ዘሎ ስለንፈልጥ ዝብልና ክንእዘዝን ክነኽብርን ድልዋት ክንከውን ኣለና መታን ንዓና ክሕሽናን ኣሜን፡

ኣንቱም ህዝቢ ኤርትራ ዓይንኹም ዝረኣየቶ እዝንኹም ዝሰምዓቶ ስጋኹም ዝሓለፈቶ ብሓጎስን ብዕልልታን ሰማይ እኳ ምተኸፍተ ነይሩ ዘይከኣል ኮይኑ እምበር፡ ኣይኮነን ኤርትራውያን ዓለማት እኳ ገሪሙወን ተጨኒቐን ነይረን፡ ከመይ ገይርኩም ነዚ ምእማን ትሰእንዎ እታ መዓልቲ እቲኣ ናጽነት ኢልኩም ሰሚኹማ ካብ ሰብ'ከ ነዛ መዕልቲ እዚኣ ክፍጽምን ክዛዝምን መን ይከኣሎ፧ እምበርኣርከስ ስምዑ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ናይ ነገስታት ንጉስ ኢዩ ክፍጽሞ ክኢሉ፡ ኣነ ድኣ መን ኮይነ እንዳ ተዛረብኩ ክፍጽም ክኢለ፡ ሓንቲ ዘይትረብሕ ሰብ ኢየ፡ ብናይ ዓለም ትምህርቲ ተማራሚረ ዘይፈልጥ ሰብ ኢየ፡ ብናይ መጽሓፍ ቅዱስ ውን ፍልጠት የብለይን ናብራ ገዛይ ጥራይ ኢየ ዘካይድ፡

እምበኣርከስ ህይወት ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ሒዛቶ ዘላ እዛ ካልኣይ መደበር ፖሊስ (ካርሸሊ) ቤት ማእሰርቲ ኢያ፡ ሃይማኖት። ዓሌት ከይፈለየት ሰላምን ቅሳነትን ከምኡ ውን ምሕንጻጽ ዶብ ከተምጽእ እትኽእል እዛ ቤት ማእሰርቲ ቤት ክርስትያን እንዳ መድሓኒኣለም ምስ ትስራሕ ኢያ፡ ከመይ ገይራ እንተበልኩም በቲ መዓልቲ ናጽነት ቃል ኪዳን እተውለደ ነዚኣ ዓባይ ቤተመቕደስ እንዳ መድሓኒኣለም ግበርዋ ክትብልዮም ኢሉኒ፡ በወገነይ ሕራይ ምስ በልክዎ ኣዝዩ ኣደናቒን ተኣምራትን ሰብ ክገብሮ ዘይክእል ገበሮ፡ ክነግር ኢለ ከኣ ኣርባዕተ ኣቡን በጻሕኩ፡ ንገሊኦም ብጽሑፍ ንገሊኦም ድማ ብኣካል ረኺበ ኣዘራሪበዮም፡ ንገሊኦም በቲ ብርቱዕ ጻዕሪ ኣካላተይ ምስ ደኸምኩ ተጸይረ ከለኹ ረኺበዮም፡ ካብዞም ኩሎም ግን ተገዲሱ ዝሓተንን ዝጽወዓንን ኣይረኸብኩን፡ ንፐረሲደንት ከኣ ብጻዕሪ ደኺመ ከሎኹ ሓንሳብ ምስ ረኸብኩዎም። ምስ ሓረስኪ ምስ በሉኒ ብድሕሪኡ ከኣ ብሰንኪ ጸሓፊቶምን ዘመዶምን ከምኡ ውን እቶም ከራኽቡኒ ይኽእሉ ኢዮም ዝብሎም ዝነበርኩ ሰባት ውን ክኣምኑ ብዘይምኽኣሎም እኳ ደኣ እንዳ ሓጨጩ "ስለምንታይ ደኣ ባዕሉ ዘየእትወኪ ንጉስ እንድዩ ባዕሉ ዘይረኽቦ" እንዳበሉ ክረኽቦ ኣይከኣልኩን፡ ኣነ ከኣ ናብ ከቢድ ጻዕሪ ሕርሲ ክበጽሕ ዝኽኣልኩ በቲ መሪር ቃላት ናይ ሰብ። እምቢ ኣይከይድን ኢየ። ትገብር ግበረኒ ክብሎ ከለኹ በቲ ዘይከኣል ጻዕሪ ክትጸዓሪ ኢኺ ኢሉኒ፡ ኣነ ውን ይሓብረኒ ወይ ይፍረደኒ እምበር ኣነስ ገጾም ኣይርእን ኢየ ኢለ ምስ ኣበኹ። ኣብ ሰለስተ ቆልዑ በብናቶም ታሪኽ ዝሓዙ ብጻዕሪ ተገላገልኩ፡ ክጻዓር ከለኹ

እንትርፎ ስድራይን በዓል ቃል ኪዳነይን ምሳይ ዝበኸየን ኮለል ዝበለን ኣይነበረን፡ ሰብሲ ጀሚሩዋ ከኣ ከምኡ ኢዩ ዝገብራ እንዳ በለ ይምከሓለይ ነበረ፡ ሕጂ ከኣ ሰብ ብዝኾነ መገዲ ክሓተኒ ኣይደልን ኢየ። <u>መልኣኽተይን ልኡኽይን ዛዚመ ኢየ፡</u>

## ካብ ዘመን ቆልዓ ሸውዓተ ዓመት ኣትሒዘ ክሳብ 43 ዓመት ዕድመይ ንእግዚኣብሔር ተላኣኽኩ፡

ክቡር ፕረሲደንት ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ህይወተይን ኣብ ናብራይን ብዙሕ ተኣምራት ኢዩ ተፈጺሙ፡ ኣነ ምስ ንብዓት ዓይነይ ሰንፈላል ኮይነ ይነብር ኣለኹ፡ ሕጂ ከኣ እንታይ ኢዩ ክገብረኒ እንዳበልኩ ቀሲነ ክድቅስ ኣይከኣልኩን፡ እቲ ኣነ ዝረኣኽዎ ስለ ዝፍጸም ሕጂ'ሽ ንህዝቢ እንታይ ክወርድ ኢዩ እንዳ በልኩ ድቃስ ስኢነ ኣለኹ፡ እሞ እዚ ጽሑፍ ጽሒፈዮ ዘለኹ ካብ ግዜ ቁልዕነተይ ጀሚሩ ዝተራእየኒ ራኢይ ብኣምላኽ ስለዝኾነ ብሸለልትነት ክሓልፎ ኣይደለኹን፡ ነዚ ኩሉ ዝብሎ ዘለኹ ዝተተግበረን ዝትግበረን ራኢይታት ንሰብ ካብ ምንጋር ዓዲ ኣይወዓልኩን፡ ነዚ ፍጻመታት እዚ ብዓይኖም ይኹን ብእዝኖም ብተግባር ዝፈልጡ ሰባት ኣለው፡ ክሳብ ሕጂ ውን ኣብ ሞንጎና ኣለው፡ ነዞም ብእዝኖም ሰሚዖም ብዓይኖም ርእዮም ተኣምር ዝኾኖም ሰባት ረኺብኩም ከተረጋግጹ ትኽእሉ ኢኹም፡ ደጊመ ድጋጊመ ዝነግር ዘለኹ ቁምነገር ዝሓዘለ ስለዝኾነ ኢዩ፡ ስለዚ ዝያዳ ኣድህቦ ጌርኩም ነዚ ጽሑፈይ ርኢኹም ክትመምይዎ መሚኹም ድማ ዝያዳ ብኣካል ክተዘራርቡኒ ብትሕትና እሓትት፡
ሰለስተ ቆልዑተጻዒረ ከለኹ ኣብ ኣፍደገ ቤትጽሕፈትኩም ይኹን ገዛኹም መጺአ ግን ክረኽበኩም ኣይከኣልኩን ብጽሑፍ ጌረ ውን ንጸሓፊትኩም ኣብ ገዛኣ ተጸይረ ምስ ወላዲተይ ከይደያ ግን ኣይደንገጽትለይን፡

## ስለዚ ክቡር ፕረሲደንት ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ቀልጢፍኩም ንክትረኽቡኒ ብትሕትና እሓትት፡

ሳባ እቲ ብሕልምኺ በርበረ ዝለኸየትኪ ሰበይቲ። እሞ እቲ በርበረ ኣብ ገጽኪ ምስ ተለኸኽዮ ዋላ ሓንቲ ዘይተሰመዓኪ እዚ በርበረስ ኣብ ነብሰይ ተለኺየዮ ከለኹስ እንታይ ኮይኑ ደኣ ዘይመረረኒ በልኪ፡ እቲ ዝተረፈ በርበረ ፈውሲ ኢልኪ ሃብዮም በለትኪ፡ እቲ ሕልሚ ግን ግሁድ ሕልሚ ኮነ ንጽባሒቱ ንሳ እታ ዝረኣኽያ ሰበይቲ ፈውሲ ገይራ እንኪ ስተይዮ በለትኪ። ንስኺ ከኣ ነቲ ሕልሚ ንኽፍጸም ሰተኽዮ፡ ከምቲ ኣብቲ ሕልሚኺ ተለኺኽዮ ዘይሰርሐ። ሰቲኽዮ ውን ክሰርሕ ኣይከኣለን፡ እቲ ክፉእ ተግባራታስ ኣብ ነብሳ ደኣ ተመልሳ፡

## ስለዚ ክቡር ፕረሲደንት ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ቀልጢፍኩም ንኽትረኽቡኒ ብትሕትና እሓትት፡

ሳባ እቲ ብሕልምኺ በርበረ ዝለኸየትኪ ሰበይቲ። እሞ እቲ በርበረ ኣብ ገጽኪ ምስ ተለኸኸዮ ዋላ ሓንቲ ዘይተሰመዓኪ እዚ በርበረስ ኣብ ነብሰይ ተለኽየዮ ከለኹስ እንታይ ኮይኑ ደኣ ዘይመረረኒ በልኪ፡ እቲ ዝተረፈ በርበረ ፈውሲ ኢልኪ ሃብዮም በለትኪ፡ እቲ ሕልሚ ግን ግሁድ ሕልሚ ኮነ ንጽባሒቱ ንሳ እታ ዝረኣኽያ ሰበይቲ ፈውሲ ገይራ እንኪ ስተይዮ በለትኪ። ንስኺ ከኣ ነቲ ሕልሚ ንኽፍጸም ሰተኽዮ፡ ከምቲ ኣብቲ ሕልሚኺ ተለኺኽዮ ዘይሰርሐ። ሰቲኽዮ ውን ክሰርሕ ኣይከኣለን፡ እቲ ክፉእ ተግባራታስ ኣብ ነብሳ ደኣ ተመልሳ፡-


## ስለዚ ክቡር ፕረሲደንት ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ቀልጢፍኩም ንኽትረኽቡኒ ብትሕትና እሓትት፡

ሳባ እቲ ብሕልምኺ በርበረ ዝለኸየትኪ ሰበይቲ። እሞ እቲ በርበረ ኣብ ገጽኪ ምስ ተለኸኸዮ ዋላ ሓንቲ ዘይተሰመዓኪ እዚ በርበረስ ኣብ ነብሰይ ተለኽየዮ ከለኹስ እንታይ ኮይኑ ደኣ ዘይመረረኒ በልኪ፡ እቲ ዝተረፈ በርበረ ፈውሲ ኢልኪ ሃብዮም በለትኪ፡ እቲ ሕልሚ ግን ግሁድ ሕልሚ ኮነ ንጽባሒቱ ንሳ እታ ዝረኣኽያ ሰበይቲ ፈውሲ ገይራ እንኪ ስተይዮ በለትኪ። ንስኺ ከኣ ነቲ ሕልሚ ንኽፍጸም ሰተኽዮ፡ ከምቲ ኣብቲ ሕልሚኺ ተለኺኽዮ ዘይሰርሐ። ሰቲኽዮ ውን ክሰርሕ ኣይከኣለን፡ እቲ ክፉእ ተግባራታስ ኣብ ነብሳ ደኣ ተመልሳ::



Layout: by Sosit 1998

Printed in Eritrea by @2008